
# ትግርኛ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 6ይ ክፍሊ




ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ




# ተምሃሮ መፅሓፍ ብጥንቃቐ ሓዙ፡፡

እዚ መፅሓፍ ንብረት ቤት ትምህርትኹም እዩ፡፡
ክበላሸውን ክጠፍእን የብሉን፤ ተኸናኸኑዎ፡፡
መፅሓፍ ብጥንቃቐ ንምሓዝ እዞም ዝስዕቡ ዓሰርተ መምርሒታት ተግባራዊ ግበሩ፡፡

1. መፅሓፍ ብላስቲክ፣ ብዝፀንሐ ጋዜጣ ወይ መፅሄት ሸፍኑዎ፡፡
2. መፅሓፍ ኩሉግዘ ኣብ ፅሩይን ደረቕን ቦታ ኣቕምጡዎ፡፡
3. መፅሓፍ እንትትሕዙ ኢድኩም ፅሩይን ምኺኑ ኣረጋግፁ፡፡
4. ኣብ ሽፋን መፅሓፍ ይኹን ውሽጣዊ ገፃት ኣይትፅሓፉ፡፡
5. ኣብ መንጎ ገፃት ምልክት ንምግባር ቁራፅ ወረቐት ወይ ካርድ ተጠቐሙ፡፡
6. ዝኾነ ይኹን ስእሊ ወይ ገፅ ፈፂሙ ክቕደድን ክበላሸውን የብሉን፡፡
7. ዝተቐደዱ ገፃት ብመጣበቒ ኣዐርዩዎም፡፡
8. መፅሓፍኩም ናብ ቦርሳኹም እንትተእትዉ ብጥንቓቐ ኣእትዉዎ፡፡
9. መፅሓፍ ንኻሊእ ሰብ እንትትህቡ ይኹን እንትትቕበሉ ተጠንቂቕኩም ሓዙ፡፡
10. ሓዱሽ መፅሓፍ ንፈለማ እዋን እንትትጥቀሙ ናይቲ መፅሓፍ ሽፋን ይኹን ውሽጣዊ ገፃት ከይግንፀሉ ነቲ መፅሓፍ ብድሕሪቱ ኣገዲምኩም ኣቐምጡ፡፡ መፅሓፍ እንትትግንፅሉ በብቁሩብ ገፅ ቀስ እናበልኩም ብኽልተ ኢድኩም ሒዝኩም ገንፅሉ፡፡

# ትግርኛ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 6ይ ክፍሊ


***ጉጅለ መዳለውቲ***

ሃይላይ ገብረዮሃንስ

ትርሓስ መዝገበ

ሰላማዊት ማርሴ

***ጉጅለ መተሓባበሪ***

ኣሰፋ በላይ ኣውሳ

መኮነን መሓመድ ስዒድ

***ምርግጋፅ ፅርየት***

ኣባተ ካሳሁን

***ምውዳድ መፅሓፍ***

መውጫ ኣምሃ



ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ.

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ

እዚ መፅሓፍ ብዓለም ለኸ ትካል ልምዓት ኣሜሪካ (United States Agency for International Development (USAID)) ኣቢሉ ካብ መንግስትን ህዝብን ኣሜሪካ ብዝተረኸበ ገንዘባውን ቴክኒካውን ሓገዝ፣ ብሚኒስቴር ትምህርቲ፣ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን ፕሮጀክት READ TAን ተዳሊዉ። ወፃኢ ሕትመት ድማ ብፕሮግራም ምርግጋፅ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ II (General Education Quality Improvement Program GEQIP II) ተሸፊኑ።

© 2007 ዓ.ም. ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴሪኢን ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን

ISBN: 978-99944-2-511-2

# ሰደቓ ትሕዝቶ


| ኣርእስቲ | | ገፅ |
|---|---|---|
| መእተዊ | | i |

## 1ይ መንፈቕ ዓመት

| | | |
|---|---|---|
| ምዕራፍ ሓደ | ባህላዊ ኣልባሳት | 1 |
| ምዕራፍ ክልተ | ውሩያት ኣትሌታት | 25 |
| ምዕራፍ ሰለስተ | ቃላዊ ግጥምታት | 47 |
| ምዕራፍ ኣርባዕተ | ቀኑልዕነት | 71 |
| ምዕራፍ ሓሙሽተ | ቱሪዝም | 93 |

## 2ይ መንፈቕ ዓመት

| | | |
|---|---|---|
| ምዕራፍ ሽዱሽተ | ተፈተውቲ ዛንታታት | 117 |
| ምዕራፍ ሸውዓተ | ኤችኣይቪ ኤድስ ኣብ ኢትዮጵያ | 137 |
| ምዕራፍ ሸሞንተ | ባህላዊ ልምድታት | 159 |
| ምዕራፍ ትሽዓተ | ምብቃዕ ኣንስትዮ | 181 |
| ምዕራፍ ዓሰርተ | ተዋስኦ | 199 |
| ማህደረ ቃላት | | 223 |
| ዝርዝር ሓገዝቲ ፅሑፋት | | 227 |

## መእተዊ

እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣካል እቲ ዝተመሓየሸ መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ እዩ። እዚ መፅሓፍ፣ ንተምሃሮ 6ይ ክፍሊ ብቋንቋ ትግርኛ፣ ንምድማፅ፣ ንምዝራብ፣ ንምንባብን ንምፅሓፍን ዘኽእሎም ዓቕሚ ብዝፈጥሩሉን ብዘጕልብቱሉን መንገዲ ተዳሊዉ ኣሎ። ብምኽንያት ኣብ ትምህርቲ ክእለታት ንባብን ፅሕፈትን ከመይ ክመሃሩ ከምዘለዎም ውፅኢት መፅናዕቲ መሰረት ገይሩ ዝተሰናደአ ስለዝኾነ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ተምሃሮ ትምህርቶም ብዝግባእ ንኽከታተሉን በብእዋኑ ምዕባለ ንኽርእዩን ይሕግዝ።

ኣብ ክፍሊ ዝቐርቡ ንጥፈታት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ተምሃሮ ከለዓዕሉ ብዝኽእሉሉ ኣገባብ ተዳሊዎም እዮም። እዚ መፅሓፍ መሃዝነት ተምሃሮ ብምልዕዓል ብትግሃት ክመሃሩ ዝኽእሉሎም መንገድታት ምምሃር ብዘይ ደረት ዝቕፅሉሉ ኣንፈት ብምንፃር ተዳሊዉ ኣሎ።

እዚ መፅሓፍ ዝርዝር ትሕዝቶን ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ኣካቲቱ ዝቐረበ እዩ። ትሕዝቶ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ 6ይ ክፍሊ እንታይ ከምዝመስል ዝተማለአ ሓበሬታ ይህብ። በዚ ድማ ኣብ ክፍሊ ንዝቐርብ ትምህርቲ፣ ቤተሰብን ተምሃሮን ብሓባር ኣብ ገዛ ክቕፅሉሉን ከጎልብቱዎን ባይታ ይፈጥር።

### መሰረተ ሓሳብ እዚ መፅሓፍ

1. ተምሃሮ ኣብ ህይወቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ ዛዕባታትን ርእስታትን ይመሃሩ። (ሕድሕድ ምዕራፍ ርእሱ ዝኽኣለ ዛዕባ ዘለዎ ኾይኑ፤ ነፍሲ ወከፍ ዛዕባ ዝተፈላለዩ ርእስታት ኣለዉዎ።)

2. ኣብቶም ዛዕባታትን ርእስታትን ዘድሀቡ ፅሑፋት የዳምፁ፣ የንብቡ፤ ብዛዕበኦም ድማ ይዛረቡን ይፅሕፉን።

3. ሕድሕድ ባእታ ትምህርቲ ቋንቋ ምስቶም ዛዕባታት፣ ርእስታትን ፅሑፋትን ዝተኣሳሰረ እዩ። ተምሃሮ ኣብ ምድማፅ፣ ዝርርብ፣ ንባብን ፅሕፈትን ተግባራዊ ልምምድ ክገብሩ ዘኽእሉ ብዙሓት ንጥፈታት ኣለዉ። በዚ ድማ ተምሃሮ ኩሎም ተግባራት ብዘይ ፀገምን ብቕልጡፍን ክትግብሩዎም ይኽእሉ። ሓሳቦም ብትኽክል፣ ብዝግባእን ብንፁርን ክገልፁ የኽእሎም።

4. እዚ መፅሓፍ፣ ተምሃሮ ብውልቆም ክመሃሩ ጥራይ ዝተዳለወ እንተይኮነስ፤ ምስ ካልኦት ተምሃሮ ብፅምድን ብጉጅለን እናተሓባበሩ ክመሃሩ እውን እዩ።

5. ተምሃሮ እንተዳምፁን እንተንብቡን ቃላት ይመሃሩ። በዚ ድማ ነቶም ቃላት ብግቡእ ይጥቀሙሎም። ቃላት እንትጥቀሙ ኣብ ትግርኛ ዝህሉዎም ዓቕሚ እናዓበየ ይኸይድ።

### ውደባ ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ

ኣብዚ መፅሓፍ ዘለዉ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ብምዕራፋት ዝተኸፋፈሉ እዮም። በብምዕራፉ ዝርከብ ሕድሕድ ትምህርቲ ብምልላይ ጀሚሩ ኣብተን ቀፀልቲ ሰሙናት ክለማመዱን ክጥቀሙን ይገብር። ሕድሕድ ምዕራፍ ኣብ ሰለስተ ሰሙን ዝቐርቡ ነናይ ባዕሉ ዛዕባታት ትምህርቲ ኣለዉዎ። ሕድሕድ ዛዕባ ሰሰለስተ ዝተፈላለዩ ርእስታት፣ ሰለስተ ፅሑፋት ምንባብን ሓደ ፅሑፍ ምድማፅን ኣለዉዎ። እቶም

ዛዕባታትን ርእስታትን ምድማፅ፣ ዝርርብ፣ ንባብን ፅሕፈትን ንምምሃር መሰረት እዮም። ነዞም ኣርባዕተ ክእለታት ዘጠናኽሩ ከም ትንታነ ቃላትን ሰዋስውን ዝበሉ ሓገዝቲ ባእታታት ኣለዉ። ብመሰረት ውደባ ትምህርቲ እዚ መፅሓፍ እዞም ባእታታት ብኽደም ሰዓብ ተገሊፆም ኣለዉ።

## ትንታነ ቃላት

ዕላማ ትምህርቲ ትንታነ ቃላት ዕፈት ንባብ ንምስላጥ እዩ። ኣብዚ ክፋል ተምሃሮ ነዋሕትን ዘይዝውቱራትን ቃላት ብምእላድን ብቐለምን እናነፀሉን እናጠመሩን ብቐሊሉ ከንብቡዎም ይሕግዝ።

## ኣንቢብካ ምርዳእ

ተምሃሮ ነቶም ምንባባት ክግንዘቡ ዘኽእሎም ዓቕሚ ዘማዕብሉሉን በዚ ድማ ኣብ ቃላውን ፅሑፋውን ንጥፈታት ክሳተፉ ዘኽእሎም ባይታ ዝረኽቡሉን እዩ። ኣብ ኣንቢብካ ምርዳእ ተምሃሮ እዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ብውነ ይትግብሩ።

- እቲ ፅሑፍ ዘማእኽሎም ዛዕባታትን ርእስታትን ይዛረቡ፤
- ፅሑፍ ቅድሚ ምንባቦም ብዛዕባ ዘንብቡዎ ትሕዝቶ ፅሑፍ ይግምቱ፤ ሕሉፍ ፍልጠቶም ይዛረቡ፤
- ተምሃሮ ካብ ሕድሕድ ፅሑፍ፣ ምሩፃት ቃላት ይመሃሩ፤ ብዛዕባ እቶም ቃላት ሓሳቦም ይገልፁ፤
- እናንበቡ ይግምቱን ይምልሱን፣
- ብዛዕባ ዘንበቡዎ ፅሑፍ ይዘራረቡ፤
- ብዛዕባ እቲ ፅሑፍ፣ ዝተረደኦም ይፅሕፉ፤
- ሓሳባት ብቓል የቕርቡ፤
- ኣብ ታሪኽ፣ ግጥሚ ወይ ድራማ ምስቲ ዛዕባ ወይ ርእሲ ዝኸዱ ካልኦት ትሕዝቶታትን ተዋስኣዊ ኣቀራርባን የርእዩ፤
- ንቕርፂ ወይ ዓይነት ዝቐረበሎም ምንባብ መሰረት ገይሮም ናይ ባዕሎም ይፅሕፉ።

## ቃላት

ኣብዚ ባእታ፣ ተምሃሮ ካብ ዘዳመፁዎ ወይ ዘንበቡዎ ፅሑፍ ቃላት ይመሃሩን ይጥቀሙን። ተምሃሮ ኣብዚ ትሕዝቶ፣

- ፍታሕ ቃላት ይመሃሩ፤
- ኣጠቓቕማ ቃላት ይመሃሩ፤
- ነቶም ቃላት ኣብ ክፍልን ካብ ክፍሊ ወፃእን (ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ማሕበረሰብ) ኣብ ዝርርብን ፅሕፈትን ይጥቀሙሎም።

## ፅሕፈት

ተምሃሮ ኣብዚ ክእለት ብመሰረት ዝዳመፁዎምን ዝንበቡዎምን ዛዕባታትን ርእስታትን ብውልቀ ኮነ ብጉጅለ ይፅሕፉ። ተምሃሮ ክነጥፉሎም ካብ ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም።

- ከም መዘንተዊ፣ ሓባሪ፣ ገላፂ፣ ኣወዳዳርን ኣነፃፃርን ዝበሉ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ይፅሕፉ፤
- ብዛዕባ ዝቐረበሎም ዛዕባ ሓሳባት የተኣኻኽቡ፤ ረቂቕ ፅሑፍ የዳልዉ፤ ኣፅፊፎም ውዱእ ፅሑፍ የዳልዉ፤
- ቃላት ብግቡእ ይፅሕፉ፤ ስርዓተ ነጥቢ ብግቡእ ይጥቀሙ።

## ንባብ ፅፈት

ኣብዚ ባእታ ተምሃሮ ዝቐረበሎም ፅሑፍ ብምልከት፣ ብናህርን ብግቡእ ኣገላልፃን የንብቡ። ኣብዚ ብርኪ ብደቒቓ 110 ቃላት ከንብቡ ኣለዎም።

## ኣዳሚፅካ ምርዳእ

ተምሃሮ ኣብ ዝቐርበሎም ትሕዝቶ ምድማፅ ትኹረት ክገብሩን ነቲ ዘዳምፁዎ ትሕዝቶ ክግንዘቡን ዘኽእሎም ዓቕሚ ዘጥርዩሉ እዩ። በዚ ድማ ኣብ ቃላውን ፅሑፋውን ንጥፈታት ይሳተፉ። ኣብዚ ባእታ፣ ተምሃሮ ኣብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ይነጥፉ።

- ትሕዝቶ ምድማፅ ዘማእኽሎም ዛዕባታትን ርእስታትን ይዛረቡ፤
- ቅድሚ ምድማፆም ትሕዝቶ ዝንበብ ፅሑፍ ይግምቱ፤ ቅዱም ፍልጠቶም ይዛረቡ፤
- ካብ ሕድሕድ ትሕዝቶ ምድማፅ፣ ትሕዝቶኣዊ ቃላት ይመሃሩ፤ ብዛዕባ እቶም ቃላት ሓሳቦም ይገልፁ፤
- እናዳመፁ ይግምቱን ይምልሱን፣
- ብዛዕባ ትሕዝቶ ምድማፅ ይዘራረቡ፤
- ብዛዕባ ትሕዝቶ ምድማፅ ዝተረደኦም ይፅሕፉ፤
- ሓሳባት ብቓል የቕርቡ፤
- ኣብ ታሪኽ፣ ግጥሚ ወይ ድራማ ምስቲ ዛዕባ ወይ ርእሲ ዝኸዱ ካልኦት ትሕዝቶታትን ተዋስኣዊ ኣቀራርባታትን የርእዩ፤
- ንቕርፂ ወይ ዓይነት ዝቐረበሎም ትሕዝቶ ምድማፅ መሰረት ገይሮም ናይ ባዕሎም ይፅሕፉ።

## ሰዋስው

ኣብዚ ባእታ፣ ተምሃሮ ክፍልታት ሰዋስው እቲ ቋንቋ ይመሃሩን ይጥቀሙን፤ (ኣብነት፦ ረባሕታ ቃላት፣ ክፍልታት ቃል፣ ስም፣ ቅፅል፣ ተወሳከ ግስ ዝበሉ ህልዊ፣ ሕሉፍ ግዘ

ግስ፣ ነፀላ ወይ ሕውስዋስ ምሉእ ሓሳባት ወዘተ. ይመሃሩን ይጥቀሙን።)

## ግደ ወለዲ

እዚ መፅሓፍ፣ ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ዝተምሃሩዎ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ምስ ቤተሰብ ኮይኖም ከይዲ ትምህርቲ ንኽቕፅልሉ የኽእል። ቤተሰብ፣ ምስ ደቆም ክሰርሑዎም ዝኽእሉ ተግባራት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ሰሙናዊ ወይ ዕለታዊ ትሕዝቶ፣ ዛዕባን ርእስን እንታይ ምዃኑ ንደቆም ይሓቱ።
2. ኣብ ክፍሊ ዝተነበበ ፅሑፍ ምስ ደቆም ብሓባር ወይ በብተራ ግደ እናተለዋወጡ የንብቡ።
3. ዝስዕቡ ሕቶታት እናሓተቱ፣ ብዛዕባ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ፅሑፋት የዋግዑ።
    - እዚ ፅሑፍ ብዛዕባ እንታይ ይዝትይ?
    - እንታይ ዓይነት ርእሲ ወይ ንኡሳት ርእስታት ኣለዉዎ?
    - እዚ ፅሑፍ ወይ ዛዕባ እንታይ የምህር?
    - ኣብቲ ዛዕባ ዘይተበሃለ እንታይ ኣሎ? ሰባት እንታይ ይብሉ? ኣብ ዜና፣ ኣብ ካልእ ቦታ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እንታይ ይበሃል?
    - ብዛዕባ እዚ ርእሲ እንታይ ሓሳብ ኣሎ? ኣቀራርባን መርግፅን እቲ ፀሓፊ ከመይ ትርእዩዎ?
    - ብዛዕባ እዚ ርእሲ ካልእ ክንፈልጦ እንደልይ እንታይ ኣሎ?
    - እዚ ብምንባብና ክንገብሮ እንኽእል ነገር እንታይ ኣሎ?
4. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እናሓተቱ፣ ኣብቲ ፅሑፍ ብዛዕባ ዝረኣዩዎም ኣገደስቲ ቃላት ይዘራረቡ።

    እዚ ቃል እንታይ ማለት እዩ?

    እቲ ፅሑፍ ንምርዳእ ዶ ይሕግዝ?

    ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዶ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ?


    ኣብ ዕለታዊ ምንቀስቓስ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
5. ተመሳሳሊ ዛዕባ ወይ ርእሲ ዝሓዙ ካልኦት ፅሑፋት ወይ ታሪኻት ካብ ጋዜጣ፣ መፅሄት ወይ መፃሕፍቲ የንብቡ።
6. በይኖም እናንበቡ ብዛዕባ ዘንበቡዎ ምስ ደቆም ይዛተዩ።
7. ተምሃሮ ንምሕጋዝ ብዛዕባ እቲ ርእሰ ጉዳይ ወይ ርእሲ እቲ ፅሑፍ ብራድዮ፣ ብቴለቭዥን ወይ ብመርበብ ሓበሬታ ዝቐረበ መደብ፣ መደረ ወይ ትሕዝቶ ይከታተሉ።

8. ኣብ ክፍሊ ዝተሰረሐ መዓልታዊ ዕዮ ምስ ደቆም ይከታተሉ፤ እንታይ ከም ዝተመሃሩ፣ እቲ ዝተመሃሩዎ ዝፈጠረሎም ስምዒት እንታይ ከም ዝመስል ይዘራረቡ። (ንኣብነት፣ ክሳዕ ክንደየናይ ከቢድ፣ ቀሊል፣ ሓጋዝን እኹልን ምዃኑ ምልዓል ይከኣል።)

9. ብዛዕባ ፅሕፈት ኣብ ክፍሊ ዝተመሃሩዎም ባህርታት ወይ ቅርፅታት ኣፀሓሕፋ ብሓባር ይርእዩ። ዝተረደኦም ክገልፁ ዕድል ይህቡ። (ንኣብነት፣ ኣብ ግቡእነት ቃላት፣ ስርዓተ ነጥቢ፣ ፍሰት ሓሳብ፣ ወዘተ. ትኹረት ምግባር ይከኣል።)

10. ደቆም ዝተፈላለዩ ዕዮ ገዛ እንትሰርሑ ይከታተሉን ኣድላዪ ደገፍ ይህቡን።

11. ደቆም ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ክፅሕፉን ከንብቡን የበረታትዑ። ፅሑፎም ከንብቡ የተባብዑ።



# ባህላዊ ክዳውንቲ 1

## ሰሙናዊ ርእሲ ባህላዊ ክዳውንቲ መርዓ

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ጠሚርካ ምንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

**ኣብነት፦**

*ሀ. ዝ- ተዓዘብ -ኩ -ዎም*

*መልሲ፦ ዝተዓዘብኩዎም*

*ለ. ዝ- ተ- መላኸዐ -ን*

*መልሲ፦ ዝተመላኸዐን*

1. ዝ- ተ- ፈላለየ
2. ዘይ- ምርሳዕ -ን
3. ብ- ዝ- ተ- ኸደና
4. ምስ- ተ- ቈረፀ
5. ብ- ዝ- ተ- ኸደኑ
6. ዝ- ኸደኑ -ን

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተመያየጡሎም።**

ሀ. ኣብ መርዓ እንታይ ዓይነት ባህላዊ ክዳውንቲ ከም ዝኸደኑ ዝተዓዘብኩምዎ ብጉጅለ ተመያየጡ።

ለ. ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ቃላት እትፈልጡዎ ብጉጅለ ተዘራረቡ።

ቬሎ፣ ክራቫት፣ ልበልባ፣ ሕንቆ፣ መብሩኽ፣ ካባ፣ ባርኔጣ

## እዋን ንባብ

**መርዓውን መርዓትን ኣብ ባህላዊ መርዓ ዝኸደኑዎምን ዝጋይፁሎምን ክክልተ ኣብነታት ፀሓፉ።**

| | ክዳውንቲ | | መጋየፅታት | |
|---|---|---|---|---|
| መርዓዊ | | | | |
| መርዓት | | | | |

# ሎሚ’ውን ከም ቀደም

ወርሓቱ ጥሪ እዩ ነይሩ። ኣብ መላእ ትግራይ ስነ ስርዓት መርዓ ዝፍፀመሉ ወቕቲ እዩ። ወይኒ ኣብ መቐለ እያ ትነብር። ዓሚ ካብ ዓለባ ዓዲ ዝተሰርሐ ዘበናውነት ዝተላበሰ ባህላዊ ቬሎን ፃዕዳ ሳእንን ገይራ ተመርዕያ። ኣዕርኽታ ድማ ምስቲ ናታ ዝሳነ ክዳን ሓበሻ ተኸዲነን ዓጂበንኣ ውዒለን። እቲ ኵሕላይ መርዓዊ ብወገኑ እጀ ጠባብ ተኸዲኑን ነፀላ ደሪቡን ከምኡ ሓደ ዓይነት ብዝተኸደኑ ኣዕሩኽቱ ማዕሪጉ ውዒሉ። መብዛሕትኦም ዕዱማትን ኣባላት ክልቲኦም ስድራን እውን ባህላዊ ክዳውንቲ ተኸዲኖም ነቲ ጉዳይ ኣሕሊፎምዎ።



*ወይኒ ብባህላዊ ክዳውንቲ እንትትምርዖ*

መርዓ ወይኒ ኣብ ሓደ ኣዝዩ ዝተመላኸዐ ኣዳራሽ እዩ ተፈፂሙ። ኣብቲ መርዓ፣ ዘበናዊ ክዳውንቲ ዝገበሩ ኣዝዮም ውሑዳት ተዓደምቲ ነይሮም። ባህላዊ ክዳውንቲ ዝተኸደኑ ግና ብዙሓት ሰባት ነይሮም። ገሊኦም ዕዱማት በቶም ዝርእዩዎም ዝነበሩ ክዳውንቲ ኣዝዮም ተገረሙ። ብፍላይ፣ ብኣከዳድና እቶም መርዑ ኣዝዮም ተሓጕሱ። ምኽንያት መሐጕሲኦም እቶም ክዳውንቲ መርዑ ባህላዊ መበቆሎም ብዙሕ እንተይተቐየሩ ብምርኣዮም እዩ። ነዚ ዝተዓዘበ ሓደ ወዲ ኣብ ጥቕኡ ኮፍ ኢሎም ምስ ዝነበሩ ዓብዪ ሰብኣይ ብዛዕባ ክዳውንቲ እቶም መርዑ ወግዒ ጀመረ። እቶም ሰብኣይ፣ “ከምዚ እዩ እምበር መርዓ! እዞም ደቅና ባህሎም ብዝግባእ እዮም ሒዞምዎ!” በሉ። “እማንኩም ኣቦይ! ኣብ ገፀር ከ ከመይ እዩ?” በሎም እቲ መንእሰይ።

እቶም ሰብኣይ “ኣብ ገፀር” ኢሎም ጀሚሮም። “መርዑ ሎሚ እውን ከምቲ ዝፀንሐና እዮም ዝኸደኑን ዘጋይፁን። መርዓት ጋመ ትቖነን። ካብኡ ጠስሚ ብኣደስ ትልከ። ዓይና ድማ ብደሚቑ ብኵሕሊ ሓበሻ ትኰሓል። ኣፅፋር ኣእዳዋን ኣእጋራን ብሓዊሩ ምስተቈረፀ ዒላም ወይ ሳሱላ ትኣቱ። ቀፂላ፣ ዙርያ ተኸዲና ብውሽጢ ልበልባ ትዕጠቕ። ኣብ ክሳዳ ብዝተፈላለየ ንውሓት ፈትሊ ሕንቆን ተዓፃፊ መስቀልን ትኣስር። ብላዕሊ ተኸፋቲ ጎልፎ ደሪባ ነፀልኣ ትጉልበብ። ኣልቦ ኣብ እግራ ኣሲራ ሳእኒ ትገብር። ኣብ መወዳእታ፣ ካባ ደሪባ፣ ገፃ ብሻሽ ተሸፊና ሽፎንን ጀርስን ብዝተኸደና ኣዕሩኽታ ተዓጂባ ትወፅእ።” ካብኡ፣ የማን ፀጋም ርእዮም ናብቶም መርዑ ጠመቱ።

“እቲ መርዓዊ ኸ?” ኢሉ ሓተቶም እቲ መዋግዕቶም።

“እቲ መርዓዊ እውን” ብምባል ቀጺሎም፣ “ብግዲኡ ፀጉሩ ተቐምቂሙ ልኻይ ይልከ። ዓይኑ ተኳሒሊ፣ መለዮ ኣሲሩ፣ ፃዕዳ ባርኔጣ ይገብር። ኣብ ክሳዱ መስቀል ኣሲሩ፣ መብሩኽ ይኸደን። ፃዕዳ ነፀላ ተኸዲኑ ድማ ካባ ይድርብ። ካብኡ፣ መግንሒ በቕሊ ዝኸውን ሓለንጊ ሒዙ ብኣዕርኽቱ ተዓጂቡ ናብ እንዳ ጓል ይኸይድ። እቶም ኣጓብዝ ኣዕርኽቱ በዓል ሓፂር እጅገ ሸሚዝ ምስ ሓፂር ስረ ይገብሩ። ኣብ ግንባሮም ሻሽ ጠምጢሞም፣ ኣብ ፀጉሮም ድማ ሚዶ ይሸኽዑ”። እዚ ኢሎም ካብቲ ዝስተ ምዒጎም ወግዖም ቀፀሉ።

“ዕዱማት ሰብኡት፣ ከከም ሃፍቶ ገነቶም ሞዳ ኢንግሊዝ፣ እጀ ጠባብ፣ ሳርያን ጁባን ስረን ይኸደኑ። ኣብ ልዕሊኡ ኩታ ወይ ጋቢ ይድርቡ። እተን ኣንስቲ ድማ ሽብሽብ፣ ጥልፊ፣ ኣፈዋሾ፣ ዙርያ ተኸዲነን ነፀላ ይድርባ። ብተመሳሳሊ ህፃናት ጥብቆ ተኸዲኖም...” ምስበሉ መኪና ስኢኖም ናብቲ መርዓ ዘንጊዖም ዝመፁ ኣዝማድ ናብቲ ኣዳራሽ ክኣትዉ ጀመሩ። ዘረባ እቶም ሰብኣይ ብዕልልታ፣ ጣቕዒት፣ ጭራ ዋጣን ከበሮን ተዋሕጠ። ንሶም እውን ከም ሃገሮም ናብቲ ፀዋታ ኣቕለቡ።

እቶም ወላዲ ብርሃን ጓል ንኡሽተይ ሓፍቶም ብምርኣዮም ኣዝዮም ተሓጒሶም። ሎሚ እውን ከም ቀደም ብባህላዊ ክዳውንቲ ምፅባቕን ባህሊ ዘይምርሳዕን ምህላዉ ደስ በሎም።

## ድሕሪ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ብዛዕባ እቶም መዘንተዊ ሰብኣይ ትኽክል ንዝኾነ ‘ሓቂ’ ንዘይኮነ ‘ጌጋ’ ብምባል መልሱ።**

1. ስም ንኡሽተይ ሓፍቶም ብርሃን ይበሃል።
2. እቶም ሰብኣይ ፈታዊ ሜስ እዮም።
3. ብዛዕባ ክዳውንቲ መርዓ ኣብ ጥቓኦም ንዝነበረ ነጊሮም።
4. ሓፍቶም ወይኒ ትበሃል ጓል ኣላታ።
5. እቶም ሰብኣይ ብሓፍቶም ኣዝዮም ተገሪሞም።

**ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. እቶም ዕዱማት በቶም ክዳውንቲ ዝተገረሙ ንምንታይ እዮ?
2. ኣፈላላይ ክዳውንቲ መርዓ ገፀርን ከተማን ግለፁ።
3. እቶም ሰብኣይ ዘረበኦም ዘቋረፁሉ ምኽንያት ግለፁ።
4. ርእሲ እቲ ምንባብ “ሎሚ’ውን ከም ቀደም” ዝኾነ ንምንታይ ይመስለኩም?
5. እቶም ዓብዪ ሰብኣይን መዋግዕቶምን ዝገበሩዎ ምልልስ ኣጀማምርኡን ኣካይዳኡን ግለፁ።

## 3. ቃላት

### ምስናይ ቃላት

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ኣብ “ሀ” ዘለዉ ስማት ምስቶም ኣብ “ለ” ዘለዉ መኻይዲ ግስታት ኣዛምዱ።**

**ኣብነት፦**

*ሀ. ቅናት ኢልና ይቕነት ንብል። ለ.ዝናር ኢልና ይዕጠቕ ንብል።*

| “ሀ” | “ለ” |
|---|---|
| 1. ሳሱላ | ሀ. ይቕምቀም |
| 2. ኣልቦ | ለ. ይድረብ |
| 3. ፀጉሪ | ሐ. ይግበር |
| 4. ኰሕሊ | መ. ይዕነቕ |
| 5. ካባ | ረ. ይዕጠቕ |
| 6. ሳእኒ | ሰ. ይእሰር |
| | ሸ. ይእተው |
| | ቀ. ይኰሓል |

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ዓንቀፅ

**“ሎሚ’ውን ከም ቀደም” ናይ ዝብል ምንባብ ገምጋማዊ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

ገምጋማዊ ፅሑፍ ንምድላው፦

- ቀንዲ ሓሳብ እቲ ምንባብ ኣብ ፈላማይ ዓንቀፅ ፀሓፉ።
- 2-3 ዝኾኑ ዝርዝር ሓሳባት ኣብ 2ይ ዓንቀፅ ፀሓፉ።
- ርእሲ እቲ ፅሑፍ ምስቲ መዛዘሚ ፅሑፍ ብምንፅፃርን ናይ ባዕልኹም ብምውሳኽን ኣብቲ 3ይ ዓንቀፅ ገምጋም ኣቕርቡ።

## ኣፀሓሕፉ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ካብ ሀ-ረ ንዘለዉ ቃላት ካብ ነፀላ ናብ ብዙሕ ቍፅሪ ለውጡ።**

***ኣብነት፦***

1. *ሰረ + -ታት = ሰረታት 2. ቀምሽ + -ኣት= ቀምሻት*

ሀ. ክዳን

ለ. ጥልፊ

ሐ. ጎልፎ

መ. ሽፎን

ረ. ሳእኒ

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ትሕዝቶ “ሎሚ’ውን ከም ቀደም” ዝብል ፅሑፍ ብሓፂሩ ግለፁ።**

**ንባብ ናህሪ**

ነታ ካልአይቲ ዓንቀፅ ምንባብ እዚ ሰሙን ኣብ ውሽጢ 50 ሰከንድ ብናህሪ ኣንብቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### መን ነጊሩኒ?



## ቅድመ ምድማፅ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ስነ ስርዓት መርዓ ገፀር ካብ ዝግበሩ ክዳውንቲ ሓሙሽተ ጥቐሱ።
2. ነቲ ስእሊ ብምርኣይ፣ “መን ነጊሩኒ?” ብዝብል ርእሲ ካብ ዝቐረበ ዛንታ እንታይ እተዳምፁ ይመስለኩም?

## እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብቲ ዛንታ ዘለዉ ገፀ ባህርያት መን መን እዮም?
2. ኣብ ባህላዊ መርዓ ካብ ዝዝውተሩ መሳርሕታት ሙዚቃ ሰለስተ ዘርዝሩ።
3. መርዓዊ ንክለህ እንታይ ተባሂሉ ይድረፍ?

## ድሕረ ምድማፅ

**ምስ ኣዳመፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ባህላዊ መጋየፅታት ኣንስትዮ ካብ ዝኾኑ ሓሙሽተ ጥቐሱ።
2. መግለፂ ባህልና ዝኾኑ ክዳውንቲ መርዓ ብኸመይ ምዕቃብ ይከኣል?
3. ካብ ባህላዊ ክዳውንቲ መርዓን ዘበናዊ ክዳውንቲ መርዓን ኣየነኦም ትመርፁ? ንምንታይ?

# 7. ሰዋስው

## ምፍላይ ስምን ግስን

**ሀ. ኣብቶም ምሉእ ሓሳባት ዝርከቡ ስማት፣ ስም ሓባርን ስም ውልቀን ብምባል ፍለዩ።**

*ኣብነት፦ ወርሓቱ ጥሪ እዩ ነይሩ። መልሲ፦ ጥሪ (ስም ውልቀ)*

1. መርዓ ወይኒ ኣብ ዝተመላኸዐ ኣዳራሽ ተፈፂሙ።
2. ኣዕርኽቲ መርዓት ኣልባሶ ተቑኒነን።
3. እቲ መርዓዊ መለዮ ኣሲሩ።
4. ለታይ ኣብ ክሳዳ መስቀል ኣሲራ።

5. እቶም ወለዲ ድሙኽ መርዓ ጓሎም ኣሕሊፎም።

6. እቶም ኣጋይሽ በቶም ክዳውንቲ መርዓ ተሓጒሶም።

7. ኣብ ፀግዒ እቲ ኣዳራሽ ዝነበሩ ሰብኣይ ሳርያን ጁባን ሰረን ተኸዲኖም።

**ለ. ኣብ ሕድሕድ ምሉእ ሓሳብ ንዘሎ ግስ፣ ተሳገሪ ወይ ዘይተሳገሪ ብምባል መልሱ።**

*ኣብነት፦ እቶም ቈልዑ ባህሊ ወለዶም ኣጥቢቆም ሒዞም።*

*ሒዞም (ተሳገርቲ)*

1. ኣብቲ ኩርናዕ ፎቶ ተሰቒሉ።
2. ክሳዳ ብመስቀል መልኪዑ።
3. እቲ መርዓዊ ሱፍ ተኸዲኑ።
4. እተን ኣዕርኽቲ ዓይነን ኵሕሊ ተኳሒለን።
5. እታ መርዓት ፅፍራ ቈሪፃ ዒላም ኣትያ።
6. ተስፋይ ኣብ ክሳዱ መስቀል ኣሲሩ።
7. እቶም ወለዲ የመና ተሓጒሶም።
8. ሰናይት ኣብ ግንባራ ሻሽ ጠምጢማ።

# ሰሙናዊ ርእሲ ክዳውንቲ በዓል

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. 'ኩሉ ነናቱ ኣለዎ' እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብ ከባቢኹም ሃይማኖታዊ በዓላት ዝበሃሉ ዘርዝሩ።
3. ኣብ ከባቢኹም ኣብ በዓላት ዝዝውተሩ ክዳውንቲ ጥቐሱ።

### እዋን ንባብ


**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ጀሚላ__________ተኸዲና__________እንትትድርብ የጥዕመላ።
2. ኣዶ ጀሚላ____________ተኸዲነን___________ደሪበን ነይረን።
3. ኣቦ ጀሚላ ____________ተኸዲኖም_________ደሪቦም ነይሮም።

# ኩሉ ነናቱ ኣለዎ!

ለምለም ናብ እንዳ ጀሚላ እንተትከይድ እግረ መንገዳ ኣራንሺ ዓደገት። ገዝኣ ከይዳ፣ “ጀሚላይ! እንኳዕ ንዒድ ኣልፈጥር ኣብፅሓኪ!” በለታ ብፍሽክታ። ጀሚላ ነቲ ኣራንሺ እናተቐበለት “ኣሕቢሩ!” ኢላ ኢዳ ሒዛ ንውሽጢ መርሐታ። ኣብ ውሽጢ ገዛ እንትኣትዋ፣ ለምለም ንስድራ ቤት ጀሚላ ሰላም ኢላ ኣብ ድኳ ኮፍ በለት። ኣብ ቅድሚኦም ብዝተጠለፈ ጨርቂ ኣብ ዝተሸፈነ ጣውላ ብዙሕ ዓይነት ምግብን መስተን ተቐሪቦም ረኣየት።

ለምለምን ጀሚላን ካብ ቖልዕነተን ጀሚረን ሓቢረን ዝዓበያ ተኽ ትንፋስ መሓዙት እየን። ጀሚላ ቀጣንን ነዋሕን እንትትከውን ለምለም ግና ረጓድን ሓፃርን እያ። እዘን መሓዙት ኣብ ትምህርተን ካብ ምትሕግጋዝ ሓሊፈን ኣብ ውልቃዊ ህይወተን ኣብ ዘጋጠመን ሓጕስ ኮነ ሓዘን ኣይፈላለያን።



*እንዳ ጀሚላ ኣብ በዓል ዒድ*

ጀሚላ ኣብቲ በዓል ኣዝዩ ዘጥዕመላ ድርዒ ተኸዲና ብዛዛ ደሪባ ነይራ። እቲ ኣከዳድነኣ ምስቲ ቀጢንን ቆማትን ተኸለ ሰውነታ ዝፈጠሮ ውህደት ንለምለም ኩሉ ግዘ የግርመላ። ብፍላይ ብዝተፈላለዩ ሕብርታት ስንዲድ ተዛኒቖም ብዝተረበቡ መጋየፅታት ግንባር፣ ኢድን እግርን እንትትገብር ንፈለማ ከም ዝረኸበታ ትጥምታ።

ፈለማ ናብቲ ገዛ እንትትኣቱ ዘየቕለበትሎም ቁሩብ ምስ ኣዕረፈት ንዝተኣከቡ ስድራ ጀሚላ ሓደ ብሓደ ክተስተባህሎም ጀመረት። ኣዲኣ ልውየት ተኸዲነን ዓባያ ደሪበን ቡን የፍልሓ ነይረን። እቲ ነዊሕ ልውየት ምስቲ ብፍሉይ ቅዲ ዝተሓነንኦ ሒና፣ ዝኣሰርኦ ኣልቦን ምስ እግረን ተሳኒዩ ኣመልኪዑወን።

“ለምለም ጓለይ! ትምህርትኸን ብዝግባእ ዶ ተፅንዓ ኣለኸን?” ዝብል ረጕድ ድምፂ

ኣቦ ጀሚላ ሰሚዓ ግልፅ ኢላ። ካብኡ "እ...ወ!" በለት ካብ ድቃሳ ከምዝተበራበረት ድምፂ እናንተተት። ነቲ ዝተኸደኑዎ ጀለብያ፣ ዝደረቡዎ ሰደርያ፣ ዝገበሩዎ ኩፍየትን ዝተዓመሙዎ ዕማመትን በብታራ ረኣየት። ብየማናይ ሙስባሓ ኣንጠልጢሎም ኮፍ ዝበሉ ዓብዪ ሰብኣይ ነይሮም።

ለምለም ነቶም እትርእዮም ዝነበረት ክዳውንቲ፣ ምስ ክዳውንቲ ክብረ በዓል ክርስትና ብሓሳባ ክተነፃፅር ጀመረት። ኣዲኣ ሓደ ሻብ ጥልፊ፣ ካሊእ ግዜ ዙርያ ወይ ኣፈዋሾ ተኸዲነን ቅናተን ተቐኒተን ኣብ ሓሳባ መፃ። ሓድሓደ ግዜ ኣልባሶን ስንቅርን ካልእ ግዜ ድማ ግልብጭ ይቑነና። ካብኡ፣ ካብ ወርቂ ዝተሰርሐ ፅሩራ ይገብራ። ለምለም ኩሉ ግዜ ዘገርማ ጥበብ ኣከዳድናን ኣገያይፃን ኣዲኣ እዩ። ኣዲኣ ዝኸደነኦም ክዳውንቲ ምስ መጋየፅታተን ብዝሳነን ብዘጉልህን መንገዲ እዩ። ኣብ ኣእዛነን ዝገበርኦ ሎትሻ ኮነ ሽቑር ኣዝዩ የጥዕመለን። ኣብ እንግድዐን ዘው ብዝብል ዋስላ ማዕተብ ገይረን ድማ ኣብ ክሳደን ጕባጕብ ይኣስራ። እዚ ምስ ገበራ መጋየፅታተን እንተይከወላ ነፀልአን የውንዝፋ። ካብ ርእሰን ሸተት ኢሉ ከይወድቀን ድማ ወለባ ይሽሙዓሉ። ወትሩ ግዜ ምስላአን "ኣወናዝፋ ነፀላን ኣተዓፃፅዳ ምሸላን ከከኣሊኣ ይኽእላ!" ዝብል እዩ።

ቀፂላ ኣቦኣ ኣብ በዓላት ዝኸደኑዎ ምስ ክዳውንቲ ኣቦ ጀሚላ ክተነፃፅር ፈተነት። ኣብ እዋን ስራሕ ኣቦኣ ዝገብሩዎ ስረ፣ ኣብ መስቀል፣ ፋሲካ ኮነ ካልኦት በዓላት ዝኸደኑዎ ፃዕዳ ክዳንን እጀ ጠባብን ዝፍለ ምዃኑ ተረደአት። ምስቲ ክዳውንቲ በዓል ዝገብሩዎ ባርኔጣን ዝሕዙዎ ጭራን ተረኣያ።

ክዳውንቲ ኣቦኣን ኣቦ ጀሚላን፣ ክዳውንቲ ኣዲኣ ድማ ምስ ናይ ኣዶ ጀሚላ ብምንፅፃር ብቕድም ሰዓብ ክትሰርዖም ፈተነት። ንኽልቲኦም ዓይነት ክዳውንቲ ጎኒ ንጎኒ ብሓሳባ ኣቐሚጣ ክተስተንትን ጀመረት። ኩሉ ኣብ ነናቱ ምዕሩግን ውቁብን ኮይኑ ተረኣያ። ስለዚ ክተነፃፅርን ክትሰርዕን ምፍታና ዓብዪ ዕሽነት ምዃኑ ተረደአት። ኣብ ኣፈላላይ ዘሎ መልክዕ እናነኣደት፣ "ለካስ ኩሉ ነናቱ ኣለዎ!" በለት ንባዕላ።

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ተኸተልቲ ሃይማኖት እስልምና ኣብ በዓላት ዝኸደኑዎም ክዳውንቲ ግለፁ።
2. ተኸተልቲ ሃይማኖት ክርስትና ኣብ በዓላት ዝኸደኑዎም ክዳውንቲ ዘርዝሩ።
3. "ኣወናዝፋ ነፀላን ኣተዓፃፅዳ ምሸላን ከከኣሊኣ ይኽእላ" ዝብል ኣባሃህላ እንታይ ይገልፅ?
4. መልእኽቲ እቲ ምንባብ ግለፁ።

**ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ እዞም ዝስዕቡ ክዳውንትን መጋየፅታትን ኣበየናይ ኣካል ደቂ ሰብ ከምዝግበሩ ሓብሩ።**

*ኣብነት፦ ወለባ - ኣብ ፀጉሪ ርእሲ*

| | | |
|---|---|---|
| 1. ሽቑር | 3. ኣፈዋሾ | 5. ሒና |
| 2. ፅሩራ | 4. ስንዲድ | 6. ኣልቦ |

**ሐ. ንተግባራት ጀሚላን ለምለምን ዘወዳድር ዓንቀፅ ኣዳልዉ።**

## 9. ቃላት

### ምምላእ ዘይተመልኡ ሓሳባት

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ዘይተመልኡ ሓሳባት ካብቶም ዝርዝር ቃላት እናመረፅኩም መልኡዎም።**

*ኣብነት፦*

ጀሚላ ኣብ ኢዳ ዝሓዘቶ ኣራንሺ ንለምለም __________።

*መልሲ፦ ኣብ ኢዳ ዝሓዘቶ ኣራንሺ ሃበታ።*

| | | | |
|---|---|---|---|
| *ዝናር* | *ዒላም* | *ክሊኣ* | |
| *ተቖጺና* | *ማዕተብ* | *ልበልባ* | *ሃበታ* |

1. እቲ መርዓዊ ኣብ ክሳዱ ዝኣሰሮ__________የመና ረጒድ እዩ።
2. እታ ዓርኪ መርዓት ጋመ ________ መቐነት ተቐኒታ መፂኣ።
3. ንጉስ ________ተዓጢቑ ናብቲ መፀዋዕታ ከይዱ።
4. ዓብደላ ንኑርያ ንእግራ _______፣ ንፀጉራ ድማ ጠስሚ ልኢኹላ።
5. ፅፍራ __________ ኣዘማልቶ ለኺያቶ።

**ለ. ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ቀጺሎም ካብ ዝቐረቡ ቃላት እቲ ሓደ ተሳጋሪ ግስ እዩ።

   ሀ. እዩ ለ. ዓደገት ሐ. ነይሮም መ. ኣይከኣለን

2. ቀጺሎም ካብ ዝቐረቡ ቃላት እቲ ሓደ ዘይተሳጋሪ ግስ እዩ።

   ሀ. ኣፅንዐት ለ. በልዐት ሐ. ከደት መ. ሰበረት

3. ኣብ ታሕቲ ካብ ዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት እቲ ሓደ ስም ሓባር የብሉን።

   ሀ. ጀሚላ ተሓጒሳ።

   ለ. ባህላዊ ክዳውንትና ምቹዋት እዮም።

   ሐ. ኣቦ ጀሚላ ኣብ በዓል ኢድ ኣልፈጠር ሰዓት ዓዲጎም።

   መ. ኣቦኣ ኣብ በዓል ዓለባ ዓዲ የዘውትሩ።

4. ኣብ ታሕቲ ካብ ዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት እቲ ሓደ ስም ውልቀ ዘለዎ እዩ።

   ሀ. ሓምባር ኣብ ኢድ ዝግበር መጋየጺ እዩ።

ለ. ቡን ምስታይ ባህልና እዩ።

ሐ. ለምለምን ጀሚላን መሓዙት እየን።

መ. ነቲ በዓል ዝኸውን ምግቢ ተዳልዩ።

5. ካብቶም ምሉእ ሓሳባት እቲ ሓደ ተሳጋሪ ግስን ስም ሓባርን ዝሓዘ እዩ።

ሀ. ዓርኪ መርዓት መስቀል ኣሲራ።

ለ. ዙርያ ደቂ ኣነስትዮ ዝኸደንኦ ዓይነት ክዳን እዩ።

ሐ. መርዓትን መርዓውን ኣብቲ ኣዳራሽ ኣለዉ።

መ. ዊንታ ናብ መርዓ ከይዳ።

6. ካብቶም ምሉእ ሓሳባት እቲ ሓደ ተሳጋሪ ግስን መፀውዒ ስምን ዝሓዘ እዩ።

ሀ. ለምለም ትምህርታ ኣፅኒዓ።

ለ. ባህሊ ካብ ባህሊ ኣይበልፅን።

ሐ. ክዳውንቲ ክብረ በዓል ዋጋኦም ሕሳር እዩ።

መ. መርዓ ተሳኒኻ ብሓባር ክትነብር እትገብሮ ውዕል እዩ።

7. ተስሓቢ ዘይወስዱ__________ግስታት ይበሃሉ።

ሀ. ተሳገርቲ ለ. ዘይተሳገርቲ

## 10. ፅሕፈት

### ምድላው ፅሑፍ

ብመሰረት እቲ መጥለሊ ነጥቢ፣ ንዝጀመርኩምዎ ገምጋማዊ ፅሑፍ ኣይሙ።

**መጥለሊ ነጥብታት ፅሑፍ፦**

| | |
|---|---|
| ውህደት ፅሕፈት | በቲ ዝተወሃበ ዛዕባ ዶ ተፃሒፉ?<br>እቲ ቀንዲ ሓሳብ ብሓፂሩ ዶ ሰፊሩ?<br>ነቲ ቀንዲ ሓሳብ ዝድግፉ መዘርዝራት ኣለዉ ዶ?<br>ፍሰትን ምትሕሓዝን ሓሳብ ኣሎ ዶ? |
| ቅዲ | ፀሓፊ ነቲ ኣንባቢ እናሓሰበ ድዩ ፅሒፉ?<br>መረፃ ቃላት ግቡእ ድዩ?<br>ሓፀርቲ ምሉእ ሓሳባት ኣለዉ ዶ?<br>ስኒት በዓል ቤትን መእሰሪ ዓንቀፅን ኣሎ ዶ? |
| ስርዓት ኣፀሓሕፋ | ግቡእ ኣጠቓቕማ ስርዓት ነጥቢ ኣሎ ዶ?<br>ግቡእ ኣፀሓሕፋ ፊደላት ኣሎ ዶ? |

### ኣፀሓሕፋ

ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ብነፀላ ዝቐረቡ ናብ ብዙሕ፣ ነቶም ብብዙሕ ዝቐረቡ ድማ ናብ ነፀላ ቀ‌ዕሪ ለውጡ።

**ኣብነት፦**

*ጨርቂ - ኣጭርቕቲ* *ድርዒታት - ድርዒ*

ሀ. ሕጃባት ለ. ልውየት ሐ. ዓጀብቲ

መ. ገምባለ ረ. ክዳውንቲ ሰ. ሙስባሓ

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብ ዝሓለፈ ካብ ዘንበብኩምዎ እናዘከርኩም ተዛረቡ።**

### ናህሪ ንባብ

**ነተን ቀዳሞት ሰለስተ ዓንቀፃት 'ኩሉ ነናቱ ኣለዎ' ዝብል ፅሑፍ ኣብ ውሽጢ 70 ሰከንድ ብፅፈት ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**ፍረ ነገር 'ኩሉ ነናቱ ኣለዎ' ዝብል ምንባብ ብናይ ባዕልኹም ኣገላልፃ ምስ መሓዙትኩም ተመያየጡሉ።**

## 13. ሰዋስው

### ልሙዳት ግስታት

**ሀ. ነቶም ዝቐረቡ መእሰሪ ዓንቀፃት ብኻልኦት ግስታት ተክኡዎም።**

***ኣብነት፦***

*እቲ ዓርኪ መርዓዊ ብባህላዊ ጥልፊ ዝተሰርሐ ኣጭርቐቲ ገዚኡ።*

*መልሲ፦ 'ገዚኡ' ዝብል መእሰሪ ዓንቀፅ 'ዓዲጉ' ብዝብል ምትካእ ይከኣል።*

1. መርዓዊ ፃዕዳ ክዳንን እጀ ጠባብን ይኽደን።
2. ለምለም ንክዳውንቲ ሙስሊምን ክርስትያን ክተነፃፅር ፈቲና።
3. ጀሚላን ለምለምን ሓጕሰን ኮነ ሓዘነን ሓቢረን የሕልፈኦ።
4. ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ኣመንቲ ዘሎ ምክብባር የደንቕ እዩ።

## ዕዮ ገዛ፦

## ዓይነታት ስምን ግስታትን ምሕባር

ለ. እዞም ዝስዕቡ ቃላት ስም ውልቀ ወይ ስም ሓባርን ምዃኖም "✓" ተጠቒምኩም ፍለዩ።

| ራ.ጋ | ቃል | ስም ውልቀ | ስም ሓባር |
|---|---|---|---|
| 1. | ለምለም | ✓ | |
| 2. | ምግቢ | | ✓ |
| 3. | ኣራንሺ | | |
| 4. | ጀሚላ | | |
| 5. | መስተ | | |
| 6. | ሒና | | |
| 7. | ስድራ | | |
| 8. | ስራሕ | | |
| 9. | ቡን | | |
| 10. | በዓል | | |

ሐ. ነቶም ተሳገርቲ ግስታት ኣስምሩሎም።

1. ለምለም ካብ ድኳን ኣራንሺ ዓዲጋ።
2. ኣብቲ ግውላ ብዙሕ ዓይነት ምግብን መስተን ኣሎ።
3. ጀሚላ ኣዝዩ ፅቡቕ ድርዒ ተኸዲና።
4. ኩሉ ኣብ ነናቱ ዉቁብን ምዕሩግን እዩ።
5. ኣደ ጀሚላ ኣብ እግረን ሓምባር ኣሲረን።

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ነፃልካ ምፅሓፍ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት እናነፀልኩም ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦*

*ሀ. ዝተፀገዐት* *መልሲ፦ ዝ- ተፀግዐ -ት*

1. ዝተቐራረቡ
2. እንትትድይብ
3. ዝተሸላለመ
4. እንትትኾሓል
5. ዝተኸደኑዎ
6. ከምዝባህረረት

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ሕቶታት ብጉጅለ እናተመያየጥኩም መልሱ።**

1. "ባህልና ባዕልና" ኣብ ዝብል ፅሑፍ እንታይ ከም እተንብቡ ፈለማ ነቲ ርእሲ ካብኡ ነቲ ስእሊ ብምርኣይ ገምቱ።
2. ብዛዕባ ዲኖ ኣንበሳ፣ ወርቂ ካባ፣ ጐባጕብ፣ ኩትሻን መርገፍን እትፈልጡዎ ተዘራረቡ።

### እዋን ንባብ

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነተን ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ክዳውንቲ ብዘበናዊ ቅዲ ብምድላዎም______ ይኾኑ ኣለዉ።
2. ባህላዊ ክዳውንቲ ብኢድ ስለዝእለሙን ስለዝጥለፉን_____ ኣየስዕቡን።
3. ብዘበናዊ ቅዲ ዝዳለዉ ባህላዊ ክዳውንቲ ኣብ ____________ ን ኣብ______________ን ረብሓ ኣለዎም።

# ባህልና ባዕልና

ሓድሓደ ሰባት "ባህላዊ ክዳውንቲ ብዘበናዊ ቅዲ ክዳለዉ የብሎምን" ይብሉ። ቀንዲ ምኽንያቶም "ዘበናውነት እቶም ክዳውንቲ መግለጺ ባህልና ኣይኮነን" ዝብል እዩ። ከም ምብልሻውን ምብራዝን መበቆላዊ ባህሊ ዝርእዩዎ እውን ኣለዉ። እዞም ሰባት፣ "ባህላዊ ክዳውንቲ፣ ባህልናን መንነትናን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ነሰጋግረሎም ሓረግና እዮም" ዝብል ኣረኣእያ ኣለዎም። ካብዚ ብምብጋስ ብዘበናዊ ቅዲ ዝስርሑ ክዳውንቲ ከም 'ባህላዊ ክዳውንቲ' ኣይቕፅሩዎምን።



*ባህላዊ ክዳውንቲ ብዘመናዊ ቅዲ እንትስፈዩ*

እቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ኣተሓሳስባ፣ መሰልን ድልየትን ተጠቀምትን ቁጠባዊ ረብሓን ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይኮነን። ብቐዳምነት፣ ዓለምለኻዊ ዕዳጋ ንምርካብ ነቲ ውስንነቶም ብምምዕርራይ ተፈለዋትን ተደለይትን ይገብሮም። እንተዘየለ፣ ብዘበናዊ መልክዕ ዘይምጥቃም ድልየት ተጠቀምቲ ምዕጋት ጥራሕ እንተይኮነስ ክርከብ ዝኽእል ረብሓ እውን ምስኣን ማለት እዩ። ኣብዚ ዘፈር ዝተዋፈሩ ሰባትን ትካላትን ብዙሓት ብምኳኖም ህዝብን መንግስትን ዝሃስይ እዩ። ብስሩ እውን ምኽልካል ኣየድልን፤ ኣይከኣልን እውን። እዚ እንትበሃል ግና፣ እቶም ክዳውንትና ምሉእ ብምሉእ መበቆላዊ መንነቶምን ባህሪኦምን ይለውጡ ማለት ኣይኮነን።

እቶም ክዳውንቲ ብዘበናዊ ቅዲ ምድላው ካብ ዝጅምሩ ቀልቢ ብዙሓት ሃገራውን ዓለምለኻውን ዓማዊል ኣብ ምስሓብ ይርከቡ። ቅድሚ ሐዚ፣ እዞም ክዳውንቲ ኣብ ውሱን ግዘን ዓውድን ይግበሩ ነይሮም። ሎሚ ሎሚ ግና፣ ባህላዊ መበቆሎም ከይገደፉ ብምምሕያሾም ብዘይ ደረት ግዘን ኹነትን ተደላይነቶም ክብ እናበለ ይርከብ። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ እቶም ክዳውንቲ ብዝተፈላለየ ሕብርን ቅድን ድልየት ብዙሓት ዓማዊል ንከርውዩ ተባሂሎም ምስርሖም ተጠለብትን ዘበናውን ይገብሮም። ከምቲ ቀደም ናይ ዝተወሰኑ ቦታታት፣ ሰባትን በዓላትን ጥራሕ ኣይኮኑን። ብኻሊእ ኣዘራርባ፣ ብኹሉ ዕድመ ይልመዱን ይዝውተሩን ኣለዉ። ንኣብነት፣ ከም ዲኖ ኣንበሳ፣ ቦፌ፣ ወርቂ

ካባን መርገፍን ክዳውንቲ መርዓ ጥራሕ ምኽኣም ይቐርይ ኣሎ። ብኸምዚ፣ ሃገራዊ ኮነ ዓለምለኻዊ ተቐባልነቶምን ተፈላጥነቶምን እናዓበየን እናወሰኸን ይርከብ።

ብተወሳኺ፣ እዞም ክዳውንቲ ብዘበናዊ ቅዲ ብምድላዎም መዕረፊ ዓይኒ በፃሕቲ ዓዲ ይኾኑ ኣለዉ። እቶም በፃሕቲ ዓዲ፣ ባህላዊ ክዳውንትና ምኽዳኖምን ከም ህያብ ንዓዶም ምውሳዶምን በብዝኸዱዎ ብዝበለፀ ክፍለጡ ይገብሮም። በዚ ምኽንያት፣ እዛ ሃገር ነቶም ክዳውንቲ ፍልፍል ኣታውን መፍጠሪ ስፊሕ ዕድል ስራሕ ንምግባርን ይሕግዛ።

ባህላዊ ክዳውንቲ ካብ ተፈጥሮኣዊ ጥረ ኣቑሑ ዝስርሑ ብምኻኖም ተደለይቲ ይገብሮም። እቶም ክዳውንቲ ዝምረፁ ካብ ጡጥን ሃርን ስለዝስርሑ ጥራሕ እንተይኮነስ ምስ ቆርበት ነብስና ስለዘይፃብኡ እውን እዩ። ብተወሳኺ፣ መልክዕናን መንነትናን ስለዘድምቑን ልስሉሳትን ልሙፃትን ስለዝኾኑ ተመረፅትን ምቹዋትን እዮም። እዞም ባህላዊ ክዳውንቲ ምስ ኮተትኻ፣ ጐባጉብን ካልኦት መጋየፅታትን እንትግበሩ መስሕባዊ ሓይሎም ይውስኽ። እዚ ድማ ኣብ ዝኾነ ግዘን ቦታን ተደለይቲ ይገብሮም።

ባህላዊ ክዳውንትና ብመንፅር ዋጋ እንትምዘኑ ክባር ዘይምኻኖም ተመረፅቲ ይገብሮም። ኣብ ውሽጢ ሃገር ብዝርከቡ ጥረ ኣቑሑ ብኢድ ዝስርሑ ስለዝኾኑ ብትሑት ዋጋ ይርከቡ። ስለዚ፣ ብመጠኑ ዝተመሓየሹ ክዳውንቲ ብምዕዳግ እቶት ሃገር ምዕባይን ወፃኢ ምንካይን ይከኣል። ብኸምዚ፣ ኢንዱስትሪ ዓለባ እዛ ሃገር ክብ ይብል።

ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ፣ ባህላዊ ክዳውንቲ ኣብ ፋብሪካ ዘይኮነስ ብኢድ ስለዝእለሙን ዝጥለፉን ብኸለት ኣየር ኣየስዕቡን። በዚ ምኽንያት፣ ዛሕሊ ኮነ ዋዒ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ልዑል እዩ። ብተወሳኺ፣ ነፃነት ብዝህብ ኣገባብ ስለዝስፈዩ ዓቕልኻ ኣየፅብቡን።

ንምጥቕላል፣ ክዳውንትና ኣካል ባህልናን መንነትናን እዮም። ምስሊ ሃገር ኣብ ምፅባቕን ቁጠባ ሃገር ኣብ ምድንፋዕን እውን ልዑል ግደ ኣለዎም። ስለዚ፣ ብዝተፈላለየ ቅርፅን መልክዕን እናስራሕና ምዝውታር ኣገዳሲ እዩ። ነቶም ኣብቲ ዘፈር ዝተዋፈሩ ብምንኣድ፣ ብምሕጋዝን ፍርያቶም ብምጥቃምን ባህልና ንወንን።

## ድሕረ ንባብ

### ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነቶም ሕቶታት መልሱ።

1. ባህላዊ ክዳውንቲ ብዘበናዊ ቅዲ ብኸመይ ይዳለዉ?
2. ካብ ጡጥን ሃርን ዝስርሑ ክዳውንቲ እንታይ ረብሓ ኣለዎም?
3. ክኢላታት ቅዲ ክዳን ዓማዊል ንምርዋይ ክገብሩዎም ካብ ዝግብኡ ነገራት ሰለስተ ጥቐሱ።
4. በፃሕቲ ዓዲ፣ ባህላዊ ክዳውንትና ተኸዲኖም ዓዶም ምስከዱ ምፍላጦም ፅቡቕ ድዩ? ንምንታይ?
5. ብዘበናዊ ቅዲ ዝስርሑ ባህላዊ ክዳውንትና "ተቀባልነት ኣለዎም" ወይ

“የብሎምን” ካብ ዝብሉ ሓሳባት ነቲ ሓደ ብምድጋፍ ሓሳብኩም ግለፁ።

**ለ. “ባህላዊ ክዳውንቲ፣ ባህልናን መንነትናን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ነሰጋግረሎም ሓረግ እዮም” እንትብል እንታይ ማለት ምዃኑ ዝገልፅ ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 16. ቃላት

### ምህናፅ ምሉእ ሓሳባት

**በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

1. ሻሽ
2. ዲኖ
3. ጐባጉብ
4. ኣልቦ
5. መዐመም
6. ሻርፕ

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ዓንቀፅ

**"ባህላዊ ክዳውንቲ ብዘበናዊ ቅዲ ክዳለዉ ኣለዎም" ንዝብል ሓሳብ ብምድጋፍ ወይ ብምቅዋም ሓደ ዓንቀፅ ኣዳልዉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ነቶም ዝተሰመረሎም ቃላት ኣመዓራሪኹም ፀሓፉ።**

ቦፌ ዝሓዘ ስብኣያት ኣድጊ እናኮብኮበ እታ ሰበይቱ ድማ ቆሬ ጠስሚ ብኽልተ ኣእዳዋ ሒዛ ንዕዳጋ ከዱ።

ንሱ ሓንቲ ሳንጣታትን ጁባን ስረን ዓዲጉ። ንሳ ድማ ሽፋይ ሳእኒታትን ሓደ ኪሎ ቡናትን ገዚኣ። ነቶም ክዳንን ሰበይቱ ዝዓደገቶም ኣቕሓን ኣብ ሳንጥኡ፣ እቲ ቦፌታት ድማ ኣብ ማእገሩ ብምግባር መገሻ ንገዝኦም ጀመሩ።

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅድመ ንባብ መልሱ።**

1. ባህላዊ ክዳውንትና ብዘበናዊ ቅዲ ምስርሖም ፅቡቕ ድዩ?
2. "ባህልና ባዕልና" ካብ ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎ ግለፁ።

### ንባብ ፅፈት

**ነቲን ቀዳሞት ክልተ ዓንቀፃት ምንባብ እዚ ሰሙን ብፅፈት ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

### ክትዕ

**ካብዞም ዝቐረቡ ሓሳባት ነቲ ሓደ ብምድጋፍ ወይ ድማ ብምቅዋም ተኻትዑ።**

1. ባህላዊ ክዳውንቲ ብዘበናዊ ቅዲ ክሰርሑ ኣለዎም።
2. ባህላዊ ክዳውንቲ ብዘበናዊ ቅዲ ክሰርሑ የብሎምን።



## 20. ሰዋስው

### ምፍላይ ስምን ግስን

ሀ. ኣብ ሕድሕድ ምሉእ ሓሳብ ዘለዉ ስምን ግስን እናውፃእኹም ኣብ ሰደቓ ምልኡ።


1. ንግስቲ ነጊሳ።
2. ባህላዊ ክዳውንትና መግለፂ መንነትና እዮም።
3. ኢትዮጵያ ብዝተፈላለዩ ባህላዊ ክዳውንቲ ትፍለጥ።
4. ጥልፊ ብኢድ ዝእለምን ዝጥለፍን ብምዃኑ ብኸለት ኣየር ኣየስዕብን።
5. ንሱ ዓለምለኻዊ ተፈላጥነት ዘለዎ በዓል ሞያ ቅዲ ክዳውንቲ እዩ።

| ሪጋ | ስም | ግስ |
|---|---|---|
| 1. | | |
| 2. | | |
| 3. | | |
| 4. | | |
| 5. | | |

### ዓይነታት ስምን ግስታትን ምሕባር

ለ. "ባህልና ባዕልና" ኣብ ዝብል ምንባብ ካብ ዘለዉ ስም ሓባርን ስም ውልቀን ነቶም 10 ብምውፃእ ኣብቲ ሰደቓ ኣስፍሩ።

| ሪጋ | ስም ውልቀ | ስም ሓባር |
|---|---|---|
| 1. | | |
| 2. | | |
| 3. | | |
| 4. | | |
| 5. | | |
| 6. | | |
| 7. | | |
| 8. | | |
| 9. | | |
| 10. | | |




# 2 ውሩያት ኣትሌታት

## ሰሙናዊ ርእሲ ታሪኽ ህይወት

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ጠሚርካ ምንባብ

**ነቶም ፅምዲ ቃላት እናጠመርኩም ኣንብቡ።**

ኣብነት፡- ካብ እዚ      መልሲ = ካብዚ

ምስ እቲ      መልሲ = ምስቲ

1. ኣብ እዚ
2. ናብ እቲ
3. ካብ እዞም
4. ምስ እቶም
5. ኣብ እታ
6. ምስ እዚ

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅምዲ ተመያየጡሎም።**

1. ካብ ውሩያት ኣንስትዮ ኣትሌታት ትግራይ እንመን ትፈልጡ?
2. ኣትሌታት ዝሳተፉሎም ዓይነታት ርሕቐት ጉያ እንታይ እንታይ ይበሃሉ?


## *እዋን ንባብ*

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ብዛዕባ ወርቅነሽ ብእተረኸቡዎ ሓበሬታ ነዚ ሰደቓ ምልኡ።**

| ሪጋ | ቦታ | ርሕቐት | ብርኪ |
|---|---|---|---|
| 1. | ኣዲስ ኣበባ | | 4ይ |
| 2. | ናይጀርያ | 10,000ሜ. | |
| 3. | | ማራቶን | 7ይ |

# ወርቅነሽ ኪዳነ

ትግራይ ብዙሓት ስሙያት ኣትሌታት ዘፍረየት ክልል እያ። ካብ ኣንስተዮ ኣትሌታት ጎይተቶም ሃብቱ፣ ኣኽዛ ኪሮስ፣ ወርቅነሽ ኪዳነን ካልኦትን ምጥቃስ ይከኣል። ካብ ተባዕትዮ ድማ ሻምበል ምሩፅ ይፍጠር፣ ሓዱሽ ኣበበ፣ ደጀን ገብረመስቀል፣ ሓጎስ ገብረህይወት፣ ደስታ ኣስገዶምን ገብረእግዚኣብሄር ገብረማርያምን ይጥቀሱ።




ካብተን ብብቕዓትን ፅንዓትን ዝፍለጣ ጎየይቲ ነዊሕ ርሕቐት ሓንቲ ወርቅነሽ ኪዳነ እያ። ወርቅነሽ ኣብ ማእኸላይ ዞባ፣ ከባቢ ኣኽሱም ፍሉይ ሽሙ ማይ ስየ ኣብ ዝበሃል ቦታ ሕዳር 1974 ዓ.ም. ተወሊዳ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማይ ስየ ተማሂራ። ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻድሻይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቤት ትምህርቲ ጆን ኤፍ ኬነዲ ቀፂላ። ክሳብ ታሽዓይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ልደታ ማርያም ተማሂራ።

ወርቅነሽ ብሓልዮት ኣኮኣን ብፍቓድ ወለዳን ኣዲስ ኣበባ ምስከደት ጉያ እውን ብትረት ቀፂላ። ንእሽተይ እናሃለወት ክእለት ጉያ ከምዘተዓደለት ዝተዓዘበ ኣኮኣ ኣዘውቲራ ንኽትለማመድ የተባብዓ ነይሩ። ንሳ እውን ቃሉ ኣኽቢራ ኩሉ ግዘ እናገስገሰት ምልምማድ ቀፂላ። ምኽሪ ኣኮኣ ብዘይ ምዕባር ልምምድ ብምቕፃላ ዓወታት ክትረክብ ጀሚራ። ድሕሪ እቲ ፈላማይ ዓወት ንኣኮኣ ልባዊ ምስጋና ኣቕሪበት።

ብ1988 ዓ.ም. ንኣዲስ ኣበባ ወኪላ ኣብ ዝገበረቶ ውድድር 5000ሜ. ራብዐይቲ ኮይና ብምዝዛም ብቕዓታ ኣመስከረት። ካብቲ ዝተዓወተትሉ ዓመት ጀሚራ፣ ኣባል ጋንታ ስፖርት ባንክ ኮነት። ካብኡ ነታ ጋንታን ሃገራን እናወከለት ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ተሳተፈት።

ወርቅነሽ ኣብ ዝኸደትሎም ሃገራትን ዝኣተወትሎም ውድድራትን ዓወታት ኣመዝጊባ። ኣብ እንግሊዝ ውድድር ጉያ 6 ኪ.ሜ.፣ ኣብ ኣሜሪካ ጉያ ጐደና 10 ኪ.ሜ. ከምኡ እውን ኣብ ውሽጢ ሜዳ ዝተኻየደ ጉያ 10,000ሜ. ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታ። ብ1992 ዓ.ም. ጓል 18 ዓመት እናሃለወት ንፈለማ ግዘ ኣብ ሲድኒ ኦለምፒክ ተሳቲፋ ብ5000ሜ. ሻውዐይቲ ኮይና ዛዚማ። ብ1992 ዓ.ም.፣ 1996 ዓ.ም.፣ 1998 ዓ.ም. ኣብ ክረምቲ ኦለምፒክ ተሳቲፋ።

ብ1995ዓ.ም ኣብ ኢትዮጵያ በብዓመቱ ኣብ ዝካየድ ውድድር ዓብዪ ጉያ ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታ። ኣብቲ ዓመት ኣብ ዓለምለኻዊ ሻምፕዮና ጉያ ሞረር፣ ወርቂ መዳልያ ተሸሊማ። ብ1996 ዓ.ም. ኣብ ስፔይን መበል 21 ውድድር ነዊሕ ጉያ 8

ኪ.ሜ. ቀዳመይቲ ኮይና ስዒራ። ብተወሳኺ ኣብ ስዊዘርላንድ ውድድር ጉያ 8 ኪ.ሜ. ተሳቲፋ ቀዳመይቲ ኮይና።

ኣትሌት ወርቅነሽ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ካልኣይቲ ብምኻን ዛዚማ። ብ1995ዓ.ም. ኣብ ናይጀርያ ኣብ ዝተኻየደ መበል 8ይ ውድድር ጉያ መላእ ኣፍሪካ 10,000ሜ. ካልኣይቲ ብምኻን ወዲኣ። ኣብ እንግሊዝ ብ4ን 6ን ኪ.ሜ. ኣብ ኣየር ላንድ ድማ ብ4 ኪ.ሜ. ሰለስተ ግዘ ካልኣይቲ ኮይና ፈፂማ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ስፔይን ብ6ን 8ን ኪ.ሜ. ኣብ ስዊዘርላንድ እውን ብ4 ኪ.ሜ. ካልኣይቲ ኮይና ተዓዊታ። ብተመሳሳሊ ኣብ ጀርመን፣ ኖርወይን ጣልያንን ብ5000ሜ. ተሳቲፋ ኣብ ሰለስቲኡ ውድድር ካልኣይቲ ኮይና ዛዚማ። ኣብ 1997ዓ.ም ውድድር ዓለምለኸ ሻምፕዮና ኣትሌቲክስ ካልኣይ ብምኻን ዛዚማ።

ኣትሌት ወርቅነሽ ብ2003 ዓ.ም. ኣብ ቦስተን ማራቶን ንፈለማ ግዘ ማራቶን ተሳቲፋ ሻውዐይቲ ኮይና ዛዚማ። ሎሚ ሎሚ ወርቅነሽ ደጋጊማ ኣብ ምስታፉ፣ ኣብቲ ዘፈር ስፖርት እትፀንሕ ምኻና ይሕብር። ወርቅነሽ በዓልቲ ሓዳርን ኣዶ ቈልዑን እያ።

ወርቅነሽ ብፅንዓት ኮነ ብስፖርታዊ ስነ ምግባር ብቕዓታ ዘመስከረት ብልፅቲ ኣትሌት እያ።

*(ፍልፍል፦ ከሳቴ ለገሰ፣ 1999 ዓ.ም.፣ የትግራይ ስፖርት ከየት ወዴት? ቁ. 1፣ ኣባይ ኣሳታሚዎች፣ ተመሓይሹ ዝተወሰደ)*

## ድሕረ ንባብ

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ካብ ኣንስትዮን ተባዕትዮን ኣትሌታት ትግራይ ከክልተ ጥቐሱ።
2. ወርቅነሽ ከመይ ኢላ ጉያ ጀሚራ?
3. ወርቅነሽ ንፈለማ እዋን ኣብ ዝገበረቶ ውድድር ጉያ መበል ክንደይ ወዲኣ?
4. ወርቅነሽ ዝተሳተፈትሎም ርሕቐታት ጉያ ዘርዝሩ።
5. ኣብዚ ታሪኽ ህይወት ኣትሌት ወርቅነሽ ንዘለዉ ቀንዲ ፍፃመታት ብቕደም ሰዓብ ብሓፂሩ ፀሓፉ።
6. ወርቅነሽ ማራቶን ዝጀመረት ንምንታይ ይመስለኩም?

# 3. ቃላት

## ተመሳሳሊ ፍታሕ

ሀ. ኣብ ‘ሀ‘ ዘለዉ ቃላት ምስ ኣብ ‘ለ‘ ዘለዉ ብተመሳሳሊ ፍታሕ ኣዛምዱ።

ኣብነት፦ ዘፍረየት          መልሲ፦ ዘበርከተት

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ብቕዓት | ሀ. ግጥም |
| 2. ፅንዓት | ለ. ውሩይ |
| 3. ውድድር | ሐ. ጅግንነት |
| 4. ስሙይ | መ. ንቕሓት |
| 5. ትብዓት | ረ. ክእለት |
| | ሰ. ጥንካረ |
| | ሸ. ሕልኽ |

## ምምስራት ቃላት

ለ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዚ ዝስዕብ ሰደቓ ምልኡ።

| ራ.ን | ቃል | ተባዕታይ | ኣንስታይ |
|---|---|---|---|
| 1. | ተፈላጥነት | ፍሉጥ | ፍልጥቲ |
| 2. | ፅንዓት | | |
| 3. | ትብዓት | | |
| 4. | ብቕዓት | | |
| 5. | ምምራሕ | | |

## 4. ፅሕፈት

### ምምዕርራይ ቅደም ሰዓብ ምሉእ ሓሳባት

**ስእላዊ መዋደዲ ብምጥቃምን ቅደም ሰዓብ እዞም ምሉእ ሓሳባት ብምቅናዕን ብዛዕባ እቲ ኣትሌት ሓደ ዓንቀፅ ኣዳልዉ።**

ሀ. ሓጎስ ኣብ 2003 ዓ.ም. ኣብ ሃገርለኸ ሻምፕዮና ኢትዮጵያ ብ5000ሜ. ሻድሻይ ኮይኑ ወፂኡ።

ለ. ሓጎስ ገብረህይወት ብ1986 ዓ.ም. ኣብ ትግራይ ተወሊዱ።

ሐ. ኣብ 2003 ዓ.ም. ኣባል ጋንታ ስፖርት መስፍን ኢንዳስትርያል ኢንጂነሪንግ ኮይኑ።

መ. ብ2005 ዓ.ም. ኣብ ራሽያ ኣብ ዝተኻየደ ዓለምለኸ ሻምፕዮና ኣትሌቲክስ 5000ሜ. ካልኣይ ኮይኑ ዛዚሙ።

ረ. ኣብዚ ሎሚ እዋን ካብ ዝፍለጡ ተጋሩ ጎየይቲ ሓደ ሓጎስ ገብረህይወት እዩ።

ሰ. ሻድሻይ ኮይኑ ብምውድኡ ድማ ብ3000ሜ. ኣብ ዓለምለኻዊ ሻምፕዮና መናእሰይ ንኢትዮጵያ ወኪሉ ክሳተፍ ተመሪፁ።

### ኣፀሓሕፋ

## ግቡእ ኣፀሓሕፋ

**እዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ፅሑፍ ኮነ ኣብ ዘረባ ብሓባር እንትመፁ ከመይ ከምዝፀሓፉ ሓብሩ።**

ኣብነት፦ 1. *ካብ እዚ = ካብዚ*

*2. ካብ ሑመራ ናብ መቐለ እዚ = ካብ ሑመራ ናብ መቐለ*

| | |
|---|---|
| 1. ካብ ክፍሊ = | 4. ናብ እዚ ሰሌዳ = |
| 2. ምስ እቶም ጎየይቲ = | 5. ካብ እዞም ሩባታት = |
| 3. ካብ እቲ ገዛ | 6. ካብ ትግራይ |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅድመ ንባብ መልሱ።

1. ኣትሌት ወርቅነሽ ኣበይን መዓዝን ተወሊዳ?
2. ወርቅነሽ ካብ ዘመዝገበቶም ዓወታት ኣየነዎት ትዝክሩ?

### ንባብ ኣገላልፃ

ዓንቀፃት ክልተን ሰለስተን ብሓንቲ ደቒቓ ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ግዳማዊ ህይወት ኣትሌታት




ኣትሌታት ስለሺ ስህን፣ ቀነኒሳ በቀለን ሃይለ ገብረስላሴን ኣብ ኣቴንስ ኦለምፒክስ፣ 2004 ኣ.ፈ.

## ቅድመ ምድማፅ

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅድመ ምድማፅ መልሱ።

1. ኢትዮጵያ በየናይ ዓይነት ስፖርት ትፍለጥ?
2. ኢትዮጵያ ኣብ ዓለም ንኽትፍለጥ ዝገበሩዋ ጎየይቲ ዝተፈላለየ ርሕቐት ጥቐሱ።
3. እቶም ፍሉጣት ኣትሌታት ኣብ ካሊእ መዳይ ብምንታይ ይፍለጡ?

## እዋን ምድማፅ

**ቅድሚ ምድማፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፀርቲ መልስታት ፀሓፉ።**

1. ኣትሌታት ክወስዱዎም ዘይግብኡ ወልፍታት እንታይ እንታይ ይበሃሉ?
2. ኣብ ካሊእ ዓዲ ክረኽበ ዝነበረ ረብሓ ገዲፉ ናብ ሃገሩ ዝተመለሰ ኣትሌት መን ይበሃል?
3. ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ዕልዋ ዝፈጥሩ ኣትሌታት ዓለምና ጥቐሱ።
4. ኣትሌታት ኣብ ከመይ ዝበለ ስራሕቲ መዋእለ ንዋዮም የፍስሱ?
5. ኣብ ፓራለምፒክስ መዳልያ ዝረኸበ ፈላማይ ኢትዮጵያዊ ኣትሌት መን ይበሃል?



## ድሕረ ምድማፅ

**ብመሰረት እቲ ዘዳመፅኩምዎ ፅሑፍ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣትሌታት ምስ ማሕበረሰቦም ጥንኩር ርክብ ዝህልዎም እንታይ ስለዝገብሩ እዩ?
2. ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ምስጉናት ዝበሃሉ ብምንታይ ምኽንያት እዩ?
3. ኣትሌታት ኢትዮጵያ ካብ ጉያ ወፃኢ ዝተሳተፉሎም ዓይነታት ስራሕ ጥቐሱ።

## 7. ሰዋስው

### ምፍላይ በዓል ቤትን መእሰሪ ዓንቀፅን

በዓል ቤት ኣብ ሓደ ምሉእ ሓሳብ ፈፃሚ ግብሪ መን ምዃኑ ይሕብር። በዓል ቤት ንምፍላጥ ፈፃሚ ግብሪ "መን እዩ" ኢልና ንሓትት። ኣብቲ ዝቕፅል ምሉእ ሓሳብ፣ 'መን ረኺባ?' ዝብል ሕቶ ኣልዒልና 'ወርቅነሽ' ዝብል መልሲ ስለንረክብ፣ 'ወርቅነሽ' ዝብል ቃል በዓል ቤት እዩ።

*ኣብነት፦ ወርቅነሽ ኣብ ለንደን ኦለምፒክስ ናእዳ ረኺባ።*

መእሰሪ ዓንቀፅ ኣብ ሓደ ምሉእ ሓሳብ ዝተፈፀመ ግብሪ እንታይ ምዃኑ ይሕብር። ኣብቲ ዝቕፅል ኣብነት 'ተለማሚዱ' ዝብል እንታይ ግብሪ ከምዝተፈፀመ ስለዝገልፅ መእሰሪ ዓንቀፅ እዩ።

*ኣብነት፦ እቲ ጎያዩ ብዘይ ምቁራፅ ተለማሚዱ።*

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ዝተሰመረሎም ቃላት በዓል ቤት ወይ መእሰሪ ዓንቀፅ ብምባል መልሱ።**

*ኣብነት፦*

- *ተስፋኣለም ገብሩ ኣብ ውድድር ፓራለምፒክስ ናእዳ ረኺቡ።*

  *መልሲ ⟶ በዓል ቤት*

1. <u>ምሩፅ ይፍጠር</u> ቀያሪ ማርሽ እናተበሃለ ዝፅዋዕ ውሩይ ጎያዩ እዩ።
2. ኦለምፒክስ ኣብ ኣርባዕተ ዓመት ሓደ ግዜ <u>ይካየድ።</u>
3. <u>ማራቶን</u> እቲ ዝነውሐ ርሕቐት ጉያ እዩ።
4. መሓመድ ኣማን ብ8 ምኢቲ ሜትሮ ጉያ <u>ተዓዊቱ።</u>
5. ደራርቱ ቱሉ ኣብ ኦለምፒክ ወርቂ ብምርካብ ፈላመይቲ ኣፍሪካዊት ኣትሌት <u>እያ።</u>

# ሰሙናዊ ርእሲ ታሪኽ ህይወት

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተዘራረቡሎም።**

1. ካብ ውሩያት ተባዕትዮ ኣትሌታት ትግራይ እንመን ትፈልጡ?
2. 'ልምምድ' ካብ 'ልምዲ' ዝፍለየሉን እቲ ሓደ ምስቲ ካልእ ዝመሳሰለሉን ዘትዩ።

### እዋን ንባብ

**ለ. ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

ገብረእግዚኣብሄር ገብረማርያም፦

1. ዝተወለደሉ ዓ.ም.______________________________
2. ንፈለማ እዋን ዝተወዳደረሉ ርሕቐት____________________
3. ብ1993 ዓ.ም. ዝተወዳደረሉ ቦታ______________________
4. መጀመሪያ ዝኣተወሉ ጋንታ_________________________
5. ዝፍለጠሉ ባህርይ_______________________________

# ገብረእግዚኣብሔር ገብረማርያም

ኣትሌት ገብረእግዚኣብሔር ገብረማርያም ኣብ ክልል ትግራይ ዞባ ምብራቕ፣ ወረዳ ሓውዜን፣ ጣብያ ፀንቃኔት ብ1974 ዓ.ም. ተወሊዱ። ኣብታ ጣብያ ክሳብ ሻድሻይ ክፍሊ ተማሂሩ። ሻውዓይን ሻምናይን ክፍሊ ኣብ ከተማ ፍረ ወይኒ ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ቀፂሉ። ካብ ታሽዓይ ክሳብ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ድማ ካብ ፀንቃኔት መንገዲ ሓደ ሰዓት ብእግሪ እናተመላለሰ ኣብ ከተማ ዕዳጋ ሓሙስ ተማሂሩ። ናብ ቤት ትምህርቱ ንምብፃሕ ዝገብሮ ዝነበረ ጉያ ንናይ ዳሕረዋይ ዓወታቱ መሰረት ኣንቢሩሉ እዩ።

ገብረእግዚኣብሔር ኣብ ክልል፣ ዞባ፣ ወረዳን ኣብያተ ትምህርትን ኣብ ዝተኻየዱ ብዙሓት ውድድራት ጉያ ተሳቲፉ። ካብዚኦም እቲ ፈላማይ ጉያ 800ሜ. ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ዝተሳተፈሉ እዩ። ኣብቲ ውድድር ቀዳማይ ብምዃን ተዓዊቱ። ቀፂሉ ቤት ትምህርቱ ብምውካል ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍረ ወይኒ ኣብ ዝተገበረ ቅድድም 1,500ሜ. ቀዳማይ ኮይኑ። ኣብ መንጎ ሽዱሽተ ወረዳታት ዞባ ምብራቕ ኣብ ዝተገበረ ውድድር 3,000ሜ. እውን ንወረዳ ሳዕስዕ ፃዕዳ እምባ ወኪሉ ቀዳማይ ኮይኑ።

ገብረእግዚኣብሔር እንትሳተፍን እንትዕወትን ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሞራላውን ቁሳውን ሓገዝ ይወሃቦ ነይሩ። ከምዚ ዝበሉ ሓገዛት ነዚ ሐዚ ዝበፅሖ ብርኪ ዓብዪ ግደ ነይሩዎም።




ገብረእግዚኣብሔር ዕቡቕ ውፅኢት ይርከብ እምበር ንዓበይቲ መድረኻት ዝኸውን ስሩዕ ስልጠና ኣይረክብን ነይሩ። እዚ ብምዃኑ ብ1993 ዓ.ም. ማይጨው ኣብ ዝተገበረ ውድድር 5,000ሜ. ብዘይ ብዙሕ ልምምድ ብምእታዉ ኣይኮነሉን። ብኣንፃሩ ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ተወዳደርቲ ዞባ ደቡብ ዝሓሸ ልምዲ ነይሩዎም። ኣብቲ ቅድድም እቲ ሓደ ብምምራሕ እቲ ሓደ ብምስዓብ ሕድሕዶም እናተባረዩ ኣድከሙዎ። በዚ ድማ ሳልሳይ ኮይኑ ወደአ። ከምቲ ዝተሃንጠዎ ስለዘይሰመረሉ ብሕሱም ሕርቃን በኸየ። በኽዩ ግን ኣይተረፈን። ኣብቲ እዋን ብ10,000 ሜትሮ ንዝካየድ ካልኣይ ውድድር ንምዕዋት ናብ ሜዳ ብምኻያድ ልምምድ ጀመረ። ብትረትን ንቕሓትን ድማ ቀፀለ። ካብኡ ብሓያል ሕራነን ትብዓትን ተዓወተ።

ገብረእግዚኣብሔር ብ1993 ዓ.ም. ክልል ትግራይ ወኪሉ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንፈለማ ግዘ ተወዳዲሩ። እንተኾነ ብዙሕ ልምዲ ስለዘይነበሮ ኣብ መበል 16 ዙር ደኺሙ። ሻውዓይ ኮይኑ ድማ ፈፀሙ። ድሕሪ ሰለስተ መዓልትታት ኣብ ዝተገበረ ጉያ 5,000ሜ. ግን ሳልሳይ ብምእታው ዓቕሚ ዘለዎ ምዃኑ ኣመስከረ። ሰኣን ልምዲ እምበር፣ ፅቡቕ ውፅኢት ናይ ምምፃእ ብቕዓት ከምዘለዎ ዝተረድኡ ጋንታታት ኣዲስ ኣበባ ምስኦም ንኽጥርነፍ ዕድመ ኣቕረቡሉ። ድሕሪ እቲ ፃውዒት ብ1994 ዓ.ም. ንጋንታ ስፖርት ባንክ ፈረመ።

ገብረእግዚኣብሔር ኣብ 1997 ዓ.ም. ንሃገሩ ወኪሉ ኣብ ሻምፕዮና መናእሰይ ዓለም ጉያ ሞረር ቀዳማይ ኮይኑ ተዓዊቱ። ካብ 40 ንላዕሊ ዓለምለኻዊ ውድድራት ዝገበረ እዚ ኣትሌት፣ ብ2001 ዓ.ም. ድማ ተዓዊቲ ጉያ ሞረር ሻምፒዮና ዓለም ኮነ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ንፈለማ እዋን ኣብ ጉያ ማራቶን ኒው ዮርክ ሲቲ ተሳቲፉ ንውሩያት ኣትሌታት ዓለም ብምቕዳም ተዓዊቱ።

ገብረእግዚኣብሔር ጎና ጎኒ ኣትሌትክስ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ብምስታፍ ይፍለጥ። ብ2006 ዓ.ም. መስራቲ ዓለምለኻዊ ውድድር ጉያ ጎቦ ብምዃን ኣብ ብሄራዊ ፓርክ ኣብጃታን ሻላን ብዕሊ መሲሱ። ብተወሳኺ ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ምግባረ ሰናይን ኣብ ዓውድታት ንግድን ኢንቨስትመንትን እውን ብፅንዓት ይዋሳእ እዩ።

ገብረእግዚኣብሔር ብስነ ምግባሩን ፅኑዕ ፍቕሪ ሃገሩን ዝፍለጥ ኣትሌት እዩ። ብተወሳኺ፣ ካብ ብውልቀ ብሓባር ብምስራሕ ውፅኢት ምርካብ ዝሐሸ ምዃኑ ዝኣምንን ዝሰርሕን ኣትሌት እዩ። ብኻሊእ ኣዘራርባ፣ ካብ ውልቃዊ ዓወት ብሃገራዊ ዓወት ዝሕጐስ ሰፊሕ ኣተሓሳስባ ዘለዎ እዩ።

*(ፍልፍል፦ መፅሄት ጥሕሎ፣ 2003 ዓ.ም.፣ ቅ. 1፣ ቁ.6፣ ተመሓይሹ ዝተወሰደ)*

## *ድሕረ ንባብ*

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ገብረእግዚኣብሄር ካብ ገዝኡ ናብ ቤት ትምህርቱ ብእግሩ ምምልላሱ እንታይ ጠቒሙዎ?

2. ገብረእግዚኣብሄር እንትወዳደር እንታይ ዓይነት ሓገዝ ይግበረሉ ነይሩ?

3. ኣትሌት ገብረእግዚኣብሄር ኣብ ማይጨው ብዘይ ልምዲ ብምስታፉ ዘጋጠሞ ኩነት እንታይ እዩ?

4. ገብረእግዚኣብሄር ናብ ጋንታ ስፖርት ባንክ ከመይ ኣትዩ?

5. ኣብ ኣትሌቲክስ ንዝነጥፉ መናእሰይ እንታይ እንታይ ሓገዝ ምሃብ የድልይ? ንምንታይ?

## 9. ቃላት

### ምልላይ ፍሉያት ቃላት

ለ. ካብዞም ዝስዕቡ ቃላት ብፍታሕ ፍሉይ ዝኾነ ኣውፅኡ።

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. | ሀ. ፈለማ | ለ. ቀፂሉ | ሐ. መጀመርታ | መ. ቅድሚ ኹሉ |
| 2. | ሀ. ልምዲ | ለ. ዝውቱር | ሐ. ልሙድ | መ. ንቡር |
| 3. | ሀ. ዕድመ | ለ. ፃውዒት | ሐ. መፀዋዕታ | መ. መዘከርታ |
| 4. | ሀ. ትረት | ለ. ጥንካረ | ሐ. ክብደት | መ. ፅንዓት |
| 5. | ሀ. ሕራነ | ለ. ኩራ | ሐ. ኒሕ | መ. ሓቦ |

### ምህናፅ ምሉእ ሓሳባት

ሀ. በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።

ኣብነት፦ ልምምድ

መልሲ፦ ኣብ ሓደ ስራሕ ንጡፍ ንምኳን ልምምድ የድልይ።

1. ልምዲ 2. ፈለማ 3. ዕድመ 4. ትረት 5. ሕራነ

## 10. ፅሕፈት

### ምድላው ፅሑፍ

ኣብ ታሕቲ ዝተወሃበ ሓበሬታ መሰረት ገይርኩም ንኣትሌታት ወርቅነሽን ጥሩነሽን ዘወዳድር በዓል ክልተ ዓንቀፅ ፅሑፍ ኣዳልዉ።

1. ጥሩነሽ መስከረም 1978 ዓ.ም. ኣብ ጣብያ በቆጂ፣ ወረዳ ኣርሲ ተወሊዳ።
2. ንፈለማ እዋን ብ1994 ዓ.ም. ኣብ ዝተገበረ ዓለምለኻዊ ጉያ ሞረር ጀሚራ።
3. ኣብ ውድድር ኦለምፒክ ብተኸታታሊ መዳልያ ወርቂ ዝረኸበት ኣንስተይቲ ኣትሌት እያ።
4. ጥሩነሽ ኣባል ጋንታ ስፖርት ቤት ህንፀት እያ።
5. ጥሩነሽ ብ5 ሽሕን 10 ሽሕን ሜትሮ ብዙሓት ወርቅታት ዓቲራ።
6. ብዙሓት ኣባላት ስድራ ጥሩነሽ ኣብ ኣትሌቲክስ ፍሉጣት እዮም።

## ኣፀሓሕፋ

**ካብቶም ዝተሰመረሎም ሓረጋት ክጥመሩ ዝኽእሉ ብጉጅለ ኮይንኩም ብምፍላይ ጠሚርኩም ፀሓፉ።**

ኣብነት፦

ደስታ ንፉዕ ተወዳዳራይ እዩ። ኩሉሻብ ኣብ ሰዓቱ ኣብ እቲ መለማመዲ ቦታ ይርከብ። ምስ እቶም መሓዙቱ ብምኻን ንጉሆ ንጉሆ ካብ መቐለ ክሳብ ኲሓ ይለማመድ።

*መአረምታ፦ ኣብ እቲ፦ ኣብቲ   ምስ እቶም፦ ምስቶም*

ባህርያት ንፉዓት ተምሃሮ ብዙሓት እዮም። ንፉዓት ተምሃሮ ብሰዓቶም ናብ ቤት ትምህርቲ ይመፁ። ኣብ ክፍሊ ምስ እቲ ትምህርቲ ዘይዛመዱ ንጥፈታት ኣይሰርሑን። ብተወሳኺ ምስ እቶም ተምሃሮ ኮነ ምስ እቶም መምህራን ስጡም ርክብ ኣለዎም። ኣብ እቲ ክፍሊ ንዘለዉ ኣቑሑ ይከናኸኑ። ብተመሳሳሊ፣ ናይ እቲ ቤት ትምህርቲ ስሪት የኽብሩ።

## ሰሙን 2 መዓልቲ 6

# 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅምዲ ኮይንኩም ተዘራረቡሎም።**

1. ኣትሌት ገብረእግዚኣብሄር ኣበየነዎት ርሕቐታት ጉያ ተሳቲፉ?
2. ገብረእግዚኣብሄር ብፍላይ ብምንታይ ይፍለጥ?

### ንባብ ኣገላልፃ

**ንዓንቀፃት ሰለስተን ኣርባዕተን እቲ ምንባብ ስርዓተ ነጥቢ ሓሊኹም ብግቡእ ኣገላልፃ ብሓንቲ ደቒቓ ኣንብቡ።**

# 12. ዝርርብ

### ቃለ መሕትት

| ቃለ መሕትት ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ሓበሬታ ንምርካብ ዓሊሙ ዝካየድ ቃላዊ ምልልስ እዩ። ቃለ መሕትት ንምክያድ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ምፍላጥን ምፍፃምን የድልይ፦ | |
|---|---|
| **ሓተትቲ** | • ዕላማ ቃለ መሕትት ምፍላጥ<br>• ግልፅን ግቡኣትን ሕቶታት ምድላው<br>• ምክትታልን መዘክር ምሓዝን<br>• ምምስጋን |
| **መለስቲ** | • ብትሕትና ምምላስ<br>• ግቡእ ምድላው ምግባር<br>• እኹል ሓበሬታ ምሃብ<br>• ምምስጋን |

ኣርባዕተ ሕቶታት ብምድላው ኮፍ መባህልትኹም ተባዕታይ እንተኾይኑ ከም ገብረእግዚኣብሄር ገብረማርያም፣ ኣንስተይቲ እንተኾይና ከም ወርቅነሽ ኪዳነ ብምሕሳብ በብተራ ቃለ መሕትት ኣካይዱ።

# 13. ሰዋስው

## *ምፍላይ በዓል ቤት*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ኣብነት በዓል ቤት ሕድሕድ ምሉእ ሓሳብ ፍለዩ።**

*ኣብነት፦ ኢትዮጵያ ብዙሓት ኀየይቲ ነዊሕ ርሕቐት ኣለዉዋ።*

*መልሲ፦ ኢትዮጵያ (በዓል ቤት)*

1. ልዑል ንፉዕ ኀያዪ እዩ።
2. ኀየይቲ ብዘይ ምቁራፅ ክለማመዱ ይግባእ።
3. ትግራይ ብዙሓት ኀየይቲ ኣፍርያ እያ።
4. ኣትሌቲክስ ብዙሕ ፃዕርን ወነን ይሓትት።
5. ፋጡማ ሮባ ኣብ ውድድር ማራቶን ቀዳመይቲ ወፂኣ።

## *ምፍላይ መእሰሪ ዓንቀፅ*

**ለ. ኣብ ቀዳማይ ዓንቀፅ እቲ ምንባብ መእሰሪ ዓንቀፅ ኮይኖም ዘገልግሉ ቃላት ፈሊኹም ኣውፅኡ።**

# ሰሙናዊ ርእሲ ባህርያት ኣትሌታት

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ነፂልካ ምንባብ

ብመሰረት እቲ ኣብነት፣ ነቶም ኣብ ትሕቲ 'ሀ' ዘለዉ ቃላት ነፂልኩም ብምፅሓፍ ኣንብቡ።

| ረ.ጋ | ሀ | ለ | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ዓወታቱ | ዓወት | ታት | ኡ | |
| 2 | ዝተገበረ | | | | |
| 3 | እንትዕወትን | | | | |
| 4 | ኣይኮነሉን | | | | |
| 5 | ስለዘይነበሮ | | | | |

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅድመ ንባብ ብጉጅለ ተዘራረቡሎም።

1. ኣብ ስፖርታዊ ግጥም ዝተዓዘብኩምዎ ፅቡ`ቕ ወይ ሕማ`ቕ ተጓንፎ ግለፁ።
2. ኣብ ኢትዮጵያ ብፅቡ`ቕ ስነ ምግባሮም ዝፍለጡ ኣትሌታት ጥቐሱ።

### እዋን ንባብ

ነቲ ፅሑፍ ብናህሪ እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ምልኡ።

1. ኣትሌት ሃይለ ገብረስላሴ ንኬንያዊ መንሓንሕቱ ብም`ቕጻሙ ወርቂ፣ ብ__________ ድማ ናእዳ ረኺቡ።
2. ኣትሌት ንም`ዃን ተኸታታሊ _______ን ________ን ይሓትት።
3. ኣትሌት ጥሩነሽ ተሲኣ ምዕዋታ፣ ኣድላይነት________ን _______ን የርእይ።

# መለለዪ ባህርያት ንፉዓት ኣትሌታት

ኣትሌቲክስ ኣብ ትሕቲኡ ጉያ፣ ዳርባን ዝላን ዝበሃሉ ሰለስተ ዓበይቲ ዘፈራት የጠቓልል። ሕድሕድ ዓይነት ስፖርት ድማ ብዝተፈላለዩ ውድድራት ይካየድ። ኣብዞም ዘፈራት ኣትሌቲክስ ዝተዋፈሩ ሰባት ኣትሌታት ይበሃሉ። እዞም ብዝተፈላለዩ ዘፈራት ኣትሌቲክስ ዝነጥፉ ኣትሌታት ሓድሓደ መለለዪ ባህርያት ኣለዉዎም።

ኣትሌታት ኣብ ሜዳ እንትነሓንሑ ነቲ ውድድር ሰሓባይ ናይ ምግባር ብቕዓቶም ልዑል እዩ። ንፉዓት ኣትሌታት ንመነሓንሕቶም ከም ሰባት ዝሓልዩን ዝሕግዙን ከም ተነሓንሕቶም ዓወት ዝጭብጡን ሰብ ፅቡቕ ስነ ምግባርን እዮም። ከምዚ ዝበሉ ባህርያት ዝውንኑ ኣትሌታት ከም ወርቂ ደሚቖምን ዓብዪ ተፈታውነት ኣሕዲሮምን ይረኣዩ። ንኣብነት ኣትሌት ሃይለ ገብረስላሴን ፖል ቴርጋት ዝበሃል ኬንያዊ ኣትሌትን ዘይርሳዕ ምንሕናሕ ኣካይዶም ሃይለ እንትዕወት ንርእይ። ፖል ቴርጋት ኣብ መርዓ ሃይለ ዓርኪ ምንባሩ ንኽልቲኦም ዘለና ናእዳ ክውስኽ ይገብሮ።

ብኣንፃሩ ሕማቕ ምግባር ኣብ ትዕዝብቲ ካብ ምውዳቕ ሓሊፉ ዕላማ ንከይዕወት ይዓግት። ንኣብነት፣ ኣብ ኮርያ ብ10,000ሜ. ኣብ ዝተኻየደ ፍፃመ ሃይለ ገብረስላሴ ንመነሓንሕቱ ቀዲሙ እንትኣቱ እቲ ኬንያዊ ብሕርቃን ዝባኑ ወቒዑዎ። ሃይለ ግና ልቕሐይ ክመልስ ከይበለ ፅሽሽ ኢሉ ሓሊፍዎ። ኣብ መወዳእታ ብምዕዋቱ ወርቂ፣ ብምዕጋሱ ድማ ናእዳ ረኺቡ። እቲ መነሓንሕቱ ግን በቲ ዘርኣዮ ባህርይ ተወቒሱ። ንዕኡ ዝተሓሰበ ሽልማት ብሩር ድማ ነቲ ሳልሳይ ተዋሂቡ።




ኣትሌት ንምኽን ተኸታታሊ ልምምድን ልምድን ይሓትት። ኣትሌታት እዚ ኩሉ ኣብ ግምት ኣእትዮም ዕላምኦም ብፅንዓት ዘዕውቱ ሰብ ሞያ እዮም። ብሓደ ለይቲ ንፉዕ ኣትሌት ምኻን ኣይከኣልን። ነቲ ሞያ ብምኽባር ተኸታታሊ ስልጠናን ልምምድን ይጠልብ። ቀፃሊ ንምግባር ድማ ንቤተሰብ፣ ንምዝንጋዕ፣ ንፈተውቲ፣ ወዘተ. ዝወሃብ ግዘ ምጥዕዓም የድልይ።

ሰባት ኣብ ዝዋፈሩሉ ስራሕ ዝተፈላለዩ ማሕለኻታት ክጓንፉዎም ይኽእሉ። ነዞም ፀገማት ንምስጋር ዓብዪ ፅንዓት የድልዮም። ኣትሌታት እውን ብተመሳሳሊ ኣብ ሜዳ ኮነ ካብ ሜዳ ወፃኢ ዝተፈላለዩ ፀገማት እንትጋጥሙዎም ብፅንዓት ክሰግሩዎም ይግባእ። ንፉዓት ኣትሌታት ሕልሞም ክሳብ ዘግህዱ ይወድቁን ይትስኡን። ተስፋ ግን ኣይቖርፁን። መብዛሕትኦም ኣትሌታት ትግራይ እውን ወነንቲ ብዙሕ ተመኩሮን ፅንዓትን እዮም። ንኣብነት፣ ኣትሌታት ምሩፅ ይፍጠር፣ ገብረእግዚኣብሔር ገብረማርያምን ወርቅነሽ ኪዳነን ፈለማ እንትወዳደሩ ብብዙሓት ይቕደሙ ነይሮም።

ድሕሪ ብዙሕ ልምምድን ልምድን ግና ብሉፃትን ዕውታትን ኮይኖም። እዞም ኣትሌታት ብቐሊሉ ዘይዓግቡን ኩሉ ግዘ ንምምሕያሽ ድሉዋትን ብምኳኖም እውን እዮም ኣብዚ ብርኪ በፂሖም።

ንፋዓት ኣትሌታት ምስ ዘጓንፍዎም ኩነታት ዓርሶም ኣጠዓዒሞም ይኸዱ። ምስ ኩነታት ኣየርን ዝወዳደርሉ ቦታን ይለማመዱ። ልዕሊ ኹሉ ግን "ኣናፍራ ቆፃሕ ዘይፈልጥስ ኣይሃዳናይን" ከም ዝበሃል ኣተሓሳስባን ብቕዓትን መነሓንሕቶም ገሚቶም ይዳለዉ። እዚ ዓርሰ እምነትን ምሉእ ኣቓልቦን ንኽህልዎም ይሕግዞም። ንኣብነት፣ ኣትሌት ጥሩነሽ ዲባባ ሓደ እዋን ኣብ ጉያ ወዲቓ። ምስቲ ዝተፈጠረ ኩነታት ነብሳ ብምምዕርራይ፣ ፀገማ ተፃዊራ ተሲኣ። ናህሪ ወሲኻ ድማ ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታ። ስና ነኺሳ፣ ዓቕማ ፀንቂቓን ስቓያ ተፃዊራን ብምጉያይ ዘሕብን ታሪኽ ፈፂማ።

ንፋዓት ኣትሌታት ተዓወትቲ ንክኾኑ ትዕግስቲ፣ ውፉይነትን ዓብዪ ተውህቦን የድልዮም። ኣትሌታት ሓሳቦምን ግዜኦምን ዝሻመዩ ብዙሓት ነገራት ክጋጥሙዎም ይኽእሉ። ንፋዓት ኣትሌታት ዕላምኦምን ሕልሞምን ኣብ ምግሃድ ጥራይ ከድህቡ ይግባእ። እዚ እንተዘይኮይኑ ሓንሳብ ተራእዮም ክጠፍኡ ይኽእሉ።

ብሓፈሻ ንፋዓት ኣትሌታት ክዕወቱ ብሩህ ተስፋ፣ ፅንዓት፣ ውፉይነት፣ ተኸታታሊ ልምምድን ካብ ሕሉፍ ተመኩሮ ምምሃርን የድልዩዎም። ህንጥውነትን ብቐሊሉ ዘይምዕጋብን እውን መመሊሶም ንኽዕወቱ ይሕግዙዎም።

*(ፍልፍል፦ Dr. Bruce Brown, National association of intercollegiate Athletics ተመሓይሹ ዝተወሰደ)*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. እቲ ኬንያዊ ኣትሌት ንሃይለ ገብረስላሴ ንምንታይ ወቒዕዎ?
2. "ኣናፍራ ቆፃሕ ዘይፈልጥስ ኣይሃዳናይን" ዝብል ምስላ እንታይ ይገልፅ?
3. ኣትሌታት ዕዉታት ንክኾኑ ዝሕግዙ ባህርያት ኣየኖት እዮም?
4. ካብ ርክብ ሃይለ ገብረስላሴን ፖል ቴርጋትን እንታይ ንመሃር?

**ለ. ፅማቕ እቲ ምንባብ ካብ 5-7 ብዝኾኑ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።**

## 16. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ

**ዓውዳዊ ፍታሕ እቶም ዝተሰመረሎም ቃላት ሃቡ።**

1. ሀ. ብርሃኑ ኣብ ዕድመ ንእስነቱ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ክኢሉ።
   ለ. ኣደይ ንግስቲ ወረቐት ዕድመ መርዓ ልኢኸን።

2. ሀ. ኣብቲ ግጥም ብዙሓት ተዓዘብቲ ተረኺቦም።
   ለ. እቲ ኣትሌት ማይ ግጥም ኣቢሉ።

3. ሀ. ኣኸዛ ኣብቲ ቅድድም ሳልሰይቲ ኮይና ወዲኣ።
   ለ. ሓሊማ ክልተ ብርጭቆ ማይ ወዲኣ።

4. ሀ. እቲ ሓላዊ ማዕፆ ፅኑዕ ጭዋዳ ኣለዎ።
   ለ. ካሕሳይ ኣብ ቃሉ ፅኑዕ እዩ።

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ቅድሚ ሐዚ ንዝንበብኩምዎም ክልተ ምንባባት መሰረት ገይርኩም ብመንፅር ቀፂሉ ዘሎ ቅጥዒ ነቶም ኣትሌታት ዘወዳድር በዓል ክልተ ዓንቀፅ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

**መወዳደርቲ ረቋሓታት:-**

ሀ. ኩነታት ውልደት

ለ. ኩነታት ትምህርቲ

ሐ. ኣጀማምራ ወይ ኣተኣታትዋ ክለብ

መ. ዘመዝገቡዎም ዓወታት

### ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ካብቶም ዝቐረቡ ቃላት እናመረፅኩም ምልኡ።**

| | | | |
|---|---|---|---|
| ኣብ | ናብቲ | ኣብዚ | ካብታ |
| ምስቲ | ካብ | ናብዚ | ናብታ |

1. እቲ ምንባብ __________ እተዳምፁዎ ዛንታ ርክብ ኣለዎ።
2. __________ ንጥፈት ሽዱሽተ ባዶ ቦታታት ኣለዉ።
3. ኣብ እዋን ስራሕ __________ ን __________ ን ምባል ኣየድልን።
4. እታ ኣትሌት ካብ ገዝኣ __________ ሓፍታ ከይዳ።

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ኣብ ዝሓለፈ ብዛዕባ እንታይ ከም ዘንበብኩም ተዛረቡ።

### ንባብ ኣገባልፃ

ነተን ቀዳሞት ክልተ ዓንቀፃት እቲ ምንባብ ብፅፈት ኣንብቡ።

## 19. ዝርርብ

### መደረ

ብመንፅር እቶም ቀፂሎም ዝቐረቡ ነጥብታት ወርቅነሽን ገብረእግዚኣብሔርን ብምንፅፃር ተመያየጡ።

ትኹረት ዝግበረሎም ነጥብታት:-

ሀ. ኩነታት ውልደት እቶም ኣትሌታት

ለ. ኩነታት ትምህርቲ

ሐ. ኩነታት ኣጀማምራ ጉያን ክለብን

መ. ዓወታት

## 20. ሰዋስው

### ምፍላይ በዓል ቤትን መእሰሪ ዓንቀፅን

ሀ. ካብዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት በዓል ቤትን መእሰሪ ዓንቀፅን ፍለዩ።

1. እቲ ውድድር ኣብ ማይጨው ተኻይዱ።
2. ረዘነ ኣብ መላእ ፀወታታት ኢትዮጵያ ዓወት ዓቲሩ።
3. ተጋሩ ኣብ ፓራለምፒክስ ተዓዊቶም።
4. ስፖርት ንሰላምን ንምሕዝነትን ይካየድ።
5. ንፉዓት ኣትሌታት ፀገማት ናይ ምፅዋር ዓቕሞም ልዑል እዩ።

### ምህናፅ ምሉእ ሓሳባት

ለ. በዓል ቤትን መእሰሪ ዓንቀፅን ዘለዎም ሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።



# 3

# ቃላዊ ግጥምታት

## ሰሙናዊ ርእሲ ቃላዊ ግጥምታት መርዓን ሓዘንን

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ምጥማርን ምንፃልን ቃላት

**ሀ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

ኣብነት፡- *ብ- ዘይ- ስ -ሩዕ = ብዘይስሩዕ*

1. ዝ- ቐ - ረ -በት
2. ከም- ዝ- ስ -ዕብ
3. እን- ተ- ሰ- ኣን -ካ -ያ
4. ን- ዝ- ነ -በ -ረ
5. ን- ዝ- ፍ -ፀም

**ለ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ነፂልኩም ኣንብቡ።**

ኣብነት፡- *ከምዝውቀስ = ከም- ዝ- ውቀስ*

1. ንዝተፈፀመ
2. እንተወረድና
3. እንተተፈፂሙ
4. ዝሓዘነት
5. እንተወፃእና

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ሕቶታት ብፅምዲ ተመያየጡሎም።**

1. ብዛዕባ መልቀስ እንታይ ትፈልጡ?
2. ፍታሕ እዞም ቃላት ብፅምዲ ተመያየጡሎም።

ግጥሚ፣ መልቀስ፣ ኣምዐ፣ ሽንጎ፣ ስብቅል፣ ዘስቈርቍር

## *እዋን ንባብ*

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. መልቀስ ንሰብ፣ ንእንስሳ፣ ን_____ን ____ን ክግጠም ይኽእል።
2. መስሓኞ ዓዲ ከይኸውን ኢሉ ኣብ ______ተሓኒቑ ሞተ።
3. ብ _____ ዓ.ም. ጥምየት ብምንባሩ ንእኽሊ ተለቒሱ።
4. ዘይናቶም ሓሪዶም ዝበልዑ መስፍን__________ይበሃሉ።

# መልቀስ

መልቀስ እንታይ እዩ? እንታይ ረብሓ ኣለዎ? መልቀስ ኣብ እዋን ሓዘን ብዘስቆርቑር ዜማ ዝቐርብ ቃላዊ ግጥሚ እዩ። እዚ ግጥሚ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ሓዘን ወይ ድማ ድሕሪ ሞት ዝበሃል መተንፈሲ ስምዒት እዩ።

መልቀስ ሕሉፍ ታሪኽ፣ ዅነታትን ተጓንፎታትን ወይ ምስቲ ዘስቆርቁር ወገን ርክብ ዘለዎ ዝኾነ ነገር ብዘሕዝን መንገዲ ንምግላፅ ይጠቅም። ብፍላይ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት እንተጋጥሙ ስምዒት ንምግላፅን ፍትሒ ወይ ሰናይ ምምሕዳር እንተጓደል ግፍዒ ይፍፀም ከምዘሎ ብዘይስሩዕ መንገዲ ንምጥራዕን የገልግል። ብተወሳኺ ብዘይ ስኽፍታ ባህርን መንነትን ሰባት እውን ንምግላፅ ይውዕል። ብዝኾነ ምኽንያት ሓዘን ትገልፅ ኣምሲልካ ብመልቀስ ስምዕታ ምቕራብ ልሙድ እዩ። እዞም ረብሓታት ኣብቶም ቀሪቦም ዘለዉ መልቀሳት ምርኣይ ይከኣል።



*ሰባት ኣብ መልቀስ*

እዛ እትስዕብ መልቀስ፣ ቅድሚ ምኢቲ ዓመት ኣቢሉ ኣብ ከባቢ ኣኽሱም ንዝነበረ ምምሕዳር ንምኹናን ዝቐረበት እያ።

ወየ! ወየ! ወየ!

ቆላ እንተወረድና ኣምዐ በልዓና፣

ጎቦ እንተወፃእና ሽንገጋ ወድኣና፣

ኣባ ፎላ ሞትካ'ሞ ዝብኢ በልዓና።

እቲ ክስተት ድሕሪ ሞት ኣባ ፎላ ዝተበሃለ በዓል ስልጣን ምኻኑ ይሕብር። እዛ ኣብነት ብመልቀስ ኣቢልካ ሰበ ስልጣን፣ ኣሰራርሓ ወይ ስርዓት ከምዝውቀስ ተርእይ።

እታ እትቅፅል ድማ ብሰንኪ ውልቃውን ማሕበረሰባውን ኣረኣእያ ንዝተፈፀመ ተርእዮን ተጓንፎን እያ ትገልፅ። ሓደ እዋን፣ ክልተ ግዘ ዝተፋተሐ ሰብኣይ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ኣጋይሽ ናብ ገዝኡ ዓደመ። እታ ሳልሰይቲ በዓልቲ ገዝኡ ንኣጋይሹ ዝዳለወቶ ፀብሒ እውን ከምቲ ናይተን ቀዳሞት ጥዑም ኣይነበረን። በዚ መስሓቕ ዓዲ ካብ ዝኾውን ብምባል ኣብ ኦም ዓውሒ ተሓኒቑ ሞተ። በዚ ዝሓዘነት በዓልቲ ገዝኡ ከምዚ ዝስዕብ ኣልቀሰት፦

ወየ! ወየ! ወየ!

ሽማግለ እንተሎ ገናናሒ፣

ሰደኛ እንተሎ መፋትሒ፣

’ታይ ወሰደኩም ናብቲ እግሪ ዓውሒ?

እሞ ሐዚ ዶ ረኺብኩም ጥዑም ፀብሒ?

ብ1951 ዓ.ም.፣ ኣብ ትግራይ ጥምየት ነበረ። ኣብቲ እዋን ሓደ ሰብኣይ ንእኺሊ ከምዝስዕብ ኣልቀሰሉ፦

ወየ! ወየ! ወየ!

እኺሊየ! እኺሊ እኺሊ፣

ሲሶ መልክዕ ክልተ ኢድ ሓይሊ፣

ወዲ ኣዳም ጠፍአ ንዓኻ ክደሊ፤

እኺሊ ደቂቕ እኺሊ ደቂቕ፣

እንተስኣንካያ ጅማትካ ትሽምቀቕ፣

ብዘይ ሕማም ሓይልኻ ተድቅቕ፣

ብዘይ ንጉስ ዓድኻ ተልቅቕ።

*(ፍልፍል፦ ኣኣዩ፣1984ዓ.ም.፣ የኢትዮጵያ ቋንቋዎች ስነ ፅሑፍ መፅሂት፣ ቁ.2)*

በደል ኣብ ህዝቢ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ ውልቀ ሰብ እንተተፈፂሙ እውን ብመልቀስ ይግለፅ እዩ። ቀኛት ተላ ቆራሮ ዝበሃለ ሓውዜነታይ መስፍን ብስልጣኖም ሓራስ ላሕሚ ኣይተ ደስታ ሓሪዶም ምስ ተኸተልቶም ይበልዑ። ካብኡ፣ እቶም በዓል ዋና እታ ላሕሚ እዚ ዝስዕብ ኢሎም፦

ወየ! ወየ! ወየ!

ከመይ ኢኺ ላሕመየ ስብቅል

ጉለኺ ከም በዓቲ የዕቅል

ኣጥዋትኪ እውን ላጋታት የስቅል

ጥብሲ ዶኾ ገበሩኺ ቅቅል

ለካ ፀላኢኻስ ከም ሳዕሪ ይበቁል።

*(ፍልፍል፦ ሙሉ ሃይለስላሴ፣ 1999 ዓ.ም.፣ ካብቲ ምዑዝ ባሕሪ፣ 131)*

ኣብቶም ኣብነታት ምርኣይ ከምዝከኣል፣ መልቀስ ንሰብ፣ ንእንስሳ፣ ንኾነታት፣ ንእኽሊ፣ ወዘተ. ክልቀስ ይኽእል። ብተመሳሳሊ፣ ኣብ ውልቀ ሰባት ወይ ሕብረተሰብ ንዝፍፀም በደል እውን ተበደልቲ ብመልቀስ ስምዒቶም ይገልፁ እዮም።

## *ድሕረ ንባብ*

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ከም መልቀስ ዝበሉ ቃላዊ ግጥምታት ኣብ ማሕበረሰብ እንታይ ግደ ኣለዎም?
2. ቃላዊ ግጥምታት ከመይ ክዕቀቡ ይኽእሉ?
3. ኣብቲ ምንባብ “ወዲ ኣዳም ጠፍአ ንዓኻ ክደሊ” ተባሂሉ ዝተለቀሰሉ መን እዩ?
4. ተሓኒቑ ንዝሞተ በዓል ቤታ ካብ ዘልቐሰትሉ መልቀስ እንታይ ተረዲእኹም?
5. እታ ቀዳመይቲ መልቀስ ንመንን ንምንታይን ተባሂላ?
6. ብመልቀስ ኣብ ክንዲ ሓዘን ጥራሕ ካሊእ መልእኽቲ ንምንታይ ይግለፅ?

## ሰሙን 1 መዓልቲ 2

## 3. ቃላት

### ተመሳሳሊ ፍታሕ

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ቃላት ተመሳሳሊ ፍታሕ ሕረዩ።**

*ኣብነት፡- ደቂቕ*

*ሀ. ፅቃጥ ለ. ጥርሑ ሐ. ንኡሽተይ መ. ቀጢን*

*መልሲ፡- ሐ. ንኡሽተይ*

1. ስብቅል

ሀ. ሰናይት ለ. ርህርህቲ ሐ. ሕያወይቲ መ. ፅብቕቲ

2. ላጋ

ሀ. መሕለቢ ለ. መሕቖኒ ሐ. መፅጠኒ መ. መዋህለሊ

3. ዝሓረሰት

ሀ. ዝሓመመት ለ. ዝወለደት ሐ. ዝደቀሰት መ. ዘልመዐት

4. ሰደኛ

ሀ. መቃተሊ ለ. መፃልኢ ሐ. መስማፅምዒ መ. መጣቔሲ

5. ኣስቆርቈረ

ሀ. ተከዘ ለ. ኣፈራርሐ ሐ. ጨደረ መ. ቀሰነ

6. ተዃንፎ

ሀ. ውህብቶ ለ. ኣጋጣሚ ሐ. ተመክሮ መ. ዝኽሪ

7. ኣልቀሱላ

ሀ. ሓመሙላ ለ. ሓዘኑላ ሐ. በኺዩላ መ. ገጠሙላ

8. ግፍዒ

ሀ. ፅልኢ ለ. በደል ሐ. ማስቃ መ. ተንኰል

9. ምኽንያት

ሀ. መበገሲ ለ. ውፅኢት ሐ. መዛዘሚ መ. መወዳእታ

10. መተንፈሲ

ሀ. መፍሰሲ ለ. መግለፂ ሐ. መውፅኢ መ. መፅቖሪ

## 4. ፅሕፈት

### ምምላእ ግጥሚ

**ነዚ ጅሙር ግጥሚ መልኡ።**

ሓወልቲ

መቸም ግርም እዩ ምዕቃብ ቅያኻ፣

ሓመቐ ፀበቐ ስራሕ ወለድኻ።

ቅያ ዘምህረካ ፅቡቕ ተመኩሮ፣

ንህሉው ወለዶ ነጢፍካ ተምህሮ።

____________________________

____________________________

____________________________

____________________________

____________________________

____________________________

### ኣፀሓሕፋ

**ነቶም ኣብ ሰደቓ ዝተዘርዘሩ ቃላት ምስቲ ኣብነት ብምምስሳል ፀሓፉዎም።**

| 1. | ቅያ | ቅያኺ | ቅያኻ | ቅያና |
|---|---|---|---|---|
| 2. | ወገን | | | |
| 3. | ባህሊ | | | |
| 4. | ኣሰር | | | |
| 5. | ሃፍቲ | | | |
| 6. | ታሪኽ | | | |
| 7. | ዓዲ | | | |
| 8. | መንነት | | | |
| 9. | ሓድጊ | | | |
| 10. | ቅርሲ | | | |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብዚ መጀመርያ እዚ ሰሙን ብዛዕባ እንታይ ኣንቢብኩም?

2. ብዝሓለፈ ካብ ዘንበብኩምዎም ግጥምታት ኣየነዎት ትዝክሩ?

### ንባብ ናህሪ

**ነተን ናይ መወዳእታ ክልተ ግጥምታት ምስ መግለፂአን ብሓንቲ ደቒቓ ብናህሪ ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ቃላዊ ግጥምታት መርዓ

### ቅድመ ምድማፅ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ እትዳምፁዎ ፅሑፍ ገምቱ።
   - ደርፊ - ፅምበባ - ሜስ
   - ጐርዞ - ብርሃን - ዳስ

2. ነቲ ኣብ መፅሓፍኩም ዘሎ ስእልን ርእስን ተዓዚብኩም ዝተረዳእኹምዎ ተዛተዩ። ብምኽፃል ትሕዝቶ እትዳምፁዎ ፅሑፍ ገምቱ።

### እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም ነቶም ዘይተመልኡ ግጥምታት ምሉእ ግበሩ።**

1. ኣያ ጐይታይ ንኡስየ፣

   ____________________________ ።

2. ሸዊት ሰነ፣ ሸዊት ሰነ፣

   እንኳዕ ____________________ ።


3. ወዲ ወይዘራዝርየ፡

   _______________________ ።

4. እኖይ ቢላ ጓል እኖይ ቢላ፣

__________ ወዳ ሓዚላ።

__________ ጓላ ሓዚላ።



*ዕዱማትን ሙዚቀኛታትን ኣብ መርዓ*

## ድሕሪ ምድማፅ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. "ኣዲም ቃላ … ኣዲም ቃላ፣ ኣደን ጓለን ተቐልቀላ" መዓዝ ይድረፍ?
2. ግጥምታት መርዓ ኣብ ማሕበራዊ ርክብ ዘለዎም ረብሓ እንታይ እዩ?
3. መርዓዊ ናብ እንዳ ጓል እንትወፍር እንታይ ተባሂሉ ይድረፍ?
4. ኣብቲ ዝዳመፅኩምዎ ፅሑፍ ባህላዊ መርዓ ገፀር ዝውክል ምኻኑ ዝገልፁ ቃላት ወይ ሓረጋት ብምጥቃስ ኣብርሁ።

## 7. ሰዋስው

**ምፍላይ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ**

ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ ሓበሬታ ወይ ርእይቶ ዝገልፅ እዩ። እዚ ዓይነት ምሉእ ሓሳብ ክልተ ቅርፅታት ዘለዉዎ ኮይኑ ንሳቶም ድማ እወንታውን ኣሉታውን ይበሃሉ። ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ ሓተታዊ፣ ነጋሪ ወይ ገላፂ ይበሃል እዩ።

**ካብዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ነቶም ሓባሪ ዝኾኑ ፍለዩ።**

***ኣብነት፦***

*1. ንጉስ ዕዮ ገዛ ሰሪሑ። 2. እቲ ፀገም መዓዝ ተኸሲቱ?*

*መልሲ፦ ንጉስ ዕዮ ገዛ ሰሪሑ።*

1. ንሳቶም ናብ መርዓ ከይዶም ሳዕሲዖም።
2. ርሑስ ጋማ ይግበረልኩም!
3. ስነ ቃል ዘይጭበጥ ሓድጊ እዩ።
4. እቶም ሰብኣይ ቃላዊ ግጥሚ ገጢሞም።
5. ከመይ ኢኺ ላሕመይ?

# ሰሙናዊ ርእሲ ግጥምታት ዕለታዊ ንጥፈት

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### *ቅድመ ንባብ*

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡሎም።**

1. ሰባት ንምንታይ እናደረፉ ዝሰርሑ ይመስለኩም?
2. ፍታሕ እቶም ዝስዕቡ ቃላት ብጉጅለ ተመያየጡሎም።

   *መረረት፣ ሃረርታ፣ ዕንዱ፣ ምርራው፣ ክራማት፣ ኣዝመራ*

### *እዋን ንባብ*

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ሰለስተ ዕለታዊ ንጥፈታት ፀሓፉ።

2. ረብሓታት ዜማዊ ግጥሚ ጥቐሱ።

# ግጥምታት ዕለታዊ ንጥፈት

ግጥሚ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ኩነታት ንምግላፅ ይግጠም። ሰባት ዕለታዊ ንጥፈታቶም እናሳለጡ በቶም ግጥምታት መነባብረኦምን ተጓንፎኦምን ይገልፁ።

ብግጥምታት ኣብ ምእራይ ዕንፀይቲ፣ ምሕዋር ማይ፣ ምጥሓን እኽልን ካልኦት ንጥፈታትን ዝተፈላለየ ስምዒታት ይግለፅ። ንኣብነት፣ እዛ እትቅፅል ግጥሚ ናፍቖት ቤተሰብ ወይ ዓዲ ትገልፅ።



*ኣዶ እንዳጠሓነት እንትትደርፍ*

“ጥሕን ጥሕን ዳጉሻ ድራረይ

ክኸድ እየ ናብ ኣደይ መዓረይ።”

ስእነተን ድኽነተን ዘስቈንቍና እንተኾይኑ፣

“መጥሓን ንመጥሓኑ ዘይተወቕረ

እኸሊ ውሒድዎ ዘንፀርፀረ!" ትብል።

ዓቐሊ ፅበት መከራን ንምግላፅ ድማ፣

"ኣንቲ ኪዳነ ምህረት

ነዚ ይዶ ዓቘርክኒ ብቕልዓይ ከይሞት!" እናበለት ወፅዓኣን መረረታን ትገልፅ።

ናፍቖትን ሃረርታን እንትበዝሕ ድማ፣

"ኣታ ኅይታ ፍቕሪ ጐይታ በይነይ፣

የሓሚመይ ድየ ብናማነይ፤

መቐነተይ ገይረያ ክዳነይ፣

እዝጊ ይምሓርኺ ዘይትብለኒ ሃመይ!" ትብል።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ኣብነታት ስምዒት ምግላፅ ጥራሕ እንተይኮነስ ንሰለጤን ዕለታዊ ንጥፈታት እውን ዓብዪ እጃም ኣለዎም። ቈልዑ እናጠበራን እናረረዋን ዝገጥማሉ ግዘ እውን ኣሎ። ንኣብነት፣ ሕዛል ቈልዓ እናበኸየት እንተኾይና፡-

"እሩሩ እሩሩ

ንዓኺ ክረሩ

መዓንጣይ ሓሪሩ። "ብምባል ትጥብር። እቲ ሕዛል ወዲ እንተኾይኑ፣ "ንዓኻ ክራሩ..." ይበሃል። በተወሳኺ፣ እኖ ንሕዛል ወዳ፣

"ኣታ ዕንዱ ወደይ! ዕንዱ ወደይ!

ሓምባር ኢደየ ሕንጥልጥል ክሳደይ፣

መሊሰዶ ከእትወካ ናብ ከብደይ!" ትብል። ጓል እንተኾይና፣ "ኣንቲ ዕንዱ ጓለይ..." ይበሃል።

ብተመሳሳሊ፣ ሰባት ማሕረስ፣ ፃህያይ፣ ዓፂድ፣ ዓውዲ፣ ወዘተ. እንተሳልጡ ይገጥሙን የዚሙን እዮም። ኣብቶም ትሕት ኢሎም ዘለዉ ኣብነታት ምርኣይ ከምዝከኣል፣ ግጥምታት ዝተፈላለዩ ስምዒታትን ቁም ነገራትን ይግለፀሉ።

ግራት ዝሕረስ ዝናብ ኣሎ ብዝብል ተስፋን እምነትን እዩ። ንኣብነት፣ እዛ እትስዕብ ግጥሚ ተስፋን ፀሎትን ሓረስታይ ትሕብር።

"እሓርስ ኣለኹ፣

ደበናይ እናመዓደኹ፣

ደበናየ።"

ዕቡኽ ኣዝመራ ብምትስፋው ድማ፣

"ሓሪረይ መንዲለይ ምሳይ ዝርየ፣

ዳጉሻይ ምሽላይ ተኾመርየ።" እናበሉ ይደርፉ።

እቲ ክራማት ዕቡኽ ምኻኑ ብምዕዛብ፣

"ሳላ ዳጉሻየ፣

'ዛ ውነይ ተመሊሳየ፣

'ዛ ውነይ!" እናበሉ ሰናይ ዘበን ምምፅኡ የበስሩ።

ባህላዊ ማሕረስ ብዘይ ብዕራይ ዳርጋ ኣይሕሰብን። እዚ ንምግላፅ ብዕራይ እናመጐስካ ዕዮታት ሕርሻ ምስላጥ ልሙድ እዩ። እዛ እትቕፅል ግጥሚ ኣብ እዋን መኸዳ ብዕራይ መሰረት ሃፍትን መፃኢ ህይወትን ምኻኑ ትገልፅ እያ።

"ሆሆየ! ሆሆየ! ሆሆየ!

ሆሆየ! ሆሆ ማየ!


ብዕራይ ዘይብሉ ሰብየ፣

ዕድሎቱ ሓንቲየ፣

ምቕማጡ ታሕቲየ፤

ብዕራይ ዘለዎ ሰብየ፣

መመሪፁ ይዋስብየ።"



*ሓረስታይ ኣብ ማሕረስ*

ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ዝበሃሉ ግጥምታት እንታይነት እቶም ዝሳለጡ ዕለታዊ ንጥፈታት ይሕብሩ። በቶም ግጥምታት ዝግለፁ ቁም ነገራትን ዜማታትን ስራሕቲ ንምስላጥ ዓብዩ ግደ ኣለዎም። ብተወሳኺ፣ ኣብቲ ማሕበረሰብ ዘሎ ኣነባብራ፣ ኣሰራርሓን ሃገር በቑል ፍልጠትን ይገልፁ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ፣ ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቒ"፣ ንዘይኮኑ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ።**

1. ኩሎም ቃላዊ ግጥምታት ብዜማ ይዕጀቡ እዮም።
2. ቀንዲ ረብሓ ቃላዊ ግጥሚ ስራሕ ምስላጥ እዩ።
3. ቃላዊ ግጥምታት ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ይትግበሩ።
4. "መቐነተይ ገይረያ ኽዳነይ" ዝብል፣ ቅሳነት እታ ገፀ ባህርይ ይገልፅ።
5. ቃላዊ ግጥሚ ብተባዕትዮ ኮነ ኣንስትዮ ክቐርብ ይኽእል።

**ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. "እዝጊ ይምሓርኪ ለይትብለኒ ሃመይ?" እንታይ ማለት እዩ?
2. "ከም ሓምባር ኢደይ" ተባሂሉ ዝተመሰለሉ መን እዩ?
3. ብዕራይ ንምንታይ ይውደስ?
4. ሓረስቶት ከም ማሕረስ ዝበሉ ዕዮታት ሕርሻ፣ ኣብ ዝናብ ጥራሕ ተስፋ ገይሮም ምስላጦም ግቡእ ዶ ይመስለኩም?

## 9. ቃላት

### ተመሳሳሊ ፍታሕ

**ብመሰረት እቲ ምንባብ፣ ተመሳሳሊ ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋትን ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦ ወቐሳ = መረረት፣ እንፅርፅሮት፣ ስምዕታ*

1. ምሕዋር ማይ
2. ምርራው
3. ፅንዱ
4. ግደ
5. ዓቕሊ ፅበት
6. ሃገር በቔል

## 10. ፅሕፈት

### ምእራም ግጥሚ

**ቅድሚ ሐዚ ንዝፀሓፍኩምዎ ግጥሚ ብጉጅለ ኣርሙ።**

### ኣፀሓሕፉ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ቃላት ኣመዓራሪኹም ፀሓፉ።**

| 1. | ዝብል | ዝበሉ | ዝበልና |
|---|---|---|---|
| 2. | ይድገም | | |
| 3. | ይህብ | | |
| 4. | ይግበር | | |
| 5. | የምፅእ | | |
| 6. | ዝኾን | | |
| 7. | ይገልፅ | | |

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብዚ ሰሙን ብዛዕባ እንታይ ዓይነት ግጥምታት ኣንቢብኩም?**

### ንባብ ፅፈት

**ነተን ቀዳሞት ሰለስተ ቃላዊ ግጥምታት ቃና ግጥሚ ሓሊኹም ኣንብቡወን።**

## 12. ዝርርብ

**ኣብዚ ምዕራፍ ካብ ዘንበብኩምዎም ወይ ዘዳመፅኩምዎም ሓንቲ ግጥሚ ብምምራፅ ንመማህርትኹም ብቓልኩም ኣቕርቡ።**

## 13. ሰዋስው

### ምፍላይ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ

**ንሕድሕድ ምሉእ ሓሳብ ብምንባብ ነቲ በዓል ቤትን መእሰሪ ዓንቀፅን ዘለዎ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ ጥራሕ ኣስምሩሉ።**

*ኣብነት፦ ሀ. ስነ ቃል ኣብ ማሕረስ ንጥቀምሉ ዲና?*

*ለ. <u>ደርፍታት ማሕረስ ስራሕ የሳልጡ እዮም፡፡</u>*

1. ግጥምታት ስምዒት ናይ ምስሓብ ክእለት ኣለዎም።
2. ኣፀቢቕካ ድረፍ!
3. “እዝጊ ይምሓርኪ!”
4. ዳጉሻን ምሸላን ተኸሚፉ።
5. ሃይለ ካብ ገዛ እንታይ ኣምፂኣኻ?

# ሰሙናዊ ርእሲ ቃላዊ ሓድጊ

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምፍላይ ቀለማት

**ነቶም ዝተነፀሉ ብምጥማር ነቶም ዝተጠመሩ ድማ ብምንፃል ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡- እናበኸየት = እና- በኸየ -ት*

*1. እናጠበራን*

*2. ብ- መን -ነት -ና*

*3. ዝቐነየት*

*4. እንተይኮነስ*

*5. እና- ተ- ሓናፈፀ -ን*

*6. ብኣተሓሳስባና*

*7. ን- ዝ- ተኻየዱ*

*8. እንዳማትና*

*9. ብመነባብሮኡ*

*10. ምስ- ወደአ -ት*

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ቅድሚ ምንባብኩም ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቂ" ንዘይኮኑ ድማ "ጌጋ" በሉ።**

1. ቃላዊ ግጥሚ ሓድጊ እዩ።
2. ቃላዊ ግጥሚ ዝድህሰስ ሓድጊ እዩ።
3. ቃላዊ ሓድጊ ብቓልን ብፅሑፍን ይመሓላለፍ።
4. ብናይ ካሊእ ዓዲ ባህሊ ምኹራዕ ግድን እዩ።

### እዋን ንባብ

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**


1. ኢትዮጵያ ዓሰርተ ሓድግታት ኣብ ዝርዝር ሓድግታት ዓለም ኣለዉዋ። ካብዚኦም ሓወልቲ፣ _______፣ _______፣ ምጥቃስ ይከኣል።
2. ቃላዊ ግጥምታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብ______ ኣቢሎም ይመሓላለፉ።
3. ሰለስተ ረብሓታት ቃላዊ ግጥምታት ፀሓፉ።

# ቃላዊ ግጥሚ ከም ሓድጊ

ሓድጊ ክብሪ ዘለዎ ንመፃኢ ወለዶ ክመሓላለፍ ዝድለይ ሃፍቲ እዩ። ክሳብ ቀረባ እዋን ሓወልቲ፣ ገዳም፣ ህንፃ፣ ሽንጥሮ፣ ወዘተ. ዝበሉ ጥራሕ ከም ሓድጊ ይቑፀሩ ነይሮም። ኣብ ዝርዝር ዓለምለኸ ሓድግታት፣ ኢትዮጵያ ትሽዓተ ዝድህሰሱ ቅርስታት ኣለዉዋ።

ሕቡራት መንግስታት፣ ስምምዕነት ክንክን ዘይድህሰሱ ሓድግታት ብ1996 ዓ.ም. ዕላዊ ገይሩ። ብድሕሪኡ፣ እዞም 'ነበርቲ ሓድግታት' ወይ 'ክብርታት ደቂ ሰብ' ልዑል ትኹረት ክረኽቡ ጀሚሮም። ሃገርና እውን፣ ኣብዚ ሓዱሽ ዝርዝር በዓል መስቀል ብሕዳር 13፣ 2006 ዓ.ም. ብምምዝጋብ መሲሳ። እቲ ካሊእ ዘይድህሰስ ሓድጊ ቃላዊ ግጥሚ እዩ።

ቃላዊ ግጥሚ ብቓል ዝመሓላለፍ ኣገዳሲ ሓድጊ እዩ። እዚ ካብ ውልቀ ሰብ ጀሚሩ ክሳብ ሕብረተሰብ እናተመሓላለፈ ዥነታትን መነባብሮን ማሕበረሰብ ዝገልፅ ሓድጊ እዩ። ቃላዊ ግጥሚ ብኣውሎ፣ ማሰ፣ ፈኸራ፣ ጉማየ፣ ሁራ፣ መልቀስ፣ ያታ፣ ወዘተ. ይቐርብ።




*ዘፈራት ቃላዊ ግጥሚ ዘርእይ ምስሊ*

ቃላዊ ግጥምታት ዝተፈላለዩ ረብሓታት ኣለዉዎም። ብቐዳምነት ቃላዊ ግጥሚ ባህላዊ መነባብሮ እቲ በዓል ዋና ይገልፅ። እቲ ግጥሚ ናይ ቀዳሞት ወለዲ ብምኳኑ ንቐፃልነት ሓዱሽ ወለዶ ዓብዪ ትርጉም ኣለዎ። ከም ግጥሚ ዝበለ ዘይድህሰስ ሓድጊ፣ ባህላዊ መንነት፣ ብዙሃነትን ሰብኣውነትን ንምፍጣር ሰረት እምኒ ኮይኑ የገልግል። ቃላዊ ግጥምታት ከም ሓጐስ፣ ሓዘን፣ ፍቕሪ፣ ዕልኢ፣ ወፅዓ፣ ተስፋ፣ ሓቦ፣ ወዘተ. ዝበሉ ስምዒታት ይግለፀሎም። ንኣብነት፣ ሓንቲ ኣዶ ዝተፈላለዩ ዕዮታት እናሰርሐት ትደርፍ። ብኡኡ ኣቢላ፣ ፍቕርን ሓልዮትን ሕዛል ቈልዓ፣ ናፍቖት በዓል ገዝኣን ዝተፈለየቶም ወለዳን ዓዳን ትገልፅ።

ግጥምታት ኣብ ሓደ እዋን ንዝነበረ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካውን ቁጠባውን ዅነታት ከም ታሪኽ ስለዘዘንትዉ ከም ሓድጊ ይረኣዩ። በቶም ግጥምታት ንዝተኻየዱ ውግኣት፣ ዘጋጠሙ ፀገማት፣ ዝነበሩ ጀጋኑን ጅግንነታዊ ስራሕትን ምርዳእ ይከኣል። ግጥምታት ዝፀንሐ ናብራን ኣነባብራን ምግላፅ ጥራሕ ዘይኮኑስ ከም ፍልፍል ታሪኽን መሰረት ባህልን ኮይኖም የገልግሉ።

ቃላዊ ግጥምታት ዝነበረ ኣሰር ገጠምቲ፣ ደረፍቲ፣ ምሁራን፣ ወዘተ. እውን ይሕብሩ። በቶም ግጥምታት ብዛዕባ እቶም እናገጠሙን እናዜሙን ዘመሓላለፉ ኣባላት ሕብረተሰብ ንርዳእ። በዚ ድማ ብግጥምታት ዝፀንሐ ክእለት ላዛዊ ኣዘራርባ እውን ምግንዛብ ይከኣል። ብልዙብ ኣዘራርባ ዝበሃሉ ግጥምታትን ዜማታትን ከም ፍትሕ፣ ባእሲ፣ ቅትል፣ ውግእ፣ ወዘተ. ከይኸሰቱ ይሕግዙ ምንባሮም ንግንዘብ። ንኣብነት፣ ገጠምቲ ፅቡቕ ባህርይ፣ ተኸለ ሰብነት፣ ዘርእን ሃፍትን ሰባት እናልዓሉ ይውድሱ። እዚ ልዙብ ዘረባን ስልጡን ኣተኣላልያን ፀገማት እቶም ግጥምታት የርእዩ።

ቃላዊ ግጥምታት ዕድል ምትሕንፋፅን ምቕያርን ከጋጥሞም ይኽእል። ስለዚ ድማ ቃላዊ ግጥምታት በዚ ኣቢሎም ክርስዑን ኣሰሮም ክጠፍእን ይኽእሉ። እዚ ንከይኸውን ብስርዓት ምዕቃብን ምምሕልላፍን የድልይ። እንተተዓቂቦም፣ ፅኑዕ መንነትን ዘይተሓናፈፀ ስብእናን ክህልው ይገብሩ። ኣብ ስልጣነ፣ ፍልጠት፣ ፍልስፍና ወለድና ተመስሪትና ንዓቢ። ብኸምዚ ድማ ብመንነትና ኩሩዓት፣ ብኣተሓሳስባና ምሉኣት ንኸውን። እዚ ኣብ ክንዲ ባህልን መንነትን እንዳማትና ናይ ባዕልና ክንወርስ ይገብረና። "ኣዲኣያ ገዲፋስ ሓትንኣ ትናፍቕ" ከይኸውን ብናይ ባዕልና ባህሊ እናኾራዕና ነማዕብል።

ኩሎም ዝድህሰሱ ሓድግታት ከም ቃላዊ ግጥሚ ዝበለ ዘይድህሰስ ሃፍቲ ወይ ፀጋ ኣለዎም። ኩሉ ሕብረተሰብ ከም ቃላዊ ግጥሚ ዝበለ ዘይድህሰስ ሓድጊ ኣለዎ። ቃላዊ ግጥሚ እናተቐየረ፣ እናተረሰዐን እናሃሰሰን ክጠፍእ ስለዝኽእል ብዘይ ወዓል ሕደር ክዕቀብ ይግባእ። ከምዚ ዝበለ ሓድጊ፣ በዓል ዋና እንድሕር ብውነ ዘይዓቂቡዎ ክህሉ ኣይኽእልን። ስለዚ እቶም ኣብ ዝተፈላለዩ በዓላትን ንጥፈታትን ዝበሃሉ ዝነበሩን ዘለዉን ግጥምታት ክቕረፁ፣ ክፀሓፉን ክግለፁን ይግባእ። ሰባት ነቲ ሓድጊ ወኒኖም ብኡኡን ምስኡን ክነብሩ ኣለዎም።

*(ፍልፍል፦ Deacon, H. (2004). The Subtle Power of Intangible Heritage: Legal & Financial Issues. Cape Town: HSRC Publishers. ተመሓይሹ ዝተወሰደ።)*

## ድሕሪ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነቶም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ቃላዊ ግጥምታት ዝበፅሑ ሓደጋታት እንታይን እንታይን እዮም?
2. "ኣዲኣያ ገዲፋስ ሓትንኣ ትናፍቕ" ዝብል ምስላ ምስቲ ትሕዝቶ ፅሑፍ እንታይ ርክብ ኣለዎ?
3. ኣብ ከባቢኹም ክንክን ዘድልዮም ቃላዊ ሓድግታት ኣለው ዶ?

**ለ. ሓዱሽ ወለዶ ሓድግታቱ ከመይ ክዕቅብ ከምዘለዎ ዝገልፅ ሓፂር ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

## 16. ቃላት

### ምህናፅ ምሉእ ሓሳባት

**በዞም ስዒቦም ዝቐረቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

*ኣብነት፦ ቃላዊ ግጥሚ*

*ቃላዊ ግጥሚ ብቓል ዝመሓላለፍ ሓድጊ እዩ።*

1. ኣውሎ
2. ሓድጊ
3. ኣሰር
4. ሓቦ
5. ሓልዮት
6. መልቀስ
7. ዝድህሰስ
8. ስነ ቃል
9. ብዙሕነት
10. ዕላዊ

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ነቲ ዝጀመርኩምዎ ግጥሚ ኣይምኩም ፀሓፉዎ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ምስቲ ዝተወሃበ ኣብነት ብምስናይ ኣመዓራሪኹም ፀሓፉ።**

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. | መምህር | ኣምሂሩ | የምህር | መምህር የምህር |
| 2. | ገጣሚ | ገጢምና | | |
| 3. | ሓረስታይ | ማህረስ | | |
| 4. | ዘዋሪ | ዘዊሮም | | |
| 5. | ተምሃራይ | ይመሃሩ | | |
| 6. | ነባሪ | ነቢሮም | | |
| 7. | ዓቃቢ | ዕቀባ | | |

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

“ቃላዊ ግጥሚ ከም ሓድጊ” ኣብ ዝብል ፅሑፍ ካብ ዘንበብኩምዎ እንታይ ትዝክሩ?

### ንባብ ኣገላልፃ

ነዚ ሓፂር ግጥሚ፣ ቃና ግጥሚ ሓሊኹም ኣብ ውሽጢ ዒስራ ሰከንድታት ኣንብቡዎ።

<u>ታሪኽ መግበኒ</u>

ምስጢር ንገረኒ ዛንታ ከይሓባእኻ፣
ተዛረብ ሰሎዳ ተርኽ ኣፍ ኣውፂእኻ።
ብጥምረት ፈሊሑ ሃገራዊ ፍቕሪ፣
ብብልሓት ከበርዕን ትምክሕቲ ወራሪ።
ውዕሎ ናይ ወለደይ ካባኻ ክረኽቦ፣
ማህደር ገንፅለለይ ታሪኽካ ክሓልቦ።
ሰነዳት ትማሊ ምርኩስ ክኾነኒ፣
ተዛረብ ሰሎዳ ታሪኽ መግበኒ።

*(ፍልፍል፦ ኪሮስ ለገሰ፣ 2003፣ ቀንዴል፣ ገ.48)*

## 19. ዝርርብ

### ምንባብ ግጥሚ

ብደንቢ ብቓልኩም እትፈልጡዎ ግጥሚ ኣብ ክፍሊ በብታራ  ኣቕርቡ።

# 20. ሰዋስው

## ምልዋጥ ምሉእ ሓሳባት

**ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ናብ ሓባሪ ምሉእ ሓሳባት እናለወጥኩም ፀሓፉዎም።**

**ኣብነት፦**

*ረብሓ ቃላዊ ግጥሚ እንታይ እዩ?*

*መልሲ፦ ቃላዊ ግጥሚ ማእለያ ዘይብሎም ረብሓታት ኣለዉዎ።*

1. ቃላዊ ግጥምታት ብመልክዕ ማሰ፣ ኣውሎን ሁራን ይቐርቡ ዶ?
2. መርዓ ኣብርሃምን ሳራን ይግበረልኩም!
3. ቃላት ኣየፋትሑን!
4. ሓዱሽ ወለዶ ሓድግታት ክዕቅብ ኣለዎ።
5. ግጥምታት ዝድህሰስ ፀጋ ኣለዎም ዶ?



# 4

# ቊልዕነት

## ሰሙናዊ ርእሲ ፀወታታት ቊልዕነት

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ጠሚርካ ምንባብ

**ቀጺሎም ንዝቐረቡ ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡- እንት -ደጋገም = እንትደጋገም*

1. ስለ- ዘለዎ -ን
2. ከይ- ተ- ሐምዳ
3. ብ- ትሕዝቶ -ን
4. ስለ- ዝ- ኽእል -ን
5. ምስ- ተ- ወደአ
6. ዝ- ደኸም -ኣት

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ነቲ ርእስን ስእልን ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ገምቱ።
2. ኣንስትየ ኣብ ቊልዕነተን ካብ ዝፃወትኦም ፀወታታት ነቶም ሓሙሽተ ጥቀሱ።
3. ሕፍተይ ዝበሃል ፀወታ ትፈልጡ ዶ? ከመይ ይፅወት?

### እዋን ንባብ

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ሰደቓ ብምስኣል ኣብቲ ምንባብ ንዘለው ቁልፊ ቃላትን ቅደም ሰዓብ ዝገልፁ ቃላትን ብምውፃእ ኣብቲ ሰደቓ ምልኡዎም።
2. እናንበብኩም ኣብ ኣእምሮኹም ንዝፈጠርኩምዎ ምስሊ ኣብ ደብተርኩም ፀሓፉዎ።

# ኣፀዋውታ ሕፍተይ



*ቈልዑ ሕፍተይ እንትፃወታ*

ሕፍተይ፣ ሚን፣ ኳሊንኳል፣ ብሪሞ፣ ዝላ፣ ሕብሕብኢተይ፣ ወዘተ. ፀወታታት ቈልዑ እዮም። እዞም ፀወታታት፣ ቈልዑ ካብ ትምህርቲ ወይ ካብ መልእኽቲ ነፃ እንትኾኑ ይፃወቱዎም። ሕፍተይ ኣብ ገፀር ትግራይ ዝዝውተር ሰሓባይ ፀወታ እዩ። እዚ ፀወታ መብዛሕትኡ እዋን ዕድመአን ካብ 7-12 ብዝኾና ኣዋልድ ይዝውተር። ሕፍተይ ንምፅዋት ፍልይ ዝበለ ኣከዳድና ወይ ገይፂ ኣየድልዮን። ከበሮን ጣቕዒትን እውን ኣየድልዮን። ከይዲ ኣፀዋውትኡን ዝፅወተሉ ቦታን ምፍላጥ ግን ኣገዳሲ እዩ።

እተን ቈልዑ ፈለማ ግፍሕ ዝበለ መፃወቲ ቦታ ይመርፃ። እዚ ኣብ መረባ፣ እንዳ ሓሰር ወይ ዝኾነ ብነፃነት ከፃውት ዘኽእል ምቹው ቦታ ክኸውን ይኽእል። ኣብቲ ዝመረፀኦ ቦታ ክቢ ብምስራሕ ጠጠው ይብላ። ብምቕፃል፣ ኩለን ብሓደ ግዘ ኣእዳወን ንላዕሊ ኣወናጪፈን፣ ኣፍ ልበን ይወቕዓ። ካብኡ፣ ናህሪ ሓልየን፣ ብኣእዳወን ሰለፈን ይወቕዓ። ደሓር፣ ኣእጋረን ንላዕሊ ሓፍ ኣቢለን እናዘለላ ፍሉይ ዜማ ብዘለዎ ውቕዒት ይኾላ። ኣብቲ ኩላ፣ ኩለን ብሓባር እንትዘላ ኣፍ ልበን፣ እንትምለሳ ድማ ሰለፈን ይወቕዓ። እዚ እንትደጋገም ከበሮን ጣቕዒትን ዘሎ ይመስል። በዚ በዚ፣ እቲ ፀወታ ኣብ ኣሕንባዛ ወይ ኣብ ኣሸንዳ ብዝላ ምስ ዝረአ ትልሂት ይመሳሰል።

ዝላ፣ ኩላን ውቅዒትን ሕፍተይ ዝዕጀብ ዜማዊ ብዝኾነ ሕቶን መልስን እዩ። ካብተን ኣዋልድ ሓንቲ፣ ‘ኣባ ጨጐራ’ ኢላ ብምፅዋዕ፣ ዋዕ ኢላ ትሓትት። እተን ካልኦት ድማ ብሓባር ‘እህ...’ ኢለን ይምልሳ። ካብኡ እታ ሓታቲት፣ ምስ መልሲ ብትሕዝቶን ዜማን ዝኸይድ ካሊእ ሕቶ ተስዕብ። ንሰን ይምልሳ። ብኸምዚ፣ ዝበለ ዜማዊ ሕቶን መልስን ይቕፅል፤ ንሰን እውን ብተመሳሳሊ በብታራ እናተቐበላ ፀወተአን ይቕፅላሉ። እቲ ዜማዊ ሕቶን መልስን በብታራ እናበላ ክቕፅላ ይደፋፈአን። እቲ ሕቶን መልስን መትኒ እቲ ፀወታ ስለዝኾነ ምፍላጡ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብነት፦

| ሓታቲት | | መለስቲ |
|---|---|---|
| ኣባ ጨጐራ | እህ | |
| ናበይ ነቒልካ | እህ | ንዓዲ ኣምሓራ |
| በበይን ገይርካ | እህ | በቲ ለበዳ |
| ናይ መን ለበዳ | እህ | ናይ ቀሺ እንግዳ |
| ቀስ ኢልካ ኪዳ | እህ | ከይተሐምዳ |
| ተሓሚዳ'ንዶ | እህ | መን ኣሐመዳ |
| ባሪቶ ቆላ | እህ | ኣይትወቕዓንዶ |
| ብምንታይ ገይረ | እህ | በታ ሻምበቆ |
| ተሰቢራ'ንዶ | እህ | በቲ ስባራ |
| ጠፊኡኒ'ንዶ | እህ | 'ታይ ደኣ ሃቡኻ |
| ሽሉም መቐነት | እህ | ንመን ደኣ ሃብካዮ |
| ነታ መርዓተይ | | |

ሓሓሊፉ፣ ኣብ ትሕዝቶ እቲ ምልልስ ኣፈላላይ ይረኣይ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ክንዲ “በበይ ገይርካ” ከም “እንታይ ክትዋሪ?” ወይ ነዚ ዝመስል ይሕተት። ብተወሳኺ፣ ኣስማት ሰባትን ቦታታትን፣ ሕቶታትን መልሶምን ከምኡ'ውን ኣዘራርባ ክፈላለ ይኽእል።

ኣብነት፦

| ሓታቲት | | መለስቲ |
|---|---|---|
| እንታይ ክትዋሪ | እህ | ዓፅሚ ክኣሪ |
| መን ዝሓረዶ | እህ | እቶም ነጋዶ |
| በበይ መንገዳ | እህ | በታ ለበዳ |
| ናይ መን ለበዳ | እህ | ናይ ቀሺ እንግዳ |
| ቀስ ኢልካ ኪዳ | እህ | ከይተሕምዳ |

ኣብዚ ዝስዕብ ኣብነት ከምዝረኣ፣ ካብቲ ሳልሳይ መስመር ጀሚሩ እቶም ሕቶታት ክቕየሩ ይኽእሉ። ካብኡ፣ ሕድሕድ መልሲ ዝተፈለየ ክኸውን ስለዝኽእልን ክገጥም ስለዘለዎን ይቕየር።

መን ልሓረዶ ... ኲሎም ነጋዶ

እሞ ሂቦም'ኻ ዶ ... እወ ሂቦምኒ

ኣበይ ደኣ'ሎ ... ሽላ ኣግዲፋትኒ

ኣይተሕድጋይ'ዶ ... ዕሾኽ ወጊኡኒ

ኣይተውፅኦይ'ዶ ... ከየሕመኒ

ነፀላ ኲታ ... ናይ ወዲ ጐይታ

ነፀላ ዝርዝር ... ናይ ወይዘራዝር።

ግጥምታት ሕፍተይ፣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለዩ እዮም። ኣፀዋውትኦም ግና ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ እዋን ፀወታ እንድሕር ዝደኸመት ሃሊያ፣ "ዝደኸመት ሰበይቲ ዓንጓል" ትበሃል። ብኸምዚ ምስተወድአ፣ ደጊመን ካልኦት ይኣትዋ፤ እቲ ፀወታ እውን ብኸምዚ ይቕፅል።

*(ፍልፍል፦ ናይ ህዝቢ)*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ነቲ ምንባብ መሰረት ገይርኩም ብዛዕባ ሕፍተይ ትክኽል ንዝኾነ "ሓቂ" ንዘይኮነ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሱ።**

1. ሕፍተይ ንምፅዋት ከበሮን ጣቕዒትን ኣየድልን።
2. ሕፍተይ ብመልክዕ መደረ ይቐርብ።
3. ሕፍተይ ብኣወዳትን ኣዋልድን ይፅወት።
4. ሕፍተይ ምስ ኣሸንዳ ይመሳሰል።
5. ሕፍተይ ካብ ኣብ ከተማ ኣብ ገፀር ይዝውተር።

**ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ሕፍተይ ካብቶም ካልኦት ፀወታታት ብምንታይ ይፍለ?
2. እቲ ፀወታ ሰሓባይ ዝገብሮ እንታይ እዩ?
3. ፀወታታት ቈልዑ ካብ ቦታ ናብ ቦታን ካብ ግዘ ናብ ግዘን ንምንታይ ይፈላለዩ?
4. ፀወታ ሕፍተይ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ትግራይ ዝፅወት ምዃኑ ብምንታይ ምርግጋፅ ይከኣል?

**ሐ. ቅደም ሰዓብ ሕፍተይ ኣሕፂርኩም ብሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 3. ቃላት

### ቃላት ኣብ ምሉእ ሓሳብ ምጥቃም

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ፀወታታት ዝገልፁ ሓሳባት ኣብቲ ሰደቓ ምልኡ።**

*ኣብነት፦ ሕፍተይ*

| | ፀወታ | ብመን ይፅወት | እንትጅመር ዝበሃል | ኩነታት ኣፀዋውታ |
|---|---|---|---|---|
| 1. | ሕፍተይ | ሕፍተይ ብኣዋልድ ይፅወት። | ሕፍተይ እንትጅመር "ኣባ ጨጕራ" ይበሃል። | ሕፍተይ ብሓባር ይፅወት። |
| 2. | ሕብሕብኢተይ | | | |
| 3. | ኳሊንኳል | | | |
| 4. | ብሪሞ | | | |
| 5. | ሚን | | | |

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ታሕቲ ካብ ዝተዘርዘሩ ባህላዊ ፀወታታት ሓደ ብምምራፅ ከመይ ከምዝፅወት ዝገልፅን ቅደም ሰዓብ ዝሕብርን በዓል ክልተ ዓንቀፅ መምርሒ ኣዳልዉ።**

1. ዲሞይ ዳዲሞይ
2. ማይ ዶ ፀባ
3. ሕብሕብኢተይ
4. ዲቦ
5. ብሪሞ

**ነዞም ቀፂሎም ዝቐረቡ ሕቶታት ብምምላስ፣ ነዚ ፅሑፍ ኣዳልዉ። እቲ መምርሒ ንምፅዋት ዝሕግዝ ክኸውን ኣለዎ።**

1. ኣበይ ቦታ ይፅወት?
2. ክንደይ ሰብ ኣብቲ ፀወታ ይሳተፍ?
3. እንታይ እንታይ ናውትታት የድልዩ?
4. መን፣ መኣዝ፣ እንታይ ይገብር?
5. ነጥቢ ከመይ ይተሓዝ?
6. ኣቈፃፅራ ነጥቢ ከመይ ይውሰን?
7. ሓደ ተፀዋታይ ከመይ ይስዕር?
8. እቶም ዝተረፉ ኸ ኩሎም ድዮም ዝስዓሩ?

## ኣፀሓሕፋ

ሀ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቲ ሰደቓ ምልኡ።

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ብልሒ | በሊሕ | በላሕ | በላሕቲ |
| 2 | ስሕበት | | | ሰሓብቲ |
| 3 | ትልሂት | ተለሃዪ | | |
| 4 | ኸልማት | | | ኸሉማት |
| 5 | መልክዕ | | ምልክዕቲ | |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ኣብ ዝሓለፈ ካብ ዘንበብኩምዎ ፅሑፍ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።

### ንባብ ኣገላለፃ

ካልኣይን ሳልሳይን ዓንቀፃት 'ሕፍተይ' ስርዓት ነጥብን ቃናን ሓሊኹም ኣንብቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ያህለል



ቄልዑ ያህለል እንትፃወቱ

### ቅድመ ምድማፅ

ነዞም ሕቶታት ቅድመ ምድማፅ መልሱ።

1. ያህለል ወይ ኳሊንኳል ዝበሃል ፀወታ ትፈልጡ ዶ? ከመይ ይፅወት?
2. ኣወዳት ኣብ እዋን ቁልዕነቶም ካብ ዘዘውትሩዎም ፀወታታት ነቶም እትፈልጡዎም ጥቐሱ?

### እዋን ምድማፅ

እናዳመፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ኩሎም ፀወታታት ቄልዑ __________ ይፅወቱ።
2. ፀወታታት ቄልዑ____________ ዝተፈላለዩ እዮም።
3. ኣብቲ እተዳምፁዎ ፅሑፍ ከይዲ ዝሕብሩ ቃላት ዘርዝሩ።

### *ድሕረ ምድማፅ*

**ሀ. ምስ ኣዳመፅኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. “መብዛሕትኦም ፀወታት ከባቢኦምን ባህሎምን መሰረት ገይሮም ይፅወቱ” እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?
2. ረብሓ ፀወታታት ቄልዑ እንታይ ይመስለኩም?
3. ፀወታ ያህለል ከመይ ከምዝፅወት ዝገልፅ ምስላዊ መረዳእታ ኣዳልዉ።
4. ኣብ ፀወታ ያህለል ተፃወትቲ ግዴ ዝለዋወጡ መኣዝ እዩ?

**ለ. ካብ ያህለል ወፃኢ ዝኾነ ሓደ ፀወታ መሪፅኩም እቲ ፀወታ ከመይ ከምዝፅወት ዝገልፅ መምርሒ ኣዳልዉ።**

## 7. ሰዋስው

### *ምፍላይ ቅፅላት*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ኣብቶም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ዘለዉ ቅፅላት ኣሳኒኹም ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦ ባዝራ ኣቦይ ተዓረ ድኹም እያ።*

*መልሲ፦ ባዝራ ኣቦይ ተዓረ ድኽምቲ እያ።*

1. ለታይ ቀያሕ ቀምሽ ገይራ ምዝላል ትፈቱ።
2. እቲ ፀወታ ቀላል እዩ።
3. ስንዳዮን ገብረን ቅልጡፍ እዮም።
4. ኣብ ፀወታ ያህለል ነዋሕቲ በትሪ ኣድላዪ እዩ።
5. ንሱ ወቓዒት ከበሮ እዩ።

**ለ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ኣብቶም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ንዘለዉ ቁፅርታት መጠናውን ደረጃውን ብምባል ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦እቲ ያህለል ዝፃወት ዘሎ ቈልዓ ዕድሚኡ 15 እዩ።*

*መልሲ፦15 ዝብል ቁፅሪ መጠናዊ እዩ።*

1. እተን ሓሙሽተ ቄልዑ ሕፍተይ ተፃዊተን።
2. ፀጋይ ኣብቲ ግጥም ቀዳማይ ወፂኡ።
3. ኣብቲ ፀወታ ያህለል ዓስርተ ቄልዑ ተሳቲፎም።
4. ንሳ ክልተ ኣሓትን ሰለስተ ኣህዋትን ኣለዉዋ።
5. ርእሲ ራብዓይ ምዕራፍ ‘ሕፍተይ’ እዩ።


## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዚ ዕሑፍ ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ከባቢኹም ቈልዑ እንታይ ይሰርሑ?
2. ኣብቲ ግራፍ ካብ ዝተቐመጠ መረዳእታ እንታይ ትግንዘቡ?
3. ነቲ ግራፍ ብትኽረት ብምዕዛብ ዝለዓለን ዝተሓተን ኣብ ስራሕ ዝተዋፈሩ ቈልዑ ዘለወን ሃገራት እንመን ምዃነን ሓብሩ።




*(ፍልፍል፦ www.ilo.org.child-labour)*

## 19. ዝርርብ

### እዋን ንባብ

**እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብቲ እንዳ ስዋ እትቐድሕ ዝነበረት ቈልዓ ጓል ክንደይ ዓመት እያ?
2. ኣብቲ ፀብፃብ ብዛዕባ እንታይ ይቐርብ ነይሩ?
3. ኣብ ከተማ ዘለዉ ቈልዑ ኣብ ምሽካም፣ ________፣ _____ ስራሕቲ ይዋፈሩ።

# ሻቅሎት ወላዲ

ኣብቲ ዕዳጋ ዝነበረ ሰብ በታ መራር ፀሓይ ፍርቂ መዓልቲ ረሃፅ ብረሃፅ ኮነ። ኣቦይ ጉዕሽ ዝሽየጥ ሽይጦም ቃዕቃዕ ስለዝበሎም ኅረርኦም ከተርክሱ ናብ እንዳ ስዋ ኣተዉ። ኣል 12 ዓመት እትኸውን ቈልዓ ስዋ ቀድሐትሎም። ጠመቱዋ። ሕማቕ ስምዒት ተሰምዖም። እኽሎም ብፅቡቕ ዋጋ ይሸጡዎ ደኣ እምበር ከም ቀደሞም ሕጉስ ኣይነበሩን። ክልተ ዋንጫ ሰትዮም ንገዝኦም ተመሊሶም።

ኣቦይ ጉዕሽ ለይቲ እውን ከዕወፅዉፁን ክብህርሩን ሓደሩ። ኣጋ ወጋሕታ ድማ ተፃዒንዎም ነይሩ። እንተኾነ ብሓይሊ ካብ ድቃሶም ተስኡ። ብዛዕባ ብሌን ኣሎም ዝሓለሙዎ ጋህዲ ኮይኑ ተሰምዖም።

ቅድሚ ሓደ ዓመት፣ ሓደ ዘመዶም ኣሎም ከምህረሎም ሓተቶም። ደስ እናበሎም ሕራይ ኢሎም ብሕድሪ ሃቡዎ። ኣብቲ እዋን ብግቡእ ከምዘምህራ ምሒሎ ጥሒሉ ኣእመኖም። ኮይኑ ግና ሕድሪ ሪሲዑ ብኻሊእ ሰብ ኣቢሉ እንዳ ሰብ ክትሰርሕ ኣርሒቑ ሰደዳ።

ሃለዋት ኣሎም ዘይፈለጡ ኣቦ ወትሩ ከተማ እንትኸዱ ይሓቱዎ። ንሱ ግና ሓድሓደ ግዘ ፅቡቕ ከምዝኾነት ይነግሮም። ካሊእ ግዘ ወግዒ እናቐየረ የረሳስዮም። ድሕሪ ዓመት ኣብታ ዝራኸቡላ እንዳ ስዋ ንዕኡ እናተፀበዩ፣ ብቴሌቭዥን "ብዝበዛ ጉልበት ህፃናት" ዝብል መደብ ክመሓላለፍ ጀመረ። ቀልቦም ኣብቲ ዝመሓላለፍ ዝነበረ መደብ ጥራይ ኮነ።



*ሰባት ኣብ እንዳ ስዋ*

"ብዝበዛ ጉልበት ዝበሃል፣ ቈልዑ ኣብ ክንዲ ምምሃር ናብ ብዕድሚኦም ዘይምጥን ስራሕ ምውፋር ማለት እዩ። እዚ ንዝተፈላለዩ ስነ ኣእምሮኣዊ፣ ኣካላውን ማህበራውን ፀገማት የቃልዖም" በለ እቲ መቕረቢ። እቶም ኣቦ ስዋ ምስታይ ዳርጋ ገዲፎም

ቀልቦም ናብታ ቴለቪዥን ገበሩ። “ቀንዲ ምኽንያት እዚ ፀገም ድኽነትን ዓቐን ዘይብሉ በዝሒ ሕዝብን እዩ። ብድኽነት ኮነ ስእነት ስራሕ ኣታዊ እንትንክይ ቈልዑ ናብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ይዋፈሩ። ኣብ ገፀር ኣብ ሕርሻ፣ መጓሰ፣ ምእራይ ዕንፀይትን ምሕዋር ማይን ይዋፈሩ። ኣብ ከተማታት ድማ ኣብ ምፅራግ ጫማ፣ ምሕፃብ መኪና፣ ምሽካም፣ ስራሕ ገዛ፣ ወዘተ. ይዋፈሩ።”

“ሓድሓደ ወለዲ ደቆም ኣሰሮም ክስዕቡ ብምባል ምስኦም ስራሕ እናርኣዩን እናተለማመዱን ክዓብዩ ይገብሩ። በዚ ድማ ኣብ እዋን ቁልዕነቶም ስራሕ ይጅምሩ። ሓድሓደ ድማ ኣለሻ ስራሕ ይስደዱ። ብኡ ኣቢሎም ናብ ጐደና ይወፁ። መንቀሊ ህይወት ጐደና ሓደር ህፃናት ትሑት ቁጠባዊ እቶት ምህላውን ነዚ ፀገም ግዝያዊ ፍታሕ ንምሃብ ዝፍፀሙ ተግባራትን እዮም።”

“ዕድሚኦም ናብ ዘይምጥን ስራሕ ዝተዋፈሩ ህፃናት ንዝተፈላለዩ ጥቕዓታት ይሳጥሑ። ካብዚኦም እኹል ክፍሊት ዘይምሃብን ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጉድኣታትን ይጥቀሱ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ዘይሕጋውን መነወርን ተግባራት ይሳተፉ። በዚ ድማ ኣብ ገበን ይጥሕሉ ወይ ንሕማም ወሲብ ይቃልዑ።” ኳሎም ተረኣየቶም። እቲ ዘመዶም ጠፊኡ። እቲ ፈነወ ግና ቀፂሉ።

ኣቦይ ጉዕሽ ናብ ሓደ ኩርናዕ ቍሊሕ በሉ። እታ ዕሽል ተኹርምያ ረኣዩዋ። ብቑሪ ዝነቐዑ ሸኾና ኣእጋራን ብርስሓት ብዝቖርብዐ ክዳናን ክትሽፍን ረኣዩዋ። ኣይ ኳሂ ኣይ ፍርሒ ዘኾነ ነገር ወረሮም። ዕፃ ኳሎም ምስ ዕፃ እታ ቈልዓ ተመሳሰሎም።

“እምበኣር ተመልከትና” በለ እቲ መቕረቢ መደብ። “ብዝበዛ ጉልበት ህፃናት ዓብዪ ፀገም እዩ። እዚ ብምዃኑ ኩላትና ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ፍታሕ ክነናድየሉ ይግባእ። ኣብ ምፍጣር ስራሕ፣ ምጣነ ስድራ፣ ምጥፋእ ድኽነት፣ ትምህርቲ ንኹሉ ብዙሕ ክስራሕ ኣለዎ።” እቲ ፀብፃብ ምስወደአ፣ ብድድ ኢሎም ወፁ። እታ ህፃን ስዒባ “ኣቦይ! ሒሳብ!” በለት። ጥምት ኣቢሎማ። ካብኡ ጁባኦም ሃሰስ ኢሎም፣ ኣቕራሽ ዝሓዘ ኢዶም ዘርግሑላ። ብሓውሲ ምምንጣል ተቐበለቶም። መልሲ ኣይተፀበዩን። ብዘይ ወዓል ሕደር ብሌን ኳሎም ንምርካብ ወሰኑ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ቈልዑ ናብ ዘይዓቕሞም ስራሕ ምውፋር ዘስዕቦ ፀገም ግለፁ።
2. ኣቦይ ጉዕሽ ንምንታይ ኳሎም ንዘመድ ሂቦም?
3. ብዝበዛ ጉልበት ቈልዑ ከመይ ምክልኻል ይከኣል?
4. ዕፃ ብሌን እንታይ ይመስለኩም?

**ለ. ወለዲ ደቆም ንብዝበዛ ጉልበት ከይቃልዑ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ዝገልፅ ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 9. ቃላት

### ቃላት ኣብ ባዶ ቦታ ምምላእ

ካብቶም ቃላትን ሓረጋትን እናመረፅኩም ነቶም ባዶ ቦታታት ምልኡዎም።

| | | |
|---|---|---|
| ቁሪ | ዕፃ | ወፌሩ |
| መጓሰ | መሕወሪ ማይ | መነወሪ |
| ኣለሻ | ተኾርምዩ | ሕማም ወሲብ |
| ጨደረት | | |

1. ሓለፎም ኣብ _______ ኣጣል ካብ ዝቑፀር ዓመት ገይሩ።
2. ዝተሰደደት ጓለን _______ ወፂአን።
3. ዘቢብ ን _______ ዝኸውን ዕትሮ ገዚኣ።
4. ኣሚና ስለዝተሸለመት __________ ።
5. ተግባራቶም ክፍፅሙ ብጓሓቱ ናብ በረኻ ________ ።
6. እቲ ዝኸታም ወዲ ________ ሎተሪ በፂሕዎ።
7. ህፃናት ኣብ ______ ስራሕ ክዋፈሩ ምግባር ብሕጊ የኽቀፅ እዩ።
8. _______ን ኣስሓይታን ተፃዊርና ኣብ ዝደለናዮ በፂሕና።
9. ስለዝቈረሮ ________ ደቂሱ።
10. ጥንቓቐ ዝጐደሎ ርክብ ግብረ ስጋ ምፍፃም ን_____ የቃልዕ።

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

ምኽንያትን ውፅኢትን ዘመላኽት ስእላዊ መዋደዲ ብምጥቃም ቈልዑ ኣብ ከቢድ ስራሕ ክዋፈሩ ከምዘይብሎም ዝገልፅ በዓል ሰለስተ ዓንቀፅ ፅሑፍ ኣዳልዉ።

## ኣፀሓሕፋ

**ቀፂሎም ዝቐረቡ ቃላት ብመሰረት እቲ ኣብነት እናለወጥኩም ኣንብቡዎም።**

*ኣብነት፦ ድኹም*

*መልሲ፦ ድኹም — ድኽምቲ — ድኹማት*

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. | ምሉእ | | |
| 2. | ፅኑዕ | | |
| 3. | ፅቡቕ | | |
| 4. | ለባም | | |
| 5. | ምስጉን | | |
| 6. | ስሙር | | |
| 7. | መሪር | | |
| 8. | ንቑሕ | | |

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብ ዝሓለፈ እዋን ካብ ዘንበብኩምዎ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።**

### ንባብ ናህሪ

**ነተን ቀዳሞት ሰለስተ ዓንቀፃት "ሻቕሎት ወለዲ" ብሓደ ደቒቓ ብናህሪ ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**ብዛዕባ ብዝበዛ ጉልበት ቈልዑ ምኽንያታዊ ርእይቶ ኣቕርቡ።**

## 13. ሰዋስው

### ምትካእ ቅፅል

**ሀ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ዝተሰመረሎም ቅፅላት ብተፃራሪ ቃላት ተክኡ።**

*ኣብነት፡- ሰለሞን <u>ፀሊም</u> ሳእኒ ዓዲጉ።*

*መልሲ፡- ሰለሞን ፃዕዳ ሳእኒ ዓዲጉ።*

1. ብሌን <u>ንኡሽተይ</u> ቈልዓ እያ።
2. እቶም ቈልዑ ኣዝዮም <u>በላሕቲ</u> እዮም።
3. ኣቦይ ጉዕሽ <u>ውሑድ</u> እቶት ኣእትዮም።
4. ፀገማት ቈልዑ <u>እዋናዊ</u> ፍታሕ ይጠልቡ።
5. እቶም ቈልዑ ናብ ዝተፈላለዩ <u>መነወርቲ</u> ስራሕቲ ኣትዮም።

**ለ. ኣብቶም ምሉእ ሓሳባት ዘለዉ ቍፅርታት መጠናዊ ወይ ደረጃዊ ምዃኖም ድሕሪ ምውሳን ናብ ፊደል ለዊጥኩም ፀሓፉዎም።**

**መጠናውን ደረጃውን ቁፅርታት**

| ዓይነት | መጠናዊ ቁፅርታት | ደረጃዊ ቁፅርታት |
|---|---|---|
| ዝምልሱዎ ሕቶ | ክንደይ ዝኣክል...? | ኣብ መበል ክንደይ...? |
| ኣብነት | 1፣ 2፣ 3፣ 25፣ 100 | 1ይ፣ 7ይ፣ 9ይ፣ መበል 102 |

*ኣብነት፡- እቶም ሰብኣይ ካብ ጁብኦም 10 ቅርሺ ኣውፂኦም ሂቡዋ።*

*መልሲ፡-10 (መጠናዊ) = ዓሰርተ ብዝብል ቁፅሪ ይትካእ*

1. ጓል 12 ዓመት እትኸውን ዕሽል ስዋ ቀዲሓትሎም።

2. 1ይ ምክንያት ብዝበዛ ጉልበት ቈልዑ ድኽነት እዩ።
3. እቲ ሰብኣይ እታ ቈልዓ ኣብ 1 ገዛ ተቘፂራ ንክትሰርሕ ኣሕሊፉ ሃባ።
4. ኣቦይ ጉዕሽ እኽሎም ብ1,500.00 ብር ሸይጦምዎ።
5. ኢትዮጵያ ብበዝሒ ህዝቢ ካብ ኣፍሪካ 2ይ እያ።

# ሰሙናዊ ርእሲ ምክንኻንን ምሕብሓብን ቈልዑ

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ጠሚርካን ነጺልካን ምንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፦ ተ- ጠዓሰ = ተጠዓሰ*

1. ዘይ- ተ- ሓጐሱ
2. ክ- ወስዶም
3. ኣይ- ከኣለ -ን
4. እና- ተ- ሸከመ
5. ስለ- ዘይ- ጠዓሞ

**ለ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ነጺልኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፦ ኣይተሸገረን = ኣይ- ተሸገረ -ን*

1. እናተንቀጥቀጠን
2. ስለዝተጎሳቘለ
3. እናተለኣኣኽን
4. ዘይግድሰን
5. እናተረደአ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ቅድሚ ምንባብኩም፣ ቀጺሎም ንዝቐረቡ ሕቶታት ብጉጅለ ተዛተዩሎም።**

1. "ፀድፌ ይፈጥር እሞ መደያይቦ ይፈጥር" ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ይምሰል?
2. ምምጋብ፣ ምሕላዉ፣ ምፅራይ፣ ምምሃር፣ ፍቕሪ ምሃብ ዝብሉ ቃላት ብምርኣይ ብዛዕባ እንታይ ከምተንብቡ ገምቱ።

### እዋን ንባብ

**እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. "ኣታ ቈልዓ ውፃእ'ሞ ነቲ እምኒ ኣልዕሎ" ዝበለ መን እዩ?
2. እተን ሰበይቲ "ወደይ!" ዝበልኦ ንመን እዩ?
3. ዘርኡ ንኣማን ምስረኣየ ንምንታይ በኺዩ?

# ዘርኡ!



*ኣቦን ወድን ኣብ ቤት ፅሕፈት ማሕበራዊ ጉዳይ*

“ኣታ ቈልዓ! ውፃእ‘ሞ ነቲ እምኒ ኣልዕሎ!” በለ እቲ ዘዋሪ ታክሲ ብቑጥዐ። ‘ዘርኡ’ ኢሉ ብስሙ ዝፅውዖ ዳርጋ የለን። ዘርኡ ብዝናብ ሓምለ ንዝተኣከበ ማይ እናፈርሐ በሪ ከፌቱ ጠብላሕ ኢሉ ዘለለ። ነታ እምኒ ኣልዒሉ ዘቖቕ እናበለን በቲ ቍሪ እናተንቀጥቀጠን ናብታ ታኽሲ ተመሊሱ ኣተወ። “ኣታ ቈልዓ ሒሳብ ቀልጢፍካ ተቐበል!” በለ እቲ ዘዋሪ። ኣስናኑ ሓጨምጭም እናበለ “ሒሳብ!” ኢሉ ምቕባል ጀመረ።

ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ ጉዕዞ፣ ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ “ኣብታ በሪ ክወርድ!“ በላ ኣፍ ደገ ገዝኦን እናመላኸታ። “ነቲ ሕሩጭ ኣውርደለን!“ በለ እቲ ዘዋሪ። እቲ ቈልዓ ሕሩጭ ከውርድ ናብ ዝባን ታኽሲ ደየበ። ሓደ ተሳፋራይ፣ “ዝሓወይ! ወሪድካ ሓግዞ'ባ!” በሎ። እናዕጠይጠየ ክሕግዞ ወረደ። እቲ ቈልዓ ነቲ ሕሩጭ እናገላበጠ ኣብ ጫፍ ኣብፅሖ። እቲ ዘዋሪ ክቕበሎ ኢዱ ዘርግሖ። እንተኾነ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ስለዝኾነ፣ ሚዛኑ ስሒቱ ምስቲ ሕሩጭ ናብ መሬት ዛዕ ኢሉ። በዚ ምኽንያት ውንኡ ሰሓተ።

ነቲ ኩነታት ዝተዓዘቡ ሰባት ነቲ ቈልዓ ደጋጊፎም ኣልዐሉዎ። እተን ሰበይቲ “ወደይ!” ኢለን ናብ ገዝኦን ጎዪየን ማይ ሒዘን ተመሊሰን። ምስ ኣፍሰሱሉ ቀስ ኢሉ ዓይኑ ከፈተ። ካብኡ፣ ሓቑፎም ናብታ ታክሲ ኣእተዉዎ። እተን ወላዲት ነቲ ሕሩጭ ናብ ገዛ ኣብፂሐን ብቕልጡፍ ናብ ዘርኡ ተመሊሰን። እቲ ዘዋሪ ነቶም ተሳፈርቲ ናብ ካሊእ መኪና ኣሳጊሩ ናብ ሕክምና ወሰዶ። ቀዳማይ ረድኤት ምስረኸበ “ኣይዞኻ ደሓን ኢኻ!“ እናበለ ናብ ገዝኦን መሊሱዎ። ኣብ ገዛ ምስ ኣተዉ፣ ዝብላዕን ዝሰተን

ቀረባሉ። ርስሕስሕ ኢሉ ዝነበረ ክዳኑ ኣውጺኡ ናይ ኣማን ክዳውንቲ ክኸደን ቀረባሉ። ዘርኡ ድሕሪ ሞት ኣዲኡ ከምዚ ዓይነት ክንክን ክረክብ ንፈለማ ግዜ እዩ።

ኣማን ኣብ ደገ ፀኒሑ ገዛ እንትኣትው፣ ክዳውንቱ ካልእ ቈልዓ ተኸዲኑዎ ረኣየ። እቲ ቈልዓ ኣካሉ ኣዝዩ ስለተጎሳቘለ ብዙሕ ለውጢ ነይሩዎ። ኮይኑ ግና ዘርኡ ምኻኑ ንምፍላጥ ኣይተሸገረን። ምኽንያቱ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ሓቢሮም እዮም ተማሂሮም። ብድሕሪኡ ግና ንሰለስተ ዓመት ዝኸውን ርእዩዎ ኣይፈልጥን።

ዘርኡ ንኣማን ምስረኣየ ሕንቕ ሕንቕ በሎ። ምስ ኣማን ደቂ ክፍሊ እዮም ነይሮም። ምስ ኣማን እንትመሃርን እንተረድኦን ተዘከሮ። ኣዲኡ ብህይወት እናሃለወት ንፉዕን ንቑሕን ነይሩ። ድሕሪ ሞት ኣዲኡ ግና ፅርየት ክንክን ሓረሞ። በዚ ምፍዛዝን ምድቃስን ጀሚሩ። ትምህርቱ እውን ሸለል ብምባሉ ብኹሉ ትሕቲ መሓዙቱ ኮነ። ኣብ ገዝኡ ድማ ብትሑት ውፅኢቱ ዘይተሓጐሰ ወላዲኡ ቅጥቅጥ የብሉዎ። በዚን ወዲዚን ትምህርቱ ኣቋሪፁ ወፅአ።

ትምህርቲ ምስገደፎ፣ ንሰባት እናተለኣኣኸን ልዕሊ ዓቕሙ እናተሸከመን ምንባር ጀመረ። ዘወርቲ ሓሓሊፉ ሓገዝቲ እንትስእኑ ይፅውዑዎ። ምስኦም እንትውዕል፣ ገለኦም ንስርሑ ዝመጣጠን ይኸፍሉዎ። ገሊኦም ግን ኣምሲሖም ይሰዱዎ። ዘርኡ በቲ በብዕለቱ ዘጓንፎ በደል ብዘይካ ኣዲኡ ሰብ ኩሉ ከም ጨካንን ዘይግደስን ገይሩ ይሓስብ ነይሩ። ንፈለማ እዋን ካብ እኖ ኣማን ሓልዮት ረኺቡ።

ንፅባሒቱ ወላዲኡ ተፀዊዮም፣ ዘርኡ ናብ ዘለዎ ገዛ ከዱ። እተን ሰበይቲ ብዛዕባ እቲ ዝተፈጠረ ፀገም ነቶም ሰብኣይ ነገረኦም። እቶም ወላዲ ብኹነታት ዘርኡ ኣዝዮም ሓዘኑ። ብሰንኪ ትሑት ቁጠባዊ ዓቐሞም ውላዶም ሸለል ብምባሎም ይቕረታ ሓተቱ። ዓይኖም ቅፅርፅር እናበሎም ድማ ሓቖፉዎ። ብሰንኮም ንዝበፅሖ ግፍዕታት ሓሲቦም ካብ ልቢ ተጠዓሱ። ካብኡ፣ ነተን ሰበይትን ንወደንን ኣመስጊኖም ንወዶም ኣድላዪ ዝበሃል ክንክን ከምዝገብሩ ቃል ኣትዮም ሒዞምዎ ከዱ። ብድሕሪኡ ንብዙሕ እዋን ዝገደፎ ትምህርቱ ቀፀለ።

## *ድሕረ ንባብ*

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ሓድሓደ ህፃናት ጐደና ሓደር ዝኾኑሉ ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም?
2. ሓድሓደ ወለዲ ደቆም ዘይሕብሕብሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?
3. ዘርኡ ወዲ ክፍልኹም እንተዝኾን እንታይ ዓይነት ሓገዝ ምገበርኩም?
4. "ፀድፊ ይፈጥር እሞ መደያይቦ ይፈጥር።" ዝብል ምስላ ምስቲ ትሕዝቶ ምንባብ ዘለዎ ዝምድና እንታይ ይመስለኩም?

**ለ. ትሕዝቶ እቲ ዝቐረበ ምንባብ ብሓደ ዓንቀፅ ኣሕጺርኩም ፀሓፉ።**

1. ቀንዲ ትሕዝቶ ቀዳማይ ዓንቀፅ__________________

ሀ. ብዛዕባ እንታይ እዩ?__________________________

ለ. ቀንዲ ሓሳቡ እንታይ እዩ?_____________________

ሐ. ነቲ ፅማቕ ሓሳብ ዝገልፅ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ፦

________________________________________

2. ቀንዲ ትሕዝቶ ካልኣይ ዓንቀፅ__________________

ሀ. ብዛዕባ እንታይ እዩ?__________________________

ለ. ቀንዲ ሓሳቡ እንታይ እዩ?_____________________

ሐ. ነቲ ፅማቕ ሓሳብ ዝገልፅ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ፦

________________________________________

3. ቀንዲ ትሕዝቶ ሳልሳይ ዓንቀፅ__________________

ሀ. ብዛዕባ እንታይ እዩ?__________________________

ለ. ቀንዲ ሓሳቡ እንታይ እዩ?_____________________

ሐ. ነቲ ፅማቕ ሓሳብ ዝገልፅ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ፦

________________________________________

4. ቀንዲ ትሕዝቶ ራብዓይ ዓንቀፅ__________________

ሀ. ብዛዕባ እንታይ እዩ?__________________________

ለ. ቀንዲ ሓሳቡ እንታይ እዩ?_____________________

ሐ. ነቲ ፅማቕ ሓሳብ ዝገልፅ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ፦

________________________________________

5. ቀንዲ ትሕዝቶ ሓምሻይ ዓንቀፅ__________________

ሀ. ብዛዕባ እንታይ እዩ?__________________________

ለ. ቀንዲ ሓሳቡ እንታይ እዩ?_____________________

ሐ. ነቲ ፅማቕ ሓሳብ ዝገልፅ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ፦

________________________________________

6. ቀንዲ ትሕዝቶ ሻድሻይ ዓንቀፅ__________________

ሀ. ብዛዕባ እንታይ እዩ?__________________________

ለ. ቀንዲ ሓሳቡ እንታይ እዩ?_____________________

ሐ. ነቲ ፅማቕ ሓሳብ ዝገልፅ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ፦

________________________________________

7. ቀንዲ ትሕዝቶ ሻውዓይ ዓንቀፅ__________________

ሀ. ብዛዕባ እንታይ እዩ?__________________________

ለ. ቀንዲ ሓሳቡ እንታይ እዩ?_____________________

ሐ. ነቲ ፅማቕ ሓሳብ ዝገልፅ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ፦

________________________________________

ፅማቕ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ ይበሃል ዘሎ ናይ ኩሎም ዓንቀፃት መጠቃለሊ ሓሳብ ዝሕዝ እዩ።

## 16. ቃላት

### ቃላት ምጥቃም

**በቶም ዝተሰመረሎም ቃላት ነቶም ሕቶታት "እወ" ወይ "ኣይኮነን" ብምባል ብምሉእ ሓሳባት መልሱ።**

*ኣብነት፦ኣብ ከተማ ዝነብሩ ቈልዑ ኣብ ስራሕ ልመና ይዋፈሩ ዶ?*

*መልሲ፦እወ። ሓድሓደ ኣብ ከተማ ዝነብሩ ቈልዑ ኣብ ልመና ይዋፈሩ እዮም።*

1. ቍሪ እናሃለወ ብዘይ ክዳን ደገ ምውፃእ ይምከር ዶ?
2. ቈልዑ ማይ ብምሕዋር ወለዶም ክሕግዙ ይግባእ ዶ?
3. ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝፍፀም ተግባር መነወሪ ዶ ይመስለኩም?
4. ዘርኡ ንኣማን ምስረኣዮ ሕንቕ ሕንቕ ኢሉ?
5. ሕፍተይ ኣብ ገፀር ትግራይ ዝዝውተር ፀወታ ቈልዑ ድዩ?
6. ዝጠፍኡ ደቅኻ ኣለሻ ምውፃእ ኣድላይ ኣይኮነን ድዩ?
7. ቈልዓ እንታይ እንተኾይኑ እዩ ተኹርምዩ ኮፍ ዝብል?
8. ያህለል ብኣንስትዮ ዝፅወት ፀወታ ድዩ?
9. ብዝበዛ ጉልበት ቈልዑ ዓብዩ ፀገም ከባቢኹም ድዩ?

## 17. ፅሕፈት

### ምእያም ፅሕፈት

**ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዘዳለኹምዎ ብሰንክን ሳዕቤንን ዝቐረበ በዓል ክልተ ዓንቀፅ ፅሑፍ ብምእያም ዛዝሙ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ቀፂሎም ኣብ ዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት ግጉይ ኣፀሓሕፋ ብምፍላይ ኣሪምኩም ፀሓፉ።**

1. ምስጉን ተምሃሮ እዮም።
2. እታ ድኹም በጊዕ ብሕሳር ተሸይጣ።
3. ንቕሕቲ ተምሃሪ ብም኿ኑ ቀዳማይ ወፂኡ።
4. ቁሩባት ምህርቲ ሓፊሶም።
5. ገዚፍ ዓውሕታት ርእየ።

## 18. ንባብ ፅፈት

### *ቅድመ ንባብ*

**ካብቲ ዝሓለፈ ምንባብ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።**

**ንባብ ናህሪ**

**ንሕድሕድ ዓንቀፅ እቲ ምንባብ እዚ ሰሙን ብናህሪ ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**ሰንክን ሳዕቤንን "ሕፅረት ምክንኻንን ምሕብሓብን ቈልዑ" ኣመልኪትኩም ተመያየጡ።**

## 20 ሰዋስው

### *ቅፅላት ምጥቃም*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ኣብነት፣ በቶም ዝተፈላለዩ ገለፅቲ ቃላት ሓሙሽተ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።**

*ኣብነት፡-* *1. ንፉዕ* *2. ቀዳመይቲ*

*እቲ ንፉዕ ተፀዋታይ ቀዳመይቲ ሽቶ ኣቑፂሩ።*

1. ቀይሕ፣ ቀዳማይ
2. ንፉዕ፣ 30
3. ሰለስተ፣ ገዘፍቲ
4. ውሑዳት፣ ሰባት
5. ቅልጥፍቲ፣ ሳልሳይ



5

ቱሪዝም

# ሰሙናዊ ርእሲ ከባብያዊ መስሕባት

## ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ምጥማርን ምንፃልን

**ንዝተነፀሉ ጠሚርኩም፣ ንዝተጠመሩ ድማ ነፂልኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፦ ተዓቂቦም = ተ- ዓቂብ -ኦም = ተዓቂቦም*

1. ተፈጥሮኣውን
2. ዘ- መዝገብ -ኣ -ቶም
3. ዝተረኽቡን
4. ብ- ምኽን -ኡ
5. እናኣመሓየሽካን
6. ብ- ቅድሚ- ኦም
7. ይስፋሕፍሑን
8. ዘይ- ተ- ረኽቡ -ን
9. ኣይምችውን
10. እናለዋወጥካ

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ስእልን ርእስን እቲ ምንባብ ብምርኣይ እንታይ ከም እተንብቡ ገምቱ።
2. ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ተመያየጡ።

   *መካነ እንስሳት፣ በፃሕቲ ዓዲ፣ ተፈጥሮኣዊ መስሕባት፣ ቱሪዝም*

## እዋን ንባብ

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ዓይነታት መስሕብ እንታይን እንታይን እዮም?
2. ኢትዮጵያ ብብሕታውነት ካብ እትውንኖም መስሕባት ነቶም ሰለስተ ፀሓፉ።
3. ብብርኪ ዓለም ካብ ዝተመዝገቡ ተፈጥሮኣውን ታሪኻውን መስሕባት ኢትዮጵያ ነቶም ሰለስተ ብምጥቃስ ኣብቲ ሰደቓ ኣስፍሩ።

| | |
|---|---|
| ተፈጥሮኣዊ | |
| ታሪኻዊ | |

# ታሪኻውን ተፈጥሮኣውን መስሕባት



*የሓ፣ ጀጎል፣ ጎቦታት ስሜንን ሶፍ ኦመርን (ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ)*

ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ ገፀ ምድሪ ዝርከቡ መስሕባት ቱሪዝም ኣለዉዋ። እዞም መስሕባት ታሪኻውን ተፈጥሮኣውን ይበሃሉ። ሓድሓደ ታሪኻዊ መስሕባት ኣሰር ፍጥረት ዘርእዩ ናይ ቀደም እንትኾኑ ገሊኦም ግና ምስናይ ቀረባ ፍፃመታት ዝዛመዱ እዮም። ብኣንፃሩ፣ ተፈጥሮኣዊ መስሕባት ካብ ትሕቲ ፀፍሒ ባሕሪ ክሳብ 4550 ሜ. ብራኸ ዘለዎም መስሕባት የካልሉ። ክልቲኦም መሰሕባት ዘመሳስሎምን ዘፈላልዮምን ባህርያት ኣለዉዎም።

ተፈጥሮኣዊ መስሕባት ከምቲ ስሞም ዝሕብሮ ብተፈጥሮ ዝርከቡ ሃብትታት እዮም። ጎቦታት ስሜን፣ ባሌን ፅበትን፣ ቃላያት ሓጓፍ ሽንጥሮ፣ በዓቲ ሶፍ ዑመርን ካልኦትን ኣብ ውሽጢ ተፈጥሮኣዊ መስሕባት ይምደቡ። ተፈጥሮኣዊ መስሕባት ክሳብ ቀረባ እዋን ሰሓብቲ በፃሕቲ ዓዲ ኮይኖም ዝፀንሑ እዮም። ኢትዮጵያ ካብ ዘመዝገበቶም ዓሰርተ ሓድግታትና ጎቦታት ስሜን እቲ እንኮ ተፈጥሮኣዊ መስሕብ እዩ።

ታሪኻዊ መስሕባት ድማ መንነት ቀዳሞት ዝርከቡሎም ሰብ ስራሕ ሓድግታት እዮም። እዞም መስሕባት ታሪኽ፣ ፍልስፍና፣ ስልጣነ፣ ባህሊ፣ ወዘተ. ደቂ ሰብ ይሕብሩ። ታሪኻዊ መስሕባት ካብቲ ሕሉፍ ፍልይ ብዝበለ መንገዲ ይዓብዩን ይስፋሕፍሑን ኣለዉ። እቲ ሓደ ምኽንያት ኣብ ኣከባብራ በዓል መስቀል ከምዝረአ ንመንነት ፍሉይ ጠመተ ስለዝወሃብ እዩ። ካብቶም ታሪኻዊ መስሕባት ሓወልትታት ኣኽሱም፣ ቤተ መንግስቲ ፋሲል፣ ውቑር ኣብያተ ክርስቲያን ላሊበላ፣ ትኹላት ኣእማን ጥያን ሃረር ጀጎልን ይጥቀሱ።

ክልቲኦም መስሕባት ብመንፅር ዕድመ ይፈላለዩ እዮም። መብዛሕትኦም ተፈጥሮኣዊ መስሕባት ምስ ኣመፃፅኣ ደቂ ሰብ ዝነበሩ እዮም። ታሪኻዊ መስሕባት ግና ሰባት ምሕሳብን ምምርማርን ካብ ዝጀመርሉ ግዘ ዝመፁ ወይ ናይ ቀረባ እዋን ተርእዮታት እዮም። ንኣብነት፣ ከም ኣኽሱም፣ የሓን ብቕድሚኦም ነይሮም ዝበሃሉ ታሪኻዊ ቦታታትን እንተበዝሐ ሰለስተ ሽሕ ዓመት ከምዘለዎም ይንገር።

ተፈጥሮኣዊ መስሕባት ዝሽፍኑዎ ቦታ ሰፊሕ ብምዃኑ ንምሕላው ኮነ ንምሕፃር ኣይምችዉን። ንኣብነት፣ ከምኒ ኅቦታት ስሜንን ኣብ ሓጓፍ ሽንጥሮ ዝርከቡ ማያዊ ኣካላትን ኣዝዮም ሰፋሕቲ ቦታታት እዮም። ብኣንፃሩ፣ መብዛሕቶኦም ታሪኻዊ መስሕባት ግና ዝሽፍኑዎ ቦታ ፀቢብ ብምዃኑ ንምሕላው ኮነ ንምሕፃር ምቹዋት እዮም።

ተፈጥሮኣዊ መስሕባት ዝነበሮም ቅርፂ፣ ትሕዝቶን መልክዕን እናለዋወጥካን እናመሓየሽካን ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉ። ነዚ ከም ምኽንያት ዝርአ እቶም ቦታታት ከም መዘናግዒ ወይ መሳገሊ ኮይኖም ዘገልግሉ ምኾኖም እዩ። እዚ ብሰፊሑ ዝረአ ኣብ ጥቓ ማያዊ ኣካላት እዩ። ኣብ ታሪኻዊ መስሕባት ግና ኣሰርን ታሪኽን ማሕበረሰብ ክሕለዉ ስለዘለዎም ብዘይ ብዙሕ ለውጢ ይዕቀቡ።

ኣብ ሓደ ታሪኻዊ ቦታ ዝርከቡ ነገራት ናይቲ መስሕብ ኣካል ተገይሮም ይውሰዱ። በዚ ክልቲኦም ይመሳሰሉ እዮም። ንኣብነት፣ ኣኽሱም ከም ሓወልትታት፣ ኣብያተ እምነትን መንግስትን፣ መካነ መቃብር ነገስታት፣ ልዕልን ትሕትን መሬት ዝተረኽቡን ዘይተረኽቡን ሓድግታት የጠቓልል። ብተመሳሳሊ፣ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ቦታ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም፣ ኣዕዋፍ፣ ኅቦ፣ ሩባ፣ ወዘተ. ኣካል እቲ መስሕብ ይበሃሉ። ንኣብነት፣ ኣብ ኅቦታት ስሜን ዝርከቡ ከም ጭላዳ ህበይ፣ ቀያሕ ቡኳርያ፣ ዋልያን በኣውርኡ ድማ እቲ ገፀ ምድሪ ኣካል እቲ መስሕብ እዮም።

ክልቲኦም ዓይነት መስሕባት ከከም ድልየት በፃሕቲ ይፈላለዩ ደኣ እምበር ናይ ምስሓብ ተኽእሎኦም ልዑል እዩ። ክልቲኦም ኣብ ቱሪዝም ሃገርና ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎም። እቲ ዋና ረብሓ ፍልፍል ኣታዊ ምዃኖም እዩ። ኣብ ምፍጣር ስራሕን ምስፍሕፋሕ መሰረተ ልምዓትን እውን ዕዙዝ ግደ ኣለዎም። በዚ ድማ ኣብቲ ዘፈር ዝተዋፈሩ ኣካላትን ኣብቶም ከባብታት ዝርከቡ ነበርትን ይጥቀሙ።

*(ፍልፍል፡- ትግራይ ቱሪዝም፣ 2004 ዓ.ም.፣ ገሪዓልታ ክላስተር፣ ትግራይ ቱሪዝም፣ ተመሓይሹ ዝተወሰደ።)*

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. መስሕባት ቱሪዝም ንኽዕቀቡ እንታይ ክግበር ኣለዎ?
2. ኣብ ሻምናይ ዓንቀፅ ዘሎ “ኣብቲ ዘፈር” ዝብል ሓረግ እንታይ ይውክል?
3. ብብርኪ ዓለም ዝተመዝገቡ መስሕባት ኢትዮጵያ እንታይ እንታይ እዮም?
4. ተፈጥሮኣዊ መስሕባት ካብ ታሪኻዊ መስሕባት ዝነውሐ ዕድመ ዝህሉዎም ንምንታይ እዩ?

ለ. ነቲ ኣብ ሰደቓ ቐሪቡ ዘሎ ሓበሬታ መሰረት ዝገበረ ትንታነ ኣቕርቡ።

| ብርኪ ሆቴል | በዝሒ ሆቴል | በዝሒ መደቀሲ ክፍሊ | በዝሒ ዓራት |
|---|---|---|---|
| በዓል 4 ኮኾብ | 2 | 164 | 189 |
| በዓል 3 ኮኾብ | 2 | 87 | 161 |
| በዓል 2 ኮኾብ | 1 | 85 | 150 |
| በዓል 1 ኮኾብ | 4 | 69 | 73 |
| ዘይተነፀረ | 28 | 839 | 915 |
| ጠቕላላ | 37 | 1244 | 1488 |

*ሰደቓ፡- ብ2001 ዓ.ም. ኣብ ትግራይ ዝነበሩ ሆቴላትን ትሕዝቶኦምን*

*(ፍልፍል፡- Yabibal Mulualem. (2010). Tourism Flows and its Determinants in Ethiopia. Ethiopian Development Research Institute, working papers.)*

**ሐ. ኣብ መንጎ ታሪኻውን ተፈጥሮኣውን መስሕባት ዘሎ ኣፈላላይን ሓድነትን ሓደ ዓንቀፅ ብምፅሓፍ ግለፁ።**

## 3. ቃላት

### ተመሳሳሊ ፍታሕ


**ነዞም ቃላት ብተመሳሳሊ ፍታሕ ኣዛምዱ።**

| 'ሀ' | 'ለ' |
|---|---|
| 1. ቅርሲ | ሀ. ዘፈር ኢኮኖሚ |
| 2. መካነ እንስሳት | ለ. መዕቈቢ |
| 3. ተርእዮ | ሐ. ምዕባለ |
| 4. ኣሰር | መ. ሓድጊ |
| 5. ዑደተኛታት | ረ. መስሕባት |
| 6. ስልጣነ | ሰ. ተመኩሮ |
| 7. ቱሪዝም | ሸ. በፃሕቲ ዓዲ |
| | ቀ. ክስተት |
| | በ. ምልክት |

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብዚ ሰደቓ ንዘሎ ሓበሬታ መሰረት ገይርኩም በዓል ሓደ ዓንቀፅ ሓባሪ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**




*(ፍልፍል፦ ቱሪዝምን ባህልን ኮምሽን ትግራይ፣ (1985))*

## ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ፍለዩ።**

*ኣብነት፡- 1. ተፈጥሮኣዊ = -ኣዊ  2. ሓወልትታት = -ታት*

| | | |
|---|---|---|
| 1. | ታሪኻዊ | |
| 2. | ኀቦታት | |
| 3. | ዓቂቦም | |
| 4. | መስሕባት | |
| 5. | ቁጠባዊ | |
| 6. | ሃፍትታት | |
| 7. | ምድራዊ | |
| 8. | እምባታት | |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብ ዝሓለፈ ካብ ዘንበብኩምዎ ፅሑፍ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።**

### ንባብ ኣገባልፃ

**ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ብዘርእይን ስርዓተ ነጥብን ቃናን ብምጥቃምን ዓንቀፃት ክልተን ሰለስተን ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

## ጎቦታታት ገረዓልታን ኮንሶን

### ቅድመ ምድማፅ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ርእስን ስእልን ብምርኣይ ትሕዝቶ እተዳምፁዎ ፅሑፍ ገምቱ።
2. ክልቲኦም ጎቦታት እንታይ ከምዘመሳስሎም ተዛረቡ።

### እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም፣ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ጎቦታት ኮንሶ ኣብ____ጎቦታት ገረዓልታ ድማ______ ይርከቡ።
2. ኣብ ጎቦታት ገረዓልታ ዝተፈላለዩ _____ን _______ን ኣለዉ።
3. ጎበታት ኮንሶ ብፍልሖ ዝተሰርሖ ዓበይቲ __________ ይመስሉ።



ጎቦታት ገረዓልታ



ጎቦታት ኮንሶ

### *ድሕረ ምድማፅ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ንሕድሕድ ሕቶ ቅኑዕ መልሲ ዝሓዘ መማረፂ ሓሳብ ሕረዩ።**

1. ኣብ ጎቦታት ገረዓልታ ልዕሊ ክንደይ ዝኾኑ ፅሩባት ኣብያተ ክርስቲያን ኣለዉ?

   ሀ. 25 ለ. 10 ሐ. 30 መ. 42

2. ጎቦታት ኮንሶ ንምግላፅ ዝተወሃበ ስያመ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ላቲን ኮንሶ ሐ. ዋሽንግተን ኮንሶ

   ለ. ኒው ዮርክ ኮንሶ መ. ካሊፎርንያ ኮንሶ

3. ካብዞም ዝስዕቡ ታሪኻዊ መስሕብ <u>ዝኾነ</u> ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ሓወልቲ ኣክሱም ሐ. ጎቦታት ኮንሶ

   ለ. ሓጓፍ ሽንጥሮ መ. ጎቦታት ገረዓልታ

4. ቀፂሎም ካብ ዝቐረቡ እቲ ሓደ ረብሓ መስሕባት ኣይኮነን።

   ሀ. ምዝንጋዕ ሐ. ምልላይ ሃገር

   ለ. ቱሪዝም መ. ምጥፋእ ምስሊ ሃገር

5. ጎቦታት ኮንሶን ገረዓልታን ዘመሳስሎም እንታይ እዩ?

   ሀ. ክልቲኦም ብጭቃ ዝተሰርሑ ይመስሉ

   ለ. ክልቲኦም ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ምዃኖም

   ሐ. ተፈጥሮኣዊ መስሕብ ምዃኖም

   መ. ታሪኻዊ መስሕብ ምዃኖም

**ለ. ጎቦታት ገረዓልታን ኮንሶን ዘመሳስሉዎም ባህርያት መሰረት ገይርኩም በዓል ሓደ ዓንቀፅ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

## 7. ሰዋስው

### *ምፍላይ በዓል ቤትን መእሰሪ ዓንቀፅን*

**ቀፂሎም ኣብ ዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት ዘለዉ በዓል ቤትን መእሰሪ ዓንቀፅን ፍለዩ።**

*ኣብነት፦ ቱሪዝም ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገራት የዕቢ።*

*መልሲ፦ በዓል ቤት = ቱሪዝም መእሰሪ ዓንቀፅ = የዕቢ*

1. በፃሕቲ ዓዲ መስሕባት ንምርኣይ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይንቀሳቐሱ።

2. ጭላዳ ህበይ ኣብ ጎቦታት ስሜን ይርከብ።

3. ጎቦታት ኮንሶ ኣማዕዲኻ ይረኣዩ።

4. ትግራይ ብዙሓት ታሪኻዊ መስሕባት ኣለዋ።

5. ተፈጥሮኣዊ መስሕባት ኣእምሮ ደቂ ሰብ የሐድሱ።
6. ሓውልትታት ኣኽሱም ጥበብ እቲ ዝተሰርሑሉ ዘበን ይሕብሩ።
7. ታሪኻዊ መስሐባት መንነት፣ ባህልን ታሪኽን ህዝቢ ይገልፁ።
8. መስሕባት ዝንቀሳቀሱን ዘይንቀሳቀሱን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምቀሉ።
9. ሕብረተሰብ ንመስሕባት ቱሪዝም ክከናኽን ይግባእ።
10. ኢትዮጵያ ወናኒት ብዙሓት ሃፍትታት ተፈጥሮ እያ።

# ሰሙናዊ ርእሲ ከባብያዊ መስሕባት

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ሀ. ነዞም ሕቶታት ተመያየጡሎም።**

1. ርእስን ስእልን ብምርኣይ ብዛዕባ እንታይ ከምተንብቡ ገምቱ።
2. ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ብጉጅለ ዘትዩ።

   መፅሄት፣ ስእሊ፣ ፖስተር፣ ባነር፣ ጋዜጣ፣ ራድዮ

3. ኣብ ከባቢ'ኹም ብዛዕባ ቱሪዝም ሰሚዕ'ኹም ዶ ትፈልጡ? እንተሰሚዕ'ኹም እንታይ እዩ?

### እዋን ንባብ

**ለ. እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. መራኽብቲ ሓፋሽ ብ________ ወይ __________ መልክዕ ንህዝቢ መረዳእታታት ዝዝርግሑ ማዕኸናት ሓበሬታ እዮም።
2. ክልቲኦም ዓይነት መራኽብቲ ሓፋሽ ኣብ _______ ተመሳሳሊ ዕላማ ኣለዎም።
3. መራኽቢ ማዕኸናት ኣብ ________ን ________ን ብዕዙዝ ይሰርሑ።

# ቱሪዝምን መራኸብቲ ሓፋሽን




*ዓይነታት መራኸብቲ ሓፋሽ*

መራኸብቲ ሓፋሽ ብሕትመት ወይ ብኤለክትሮኒክስ ንህዝቢ መረዳእታታት ወይ ሓበሬታ ዝዝርግሑ ማዕኸናት እዮም። ሕትመት ከም መፅሓፍ፣ ጋዜጣ፣ መፅሄት፣ ባነር፣ ፖስተር፣ በራሪ ፅሑፍ፣ ወዘተ. የጠቓልል። ውፅኢታት ኤለክትሮኒክስ ድማ ከም ቴለቭዥን፣ ራድዮ፣ ኢንተርኔት፣ ወዘተ. ዝበሉ እዮም። ክልቲኦም ማዕኸናት ዝተፈላለዩ ውራያት ኣብ ምቕራብን ኣብ ምዝንጋዕን ብዕዙዝ ይሰርሑ። ቱሪዝም ተንከፍ ሓበሬታታትን ዛዕባታትን ብምቕራብ እውን ኣብቲ ዘፈር ይዋስኡ።

ብሕትመትን ብኤለክትሮኒክስን ዝቐርቡ ሓበሬታታት፣ ኣብ ምፍላጥ መስሕባት ዓብዪ እጃም ኣለዎም። ብቐዳምነት ብዛዕባ መስሕባት ኣገደስቲ ሓበሬታታት የቕርቡ። ሓደ መስሕብ እንታይ ከምዝበሃል፣ ከምዝመስልን መዓዝ ክረአ ከምዘለዎን ይንፅሩ። ብተመሳሳሊ፣ እቲ መስሕብ ኣበይ ከምዝርከብን ኣብቲ ቦታ ብፍላይ እንታይ ከምዝረአ ወይ ከም ዝድንቕ ይሕብሩ። ብኸምዚ፣ ሰባት መስሕባት ሃገር ክርእዩ የለዓዕሉ። ናብ መስሕባት ክኸዱ ዘይኽእሉ እውን በቲ ዝረኸቡዎ ሓበሬታ ዝበለፀ ግንዛበ ይህሉዎም።

ክልቲኦም ማዕኸናት ሃፍትታት ማሕበረሰብ ንኽፍለጡ ይገብሩ። ነዚ ብመንገዲ ኣየር ኢትዮጵያን ብቱሪዝም ትግራይን በብእዋኑ ዝዳለዉ መፅሔታትን ሓፀርቲ ፅሑፋትን ከም ኣብነት ይጥቀሱ። በዞም ፅሑፋት በብኽልሉ ዝርከቡ ሃፍትታት ብምፍላጥ እቶም ፀጋታት ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕሉን ኣንበብቲ ግንዛበ ንክህሉዎም ይገብሩ። እዚ ዝግበር ፖስተራት ብምልጣፍ፣ ፅሑፋት ብምብታንን ስእላዊ ሓበሬታ ብምቕራብን ክኸውን ይኽእል። ብተመሳሳሊ፣ ብራድዮን ብቴለቭዥንን ብስም 'መደብ ቱሪዝም' ወይ 'ዓድኻ ፍለጥ' ዝፍነዉ ኣለዉ። ብሓፈሻ፣ ክልቲኦም ማዕኸናት ግንዛበ ብምፍጣር ኣብ ምዕቃብን ምቕፃልን ሃፍትታት ዘይተሓለለ ፃዕሪ የካይዱ እዮም።

ክልቲኦም መራኸብቲ ሓፋሽ ኣብ ምልላይ ቱሪዝም ተመሳሳሊ ዕላማ ይሃሉዎምደኣ እምበር ብኣቀራርባ ይፈላለዩ እዮም። ብሕትመት ዝቐርብ ኣብ ወረቐት ይሰፍር፤ ብኤለክትሮኒክስ ዝፍኖ ግና ብድምፂ ወይ ብድምፅን ምስልን ተዋዲዱ ይቐርብ። ውፅኢታት ሕትመት ንዘየንብቡ ዘሸግሩን ብቕልጡፍ ንምርዳእ ዘፀግሙን እዮም። ብኤለክትሮኒስ ዝመሓላለፍ ግና ብምስሊ ወይ ብምስልን ድምፅን ስለዝዋደደ ብቐሊሉ ይባፃሕ። ብተወሳኺ፣ ብዙሕ መረዳእታ ኣብ ሓፂር ግዘ ይመሓላለፍ። በዚ ምኽንያት፣ ኤለክትሮኒክስ ቅልጡፍን ዝበለፀን ዕልዋ የሕድር።

እቲ ካልእ ኣፈላላይ ኣብ ዓይነት ተጠቀምቲ እዩ። ተጠቀምቲ ሕትመት፣ ዝተመሃሩ ወይ ዘንብቡ እንትኾኑ፣ ተጠቀምቲ ውፅኢት ኤለክትሮኒክስ ግና ዳርጋ ዝኾነ ሰብ ክኸውን ይኽእል። ብኤለክትሮኒክስ ዝፍኖ መደብ ፀገም ምስማዕን ምርኣይን ንዘለዎም ዜጋታት ትኹረት ይገብር እዩ። ብተመሳሳሊ፣ ዘየንብቡ ሰባት እውን ብቐሊሉ ብምርኣይ ወይ ብምድማፅ ግንዛበ ክወስዱን ክርድኡን ይኽእሉ። በዚ በዚ፣ በፃሕቲ ንዘይራኣዩዎ መስሕብ ንኽርእዩ ኣብ ምግባር ዝሓሹ እዮም።

ብመዳይ ተበፃሕነት እንትረኣ፣ ውፅኢታት ሕትመት ይሕሹን ይምረፁን። ንኣብነት፣ መብራህቲ ኣብ ዘይብሎም ቦታታት ንበፃሕቲ ዝድለ ሓበሬታ የቕርቡ እዮም። ብኣንፃሩ፣ ውፅኢታት ኤለክትሮኒክስ መሰረተ ልምዓት ኣብ ዘይተማለአሎም ገፀራትን ሓድሓደ ቦታታትን ግልጋሎት ዘይክህቡ ይኽእሉ።

ብተወሳኺ፣ ብመንፅር ነገራት ኣጋኒንካን ቀይርካን ምቕራብ ይፈላለዩ እዮም። ንኣብነት፣ ብፊልምን ቴሌቭዥንን ዝተዛበዐ ምስልን መረዳእታ ብዛዕባ መስሕባት ዝቐርበሉ ኩነታት ኣሎ። በዚ ድማ ዑደተኛታት ዝተዛበዐ ምስሊ ሒዞም ንክመፁ ይዕድም። ሓቂ ኣህሲሶም እውን ከቕርቡ ይኽእሉ። ከምዚ ዝበሉ ፀገማት እንተሃልዮም ሽዑ ንሽዑ መኣረምታ ምሃብ ይከኣል እዩ። ብኣንፃሩ፣ ኣብ ውፅኢት ሕትመት ዝተፈፀመ ጌጋ ንምእራም ግዘ ይወስድ እዩ።

ብሓፈሻ ብክልቲኦም መራኸብቲ ሓፋሽ ዝቐርቡ ዛዕባታት ቱሪዝም ኣብ ምልላይ መስህባት ዓብዩ እጃም ኣለዎም። እዞም መራኸብቲ ሓፋሽ ንቱሪዝም ጥራሕ እንተይኮነስ ምስሊ ሃገር ኣብ ምዕባቕ ዘለዎም ረብሓ ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኮነን። ስለዝኾነ ኩሉ መዳያዊ ረብሓ ካብዞም ማዕኸናት ንምርካብ ብዝግባእ ምስራሕ የድልይ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ትኽክል ንዝኾነ "ሓቂ"፣ ንዘይኮነ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሱ።**

1. ቴሌቭዥን ራድዮን ብሕትመት መልክዕ ዝቐርቡ መራኸብቲ ሓፋሽ እዮም።
2. መራኸብቲ ሓፋሽ ኣብ ምፍላጥ ቱሪዝም ዓብዩ እጃም ኣለዎም።
3. ሕትመታዊ መረዳእታ ፊደል ንዘይቑፀሩ ሰባት የፀግሙ እዮም።
4. ኣብዚ ሐዚ እዋን ኢንተርኔት ንነበርቲ ገፀርን ከተማን ብምሉእነት ዘገልግል መራኸቢ እዩ።

ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. መራኸብቲ ሓፋሽ እንብሎም እንታይ እንታይ እዮም?
2. ብዛዕባ ቱሪዝም ብመራኸብቲ ሓፋሽ ምግላፅ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
3. “ኣብ ምፍላጥ ቱሪዝም ዑደተኛታት ዘወፍዩዎ ግደ ዓብዪ እዩ” እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?
4. ቀንዲ መልእኽቲ እቲ ምንባብ እንታይ እዩ?
5. ኣብቲ ምንባብ ንዘሎ ስእሊ ብምርኣይ ናይ ባዕልኹም ትንታነ ሓበሬታ ኣቕርቡ።
6. ሰባት መስሕባት ንክርእዩ ኣብ ምግባር ዕዙዝ ተግባር ዘለዎ ዓይነት መራኸቢ ሓፋሽ ኣየናይ እዩ? ንምንታይ?

ሐ. ቱሪዝም ሃገርና ንኽዓቢ መራኸብቲ ሓፋሽ እንታይ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ዝገልፅ ሓደ ገምጋማዊ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

## 9. ቃላት

### ምጥቃም ቃላት

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብቲ ግቡእ ባዶ ቦታ ኣእትዉዎም።**

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ፖስተር | ጋዜጣ | ሬድዮ | ስእሊ | ባነር | መፅሄት |

1. ኣብ መስሕባት ሃገርና ኣድሂባ በብሰሙኑ እትሕተም _______ ኣንቢብናያ።
2. ኣብቲ መንደቕ ብዓብዪ ዝተለጠፈ _____ መስሕባት ሃገርና የፋልጥ።
3. እቲ ፅሑፍ ብ_______ ዝተደገፈ ስለዝነበረ ብቐሊሉ ተረዲኡና።
4. ኣብ ዛዕባታት ቱሪዝም ተመስሪታ ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ሻዕ እትዳሎ ዝነበረት______ ሕትመት ካብ ዕዳጋ ወፂእ ኮይና።
5. ቱሪዝም ንምፍላጥ ብዓብዪ ጨርቂ ተፃሒፉ ዝተንጠልጠለ _______ ርኢኺዮ ዶ?
6. ብ _____ ዝመሓላለፍ መደብ ቱሪዝም ኩሉ ግዜ ብፅሞና ኣዳምፁ።

## 10. ፅሕፈት

### ምድላው ፅሑፍ

ኣብዚ ስእላዊ መዋደዲ ዝተቐመጡ ነጥብታት ተጠቒምኩም "ቱሪዝም ኣብ ምፍላጥ ሕትመት ዶ ኤለክትሮኒክስ ይበልፅ" ኣብ ዝብል ነቲ ሓደ ሓሳብ ብምምራፅ ሕብለታዊ ፅሑፍ ኣዳልዉ።

| ሕትመት | ኤለክትሮኒክስ | ሓድነት |
|---|---|---|
| - ብፅሑፍ<br>- ፊደል<br>- ጋዜጣ<br>- መፅሄት<br>- በራሪ ፅሑፍ<br>- ፖስተር | - ምስልን ድምፅን<br>- ቴለቭዥን<br>- ራድዮ<br>- ኢንተርኔት | - የሕድሱ<br>- ሓበሬታ ይህቡ<br>- ተመኩሮ የካፍሉ<br>- ጉስጓስ የካይዱ<br>- የተሓሳስቡ<br>- ብዙሓት የሳትፉ |
| - ንዘንብቡ ጥራሕ<br>- ዘይምብፃሕ<br>- መመሊስካ ይንበቡ | - የጋንን<br>- ክባር<br>- ሰፊሕ ሽፋን | |

## *ኣፀሓሕፋ*

**ካብዞም ዝስዕቡ ቃላት፣ ጥብቆታት ብምፍላይ ብመሰረት ዘለዎም ተግባር መርብሒ ወይ ቃል ለዋጢ እናበልኩም ግለፁ።**

*ኣብነት፦ ሓበሬታታት = ሓበሬታ -ታት (መርብሒ)*

*ዑደተኛ = ዑደት -እኛ (መስራቲ)*

1. ማዕኸናት
2. ቀፃልነት
3. ሕትመታዊ
4. ስራሕቲ
5. ፀገሞም

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ኣብ ዝሓለፈ ካብ ዘንበብኩምዎ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።

### ንባብ ኣገላልፃ

ነተን ቀዳሞት ክልተ ዓንቀፃት "ቱሪዝምን መራኸቢ ሓፋሽን" ስርዓተ ነጥብን ቃናን ሓሊኹም ብደቒቓ ኣንብቡዎ።

## 12. ዝርርብ

### ክትዕ

"ቱሪዝም ኣብ ምልላይ ሕትመታዊ ዶ ኤለክትሮኒካዊ መራኸቢ ሓፋሽ ይበልፅ" ብዝብል ሓሳብ ንሓዲኡ ብምድጋፍ ተኻትዑ። (መሰጋገርቲ ቃላት ምጥቃም ኣይትረስዑ።)

**ክትዕ**

ክትዕ ብመርትዖ ወይ ብምኽንያትን መረዳእታን ኣብ ቅድሚ ዳያኑን ተዓዘብትን ዝካየድ መጎት እዩ። ክትዕ ክልተ ኣካላት ጭቡጥ መርትዖታት ብምቕራብ ንሓደ ሓሳብ ብምድጋፍ ወይ ብምቅዋም ዘካይዱዎ ዝርርብ እዩ። ፅላማ ክትዕ ምሕባል ወይ ምልዕዓል ክኸውን ይኽእል። ኣብ ክትዕ ረታዕን ተረታዕን ስለዘለዉ ብዝተሰየሙ ዳያኑ ብድምፂ ይውሰን።

ቅድመ ክትዕ፦

- መካትዒ ርእሲ ምምራፅ
  - ነቲ ርእሲ ዝገልፁ መረዳእታታት ምእካብ
  - ዝተኣከቡ መርትዖታት ብቕደም ሰዓብ ምስራዕ

እዋን ክትዕ፦

- መካትዒ ርእሲ ንመድመፅቲ ምልላይ
  - ፍረ ሓሳባት ብቕደም ሰዓብ ምግላፅ
  - ካብ ተቓወምቲ ዝቐርብ ሓሳብ ምድማፅ
- መሰጋገርቲ ቃላትን ሃረጋትን ምጥቃም
  - ስዓት ምኽባር
  - ንተሳተፍቲ ምምስጋን

# 13. ሰዋስው

## ምፍላይ በዓል ቤትን መእሰሪ ዓንቀፅን

**ካብቶም መማረፅታት፣ ነቲ ቅኑዕ ብምሕራይ መልሱ።**

1. ቀፂሎም ካብ ዘቐረቡ ቃላት እቲ ሓደ በዓል ቤት ኮይኑ ኣይኣቱን።

   ሀ. ራድዮ ለ. ቴሪዝም ሐ. ይዋፈሩ መ. ዑደት

2. ቀፂሎም ካብ ዘቐረቡ ቃላት ሓዲኡ መእሰሪ ዓንቀፅ ክኸውን ይኽእል።

   ሀ. መራኸቢ ሓፋሽ ለ. የዕብዩ ሐ. ክእለት መ. ጥንታዊ

3. “ቴለቭዥን ሓደ ካብቶም ኤለክትሮኒክስ መራኸቢ ሓፋሽ እዩ።” ናይ ዝብል ምሉእ ሓሳብ በዓል ቤት _______ እዩ።

   ሀ. እዩ ለ. ኤለክትሮኒክስ ሐ. ቴለቭዥን መ. ሓፋሽ

4. “ባነር ኣብ ሕትመታዊ መራኸቢ ሓፋሽ ይምደብ።” ናይ ዝብል ምሉእ ሓሳብ መእሰሪ ዓንቀፅ _______ እዩ።

   ሀ. ይምደብ ለ. ባነር ሐ. ሕትመታዊ መ. ኣብቶም

5. “እተን በፃሕቲ ዓዲ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይዘዋወራ።” ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ስም ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ሃገር ለ. ናብ ሐ. ይዘዋወራ መ. እተን

6. “ቱሪዝም ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ሓንቲ ሃገር ልዑል እጃም ኣለዎ።” ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ግስ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. እጃም ለ. ልዑል ሐ. ኣለዎ መ. ቱሪዝም

# ሰሙናዊ ርእሲ ከባብያዊ መስሕባት

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ቀለማት ምንፃልን ምጥማርን

**ሀ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ኣብቶም ቃላት ዘለዉ ቀለማት ነፂልኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡- መስሕባት= መስ ሕ ባት*

1. ዑደተኛታት
2. ዘይልሙዳት
3. እንተዘይጠዓሞም
4. መበቆላዊ
5. ብቐዳምነት

**ለ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ቀለማት ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡- እን ተ ተ ሃ ኒ ፁ = እንተተሃኒፁ*

1. እን ተ ሰ ሊ ጡ ዎም
2. ክብ ር ታ ቶም
3. ከይ ተ ቃ ል ዐ
4. ም ት ሕን ፋፅ
5. ም ም ዝ ባል

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ረብሓ ቱሪዝም እንታይ እዩ?
2. ፅልዋታት ቱሪዝም እንታይ እንታይ እዮም?

### እዋን ንባብ

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. በፃሕቲ ዓዲ መስሕባት ንምርኣይ እንትመፁ _________ የድልዮም።
2. በፃሕቲ ዓዲ ሓድሽ ነገር ንምርኣይ፣ ንምፍላጥ፣ _________ን_________ ይንቀሳቐሱ።
3. ካብ ግልጋሎት ቱሪዝም ዝርከብ _________ን _______ ን ናብ መንግስቲ ይኣቱ።
4. ቱሪዝም ምስሊ ሓንቲ ዓዲ ኣብ ምቕያርን_______ን ዓብዪ ግደ ኣለዎ።

# ረብሓን ፅልዋን ቱሪዝም



*በፃሕቲ ዓዲ ኣብ ኣኽሱም*

በፃሕቲ ዓዲ ሓድሽ ነገር ንምርኣይ፣ ንምፍላጥ፣ ንምርምርን ንምዝንጋዕን ይንቀሳቐሱ። ኣብቲ እዋን ሰላማውን ምቹውን ኩነታት ይደልዩ። ዝዓርፉሉምን ዝምገቡሉምን ትካላት ካብቶም ኣገደስቲ ነገራት እዮም። ብተወሳኺ፣ ነቲ ምንቅስቓስ ዘሳልጡ ዝተፈላለዩ ኣካላትን ምምሕድዳርን እውን ኣዝዮም ወሰንቲ እዮም። እዚ ዘፈር ዝተፈላለዩ ኣካላት ዘሳትፍ ብምዃኑ ዕዙዝ ረብሓ ኣለዎ። እንተኾነ ግና ቱሪዝም ሓድሓደ ፅልዋታት እውን ኣለዎ።

ቱሪዝም በፃሕቲ ዓዲ ብምዝንጋዕ ዝተፈላለየ ግልጋሎት ክረኽቡ ይገብር። ስለዚ ቀንዲ ረብሓ ቱሪዝም ፍልፍል ኣታዊ ምዃኑ እዩ። እቶም በፃሕቲ ዓዲ ደቂ ወፃእ እንተኾይኖም ፍልፍል ሸርፊ ወፃእ ይኾውን። ከምዚ ዝበለ እቶት ዝርከብ ነቶም ዘለዉ መስሕባት ብምዕቃብን ምቹው ኩነታት ብምፍጣርን እዩ። ኣብ ከባቢ መስሕባት ንዝርከቡ ኣካላት ምምሕዳር እውን ከም ፍልፍል እቶት ይኾውን። ነዚ እዩ ቱሪዝም ብትሑት ካፒታል ብዙሕ እቶት ዝርከቦ ዘፈር ዝበሃል።

በቲ ዝርከብ እቶት መሰረተ ልምዓት ንምምላእን ሰብ ሃፍቲ ኣብ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ንክዋፈሩ ይሕግዝ። ከም ማይ፣ መብራህቲ፣ መንገዲ፣ መዕርፎ ነፈርቲ፣ መጓዓዝያ፣ ዝበሉ ይማልኡ። ብተወሳኺ፣ ካብቲ ዘፈር ብዝርከብ ሸርፊ ወፃእ ምስ ካልኦት ሀገራት ዝግበር ንግዲ ምድንፋዕ ይከኣል።

ቱሪዝም ኣብ ዝተፈላለዩ ብርክታት ዕድል ስራሕ ክኸፈቱ ዘተባብዕ ኣገዳሲ ዘፈር እዩ። ንኣብነት፣ በፃሕቲ ዓዲ ኣብ ዝዓርፉሉም ቦታታት ሆቴላትን ኣብያተ ምግብን

መስተንክፍት ብምኽፋት ዜጋታት ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ይዋፈሩ። በዚ ብዙሕ ሓይሊ ሰብ ኣብ ስራሕ ብምውፋሩ ስእነት ስራሕ ይንክይ።

ቱሪዝም ትኸረት ዘድልዮም ዕልዋታት እውን ኣለዉ። ካብዚኦም ሓደ ምብካልን ዘይምኽባር ባህሊ ሃገርን እዩ። ዑደተኛታት ኣተሓሳስበኦምን ባህሎምን ሒዞም ይመፁ። በዚ ምኽንያት ምትሕንፋፅ ባህልታት ይኽሰት። እቶም በፃሕቲ ንሃገራዊ ባህሊ ኾነ ነቶም መስሕባት ግቡእ ክብሪ ዘይህቡሉ ኣጋጣሚ ኣሎ። በዚ ድማ በፃሕትን ባህሎምን ከም ሓደጋ ይርኣዩ። ሰኣን ምፍላጥ መንነት፣ ባህልን፣ ሃገር በቀል ፍልጠትን እቶም ነበርቲ ክብረዝ ወይ ድማ ብባዕዲ ባህልታት ከይትካእ ፍሉይ ጥንቃቐ የድልይ። ከምዚ ዝበለ ኣሉታዊ ዕልዋ ዝእለ ሰባት ሓድግታቶም ከም መግለፂ መንነቶም እንትቕበሉን ብመንነቶም እንትሕበኑን እዩ።

እቲ ካልእ ዕልዋ ቱሪዝም ስርቂ እዩ። ሓድሓደ በፃሕቲ ስርቂ ሓድግታት ዝዋፈርሉ ግዘ ኣሎ። ኣብ ከባቢ እቲ መስሕብ ዝርከቡ ዜጋታት እዉን ኣብዚ ወንጀል ክሳተፉ ይኽእሉ። ብኽምዚ መተካእታ ዘይርከበሎም ሓድግታት ይጠፍኡ። እዚ ፀገም ንምእላይ ዜጋታት ኣብ ሓድግታቶም ዘለዎም ግንዛበ ክብ ክብል ይግባእ።

መስሕባት ብበዝሒ እንትብፁሑ እውን ክዓንዉን ክበላሸዉን ይኽእሉ። ኣብቶም ከባብታት ብዝድርበዩ ነገራት እውን ክረስሑ ይኽእሉ። ነዞም ፀገማት ንምእላይ ግንዛበ ምፍጣር ጥራሕ እኹል ኣይኮነን። ዝምልከቶም ኣካላት መምርሒ ስርዓትን ሕግን ቱሪዝም ከተግብሩ ይግብኦም።

ኣብ እዋን ምስፋሕን ምኽላልን መስሕባት ዝኽሰቱ ፀገማት ኣለዉ። ንኣብነት፣ ምምዝባል ዜጋታትን ፍልሰት እንስሳትን የጋጥም። ነዚ ንምእላይ ነቶም ዝተመዛበሉ ወገናት መተካእታ ቦታ ወይ ካሕሳ ይከኣል። ነቶም እንስሳት ድማ እኹል ቦታ ክህልዎም ምግባር የድልይ።

ብሓፈሻ ረብሓታትን ዕልዋታትን ቱሪዝም ብዙሓት እዮም። ምስሊ ሃገር ኣብ ምቕያርን ፀጋታት ኣብ ምፍላጥን ዓብዪ ግደ ኣለዎ። ቁጠባዊ ዓቕሚ የጠናኽር፤ ዕድል ስራሕ እውን ይፈጥር። ብተመሳሳሊ ንምስፍሕፋሕ ቱሪዝም ተባሂሉ ብዝስራሕ መሰረተ ልምዓት ብዙሓት ይርብሑ። ስለዚ፣ ዝበለፀ ረብሓ ንምርካብ ነቶም ዕልዋታት ብዘይ ወዓል ሕደር ፍታሕ ምሃብ የድልይ። ብኽምዚ፣ በፃሕቲ ዓዲ ክበዝሑ ብምግባር ዝርከብ ሃገራዊ ምዕባለን ዕብየትን ዓብዪ ስለዝኾነ ኩሉ በብዓቕሙ ክዋሳእ ኣለዎ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ሰለስተ ረብሓታት ቱሪዝም ግለፁ።
2. ኣሉታዊ ዕልዋ ቱሪዝም ብኸመይ ምእላይ ይከኣል?
3. "… በፃሕቲ ንምዝንጋዕ ጥራይ ከይመፁ ይኽእሉ።" እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?
4. ሓንቲ ሃገር ካብ ቱሪዝም ተረባሒት ንኽትከውን እንታይ ክግበር ኣለዎ?

ለ. ቀፂሉ ንዝቐረበ ሰደቓ መሰረት ገይርኩም ካብ ረብሓን ፅልዋን ቱሪዝም ኣየናይ ከምዘመዝን ምኽኑ ዝገልፅ ናይ ባዕልኹም ትንታነ ኣቕርቡ። ነዚ እንትትሰርሑ ነቲ ምንባብን ነቲ ሰደቓን ምርኣይ ኣይትረስዑ።

| ሪጋ | ረብሓ ቱሪዝም | ፅልዋ ቱሪዝም |
|---|---|---|
| 01 | ዕድል ስራሕ ይፈጥር | ምብካልን ዘይምክባርን ባህሊ ሃገር |
| 02 | ኣብ ባህሊ ግንዛበ ይፈጥር | ስርቂ |
| 03 | ክንክን ከባቢ የማዕብል | ዕንወትን ምብልሻውን |
| 04 | ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገር የጠናኽር | ምምዝባል |
| 05 | ፀጋታት ሃገር የፋልጥ | ዘየተኣማምንን ውሑድን ኣታዊ |
| 06 | መሰረተ ልምዓት ንክጋፋሕ ይሕግዝ | ምግፋሕ ሓደሽቲ ልምድታት (መስተ፣ ሽርሙጥና) |

*ሰደቓ ረብሓን ፅልዋን ቱሪዝም*

ሐ. ትሕዝቶ፣ ኣቀራርባን ቋንቋን እቲ ዘንበብኩምዎ ፅሑፍ ዝግምግም ሓደ ዓንቀፅ ኣዳልዉ።

## 16. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ

**ፍታሕ እዞም ዝተሰመረሎም ቃላት ፀሓፉ።**

ሎሚ፣ መዓልቲ ቱሪዝም ብምዃኑ ኣብ ዝተፈላለዩ ማዕኸናት ብዛዕባ ቱሪዝም ይግለፅ ኣሎ። ፈቆድኡ ፖስተራት ተጠቂያም ይረኣዩ። ነቲ በዓል ክርእዩ ዝመፁ ዑደተኛታት እውን ኣብታ ከተማ ይዘዋወሩ ኣለዉ። ብዛዕባ እቲ በዓል ዝተሓተሙ ወፅኢታት መራኸቢ ሓፋሽ ሒዞም ዝዘውሩ ቈልዑ እውን ንኣንበብቲ ከቕርቡ ይፃፍዑ ኣለዉ። ምጉያይ እቶም ሰባት ኣብታ ከተማ ዓብዪ ውራይ ከምዘሎ የመላኽት።

## 17. ፅሒፈት (30)

### ምእያም ዓንቀፅ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንዝፀሓፍኩምዎ ሕብለታዊ ፅሑፍ ኣይምኩም ውዱእ ፅሑፍ ኣዳልዉ። (ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት ኣእትዉ።)**

1. ስርዓተ ነጥቢ
2. ኣፀሓሕፋ ፊደላት
3. ዋሕዚ ሓሳብ
4. ግቡእነት ቃላት
5. ኣጠቓቕማ ቃላት

### ኣፀሓሕፋ

**ኣብ “ሀ” ምስ ዘለዉ ቃላት ዝሳነዩ ጥብቆታት ካብ “ለ” ብምውሳድ ኣዛምዱ።**

*ኣብነት፦ ፅሑፍ - ኣዊ/ኣኛ = መልሲ (-ኣዊ ዝብል ይኸውን።)*

| | ሀ | ለ |
|---|---|---|
| ______ | 1. ዜጋ | ሀ. -ኣም |
| ______ | 2. ብሉፅ | ለ. -ኣዊ |
| ______ | 3. ሸቃሊ | ሐ. -ኣት |
| ______ | 4. ዑደት | መ. -ኣኛ |
| ______ | 5. ህዝቢ | ረ. -ኣን |
| ______ | 6. ቅድሚ | ሰ. -ኦት |
| ______ | 7. ኣድለየ | ሸ. -ኢት |
| | | ቀ. -ኦ |
| | | በ. -ኣን |

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብ ዝሓለፈ ካብ ዘንበብኩምዎ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።**

### ኣገላልፃ ንባብ

**ነተን ቀዳመዎት ክልተ ዓንቀፃት እቲ ምንባብ ብናህሪ፣ ብምልከትን ግቡእ ኣናብባን ተጠቒምኩም ብፅምዲ በብተራ ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**"ኅቦታት ገረዓልታን ኮንሶን"ን "ተፈጥሮኣውን ታሪኻውን መስሕባት"ን ዝብሉ ክልተ ፅሑፋት ዝሓዙዎ ዛዕባ መሰረት ገይርኩም ኣወዳድሩ።**

## 20. ሰዋስው

### ምውዳድ ምሉእ ሓሳብ

**ሀ. ነቶም ቃላት ከም በዓል ቤት ተጠቒምኩም ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

*ኣብነት፦ ኢትዮጵያ*

*ኢትዮጵያ ወናኒት ዝተፈላለዩ ታሪኻዊ መስሕባት እያ።*

1. በፃሕቲ ዓዲ
2. ቱሪዝም
3. ባህሊ
4. ቅርሲ
5. ፅልዋ

**ለ. ነቶም ቃላት ከም መእሰሪ ዓንቀፅ ብምጥቃም ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

*ኣብነት፦ ኣለዎ*

*መሰረተ ልምዓት ንዕብየት ቱሪዝም ልዑል ግደ ኣለዎ።*

1. ዓነወ
2. ተሰደዱ
3. ተመዛቢሎም
4. ይግባእ
5. ኣይዋፈሩን





# 6

# ተፈተውቲ ዛንታታት

## ሰሙናዊ ርእሲ ዝፈትዎምን ዝፀልኦምን ዛንታታት

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ጠሚርካ ምንባብ

**ነቶም ምእላዳትን ቃላትን ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፦ ኣይ- ቕበል -ኣን -ን = ኣይቕበለንን*

1. እና- ተ- ወሃሃብ -ኡ
2. እንተይ- ነገር -ኩ
3. ከይ -ት -ሃስስ -ን
4. እንተይ- ፈለጥ -ኣ
5. ለዋህ -ነት -ኦም
6. ኣይ -ርስዕ -ኣን -ን

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. የመና እትፈትዊዎ ዛንታ ብዛዕባ እንታይ ከምዝኾነ ተዛረቡ።
2. እቲ ርእስን ስእልን ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።

### እዋን ንባብ

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. እተን ሰበይቲ ኣጋ ምሸት ኣበይ ኮፍ ይብላ?
2. እቶም ኣሕዋት ብምንታይ ይመሓደሩ ነይሮም?
3. ሓወይ ከማይ ኣይተመርዓወን ዝበለ መን እዩ?

# ክልተ ኣሕዋት

ሓምሻይ ክፍሊ እናሃለኹ ብዙሕ ዛንታታት ዝፈልጣ ዓባይ ሰበይቲ ኣብ ጥቓ ገዛና ነይረን። እተን ሰበይቲ ወትሩ ኣጋ ምሸት ኣብ ኣፍ ደገ ገዝአን ኮፍ ምባል ይፈትዋ ነበራ። ኣብቲ ሰፈር ንነብር ቈልዑ እውን እክብ ኢልና ምስአን ኮፍ ንብል። ሓንሳብ ሓንሳብ ዘሕጉሱ፣ ካሊእ ግዜ ዘሕዝኑ ወይ ዘደንቑ ዛንታታት እናነገራ የዘናግዓናን የምህራናን ስለዝነበራ ፈጺመ ኣይርስዐንን። እቶም ዛንታታት መሰጥቲ እንተኾኑ ብፍላይ 'ክልተ ኣሕዋት' እትብል ዛንታ ኣዝየ እየ ዝፈትዋ።

እታ ዛንታ ብዛዕባ ኣብ ሓደ ዓዲ ዝነብሩ ክልተ ኣሕዋት እያ ተዘንትው። እቲ ሓደ በዓል ሓዳርን ጠዋሪ ብዙሓት ሰድራን ነበረ። እቲ ካልኣይ ግና ሓዳር ዘይገበረ ነበረ። ክልቲኦም ኣሕዋት ሓንቲ ግራት እናልምዑ ይመሓዳደሩ ነበሩ። ንዝረኸቡዎ እቶት ማዕረ ይማቐሉ ነይሮም። ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ፍቕርን ሓልዮትን ዘቕንእን ኣብቲ ከባቢ ንዝነብሩ ሰባት መርኣያን ነበረ።

ሓደ መዓልቲ እቲ ባሕተላይ ብዛዕባ ሓዉ እናሓሰበ፣ "ሓወይ ካብ ሎሚ ጀሚሩ ስድርኡ ብስርዓት ከመሓድር ኣለዎ። ስለዚ ዝረኸብናዮ ፍርያት ማዕረ ክንማቐል ግቡእ ኣይኮነን። ኣነ በይነይ እየ። ንሱ ግና ሓብሓቢ ስድራ ስለዝኾነ ካባይ ዝዛይድ ክወስድ ይግባእ። እዚ እንተለዮ ብፍፁም ኣይቕበለንን። ስለዚ እንተይነገርኩ ብኻልእ መንገዲ ክሕግዞ ኣለኒ!" ኢሉ ወሰነ። ካብኡ፣ ካብ ቆፎኡ እኽሊ እናቛፀረ ምሸት ምሸት እናተሓብአ ናብ ቆፎ ሓዉ ክግልብጥ ጀመረ። ኮይኑ ግና ንንጉሆኡ ተሲኡ ቆፎኡ እንተረኣየ ካብቲ ዝነበሮ ወሲኹ ይረኽቦ። በዚ እናተገረመ፣ "ኣምላኽ ቅንዕናይ ርእዩ ስለዝባረኸለይ እዩ" ብምባል ቀፀለ።

እቲ በዓል ሓዳር ድማ ብግዲኡ፣ "ሓወይ ኣይተመርዓወን። ኣነ ዝሓሸ ናብራ ኣለኒ። ንሱ ግና ገና ብምኳኑ ከቢድ ሓላፍነትን ሸኽምን ይፅበዮ እዩ። ሓዳር ክገብርን ክወልድን ኣለዎ። ነዚ ድማ ሐዚ ዝረኸቦ ዘሎ እቶት እኹል ኣይኮነን። ስለዚ ካብቲ ናተይ ዝበዝሐ ንሱ ክወስድ ኣለዎ። እዚ ኢለ እንተነጊረዮ ድማ ፈፂሙ ኣይሰምዐንን። ስለዚ ንሱ እንተይፈለጠ ክሕግዞ ኣለኒ!" በለ።

ሕድሕዶም ከይተዘራረቡ፣ እቲ ሓደ ካብ ቆፍኡ ናብ ቆፎ እቲ ካሊእ እናተሓብአ ወሲዱ ይመልኣሉ። እቲ ካልኣይ እውን ነቲ ሓደ ከምኡ ይመልኣሉ። ምስወግሐ ግና ክልቲኦም ቆፎኦም ከምቲ ዝነበሮ ይረኽቡዎ እሞ ከርና ይገርሞም። እንተኾነ፣ "በረኸት ኣምላኽ እዩ፤" ኢሎም ይሓስቡ። ብኸምዚ እናተወሃሃቡ ሓደ ምሸት ከም ወትሮም ክልቲኦም እኽሊ ተሸኪሞም ክግልብጡ እናኸዱ ኣብ መንገዲ ጐፍ ንጐፍ ተራኸቡ። "ወድነይ ደሓን ዲኻ?" በለ እቲ ዓብዪ። እቲ ድማ፣ "ደሓን እየ! ንስኻ ኸ?" ካብኡ፣ "ናበይ ደኣ ተሸኪምካ በዚ ፀልማት?" ምስበሎ ድንጋፀን ሓጐስን ተሓዋዊሶምዎ "ናብ ገዛኻ!" ይብል። ደሓር ኩሉ ነገር ስለዝተሰወጠም በቲ ተግባሮም ተገሪሞም ተሰዓዓሙ። ካብኡ ኮፍ ኢሎም ብግልፂ ተዘራረቡ። በዚ ምኽንያት እቲ ዝነበሮም ምትሕልላይን ፍቕሮምን የመና ፀንዐ።

እዛ ዛንታ ብዛዕባ ዘግርም ፍቕሪ፣ ሓልዮትን ፅኑዕ ሕውነትን ተዘንትው ብምኳና ኣዝየ እየ ዝፈትዋ። ብተወሳኺ፣ እቲ ምትሕስሳብ ከርና ዘቕንእን መምህራይን ብምኳኑ ደስ ትብለኒ። ክልቲኦም ኣሕዋት ነናይ ባዕሎም ፀገም ኣቕሊሎም ክተሓጋገዙ ስለዝፍትኑ ዘይርስዑ ገፀ ባህርያት እዮም።



*እቶም ኣሕዋት ጎፍንጎፍ እንትራኽቡ*

ብሓፈሻ በታ ዛንታ ኣቢሉ ዝመሓላለፍ ፍቕርን ምትሕልላይን እቶም ኣሕዋት ኣዝዩ ዘደንቕ እዩ። ብተወሳኺ፣ ንምሕጋዝ ብዘቕርቡዎም ምኽንያታትን ዝገብሩዎም ምምልላሳትን እግረም። ቆፎኦም መሊኡ እንትረኽቡዎ ዝስመዮም ስምዒት ለዋህነቶም የርእይ። በዚ በዚ፣ እዛ ዛንታ ካብ ኣእምሮይ ዘይትሃስስን ካብ ኩሎም ኣብሊፀ ዝፈትዋን እያ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብታ ዛንታ ክንደይ ገፀ ባህርያት ኣለዉ?
2. እታ ዛንታ ዝፍተው ንምንታይ እዩ?
3. እቶም ኣሕዋት እንታይ ዓይነት ባህርይ ኣለዎም?
4. ካብታ ዛንታ እንታይ ተማሂርኩም?
5. ኣብቶም ኣሕዋት ዘሎ ዓይነት ምትሕልላይ ብሓቂ ዝፍፀምዶ ይመስለኩም?
6. ኣብ ሓምሻይ ዓንቀፅ እቲ ዛንታ ዘሎ ምልልስ ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡዎ።

**ለ. ናይቲ ምንባብ መጀመርታ፣ ማእኸልን መወዳእታን ሓሳባት እቲ ምንባብ ዘርእይ ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 3. ቃላት

### ተመሳሳሊ ፍታሕ

**ሀ. ነዞም ቃላት ካብቲ ምንባብ ተመሳሳሊ ፍታሕ ድለዩሎም።**

1. ሰሓብቲ (ዓንቀፅ 1)
2. ዘገርሙ (ዓንቀፅ 1)
3. ሓብሓቢ (ዓንቀፅ 2)
4. ኣብነት (ዓንቀፅ 2
5. ዝበዝሕ (ዓንቀፅ 3)
6. ብታርኡ (ዓንቀፅ 3)
7. ሓዳር ዘይገበረ (ዓንቀፅ 3)
8. ምህርቲ (ዓንቀፅ 4)
9. ህያብ (ዓንቀፅ 5)
10. ስጡም (ዓንቀፅ 6)

### ምጥቃም ቃላት

**ለ. ካብዞም ቃላት እናመረፅኩም ነቶም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

- ጎፍ ንጎፍ - ምኽንያት - እቶት - ፅሞና
- ሓልዮት - ኣፍ ደገ - እምበር - ፅልኢ

1. እተን ሰበይቲ ኩሉ ግዘ ኣብ ______ ገዝአን ኮፍ ይብላ።
2. እቶም ኣሕዋት ኣብ መንገዲ _________ ተራኺቦም።
3. ካብቲ ዛንታ_________ ኣሕዋት ተማሂረ።
4. ምስ ኣሕዋትና ክንተሓላለይ __________ ክንፃላእ የብልናን።
5. ነቲ ዝረኸቦ ________ ምስ ሓው ተማቒሉዎ።
6. ኣተራርኻ እተን ኣደ ሰሓባይ ስለዝኾነ ብ ______ ሰሚዐየን።

## 4. ፅሕፈት

### ምፅሓፍ ዛንታ

**ካብ እትፈልጡዎም ነበረያ ነበረታት ምልልስን ትረኻን ብምጥቃም ሓደ ገፅ ፀሓፉ። (ኣብዞም ነጥብታት ኣድህቡ።)**

1. ስርዓተ ነጥቢ
2. ኣፀሓሕፋ ፊደላት
3. ዋሕዚ ሓሳብ
4. ግቡእነት ቃላት
5. መተሓሓዝቲ ቃላት

### ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቲ ሰደቓ ምልኡ።**

**ኣብነት፡-**

| 1 | ቆፎ | ቆፎይ | ቆፎኻ | ቆፎኣ | ቆፎኣተን |
|---|---|---|---|---|---|
| 2 | እኽሊ | | | | |
| 3 | ገዛ | | | | |
| 4 | ግራት | | | | |
| 5 | ምህርቲ | | | | |
| 6 | ኣእምሮ | | | | |
| 7 | ሓው | | | | |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ኣብ ዝሓለፈ ዘንበብኩምዎ እናዘከርኩም ተዛረቡ።

### ንባብ ኣገላልፃ

"ክልተ ኣሕዋት" ኣብ ዝብል ምንባብ ነተን ቀዳሞት ክልተ ዓንቀፃት ስርዓተ ነጥብን ቃናን ሓሊኹም ብሓደ ደቒቓ ኣንብቡወን።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ


## ዋዕላ እንስሳት

### ቅድመ ምድማፅ

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ነቲ ስእልን ርእስን ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።
2. እዞም ዝስዕቡ ቃላት ዘመሳስሎምን ዘፈላልዮምን ብቓል ተዛረቡ።

   1. ምኽንያት፣ መመኽነይታ    2. ፍትሒ፣ ፍርዲ



*ኣድጊ እንትናዘዝ*

### *እዋን ምድማፅ*

**እናዳመፅኩም ግዳይ ሕድሕድ እንስሳ ኣብቲ ሰደቓ ምልኡ።**

| | ስም እንስሳ | ግዳይ |
|---|---|---|
| 1. | ኣንበሳ | |
| 2. | ነብሪ | |
| 3. | ዝብኢ | |
| 4. | ኣድጊ | |

### *ድሕረ ምድማፅ*

**ሀ. ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ዛንታ፣ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።**

1. እታ ዛንታ ንምንታይ ከምትፅላእን ከምትፍተውን ግለፁ።
2. እቶም እንስሳት ንምንታይ ኣኼባ ኣካይዶም?
3. ብሕድሕድ እንስሳ ዝቐረበ ምኽንያት ወይ መመኽነይታ ፀሓፉ።
4. እቲ ኣድጊ ንምንታይ እዩ ሚዛናዊ ፍትሒ ዘይረኸበ ንምንታይ እዩ?
5. እታ ዛንታ ንምንታይ እያ መፅልኢት ተባሂላ?

**ለ. ነቲ ምንባብ መሰረት ገይርኩም ብናይ ባዕልኹም ኣቀራርባ ቃላዊ ፀብፃብ ኣቕርቡ።**

## 7. ሰዋስው

### *ምፍላይ ዋንነት ኣመልካቲ ክንዲ ስም፣ መስተኣምርን ዋንነት ኣመልካቲ ምእላድን*

## ዋንነት ኣመልከቲ

ዋንነት ዘመልክቱ ቃላት ሓደ ንብረት ወይ ኣቕሓ ናይ መን ከምዝኾነ ዝሕብሩ ቃላት እዮም። ኣብ ትግርኛ ኣብቶም ክንዲ ስማት ዝተፈላለዩ ጥብቆታት ብምውሳኽ ሓደ ንብረት ብመን ከምዝውነን ወይ ድማ ናይ መን ምዃኑ ይግለፅ። ክንዲ ስማት ድማ ንስም ተኪኦም ተግባር ስም ዝፍፅሙ ቃላት እዮም። ቀፂሉ ዘሎ ሰደቓ ነዚ ዝሕብር እዩ፦

| | ኣካል | ነፀላ | ብዙሕ |
|---|---|---|---|
| 1. | ቀዳማይ ኣካል | ናተይ | ናትና |
| 2. | ካልኣይ ኣካል ተባ ዕታ | ናትካ | ናታትኩም |
| 3. | ካልኣይ ኣካል ኣንስ ዕታ | ናትኪ | ናታትክን |
| 4. | ሳልሳይ ኣካል ተባ ዕታ | ናቱ | ናታቶም |
| 5. | ሳልሳይ ኣካል ኣንስ ዕታ | ናታ | ናታተን |

**ቀፂሎም ኣብ ዘለዉ ምሉእ ሓሳባት ዋንነት ኣመልካቲ ክንዲ ስማት፣ ክንዲ ስማት፣ ዋንነት ኣመልካቲ ምእላዳትን መስተኣምራትን ፈሊኹም ኣውፅኡ።**

*ኣብነት፡- ሀ. ኣብ ክፍልና ሓደ ፍሉይ ቈልዓ ኣሎ።*

*መልሲ፡- ክፍልና = ክፍሊ -ና ('ና' ናትና ንዝብል ዋንነት ተመልክት።)*

*ኣብነት፡- ለ. ንሳቶም ደቂ ማሕበር እዮም።*

*መልሲ፡- ንሳቶም = ክንዲ ስም*

1. ክልቲኦም ኣሕዋት ግራቶም ብሓባር ሓሪሶም።
2. እታ በጊዕ ሕልሕላ ንደገ ኣዉፂኣ ደቂሳ።
3. ንሱ ካብ መሓዙቱ ተፈልዩ።
4. እቶም እንስሳት ሓሳባ ኣይተቐበሉዎን።
5. ናተይ ሓው ሓብሓቢ ስድራ እዩ።
6. ንሳ በቲ ዛንታ የመና ሓዚና።
7. ናታትክን ላሕሚ ኣብ ደንበኣ ክትዓይም ነይሩዋ።
8. እቶም ዛንታታት ኣዝዮም መስጥቲ ብምዃኖም ካብ ኣእምሮይ ኣይጠፍኡን።

# ሰሙናዊ ርእሲ ዛንታን ቁም ነገርን

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንብቢካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ብዛዕባ ሓሶት ዘውግዕ ዛንታ እትፈልጡዎ እንተሃልዩ ተዛረቡ።
2. "ዘረባ ሓውካ ብደውካ" ዝብል ምስላ ትርጉሙን መዓዝ ከምዝምሰልን ተዛረቡ።

### እዋን ንባብ

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. "... ክዳነይ ኣውፂኣ እንዶ ኣይበልካን!" ዝበለ መን እዩ?
2. ኣመል ሓሶት ዝነበራ መን እያ?
3. እቶም ሰብ ሓዳር ንምንታይ ተባኢሶም?

# ማዕዳ ወለዲ

ቈልዓ እናሃለኹ እኖ ሓጎይን ኣደይን ዝተፈላለየ ቁም ነገራት ዘለወን ዛንታታት ይነግራኒ ነይረን። ገሊአን ርህራሀ፣ ፍቕሪ፣ ሓልዮት፣ ትሕትና፣ ብልሓት፣ ወዘተ. የምህራ። ገሊአን ድማ ስስዐ፣ ሓሶት፣ ፅልኢ፣ ትዕቢት፣ ወዘተ. ንኸንፅየፍ ኣስተምህሮ ይህባ። እተን ዛንታታት ምስ ኣጋጣምታት እናዛመዳ ይነግራንን ይምዕዳንን ስለዝነበራ ኣይርሰዐንን።

ሓደ መዓልቲ ሓሶት ሕማቕ ምዃኑ እትገልፅ ዛንታ፣ እኖ ሓጎይ ነጊራትኒ። እታ ዛንታ ኣብ ባሕሪ ንብዙሕ እዋን ፀኒሑ ብዛዕባ ዝተመለሰ ተጀሃራይ ሰብኣይ እያ ተዘንትው። እቲ ሰብኣይ ህይወት ኣብ ባሕሪ ኣዝዩ ከቢድ ምዃኑ እናወሳሰኸ ንዓርኩ ከምዝስዕብ ምባሉ ነጊራትኒ።

“ሓደ እዋን ክዳነይ ኣውፂአ እናሓመስኩ፣ ሃንደበት ክንዲ ግዛዕ ዝኸውን ሓርገፅ ይመፅኒ። ኣነ ሓውካ ድማ፣ ካብ ጁባይ ካራ ምዝዝ ኣቢለ ከም ዘይኸውን ገይረ ልቡ ተርቲረዮ!’ ይብሎ። እቲ ዓርኩ ትቕብል ኣቢሉ፣ ‘ዋእ! ክዳነይ ኣውፂአ እንዶ ኣይበልካን! እቲ ካራ ኣበይ ነይሩ?’ ይብሎ። እቲ መጋነኒ ድማ፣ ‘ክላ ንስኻ ድማ ዘይምክታዕ ካሊእ ኣይትፈልጥን!’ ኢሉዎ ዝሓረቐ መሲሉ ሓፊሩ ከደ። እቲ ዓርኩ ድማ ብውሽጡ ‘እንተዝሓንከልካ ድዩ ዝበሃል?’ ኢሉ ብትዕዝብቲ ረኣዮ። ረኣኻ ዝወደይ እንድሕር ሓሲኻ ሕፍረት ይስመዓካ፤ ብሰባት እውን ትነዓቕ።” ብምባል ወዲኣ እኖ ሓጎይ።



*እቲ ቈልዓ ዛንታ ኣዲኡን እኖ ሓጎኡን እንትሰምዕ*

ካብኡ ብፅሞና እተዳምፅ ዝነበረት ኣደይ “እዚ’ማ ቀቀሊሉ!” ኢላ። “ምሕሳው ካብዚ ዝገደደ መዘዝ ዘለዎ ሕማቕ ኣመል እዩ። ሰብ የፃልእን የባእስን እዩ። ኣረ የቃትል

እውን እዩ!” እዚ ኢላ ምሕሳው ሰላምን ቅሳነትን ዘስእን ምዃኑ ብኻሊእ ዛንታ ከምዚ ብምባል ነጊራትኒ።

“ኣብ ሓደ ዓዲ ሓንቲ ምሕሳው ዝኣመላ መሳትይቲ ቡን ጐረቤት ነበረት። ወረ እናፈጠረትን እናቀባበለትን ጐረባብታ ሓውን ሓሰርን ክኾኑ ገበረት። ውስኽ እናበለት ሰብኣይ ዘይፈፀሞ ኣበር ንሰበይቱ ሕሹኽ ትብላ። ንሳ ድማ ሕርቕ ኩምትር ትብል። ናብቲ ሰብኣይ ከይዳ ድማ ሰበይቱ ዘይፈፀመቶ ንግር ተብሎ። በዚ ምኽንያት ኣመል እታ ሰበይቲ ዘይፈለጡ ስድራ ተባኢሶም። ድምፂ ዝሰምዑ ጐረባብቲ መፂኦም ይገላግሉዎም። ብሰንኪ ሕማቕ ኣመላ እቶም ሰብ ሓደር ምብኣሶም ኩሉ ምስፈለጠ፣ ናብ እተኣትዎ ጨነቓ!” ኢላ ኣዘንተወትለይ።

እኖ ሓጎይን ኣደይን ዝነገራኒ ዛንታታት እንትሓስብ በታ ቀዳመይቲ እስሕቕ፣ በታ ካልአይቲ ድማ ኣሓዝን። ክልቲአን ዛንታታት ንምጅሃር ኮነ ንምብኣስ ምሕሳው ዘይፅቡቕ ምዃኑ ስለዘምህራ ኣዝየ እየ ዝፈትወን። ኣብ ማሕበረሰብና ዝፍተዉን ዝፅልኡን ዝድነቑን ዝኹነኑን ተግባራት በተን ዛንታታት ወለደይ ተማሂረ። ሽዑ መዓልቲ ብዘይካ እተን ዛንታታት ካሊእ ምሕሳብ ኣበየኒ።

ብመንፅር እቶም ኣብተን ዛንታታት ዘለዉ ሰባት፣ እታ ቀዳመይቲ ቃሕ ትብለኒ። እቲ ሰብኣይ ዝጀሃርን ዝሕሱን ሰብ ንምጉዳእ ኣይኮነን። እንተኾነ ዓርኩ እንትርእይ ክሓፍርን ክሸቑረርን ይኽእል። እቲ ዓርኩ ግና ክፅዘቦ እንተዘይኮይኑ ኣይጉዳእን። ብሓፂሩ ሓሶት ሕማቕ ይኹን እምበር፣ እቲ ፈላማይ ንኻልኦት ዝጎድእ ኣይኮነን። ብተንኮል እንተኾይኑ እታ ጐረቤት ሰበይቲ ትገድድ። ፍጥር እናበለት እቶም ሰብ ሓዳር ክበኣሱ ገይራ። ኣብቲ ባእሲ ንዝበፀሐ ጉድኣት ምኽንያት ኮይና። ንባዕላ እውን እንተኾነ ቅሳነት ኣይሀብን። እቲ ጌጋ ኣብ ህይወታ ዘይትርሰዖ ሕማቕ በሰላ ኮይኑ ክፀንሕ ይኽእል። ሕማቕ ምግባር ሕማቕ የስዕብ። ከምዚ ዝበሉ ሓሳባት እናሓሰብኩ ውዒለ።

ንምሸቱ ብዛዕባ እዘን ዝፈትወን ዛንታታት እናሓሰብኩ ናብ ምድቃሰይ ከይደ። እታ ሓንቲ በቲ ሰብኣይ እታ ሓንቲ ድማ በታ ሰበይቲ እየን ተፈፂመን። ክልቲኦም ብናይ ዓርሶም ጌጋ ብሓባር እንትሓፍሩን እንትሸቑረሩን ተራእዮሙኒ። በዘን ዛንታታት ምሕሳው መዘዝ ዘስዕብን ዘየድልይን ምዃኑ ብምርዳእ ከይሕሱ ንባዕለይ ቃል ኣትየ።

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. *መን እዩ ኣጋኒኑ ዝተዛረበ?*
2. *እታ መሳትይቲ ቡን ጐረቤት እንታይ ብምባል እያ ሓስያ?*
3. *ክልቲአን ዛንታታት ዘመሳስለንን ዘፈላልየንን እንታይ እዩ?*
4. *እቲ ሰብኣይ ንምንታይ እዩ ኣጋኒኑ ዝተዛረበ?*
5. *ኣብ ሳልሳይ ዓንቀፅ ንዘሎ ምልልስን ግደ እቶም ስርዓተ ነጥብታትን ግለፁ።*
6. *ካብቲ ዛንታ እንታይ ተማሂርኩም?*

**ለ. ብዛዕባ እቲ ምንባብ ዘለኩም ርእይቶ ዝገልፅ ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 9. ቃላት

**ነቶም ኣብ ሓፁር ዘለዉ ትሕዝቶኣዊ ቃላት ተጠቒምኩም ነቶም ሕቶታት ዝምልስ ርእይቶታት ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦ነቲ ዛንታ ንምንታይ ፈቲኹምዎ? (ዛንታ)*

*ሀ. እቲ ዛንታ ደስ ዝብል መልእኽቲ ስለዘመሓላልፍ ፈቲናዮ።*

*ለ. ኣብቲ ዛንታ ዘለዉ ገፀ ባህርያት ቅኑዓት ስለዝኾኑ ፈቲናዮ።*

1. ነቲ ዛንታ ንምንታይ የመና ፀሊእኹምዎ? (ምፅላእ)
2. ኑዛዜ እቲ ኣንበሳ ፍትሓዊ ድዩ? (ምንዛዝ)
3. ኣብቲ ዛንታ ዘሎ ሰብኣይ ንምንታይ ተጃሂሩ? (ምጅሓር)
4. ሕሶት ንምንታይ እዩ በሰላ ዝሓድግ? (በሰላ)
5. እታ ኣዶ ነታ መዘንተዊት ንምንታይ ምዒዳታ? (ማዕዳ)
6. ኣብ ከባቢኹም ክትሸቖረሩ ዝገብር ነገር እንታይ እዩ? (ምሽቖራር)
7. ነበረያ ነበረ ንምንታይ ነድንቕ? (ምድናቕ)
8. ኣብ ከባቢኹም ጥምየት እንተዘጋጥም እንታይ ምገበርኩም? (ጥምየት)

## 10. ፅሕፈት

**ነቲ ቅድሚ ሕዚ ዝፀሓፍኩምዎ ነበረያ ነበረ ኣቃኒዕኩም ፀሓፉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ቃላትን ዋንነት ዘመልክቱ ምእላዳትን ፈሊኹም ብምውፃእ ዝርአ ለውጢ ፊደል ፀሓፉ።**

| | ቃል | ዓንዲ | ምእላድ ዋንነት | ለውጢ ፊደል |
|---|---|---|---|---|
| 1. | ዓራቶም | ዓራት | -ኦም | ት → ቶ |
| 2. | ዓርካተን | | | |
| 3. | ነብስኻ | | | |
| 4. | ጁባኣቶም | | | |
| 5. | ኣዴኻትክን | | | |
| 6. | ሰበይቱ | | | |
| 7. | ማሕበረሰብና | | | |
| 8. | ዓድኻትኩም | | | |

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብ ዝሓለፈ እዋን ካብ ዘንበብኩምዎ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።**

### ንባብ ምልከት

**"ማዕዳ ወለዲ" ካብ ዝብል ምንባብ ንዓንቀፃት ሓደን ክልተን ኣደማምፃን ምልከትን ሓሊኹም ብዘይ ጋእጋእ ብደቒቓ ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**"ማዕዳ ወለዲ" ዝብል ምንባብ መሰረት ገይርኩም ብፅምዲ ቃለ መሕትት ኣካይዱ። (ኣብ ዝርርብኩም ከም ብተወሳኺ፣ ኣዝዩ፡ ግና፣ ምኽንያቱም፣ ስለዚ፣ ወዘተ. ዝብሉ መተሓሓዝቲ ቃላትን ሓረጋትን ተጠቐሙ።)**

ትኹረት ዘድልዮም ነጥብታት፦

- ኣብቶም ዛንታታት ዝፍቶ
- ንምንታይ ከምዝፍቶ
- ኣብቶም ዛንታታት ዝፅላእ
- ንምንታይ ከምዝፀላእ
- መልእኽቲ
- ገፀ ባህርያት

## 13. ሰዋስው

### ምምራፅ ሰዋስዋዊ ኣምራት

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕ መልሲ ዝሓዘ ፊደል ምረፁሎም።**

1. ንሰን ነታ ቈልዓ ዛንታ ነጊረንኣ። ዝተሰመረሉ ቃል_____ እዩ።

   ሀ. ኣመልካቲ ለ. ገንዘቢ

   ሐ. ርቱዕ ተስሓቢ መ. መስተኣምር

2. እቲ ሰብኣይ ካብ ጃባ መንዲል ኣውፂኡ። ዝተሰመረሉ ቃል ዋንነት ንክመልክት ዝወስዶ ምእላድ ______እዩ።

   ሀ. -ኡ ለ. -ታ ሐ. -ኣም መ. -ኣኛ

3. ንሕና ክንሕስው የብልናን። ዝተሰመረሉ ቃል ______ይሕብር።

ሀ. መስተኣምር        ለ. ኣመልካቲ

ሐ. ክንዲ ስም        መ. ገንዛቢ

4. ኣደይ ካሊእ ዛንታ ነጊራትኒ። ዝተሰመረሉ ቃል ዘመልክቶ ዋንነት ______እዩ።

ሀ. ናቱ   ለ. ናተይ   ሐ. ናታ   መ. ናትክን

5. ካብዞም ቃላት "ናትክን" ዝብል ዋንነት ዘመልክት______እዩ።

ሀ. ዓርኩ        ለ. ዓርካ

ሐ. ዓርክኻትክን        መ. ዓርኮም

## ሰዋስዋዊ ኣምራት ምስ ኣብነት ምዝማድ

**ኣብ "ሀ" ዘለዉ ቃላት ምስ ኣብ "ለ" ዘለዉ ኣብነታቶም ኣዛምዱ።**

| ሀ | ለ |
|---|---|
| ______1. ክንዲ ስም | ሀ. -ኣይ |
| ______2. ዋንነት ኣመልካቲ ክንዲ ስም | ለ. እቶም |
| ______3. ገንዛቢ ምእላድ | ሐ. ሓሶት |
| ______4. መስተኣምር | መ. ናተይ |
| ______5. ርቱዕ ተስሓቢ | ረ. ክዳኑ |
| | ሰ. ንሕና |
| | ሸ. ንኣይ |

# ሰሙናዊ ርእሲ መኣዲ ዛንታታት

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ጠሚርካን ነፂልካን ምንባብ

**ሀ. ነቶም ቃላት ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፦ ስለ- ዝ- ነቕሐት - ሉ = ስለዝነቕሐትሉ*

1. ከም- ዘይ- ትምሕር -ኦ
2. ከይ- ተፅድፈን -ኢ
3. እንተ- ት- ድርብይ -ኦ
4. ከም- እት- ቐትል - ኦ
5. ዝ- ተ- ጠቐም -አ -ሉ

**ለ. ነቶም ቃላት ነፂልኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፦ ኣይትርከብን = ኣይ- ት- ርከብ -ን*

1. ስለዝበልዓላ
2. ዝወሰነትሉ
3. ዝፈተኹወን
4. ከምዘይጒዓዛ
5. ዝወሰድኩዎ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ነቲ ርእስን ስእልን ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።
2. ቅድሚ ሐዚ ብዛዕባ ብልሓት እንስሳት ዘዘንትው ዛንታ እንተንቢብኩም እንታይ ዝብል ነይሩ?

### እዋን ንባብ

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ብፃምእ ማይ ዝተሸገረ መን እዩ?
2. ሰበይቲ ሓርገፅ ሓሚማ ዝበለት ንምንታይ እዩ?
3. ኣብቶም ዛንታታት ዃዅን ህበይን ብኸመይ ባህርያት ቀሪቦም?

# መዋግዕተይ

ሓደ ክረምቲ መብዛሕትኦም ኣዕርኽተይ ስለዝገየሹ ከም መማረፂ ዝወሰድኩዎ ኣብ ገዛ ዝነበሩ መፃሕፍቲ ምንባብ ኮነ። ኣብቲ እዋን ካብ ዘንበብኩወን መፃሕፍቲ ብዛዕባ ታሪኽ ፍሉጣት ሰባትን ዛንታታት እንስሳትን ዘዘንትዋ ደስ ይብላኒ። ብፍላይ እኩብ ነበረያ ነበረታት ዝሓዘት ሓንቲ መፅሓፍ ነይራትኒ። እዛ መፅሓፍ እኩይን ሰናይን ተግባራት ብዛንታታት ኣንጭዋ፣ ህበይ፣ ኳኽ፣ ቡኽሪያ፣ ወዘተ. ተዘንትው። እተን ዝፈትወን ብኳኽን ህበይን ኣቢለን ጉርሕን ብልሓትን ደቂ ሰባት ዘርእያ ዛንታታት እየን። ሰለስቲኣን ኣብ እዋን ጭንቀትን ፀገምን ዝፍጠር ብልሓት የርእያ።



*መሰጥቲ ዛንታታት እናንበብኩ*

**ኳኽ**

እታ ቀዳማይቲ ዛንታ፣ ብልሓት ማይ ዝፀመኦ ኳኽ ተዘንትው። ኩሉ ነገር ገዲፍካ “እንስሳ እውን ዶ ከምዚ ይገብር እዩ?” ኢልካ ትግረም። እቲ ኳኽ ኰሊሉ ኰሊሉ ማይ ስኢኑ ኣብ ሓንቲ ዕትሮ ቁሩብ ማይ ይርእይ። እንተኾነ ጉደሎ ስለዝነበረት ክሰትይ ድንን እንተበለ ክሳዱ ምእታው ይኣብዮ። ሱቕ ኢሉ ከይኸይድ ድማ ፀምኡ። ኣብ መወዳእታ ፀፀራት ብኣፉ እናኣረየ ናብቲ ዕትሮ ብምእታው እቲ ማይ ልዕል ይብለሉ። ካብኡ ክሳብ ዝረውይ ሰትዩ ከደ።

**ኳኽን ቡኽሪያን**

እታ ካልኣይቲ ብዛዕባ ኳኽን ቡኽሪያን እዩ። ሓደ ኳኽ ቡኽሪያ ካብ ዘምፅኣቶ

ስጋ ስለዝበልዐላ ሓሪቓ ክትቀትሎ ኣብ ዝወሰነትሉ ግዘ ንምህዳም ዝተጠቐመሉ ሜላ ግርም ትብለኒ። ቡኻርያ ሓኒቓ ብምሓዝ ብኸመይ ከምትቐትሎ ንክሕብረላ ዕድል ሃበቶ። ንሱ ድማ ቡኻርያ ከምዘይትምሕሮ ኣቐዲሙ ፈሊጡ "ከም ድላይኪ ገይርኪ ቅተልኒ፣ ግና ናብ ገደል ከይተፅድፍኒ!" በላ። "እህ! ገደል ኢኻ ትፅልእ እምበኣር!" ብምባል ናብ ገደል እንትትድርብዮ ነፊሩ ይድሕን።

**ህበይን ሓርገፅን**

እቲ ካሊእ ዛንታ፣ ልቢ ህበይ ከም ዘይትርከብ ተርእይ እያ። ጥዑም ፍረ እናሃበት ምስ ሓርገፅ ዝጀመረቶ ስጡም ምሕዝነት ሰበይቱ ቃሕ ኣይበላን። ሓደ እዋን እዛ ሰበይቲ ሓርገፅ "ሓሚመ" ኢላ ትድቅስ። ካብኡ ሓሲባ ሓሲባ፣ "ልቢ ህበይ እዩ መድሓኒተይ" በለቶ ነቲ ሓርገፅ ብተንኮላ። ሓርገፅ ሓቂ መሲሉዎ ካብ ዕርክነት ህበይ ጥዕና ሰበይቱ ኣቐዲሙ ልቢ ህበይ ክወስድ ይውስን። ህበይ ግና ኣቐዲማ ስለ ዝጕርሐት ኣህባይ ልበን ሒዘንኦ ከም ዘይጕዓዛ እኳድኣስ ኣብ ኦም ኣንጠልጢለን ከም ዝሓድግኦ ነገረቶ። ብምኽፃል፣ ካብ ኦም ኣውሪዳ ከም እትህቦ ቃል ኣተወትሉ። ከምዚ ኢላ ብምዕሻው ናብ ኦም ደይባ ኣምለጠት።

ኣብቲ መፅሓፍ ብልሓት ደቂ ሰባት ዝገልፁ ዛንታታት እውን ኣለዉ። ኮይኑ ግና በቶም እንስሳታት ዝግለፁ ዝያዳ ይስሕቡኒ። እቲ ምኽንያት እቶም እንስሳታት ብነፃነት ከም ሰብ ዝዛረቡን ዝሓስቡን ኮይኖም ብምቕራቦም እዩ።

ኣብቲ መፅሓፍ ዘለዋ ዛንታታት ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝቐረባ እየን። እቶም እንስሳታት ዓያሹ፣ ቀናኣት፣ ጕራሓት፣ ፈረድቲ ከምኡ እውን ክኢላታት ኮይኖም፣ ይቐርቡ። ካብተን ዝቐረባ ዝተፈላለየ ባህርያት ሰብ ዝገልፃ ድማ ኣብ ብልሓት ዘተኮራ ዛንታታት ኳኾ፣ ህበይን ሰብን ይርከባ።

ካብዘን ዘንበብኩወን ዛንታታት ንብልሓት ኳኾ ዘለኒ ናእዳ ዝለዓለ እዩ። ካብቶም ቀንዲ ምኽንያታት ዝነፍር እንስሳን ካብ ሰብ ብብዙሕ ነገር ዝፍለ ምኻኑ ይጥቀስ። ኮይኑ ግና ከም ሰብ ክሓስብ፣ ክዛረብ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ክበላሓት ምዕዛበይ ብዝበለፀ የግርመለይ። ብተወሳኺ፣ ብልሓት ኳኾ መፍትሒ ፀገማት ክኸውን ዝኽእል ፍልጠት ኣስኒቑኒ። ልዕሊ ኹሉ ድማ እዞም ዛንታታት ከክንዲ ኣዕርኽተይ መዋግዕቲ ኮይኖም ፅምዋ ንከይስምዓኒ ሓጊዞምኒ። ከምዚኦም ዝበሉ ዛንታታት ምሉእ ክረምቲ ኣብ ንባብ ንከሕልፎ ኣለዓዒሎምኒ። በዚ ድማ ግዘ ክረምቲ ከይተፈለጠኒ በቶም ዛንታታት እናተዘናጋዕኹ ኣሕሊፈዮ።

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቂ" ንዘይኮኑ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሱ።**

1. ናብ ገደል ዝፀደፈት ቡኻርያ እያ።
2. ህበይን ሓርገፅን ኣዕርኽቲ እዮም።
3. ሰለስቲኣን ዛንታታት ኣብ ብልሓት ዘተኮራ እየን።
4. ልቢ ህበይ እዩ መድሓኒተይ ዝበለት ኳኾ እያ።

ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።

1. ህበይ ህይወታ ንምትራፍ እንታይ ብልሓት ተጠቒማ?
2. "ጭንቀት ኣዶ ብልሓት እያ" ዝብል ምስላ ምስተን ዛንታታት ብኸመይ ይዛመድ?
3. ካብዞም ዛንታታት ንመኒኣ ፈቲኹም? ንምንታይ?
4. "መዋዕግተይ" ኣብ እትብል ምንባብ ንዘለዉ ምልልሳት ፈሊኹም ኣውፅኡ።

ሐ. ክሳብ ሐዚ ኣብ ዝቐረቡ ዛንታታት ካብ ዝረኣኹምዎም ገፀ ባህርያት ነቶም ክልተ ብምንፅፃርን ብምውድዳርን መንነቶምን ተግባሮምን ዝገልፅ ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

## 16. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ ቃላት

**ዓውዳዊ ፍታሕ እዞም ዝተሰመረሎም ቃላት ፀሓፉ።**

1. ካብዘን ኣርባዕተ ዛንታታት ብልሓት ኳኸ ስሒቡኒ።
2. እቲ ሰብኣይ ኣዝዩ ተጀሃራይ እዩ።
3. ሓርገፅ ሰበይቱ ስለዝሓመመቶ ተጨኒቑ።
4. ህበይን ኳኸን ጐራሓት እዮም።
5. ኳኸ ማይ ንምስታይ ዝተጠቐሞ ብልሓት ኣደኒቑኒ።
6. እተን እንስሳት ብእዋኑ ቀለቦም ማእሪሮም።
7. ካብቲ ዛንታ ብዙሕ ቁም ነገራት ተማሂረ።
8. ትዕቢት መሰረት ውድቀት ከምዝኾነ ብዙሓት ይዛረቡ።
9. እዋን ዕረፍቱ መፅሓፍ ብምንባብ ስለዘሕለፎ ዕምዋ ኣይተሰመዮን።
10. ፀገም ብብልሓት ምሕላፍ ኣድላዩ እዩ።

## 17. ፅሕፈት

### ምእያም ፅሑፍ

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንዝፀሓፍኩምዎ ዛንታ ብምእያም ውዱእ ፅሑፍ ኣዳልዉ።

### ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ዝተሰመረሎም ቃላት ዋንነት ከርእዩ ኣመዓራሪኹም ፀሓፉዎም።**

*ኣብነት፡- እቲ ኳኸ ብኣፍ እምኒ እናኣረየ ናብቲ ዕትሮ ኣእቲዉ።*

*መልሲ፡- እቲ ኳኸ ብኣፉ እምኒ እናኣረየ ናብቲ ዕትሮ ኣእቲዉ።*

1. ኣህባይ ልቢ ሒዘንአ ከምዘይጐዓዛ ነገረቶ።
2. ንሳተን ትማሊ ናብ ገዛ ከይደን።
3. ተስፋይ ኩሎም መሓዙት ገይሾም ኢሉ።
4. ነተን ዛንታታት ዘውግዐተኒ እኖ ሓጎ ብጣዕሚ እየ ዝፈትዋ።
5. ሓደ መዓልቲ መብዛሕቲኦም ኣዕሩኽ ስለዝገየሹ ዕምዋ ተሰሚዑኒ።
6. እቶም ኣሕዋት ምህርቲ ኣብ ክልተ ማዕረ ተኻፊሎም።

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**"መዋግዕተይ" ኣብ ዝብል ፅሑፍ ካብ ዘንበብኩምዎ ብምዝካር ተዛረቡ።**

### ንባብ ምልከት

**"መዋግዕተይ" ኣብ ዝብል ፅሑፍ ንዘለዋ ቀዳሞት ክልተ ዛንታታት ብግቡእ ኣደማምፃን ምልከትን ብዘይ ጋእጋእ ብሓንቲ ደቒቓ ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**"መዋግዕተይ" ንዝብል ምንባብ መሰረት ገይርኩም ብፅምዲ ብምኸኣን ቃል መሕትት ኣካይዱ። (ኣብ ዝርርብኩም ከም ዝፈትዋ፣ ዘድንቖ፣ ዝስሕበኒ፣ ዝፀልኦ፣ ወዘተ. ዝበሉ ሓደሽትን መተሓሓዝትን ቃላት ተጠቐሙ።)**

ብተወሳኺ ኣብዞም ነጥብታት ኣድህቡ።

- ኣንባቢ እቲ ዛንታ
- ዛዕባ እቲ ዛንታ
- ኣዝዩ ዝድነቕ ብልሓት እንስሳት
- ኣብቲ ዛንታ ደስ ዘብል ነገር
- ገፀ ባህርያት እቲ ዛንታ

## 20. ሰዋስው

### ምፍላይ ክንዲ ስማትን ዋንነት ኣመልከትቲ ምእላዳትን


**ብመሰረት እቲ ኣብነት ክንዲ ስምን ዋንነት ኣመልከትን ፍለዩ።**

*ኣብነት፦ ኣነ ምስ ኣዕርኽተይ ምውጋዕ እፈትው።*

*መልሲ፦ ኣነ = ክንዲ ስም የመልክት*

*ኣዕርኽተይ = -ኣይ ዝብል ምእላድ ዋንነት የመልክት*

1. ንሕና ካብ ብልሓት እቶም እንስሳት ክንመሃር ኣለና።
2. ሰበይቱ ስለዝሓመመቶ ልቢ ህበይ ደልዩ።
3. ቡኻርያ ስጋኣ ንዝብልዐላ ኳኸ ኣፅዲፋቶ።
4. ንስኻትኩም ካብቲ ዛንታ እንታይ ተማሂርኩም?
5. ህበይ ህይወታ ንምትራፍ ፍሉይ ሜላ ምሂዛ።
6. ንሳ ብምሕሳዋ እቶም ወለዲ ተባኢሶም።
7. ንሳቶም ዛንትኦም ብዙሕ እዩ።



# 7

# ኤችኣይቪ ኤድስ ኣብ ኢትዮጵያ

## ሰሙናዊ ርእሲ ምምሕልላፍን ምክልኻልን ኤችኣይቪ ኤድስ

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ምጥማርን ምንፃልን

**ሀ. ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

***ኣብነት፦ እንተ- ተ- ፈጢር -ኡ = እንተተፈጢሩ***

1. ዝ- ተ- ነኻኽአ
2. እና- ተቐባበል -ካ
3. ዝ- ተ- ተ- ሓዝ -ኡ
4. ዝ- መ- ሓላለፍ -አ -ሎም
5. እንተ- ኾይን -ኡ -ን

**ለ. ነፂልኩም ኣንብቡ።**

***ኣብነት፦ ከምዘይኽእሉ = ከም- ዘይ- ኽእል -ኡ***

1. ንዘይምቅላዕ
2. እንተበፂሖ
3. እንተተፈጢሩ
4. ብዝተበከሉ
5. ሸለልትነት

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅምዲ ተመያየጡሎም።**

1. ምምሕልላፍ፣ ምክልኻል፣ ደም፣ ላማ፣ መርፍእ፣ ካራ፣ ምብጣሕ ዝብሉ ቃላት ብምዕዛብ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።
2. ኤችኣይቪ ኤድስ ብምንታይ ይመሓላለፍ?

### እዋን ንባብ


**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኤድስ ኣብ ኢትዮጵያ ንፈለማ ግዜ ዝተፈለጠ ብ___ዓ.ም. እዩ።
2. ቀንዲ መመሓላለፊ መንገዲ ኤችኣይቪ ________ እዩ።
3. ኣብ ሕክምና ብጌጋ፣ ______ን ወይ ______ፅርየት ኤችኣይቪ ክመሓላለፍ ይኽእል።
4. ኤችኣይቪ ሓቢርካ ብምሕማስ ብሰላምታን ________ ኣይመሓላለፍን።

# መመሓላለፍቲ መንገድታት ኤችኣይቪ ኤድስ

ኤችኣይቪ ፀዓዱ ዋህዮታት ደም ብምድኻም ሰውነት ብቐሊሉ ንሕማም ክቃላዕ ዝገብር ቫይረስ እዩ። ብኻሊእ ኣዘራርባ እቲ ቫይረስ ንደቂ ሰባት ሕማም ናይ ምክልኻል ተፈጥሮኣዊ ዓቕሞም ዘትሕት እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ እዚ ቫይረስ ዘለዎም ክልተ ሰባት ምህላዎም ብ1978 ዓ.ም. ተፈሊጡ። ካብኡ ጀሚሩ እናወሰኸ ብ1992 ዓ.ም. 2.6 ሚልዮን ምብፅሑ ሰነዳት ይሕብሩ። ብመሰረት እዚ በዝሒ፣ ሃገርና ኣብቲ እዋን ኣብ ኣፍሪካ ሳልሰይቲ ኮይና ነይራ። ብሰንኪ እዚ ቫይረስ ዝመፅእ ሕማም ኤድስ፣ ኣደዳ ሞት ኣሸሓት ወገናት ኮይኑ እዩ። ነዚ ከም መጋደዲ ዝውሰድ ብዛዕባ መመሓላለፍን መከላኸልን ኤችኣይቪ ኤድስ ትሑት ግንዛበ ምህላዉ እዩ። እዚ ቫይረስ ዝመሓላለፈሉ ኣርባዕተ ቀንዲ መንገድታት ኣለዉ።

እቲ ሓደ መመሓላለፊ መንገዲ ኤችኣይቪ ጥንቃቐ ዝጐደሎ ፆታዊ ርክብ ምፍፃም እዩ። እዚ ዝኸሰት ኣብ መንጎ እቲ ቫይረስ ዘለዎን ዘይብላን ወይ ድማ ዘለዋን ዘይብሉን ብዝፍፀም ፆታዊ ርክብ ክኸውን ይኽእል። ኣብ እዋን ፆታዊ ርክብ ኣብ ብልዕቲ እቶም ምስቲ ቫይረስ ዝነብሩ ተፃረርቲ ፆታታት ብዝፍጠር ደም ወይ ፈሳሲ ኣቢሉ ናብ ዘይብሎም ይመሓላለፍ። ን60 ምኢታዊ ዝኾነ ምምሕልላፍ እቲ ቫይረስ ከም ቀንዲ ዝቑፀር እዚ መንገዲ እዩ።



*ንምምሕልላፍ ኤችኣይቪ ኤድስ ምኽንያት ክኾኑ ዝኽእሉ ኣቑሑ*

እቲ ካልኣይ መንገዲ ድማ ምስቲ ቫይረስ ዝነብሩ ሰባት ዝጥቀሙሎም ምስ ደሞም ዝተነኻኸኡ ኣቑሑ ብምጥቃም እዩ። እቶም ኣቑሑ ከም ካራ፣ መቐስ፣ መኸልኢ ዕፍሪ፣ መመወፂ፣ ላማ፣ መስፈ፣ ወዘተ. ክኾኑ ይኽእሉ። ንኣብነት፣ ምስቲ ቫይረስ ዝተነኻኸአ ላማ ኣብ ምኽላእ ዓንቀር፣ ምኽንሻብ፣ ምብጣሕ፣ ወዘተ. እንድሕር ተጠቒሞምሉ ክመሓላለፍ ይኽእል። እዚ ማለት እዞም ክብከሉ ዝኽእሉ በላሕቲ ነገራት ምስ ካልእ ሰብ እናተቐባበልካ ምጥቃም ነቲ ቫይረስ የቃልዕ እዩ። በዚ መንገዲ ንዘይምቅላዕ በላሕቲ ነገራት ንብሕቲ ምግልጋልን ኣብ ኣጠቓቕማ ምጥንቃቕን የድልይ። እዚ እንትበሃል ግና ናይ ካልኦት ሰባት ኣቑሑ ምጥቃም ኩሉ ግዜ ኤችኣይቪ ኤድስ የመሓላልፍ እዩ ማለት ኣይኮነን። እቶም ሰብ ዋና እንድሕር ካብቲ ቫይረስ ነፃ ኮይኖም፣ እቶም ኣቑሑ እውን ነፃ እዮም ማለት እዩ። እንተኾነ ግና ናይ ዓርስና ኣቑሑ ምጥቃም ይምከር።

ካብ ኣዶ ናብ ህፃን ዝህሉ ምምሕልላፍ ኤችኣይቪ ከም ሳልሳይ መንገዲ ይቑፀር።

እዚ ብምኽንያት ቅድሚ ጥንሲ፣ ኣብ እዋን ጥንስን ድህረ ጥንስን ምስዝህሉ ዝውውር ደም ክኸውን ይኽእል። ሓንቲ ኣዶ ቅድሚ ምጥናሳ ወይ ምስጠነሰት እንተተታሒዛ ኣብ እዋን ጥንሲ እቲ ቫይረስ ናብቲ ህፃን ክመሓላልፍ ይኽእል። እዚ ዝኸስት ብፍላይ ኣብ ደም እታ ኣዶ ዘሎ መጠን ቫይረስ ዝለዓለ እንተኾይኑን ናብ ሕማም ኤድስ እንተበፂሑን እዩ። ኣብ ወሊድ ኮነ ብድሕሪኡ ምትንኻፍ ደም እንተተፈጢሩ እቲ ቫይረስ ክመሓላለፍ ይኽእል።

ኤችኣይቪ ኣብ ሕክምና ብዝፍጠር ጌጋ፣ ሸለልትነት ወይ ጉድለት ፅርየት እውን ክመሓላለፍ ይኽእል። እዚ ምስቲ ካልኣይ መንገዲ ዘመሳስሎ ብዝተበከለ ደም ዝመሓላለፍ ምኻኑ እዩ። ዝፍለየሉ ድማ ኣብ ከይዲ ሕክምና ዝኸሰት ምኻኑ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ምስዳድ ስኒ፣ ክትባት፣ ምኽንሻብ፣ ምሃብን ምቕባልን ደም፣ ወዘተ. ክፍጠር ይኽእል እዩ።



*ኤችኣይቪ ዘይመሓላለፈሉ መንገድታት*

ሓድሓደ ሰባት ሰኣን ምፍላጥ ኤችኣይቪ ሓቢርካ ብምሕማስ፣ ብምብላዕ፣ ብምስታይን ብምትሕቝቛፍን ዝመሓላለፍ ይመስሎም። ብሰላምታ፣ ብጣንጡን ሽቓቕ ሓቢርካ ብምጥቃምን ዝመሓላለፍ ዝመስሎም እውን ኣለዉ። እንተኾነ እዚኦም ነቲ ቫይረስ ዘመሓላልፉ ከምዘይኮኑ ዘየማትእ መረዳእታ ኣሎ፤ ስለዚ፣ ኣብቶም ላዕሊ ዝተጠቐሱ መንገድታት ዘድህበ ጥንቃቐ ምግባር የድልይ።

*(ፍልፍል፦ 2000 AIDS in Ethiopia ካብ ዝብል ተመሓይሹ ዝተወሰደ)*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኤችኣይቪ ብበላሕቲ ነገራት ከመይ ይመሓላለፍ?
2. እቲ ቫይረስ ካብ ኣዶ ናብ ቈልዓ ብኸመይ ይመሓላለፍ?
3. ኤችኣይቪ ዘይመሓላለፈሉም ሰለስተ መንገድታት ግለፁ።
4. "እንተኾነ ግና ናይ ዓርስና ኣቑሑ ምጥቃም ይምከር።" ዝተበሃለ ንምንታይ እዩ?

**ለ. ነቲ ምንባብ መሰረት ገይርኩም ምኽንያትን ውፅኢትን ብምጥቃም ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 3. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ ቃላት

**ነቶም ዝተሰመረሎም ቃላት ብፍታሕ ብዝመሳሰሉዎም ቃላት ተክኡ። (ሕድሕድ ቃል ዝርከበሉ ቁፅሪ ዓንቀፅ ተሓቢሩ ኣሎ።)**

*ኣብነት፦ ናይ <u>ምትሕልላፍ</u> ዕድል* *መልሲ፦ ምስግጋር*

*<u>ምክልኻል</u> ኤድስ* *መልሲ፦ ምምካት*

1. <u>ቀንዲ</u> መንገድታት (1)
2. እዚ <u>ዝኸሰት</u> (2)
3. <u>ዝተበከለ</u> ደም (3)
4. በላሕቲ <u>ነገራት</u> (3)
5. ኣብ <u>እዋን</u> ጥንሲ (4)
6. ንብሕቲ <u>ብምግልጋል</u> (3)
7. ኣብ <u>ምኽላእ</u> ዓንቀር (3)
8. <u>ዘየማትእ</u> መረዳእታ (6)

## 4. ፅሕፈት

### ምድላው ፅሑፍ

**ሓደ መመሓላለፊ መንገዲ ኤችኣይቪ ብምምራፅ ስእላዊ መዋደዲ ብምጥቃም ሰንክን ሳዕቤንን ዘመላኽት በዓል ክልተ ዓንቀፅ ፅሑፍ ንምድላው መረዳእታ ኣክቡ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ግጉይ ኣፀሓሕፋ ቃላት ዘለዎም ኣመዓራሪኹም ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦ ኤችኣይቪ ኣህፅሮተ ቃል ቛንቃ እንግሊዝኛ እዩ።*

*መልሲ፦ ቛንቃ = ቋንቋ*

1. ቁኖ እንትትቁነና ናይ ባዕልኽን መስፊ ተጠቐማ።
2. ብምትሕቑቃፍ ሕማም ኤድስ ኣይመሓላለፍን።
3. እቲ ሰብኣይ ሕማም ኤድስ ኣለካ ምስተበሃለ ኣጕረምረመ።
4. እታ ጉሒላ ናብትን ናብዝን ክትብል ተረኺባ።
5. ኤችኣይቪ ሓቢርካ ብምምጋብ ዘይመሓላለፍ ምኳኑ ዘይፈልጡ ብዙሓት ኣለዉ።

6. ኣብ ሕክምና ምንክኻእ ስለዘጋጥም ጓንት ምጥቃም የድልይ።

7. ኤችኣይቪ ኤድስ ግዘን ሃፍቲ ሃገርን ኣብ ምዕባለ ከይውዕል ብምዃላፍ ዓብይ ፅዕንቶ ይፈጥር።

8. ኤችኣይቪ ኤድስ ንከይመሓላለፍ ካብ መንገዶ ዝገብሩ መከላከልታት ሓደ ምዕቃብ እዩ።

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብ ዝሓለፈ እዋን ካብ ዘንበብኩምዎ ፅሑፍ ቀንዲ ትሕዝቶ እናዘከርኩም ተዛረቡ።**

### ንባብ ምልከት

**"መመሓላለፍቲ መንገድታት ኤችኣይቪ ኤድስ" ኣብ ዝብል ፅሑፍ ንዘለዉ ቀዳሞት ክልተ ዓንቀፃት ትሕዝቶ ብዘርእይ ኣገባብ ስርዓት ነጥብን ቃናን ሓሊኹም ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

# መከላኸሊ ሜላታት ኤችኣይቪ ኤድስ

### ቅድመ ምድማፅ


**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ነቲ ርእስን ስእልን ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።
2. ኣብ ክለብ ኤችኣይቪ ብዛዕባ እንታይ ኣስተምህሮ ይወሃብ?
3. "ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተኸላኺልካ ጥዕና" ዝብል ምስላ እንታይ መልእኽቲ የሕልፍ?

### እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም፤ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኤችኣይቪ ጥንቃቐ ብዝጎደሎ ፆታዊ ርክብ ከይመሓላለፍ ዝሕግዙ ቀንዲ መከላኸሊ ሜላታት ____ን ____ን እዮም።
2. ዓቕሚ ምክልኻል ኮንዶም ክሳብ ____% ክምዝኾነ ይእመን።
3. ሰባት ዝጥቀሙሎም በላሕቲ ነገራት ካብ ኤችኣይቪ ________ ክኾኑ ኣለዎም።




*ብክኢላ ጥዕና ምኽሪ እንትወሃብ*

## ድሕረ ምድማፅ

**ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኤድስ ንምክልኻል ካብ ዝሕግዙና መንገድታት ነቶም ሰለስተ ግለፁ።
2. ሓደ ብሕማም ኤድስ ዝተተሓዘ ሰብ ምስ ኣብ ከባቢኡ ዘለው ማሕበረሰብ እንታይ ዓይነት ርክብ ክህሉዎ ይግባእ?
3. ሓንቲ ጥንስቲ ኣዶ እቲ ቫይረስ ናብቲ ዕሸል ንከይመሓላለፍ እንታይ ክትገብር ኣለዋ?
4. ካብቲ ምንባብ እንታይ ተረዲእኹም?

## 7. ሰዋስው

### *ምፍላይ ተውሳከ ግስን መስተኣምርን*

ተውሳከ ግስ ኩነታት መዓዝን ኣበይን ከምዝተፈፀሙ ንምግላፅ የገልግል። ተውሳከ ግስ ንምፍላጥ ሓደ ፍፃመ መኣዝ፣ ኣበይን ንምንታይን ከምዝተፈፀመ ንሓትት። ስለዚ ተውሳከ ግስ ግዘ፣ ቦታን ኩነታትን የመልክት።

ንኣብነት፣ "ንሱ ትማሊ ናብ ሕክምና ከይዱ።" ኣብ ዝብል "ትማሊ" ግዘ ዘመልክት ተወሳከ ግስ እዩ። "እቲ ክሊኒክ ኣብ ርሑቕ ይርከብ።" ኣብ ዝብል ድማ፣ "ርሑቕ" ቦታ ሓባሪ ተውሳከ ግስ እዩ።

መስተኣምር ስማት ብመንፅር ዝርከቡሉ ቦታ፣ ዋንነትን መጠንን ተወሲኖምን ተፈሊጦምን ንክቐርቡ ዝገብር ክፍሊ ቃል እዩ። ንኣብነት፣ "እቲ ክሊኒክ ኣብ ርሑቕ ይርከብ።" ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ "እቲ" መስተኣምር እዩ። ብተመሳሳሊ፣ ኣብ "<u>ናቱ</u> ሓው ሓኪም እዩ። <u>ክልተ</u> ክሊኒካት ተሃኒፆም።" ዘለዉ ዝተሰመረሎም ቃላት መስተኣምራት እዮም።

**ነቶም ተዘርዚሮም ዘለዉ ቃላት፣ ስም፣ መስተኣምር፣ ተውሳከ ግስ ግዘ ወይ ቦታ ዝኾኑ ብምፍላይ ኣብቲ ሰደቓ ኣስፍሩ። (ሓደ ኣብነት ተሰሪሑልኩም ኣሎ።)**

| | | | |
|---|---|---|---|
| ሐዚ | ቀረባ | ደሓር | ጥዕና |
| ላማ | ስድራ | እቲ | እዚ |
| እዞም | ሎሚ | የማን | ቅድሚት |

| ሪጋ | ስም | ተውሳከ ግስ | | መስተኣምር |
|---|---|---|---|---|
| | | ግዘ | ቦታ | |
| 1. | ሰላምታ | ቀደም | ፀጋም | እታ |
| 2. | | | | |
| 3. | | | | |
| 4. | | | | |
| 5. | | | | |

# ሰሙናዊ ርዕሲ ሳዕቤናት ኤችኣይቪ ኤድስ

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ካብ ሳዕቤናት ኤችኣይቪ ኤድስ ነቶም እትፈልጡዎም ኣብ ጉጅለኹም ተዘራረቡሎም።
2. ኣብ ጉጅለኹም ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ተዘራረቡሎም።

ኖላዊት፣ ሕድሪ፣ ኣሸሙር፣ ዝኸትምና፣ ምዕንጋል

### እዋን ንባብ

**እናንበብኩም፣ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ብስርሓ ምስግንትን መርኣያን ዝነበረት መን እያ?
2. ኖላዊት ምስ ኣሕዋታ ናበይ ከይዳ?
3. ናሆምን ክብሮምን ድሕሪ ሞት ወለዶም ኣብ ከመይ ዝበለ ስራሕቲ ተዋፊሮም?
4. ሕድሪ ወላዲታ ንዘይምዕባር ኖላዊት እንታይ ገዲፉ?

# በዓልቲ ሕድሪ

ኣዶ ኖላዊት ወዛም፣ ዕንቍ ባሕሪ ትመስል ምዕርግቲ ሰበይቲ እያ ነይራ። ብስርሓ እውን ምስግንትን መርኣያ ብዙሓትን ብምኳና ወትሩ ተሸላሚት ነይራ። ዳሕራይ ግና ብተደጋጋሚ የመና ክትሓምምን ክትሳቐይን ጀመረት። ብፍላይ ዓብዪ ፍልፍል ኣታዊ እቲ ስድራ ዝነበረ በዓል ሓዳራ ምስሞተ እናገደዳ ከደ። በዚ ድማ ምውዓል ምሕዳራ ኣብ ዓራት ኮነ። ኖላዊት ጓላ ካብ ጎና ተፈልያ ኣይትፈልጥን። ሕማማ ዕንዕ እንትብላ ሰለምለም እናበለት ትዕውዓ። ኖላዊት ድማ ነቶም ኣዕፅምቲ ጥራይ ዝተረፉ ኣእዳው ኣዲኣ ብምሓዝ "ኣደይ!" ትብል። ኣዲኣ ብወገና ኢዳ እናደራረዘት፣ "ኖላዊት ጓለይ! ሓደራ እዞም ኣሕዋትኪ!" ትብላ። ኣብዚ ግዘ ኖላዊት ኩነታት ወላዲታ እናረኣየት ትበክይ። ኩሉ ፀሎታን ፃዕራን ኣዲኣ ንክትሓውየላ ጥራሕ ነበረ። እንተኾነ ግና ኣይደሓነትን።



ኖላዊትን ኣሕዋታን ናብ ሰስረሖም ቅድሚ ምውፋሮም

ድሕሪ ሞት ወለዳ መረበታ ገዲፋ ምስ ክልተ ኣሕዋታ በይነን ናብ ዝነብራ እኖ ሓጎኣ ከደት። ፈለማ ቀትሪ ቀትሪ እናተመሃረት እኖ ሓጎኣ ዘዳልዋላ ብቖልቲ ምሸት ምሸት ፈቖዶ እንዳ መስተ ምሻጥ ጀመረት። በዚን ወዲዚን ናውቲ ትምህርቲ ምምላእን ስድራኣ ምዕንጋልን ቀፀለት። እናፀንሐት ግና ስራሕን ትምህርትን ክተሳንዮም ስለዘይከኣለት ትምህርታ ኣቋረፀቶ። ንመለለዪ ክዳን፣ ናውቲ ፅሕፈት፣ ወዘተ. ስለዝሓፀረ ኣሕዋታ እውን ቀስ ብቐስ ኣቛረፁ።

ትምህርቲ ምስገደፉ በብዓቕሞም ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ተዋፈሩ። ኖላዊት ብቐልቲ፣

ናሆምን ክብሮምን ድማ ማስቲካን ፉልን ምሻጥ ስረሖም ኮነ። ኩሎም ኣብ ዝወዓሉ ውዒሎም ኣጋ ምሸት ኣብ ሓንቲ ቦታ ይራኸቡ። ባኒ ንድራሮም ገዚኦም ዝተረፍኦም ቋፂሮም ንእኖ ሓጎኦም ይህቡወን። ህይወት እቲ ስድራ ንሰለስተ ዓመታት ብኸምዚ ቀፀለ።

ኖላዊት ሓሳብ ትምህርቲ፣ ክዳንን ጫማን ብምርሳዕ ውራያ ኩሉ ኣብ ምዕንጋል ስድራኣ ገበረት። በብዕለቱ እትረኽበን ትርፊ እናረኣየት ዝበለፀ ብዙሕ ቅርሺ ትምነ። እተን ዝረኽበተን ቋፂራ ንእኖ ሓጎኣ እንትትህበን፣ እናነብዓ "ሓጢኣተይ ለኪሙኩም!" ይብላ። ምኽንያት ሞት ጓለንን ጕስቍልናን ዝኸትምናን ደቂ ጓለንን ከም ናተን መርገም ገይረን ይሓስበኦ። "እግዚኣብሔር ብደወይ ክቕፅዓኒ ደልዩ፣ ንዓይ ዓቕሩ ንውሉደይ ወሲዱ!" ይብላ።

እኖ ሓጎ ኖላዊት ኣብ ሓዘን ኮነ ኣብ መርዓ ካብ ፈተውተን ኣይፍለያን ነይረን። ሞት ጓለንን ሰብኣይ ጓለንን ግና መስተዪ ቡን ጎረባብተን ገይሩወን። ካብኡ ከም ቀደመን ከዋግዓ ዘረባ እንትጀምራ ብኣሽሙር ሱቕ የብለአን። ደሓር ናብ ካሊእ ምኽድ ሕሩም ኢለን። ናብ ዕዳጋ እውን ኩሉ ሰብ ምስ ፀገበ እየን ዝኸዳ። ዝርእየንን ዝፈለጠንን ሰብ ኩሉ ብዛዕባ ሞትን ምብታን እቲ ስድራን ዘለዕለለን እናመሰለን ይሽቑረራ።

ሓደ ምሸት ናሆምን ክብሮምን ናብታ ዝራኸቡላ ቦታ እናጎየዩ ከዱ። እታ ከም ኣዶን ዓባይ ሓፍትን ትሓስበሎም ኖላዊት ግና ከም ቀደማ ኣይፀንሐቶምን። እታ ቦታ ብዛዕባ ውዕሎኦም ዘውግዑላ እያ። ንሳቶም እንትነግሩዋ እናደራረዘት ብፍቕሪ ትሰምዖም። ጕስቑልና ኣሕዋታ እንትትርእይ ካብ ልቢ ትሓዝን። ከምቲ ብኣታዊ ወለዶም ከም ድላዮም ዝኾንዎ ዝነበሩ ክትገብረሎም ዘይምኽኣላ የተክዛ። ብቍልቲ ሽይጥካ ዝርከብ ኣታዊ ምእኻል ኣበያ። በዚ ድማ ትሕቲ ዕድመ እናሃለወት ጀሚራ ትርእየን ናብ ዝነበረት ስገኣን ሽይጠን ዝናበራ ኣዋልድ ክትሕወስ ደለየት። እዚ እንትትሓስብ፣ ብሓደ ገፅ ወለዳ ዝቐዘፈ ሕማም ኤድስ የፍርሓ። ብኻልእ ገፅ ድማ፣ ጕስቍልና ኣሕዋታን ሕድሪ ኣዲኣን የጨንቓ። ኣብ ጥቓ ሓደ ባር ኮይና እዚን ወዲዚን እናሓሰበት "ብቍልቲ!" ዝብል ድምፂ ዝሰኸረ ሰብኣይ ኣበራቢሩዋ። እቲ ሰብኣይ፣ "ሃቢ!" እንትብል ኣየሰመዐቶን። ምምሳዩ ሽዑኡ እዩ ተፈሊጡዋ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ቅኑዕ መልሲ ዝሓዘ ፊደል ምረፁ።**

1. እኖ ሓጎ ኖላዊት ጐረባብተን ንምንታይ ኣግሊለንአን?

   ሀ. ሓጥያት ስለዘለወን ሐ. ድኻ ስለዝኾና

   ለ. ጓለን ብኤድስ ስለዝሞተት መ. ዘኽታማት ስለዘለወን

2. ኖላዊት ኣዴኣ እንትትመውት ጓል ክንደይ ዓመት ነይራ?

   ሀ. 18 ለ. 14

   ሐ. 21 መ. 20

3. ኣብቲ ዕሑፍ "በዓልቲ ሕድሪ" ኮይና ዝተስኣለት መን እያ?

ሀ. ጕረቤት እኖ ሓጎ ኖላዊት    ለ. እኖ ሓጎ ኖላዊት

ሐ. ኖላዊት    መ. ኣደ ኖላዊት

4. እቶም ቈልዑ ንምንታይ ትምህርቶም ኣቋሪፆም?

ሀ. መንበሪ ስለዝቐየሩ    ሐ. ወለዶም ብኤድስ ስለዝሞቱ

ለ. እኖ ሓጎኦም ስለዝነገረኦም    መ. ወለዶም ስለዝናፈቑ

5. ትሕዝቶ እቲ ምንባብ እንታይ እዩ?

ሀ. ሳዕቤናት ኤድስ    ሐ. መከላኸሊ ኤችኣይቪ ኤድስ

ለ. መመሓላለፍቲ ኤችኣይቪ ኤድስ    መ. ግንዛበ ኤችኣይቪ ኤድስ

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብመሰረት እቲ ምንባብ መልሱ።**

1. ካብቶም ኣብቲ ታሪኽ ዝተጠቐሱ ሳዕቤናት ኤችኣይቪ ኤድስ ሰለስተ ጥቐሱ።
2. ሳዕቤናት ኤችኣይቪ ኤድስ ንኽቕንሱ እንታይ ክግበር ኣለዎ?
3. ኖላዊት ኣብ መወዳእታ እንታይ ትገብር ይመስለኩም? ንምንታይ?
4. ኖላዊትን ኣሕዋታን ዘርኣዩዎ ሓልዮት ንካልኦት ዜጋታት እንታይ መልእኽቲ እዩ ዘመሓላልፍ? በብጕጅለኹም ኮይንኩም ድሕሪ ምምይያጥ መደምደምታ ሓሳብኩም ኣቕርቡ።

**ሐ. ሕማም ኤድስ ኣብ ሓደ ስድራ ዘምፅኦም ሳዕቤናት ምኽንያትን ውፅኢትን እናጠቐስኩም ብሓደ ዓንቀፅ ግለፁ።**

## 9. ቃላት

### ምህናፅ ምሉእ ሓሳብ

ቀፂሎም ናይ ዝቐረቡ ቃላት ክፍሊ ቃል ብምውሳን ብሕድ ሕዶም ምሉእ ሓሳብ ህነፁ።

| | ቃል | ክፍለ ቃል | ምሉእ ሓሳብ |
|---|---|---|---|
| 1. | ብልፅቲ | ቅፅል | ኣዶ ኖላዊት ብልፅቲ ሰራሕተኛ ነይራ። |
| 2. | በለፀ | | |
| 3. | መቑረፂ | | |
| 4. | ኣቋረፀ | | |
| 5. | ኣከበ | | |
| 6. | ምእካብ | | |
| 7. | ኣታዊ | | |
| 8. | ኣተወ | | |
| 9. | ሓዘን | | |
| 10. | ጠመየ | | |

## 10. ፅሕፈት

### ምእያም ፅሑፍ

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብዝኣከብኩምዎ ሓበሬታ በዓል ክልተ ዓንቀፅ ፅሑፍ ኣዳልዉ።

### ኣፀሓሕፋ

ኣብቶም ብመምህርኩም ዝንበብልኩም ምሉእ ሓሳባት ዘለዉ ፊደላት ዝሓዙ ቃላት ኣዳሚፅኩም ብግቡእ ፀሓፉዎም።

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብዚ ሰሙን መጀመሪያ ካብ ዘንበብኩምዎ ትሕዝቶ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።**

### ንባብ ኣገባልፃ

**ስርዓት ነጥብን ቃናን ሓሊኹም ነታ ፈላመይቲ ዓንቀፅ "በዓልቲ ሕድሪ" ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

### ክትዕ

**"ካብ ኣንስትዮ ብኤድስ ንሓደጋ ብዝበለፀ ዝቓልዑ ተባዕትዮ እዮም።" ንዝብል ሓሳብ ብምድጋፍ ወይ ብምቅዋም ተኻትዑ።**

## 13. ሰዋስው

### ምፍላይ ተውሳከ ግስን መስተኣምርን

**ሀ. ካብ ሕድሕድ ምሉእ ሓሳብ ተውሳከ ግስ ጥራሕ ፍለዩ።**

***ኣብነት፦ ሓዱ ኖላዊት ኣዝያ ወዛም ሰበይቲ እያ።***

***መልሲ፦ ኣዝያ***

1. እታ ብልፅቲ ሰራሕተኛ ዓሚ ክትሓምም ጀመረት።
2. ናታ ፀሎት ወትሩ ኣዲኣ ክትሓውይ ነበረ።
3. ቀደም እውን ከም ሎሚ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ኣብታ ቦታ ይራኸቡ ነይሮም።
4. እቲ ሰብኣይ ሰብ ናብ ዘይፈልጦ ርሑቕ ዓዲ ተሰደደ።
5. ኣብ ማእኸል እቲ ክፍሊ ዝነበረ መንእሰይ ንሕማም ኤድስ ብምዕቃብ ይከላኸሎ።
6. ብምኽንያት እቲ ለበዳ ፅባሕ ክኢላ ክሳኣን ይኽእል።
7. ኖላዊት መፃኢ ዕድላ ኣዝዩ ኣብ ዝውስን ዕድመ እያ ትርከብ።
8. ካብቲ ሕማም ነፃ ኢኺ ስለዝተበሃለት ኣዝዩ ደስ በላ።
9. ብብርኪ ዓለም ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤችኣይቪ ኤድስ ዛጊድ ብዙሓት ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም።
10. ኣብ ዓለም ከባቢ 35 ሚልዮን ወገናት ኣብ ደሞም ኤችኣይቪ ኤድስ ከም ዘለዎም ፀብፃባት ይሕብሩ።

***ለ. ነቶም ዘይተሳነዩ መስተኣምራት ኣስማሚዕኹም ፀሓፉዎም።***

***ኣብነት፦ እታ ሕማም ከይጋፋሕ ምክልኻል የድልይ።***

***መልሲ፦ እቲ ሕማም ከይጋፋሕ ምክልኻል የድልይ***

1. ብዛዕባ እቶም ቫይረስ ዘሎ ግንዛበ ትሑት እዩ።
2. እዛ ኣንስትዮ ምስ ተባዕትዮ ማዕረ ትምህርቲ ክረኽባ ይግባእ።
3. ናቶም ሃገር ሽቶ ሓደ ሰብ ብኤችኣይቪ ከይተሓዝ ምግባር እዩ።
4. ክሳብ ሐዚ መድሓኒት እቶም ሕማም ኣይተረኽበን።
5. እተን ወለዲ ኖላዊት ርኹባት ነይሮም።
6. እተን ወገናት ይበፅሖም ዝነበረ ምግላል መሊኡ ኣይቀረየን።
7. እታ ዓባይ ሰበይቲ መስተዩ ቡን ጐረባብተን ኮይነን።
8. ገሊኦም መናእሰይ ብዛዕባ እታ ቫይረስ ዘለዎም ግንዛበ ድሩት እዩ።
9. እታ መንእሰይ ተመርሚሩ ዓርሱ ስለዝፈለጠ ቀሲኑ።
10. ዓብዩ ፍልፍል ኣታዊ እዞም ስድራ ዝነበረ ኣቦኣ እውን ሞተ።

# ሰሙናዊ ርእሲ ኣብ ኤችኣይቪ ኤድስ ግንዛበ ምፍጣር

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ነጺልካ ምፅሓፍ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነጺልኩም ፀሓፉ።**

***ኣብነት፦ ኣይተፈለየትን = ኣይ- ተ- ፈለይ -ኣት -ን***

1. ዝምገበሎም
2. ንበይነይ
3. እንትበዝሐኒ
4. ከምዝኸውን
5. እናተከዝኩን
6. ተፈልዮምለይ
7. ከተሓሳስበኒ
8. እናደቀስኩን

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ብዛዕባ ኤችኣይቪ ካብ ሰባት ዝፈለጥኩምዎ ተዛረቡ።
2. ነዞም ቃላት ብምዕዛብ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።

ትምህርቲ፣ ምልዕዓል፣ ወፍሪ፣ ምክልኻል፣ ተመርመሩ


### እዋን ንባብ

**እናንበብኩም፣ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. እቲ በዓል ታሪኽ ኣበይ ይሰርሕ?
2. ኤችኣይቪ ዘይመሓላለፈሉ ሰለስተ መንገድታት ጥቐሱ።
3. ኣብቲ ርእሲ ምንባብ ዘለዋ ኣርባዕተ "ተ" እንታይ እንታይ ይውክላ?

# ኣርባዕተ “ተ”

‘ሓሚሙ መጺኡ’ ዝብል ወረ እምበር ብኣካል ዝረኣየኒ ዋላ ሓደ ኣይነበረን። ብምንታይከ ይፍለጡ? ካብ ገዛይ ኣይወፅእ! ስድራይ ድማ ኣብ ዓዲ ዳማ ከምዘለኹ እዮም ዝዛረቡ። ብፍላይ ኣደይ ናይ ውሽጣ ኣብ ውሽጣ ገይራ “ናብቲ ዝሰርሓሉ ዓዲ ምስከደ ኣይተመለሰን!” ትብል። እንተ ኣነ ኤችኣይቪ ከምዘለኒ ምስፈለጥኩ ኩሉ ጠናጢነ ካብ ገዛይ ከይወፃእኹ ምንባር ካብ ዝጅምር ኣዋርሕ ሓሊፎም። ኣብ ንእሽተይ ክፍሊ በይነይ እናደቀስኩን እናተከዝኩን እውዕል። ካሊእ ይትረፍ ዝምገበሎም ናውትታት እውን ንበይነይ ተፈልዮምለይ ነይሮም።



ተመሃሩ፣ ተመርመሩ፣ ተሓከሙ፣ ተሳተፉ

ኣብተን ቀዳሞት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ሰኣን ምፍላጥ እቲ ቫይረስ ከይሓልፎም ይሰግኡ ነይሮም። እንትስዕል ኣፎምን ኣፍንጭኦምን ይዓብሱ፤ ወይ ገለ ኣመኽንዮም ገዲፎምኒ መሰስ ይብሉ። ዝነኻእኹዎ ኣቕሓ ኣይነኽኡን። ካብቲ ስቓይ ንላዕሊ ስድራይ ዘርእዩዎ ምፅያፍ ከጨንቐኒ ጀመረ። ሓንሳብ ሓንሳብ “ባዕለይ ዘምፃእኹዎ ኣበሳ እንድዩ! እንታይ ዘይገበሩ!” እብል። ስቓይን ፅሞናን እንትበዝሐኒ ድማ ብኣኣቶም ኣሓዝን። ውፃእ ውፃእ ይብለኒ። እንተኾነ ግና ደገ ዝገደደ ከምዝኸውን ገመትኩ።

ኣብ ሓምሻይ ወርሒ ጓለን ብኤድስ ዝተትሓዘተን ዓባይ ሰበይቲ ናብ ገዛና መፃ። ኣደይ ድማ ቡን ኣፍሊሓትለን ወግዒ ጀመራ። ብቐጥታ ከይትዛረበን እናሰገኣት ብዛዕባ ጓለን ሓተተተን። ንሰን ድማ፣ “ሳራ ጓለይ እቲ ሕማም ከም ዘለዋ ምስተነገረኒ ኣዝየ ደንጊፀ። ሽዑ ትመውት መሲሉኒ ክንደይ በኸኹ! እንተኾነ ለባም ኣይሰኣን “ወለዶ ምድሓን” ብዝበሃል ማሕበር ስልጠናን ትምህርትን ረኺብኩ። ካብኡ፣ ዝረኸብኩዎ

ተስፋ ነዛ ጓለይ እናነገርኩ ኣረጋጊዐያ። “ዝጠፍአ ግዘ ይኣክል” ኢለ ኣሐኪመያ። መናውሒ ዕድመ መድሓኒት እውን ጀሚራ። ሐዚ ይመስገኖ ካብ ትምህርቲ ኮነ ካብ ስራሕ ኣይተፈለየትን” በለኣ።

ኣደይ ካብ እተን ጐረቤትና ሰበይቲ ብዛዕባ እቲ ሕማም ሓድሓደ ነገራት ተረዲኣ። ኣፀደ ሓፍተይ ድማ ኣባል ክለብ ፀረ ኤድስ ቤት ትምህርታ ብምዃን ብዛዕባ እቲ ቫይረስ ብዙሕ ክትፈልጥ ጀሚራ። እቲ ቫይረስ ብጣንጡ፣ ብሰላምታ፣ ብትንፋስ፣ ሓቢርካ ብምምጋብን ብምንባርን ከም ዘይመሓለለፍ ተማሂራ። ብተወሳኺ፣ ኣንፃር ምፅያፍን ምግላልን ከም መርአያ ኮይና ክትሰርሕ ቃል ኣተወት። ኣደይን ሓፍተይን ብዛዕባ እቲ ቫይረስን ኤድስን ዝሓሸ ግንዛበ ምስረኸባ ኣነ እውን ኣተስፈኹ። ኣፀደ “4ተ፦ ተመሃሩ፣ ተመርመሩ፣ ተሓከሙ፣ ተሳተፉ!” ዘርእስታ ፅሑፍ ሂባትኒ ደጋጊመ ኣንበብኩዋ። ነተን ለበዋታት ምስ ኣንበብኩ ብዛዕባ ኤድስ ክፈልጥ፣ ክምርመር፣ ክሕከምን ወገን ኣብ ምድሓን ክሳተፍን ከምዘለኒ ኣመንኩ።

ሓደ ምሸት ኣደይ ቅፅርፅር እናበለት ናብ እንዳ ሓኪም ከምትወስደኒ ነገረትኒ። ንፅባሒቱ ተስፋ ሰኒቐ ናብ እንዳ ሓኪም ከድኩ። ታራይ በፂሑ ምስ ኣተኹ እታ ሓኪም ክድንጉይ ከም ዘይነበረኒ ኮይኑ ግና ብምኻደይ ሕጉስቲ ምዃና ነገረትኒ። ካብኡ ዝተፈላለየ ምርመራ ገይራ ምኽርን መድሓኒትን ምስሃበትኒ ብቑፀሮ ተፈላሊና። እታ ሓኪም ዝበለትኒ ምፍፃም ምስጀመርኩ ነብሰይ ቁሩብ ምልስ በለ። ኣቋሪፀዮ ዝነበርኩ ስራሕውን ቅንይ ኢለ ክምለሶ ወሰንኩ።

ኣብታ ሰሙን ኣደይ ብማሕበር ወለዶ ምድሓን ዝወሃብ ትምህርቲ ስርሐይ ኢላ ተኸታተለት። መመሓላለፊ መንገድታት፣ መከላኸሊ ሜላታትን ሳዕቤናትን ኤችኣይቪ ኤድስ ብደንቢ ተረደአት። ዝወሃቡዋ ፅሑፋት ከንብብ ሃበትኒ። ብፍላይ ሓንቲ ኣባል፣ ብስድርኣን ጐረባብታን ዝበፅሓ ምግላልን ምፅያፍን ክትዛረብ ብኣካል ሰሚዓ የመና ሕዝን ኢላ ነገረትኒ። ካብቲ ኣባይ ዝበፀሐ ዘይፍለ ኮይኑዋ ግዲ ከክንዲ ኹሉ ይቕረታ ሓተተትኒ። እቲ ፀገም ሰኣን ምፍላጥ ዝተፈፀመ ስለዝነበረ ንስድራይ “ይቕረ” ኢለ ንሓልየቶም ኣመስጊነ። ብዓብይኡ ግና ካብ ተመኩሮይ ካልኦት ክመሃሩ ምእንቲ ኣስተምህሮ ብምሃብ ግንዛበ ከዕቢ ወሲነ።

## ድሕሪ ንባብ

### ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. እቲ በዓል ታሪኽ ካብ ገዝኡ ንክወፅእ ኣገዲዶምዎ ዝነበሩ ምኽንያታት እንታይን እንታይን እዮም?
2. ኣዶ ሳራ ብዛዕባ ጓለን ክረጋግዓ ዝጀመራ ንምንታይ ይመስለኩም?
3. እቲ በዓል ታሪኽ እንትስዕል ስድርኡ ኣፎምን ኣፍንጭኦምን ይዓብሱ ዝነበሩ ንምንታይ እዩ?
4. ብዛዕባ ኤችኣይቪ ኤድስ ኣስተምህሮ ምሃብ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
5. እቲ በዓል ታሪኽ ቤተሰብኩም እንተዝኸውን እንታይ ምገበርኩም?

### ለ. “ኣርባዕተ ተ” ዝብል ምንባብ ኣንቢብኩም ዝተረዳእኹምዎ ሓሳብ ብሓደ ዓንቀፅ ፅሒፍኩም ግለፁ።

## ሰሙን 3 መዓልቲ 8

# 16. ቃላት

### ምጥቃም ቃላትን ሓረጋትን

**ነቶም ቃላትን ሓረጋትን ተጠቒምኩም ኣብ እንታይነቶምን ኣድላይነቶምን ብምድሃብ ቃለ መሕትት ግበሩ።**

1. ግንዛበ ምፍጣር
2. ምዕያፍ
3. ምግላል
4. ምምርማር
5. መናውሒ ዕድመ
6. መመሓላለፊ ኤችኣይቪ
7. ምዕቃብ
8. ምክልኻል

# 17. ፅሕፈት

### ምእያም ፅሑፍ

**ኣብዚ ምዕራፍ ሰሙን ክልተ ንዝፀሓፍኩምዎ ፅሑፍ ብምእያም ውዱእ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ፊደላትን ዓሌቶምን ተጠቒምኩም ከክልተ ቃላት ፀሓፉ።**

ኰ፣ ጐ፣ ቈ፣ ቘ፣ ኈ

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

“ኣርባዕተ ተ” ኣብ ዝብል ፅሑፍ ካብ ዘንበብኩምዎ እትዝክሩዎ ቀንዲ ትሕዝቶ ተዛረቡ።

### ንባብ ናህሪ

“ኣርባዕተ ተ” ካብ ዝብል ምንባብ ንዓንቀፃት ክልተን ሰለስተን ትሕዝቶኦም ብዘርእይ መንገዲ ቃና ሓሊኹም ብ90 ሰከንድ ኣንብቡ።

## 19. ዝርርብ

### ክትዕ

ኣብ ሰሙን ክልተ ንዝጀመርኩምዎ ክትዕ ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

## 20. ሰዋሰው

### ምፍላይ መስተኣምርን ተውሳከ ግስን

ኣብዚ ፅሑፍ ንዘለዉ ተውሳከ ግስታት መስተኣምራትን ብምፍላይ ኣብቲ ሰደቓ ኣስፍሩ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ብጣዕሚ ብዙሓት ተባዕትዮ ፆታዊ ርክብ ፈፂመን ምስዘይፈልጣ መናእሰይ ኣንስትዮ ምርኻብ ይደልዩ። ናይ እዚ ቀንዲ ምኽንያት እቶም ተባዕትዮ ፆታዊ ርክብ ዘይጀመራ ኣንስትዮ ብኤችኣይቪ ኤድስ ኣይተሓዛን ወይ ነፃ እየን ኢሎም ስለዝግምቱ እዩ። እዚ ኣረዳድኣ ግና ኣዝዩ ጌጋ እዩ። ብተመሳሳሊ እዚ ኣተሓሳስባ ኣካለ መጠን ንዘይበፅሓ ኣንስትዮ ካብ ድልየተን ወፃኢ ንኽምርዐዋ ምኽንያት ይኸውን። እዚ ኩነታት እውን እተን ኣንስትዮ ብዝበለፀ በቲ ሕማም ክጥቅዓ ይገብረን።

| | መስተኣምር | ተውሳከ ግስ | |
|---|---|---|---|
| | | ግዘ | ቦታ |
| 1. | | | |
| 2. | | | |
| 3. | | | |
| 4. | | | |
| 5. | | | |



# 8 ባህላዊ ልምድታት

## ሰሙናዊ ርእሲ ከባቢያዊ ስነ ስርዓት

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

**ብመሰረት እቲ ኣብነት እናነፀልኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡- ዝተሸከመት ዝ- -ተ ሸከም -ኣት*

1. እናደረፋን
2. የስጥሐኦም
3. ይቐርበለን
4. ዝተወሃበን
5. ምስዓበየት
6. ዝሓፀባሉ
7. ተኣኪበን
8. ዝረኸበኦ

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### *ቅድመ ንባብ*

**ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ርእስን መግለፂ ስእልን እቲ ፅሑፍ ብምርኣይ ብዛዕባ እንታይ ከም ዘተንብቡ ገምቱ።
2. ‘መርዓ’፣ ‘ሕፀ’፣ ‘መርድእ’፣ ‘ጥምቀት’፣ ‘ገለብ’ ዝብሉ ቃላት እንታይ ይሕብሩ?

### *እዋን ንባብ*

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. እተን ኣንስቲ እቲ ውላድ ቈልዓ እንታይ ክኸውን ይምነያ?
2. እተን ኣንስቲ ሓፂበን እንትምለሳ ኣብ ክንደይ ቦታ ይዓርፋ?
3. ገለብ ድሕሪ ወሊድ ኣብ መበል ክንደይ መዓልቲ ይፍፀም?

# ገለብ

ኣብ ዝኾነ ማሕበረሰብ ካብ ልደት ክሳብ ሞት ዝፍፀሙ ዝተፈላለዩ ኣገደስቲ ባህላዊ ልምድታት ኣለዉ። ካብዞም ኣገደስቲ ልምድታት ኣብ እዋን ወሊድ፣ መርዓ፣ ሕፀ፣ መርድእ፣ ወዘተ. ዝፍፀሙ ተግባራት ይጥቀሱ። ገሊኦም ድማ ቅድሚ ወይ ድሕሪ እዞም ዓበይቲ ፍፃመታት ይትግበሩ፡፡ ሕድሕድ ልማድ ዝተፈላለየ ኣተገባብራን ስነ ስርዓትን ኣለዎ። ኣብ ትግራይ ካብ ዝዝውተሩ ሓደ ስነ ስርዓት ገለብ እዩ።

ገለብ፣ ሓንቲ ኣዶ ድሕሪ ምውላዳ ኣብ ሻውዓይ መዓልቲ ዝፍፀም ሰነ ስርዓት እዩ። ኣብዚ መዓልቲ፣ ኣንስቲ ንጉሆ እኽለ ማይ ከይጠዓማ ናብ እንዳ ሓራስ “ዕልል!” እናበላ ይኣትዋ። እዚ ዝሰምዓ ካልኦት ጎረባብቲ ኣንስቲ እውን ተኣኪበን ይመፃ። ካብኣተን ክልተ ኣንስቲ ክዳውንቲ ሓራስ ብኽልተ ጫፍ ሒዘን ሸለውለው እናበላ ብጡሽ ይዓጥንኦ። ብኸምዚ፣ እቲ ክዳውንቲ ፅቡቕ ጨና ንኽህሉዎ ይገብራ። ክዳውንቲ ዝዕጠን እታ ሓራስ ካብ ጎንፊ ክትድሕን ምእንቲ ብዝብል እምነት እውን እዩ።

ነቲ ዝተዓጠነ ክዳውንቲ ብማእሲ፣ ብኮበርታ፣ ወይ ብጨርቂ ጠቕሊለን ብገመድ ይኣስርኦ። ካብኡ፣ ማዕፂድ ኣብ ማእኸል ገይረን ክልተ ኣንሰቲ ሒዘንኦ ናብ ማዕፆ ገፀን ይኸዳ። ኣብቲ ማዕፆ ምስበፅሓ ሓዲኣን ኣብ ኣፍ ደገ ሓዲኣን ብውሽጢ ኮይነን እናዓለላ ይቀባበልኦ። ሰለስተ ግዘ ምስተቐባበላ፣ ሓዲኣን ይሸከማኦ። እታ ዝተሸከመት ሰበይቲ ምርሕ ኣቢላተን ትኸይድ። እተን ዝተረፋ ድማ ንመሕፀቢ ዘገልግሉ ናውቲ፣ ሽንፋእን ፃዕዳ ሽጉርትን ሒዘን እናደረፋ ደድሕሪኣ ተማሪሐን ይስዕባ። ኣብ ሩባ ምስበፅሓ ካብቲ ሒዘንኦ ዝመፃ ሽንፋእን ፃዕዳ ሽጉርትን ናብቲ ሩባ ይነፅጋ።



*ኣንስቲ ክዳውንቲ ሓራስ ሓፂበን ካብ ሩባ እንትምለሳ*

ፍርቀን ክዳውንቲ እንትሓፅባ፣ እተን ካልኦት ድማ ኣብቲ ገምገም ሩባ ዝረኸብኦ ፅቡቕ ሰቲ ሰምሃል ይዓፅዳ። እቲ ውላድ ወዲ እንተኾይኑ ሰንዳ ዕረ ወይ ብዕንፀይቲ

መሳርዕ፣ ጠበንጃ፣ ወይ ኲናት ዝመስል ይሰርሓ። ብኸምዚ፣ እቲ ህፃን ንፉዕ ሓረስታይ ወይ ጅግና ንክኸውን ይምነ። ጓል እንተኾይና ድማ ምስዓበየት ወሓለ ንኽትኮነለን መንፌት፣ ምሔ፣ ወይ መፍተል ብምስራሕ ትምኒተን ይገልፃ። ኮይኑ ግና፣ እዚ ኣመለኻኽታ ኣብ ኣንስትዮ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ስለዘሕድር ዝድገፍ ኣይኮነን።

ክዳውንቲ ሓፂበን ምስወድኣ ከምቲ ጠቕሊለንኦ ዝመፃ ብገመድ ኣሲረን ይሸከመኦ። ካብ ሩባ እንትምለሳ ኣብ መንገደን ኣብ ሰለስተ ቦታ የዕርፋ። ኣብ ዘዝዕረፋሉ ቦታ፣ ነቶም ክዳውንቲ ኣብቲ ዝሓፀባሉ ጥስቲ ወይ ጎማ ብምቕማጥ እናዓለላ፣ እናጣቕዓን እናደረፋን ይኾለኦ።

ኣብ ገዛ ምስኣተዋ ነቲ ጥቕላል ክዳውንቲ ኣብ መደቀሲ እታ ሓራስ የቐምጥኦ። እታ ሓራስ ኣብኡ ሰለስተ ግዘ ሓፍ ኮፍ ትብለሉ። ሓፍ ኮፍ ብዝበለት ቍፅሪ እተን ኣንሰቲ ተኣኪበን “ማርያምኪ ረስዒ፣ ሰብኣይኪ ኣይትረስዒ!” እናበላ ይደርፋ። ዕላማ እዚ ድማ ስቃይ ሕርሲ ረሲዓ ንቡር ናብራኣ ንክትቅፅል ንምብርትታዕ እዩ። ነቲ ሰሪሐንኦ ዝመፃ ምሔ፣ መንፌት ወይ ድማ መሳርዕ፣ ወዘተ. ኣብ ትርኣሳ የንጠልጥልኦ። ካብኡ፣ ነቶም ክዳውንቲ ኣብ ደገ የሰጥሐኦም።

እተን ክሓፅባ ዘርፈዳ ኣንስቲ፣ ፈለማ ቡን ፈሊሑ ምስ ሕምባሻ ይቐርበለን። ቀፂሉ ድማ፣ እንጀራ ብፀብሒ ትምቱዋ ይቐርበለን። ኣብ ሓደ መኣዲ ሸሞንተ ኣንስቲ እናኾና ይበልዓ። በሊዐን ሰትየን ምስወደኣ፣ ሓንቲ ካብኣተን ትደርፍ። እተን ዝተረፋ ድማ እናተቐበላን እናደረፋን ይስዕስዓ። ኣብ መወዳእታ፣ ነታ ሓራስ እናመረቓ ገገዝአን ይኸዳ።

ብሓፈሻ፣ ገለብ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ዝመፀን ኣብ ሻውዓይ መዓልቲ ንሓራሳት ዝፍፀም ስነ ስርዓት እዩ። ገለብ ዝተፈላለዩ ረብሓታት ዘለዉዎ ኮይኑ ካብኦም እቲ ቀንዲ ማሕበራዊ ርክብ ምጥንኻር እዩ። ይኹን እምበር ብምንኽኻእ ሕማማት ክመሓላለፉ ስለዝኽእሉ ኣብ ኣተገባብራ እቲ ስነ ስርዓት ጥንቃቐ የድልይ እዩ።

## ድሕረ ንባብ

### ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።

1. ገለብ ብመን ዝፍፀም ልምዲ እዩ?
2. ኣብ ገለብ ቅድሚ ክዳን ሓፀባ ካብ ዝፍፀሙ ተግባራት ሰለስተ ጥቐሱ።
3. ካብተን ንገለብ ዝኸዳ ኣንስቲ መሪሓ እትኸይድ ኣየነይቲ እያ?
4. እቲ ክዳውንቲ ሓራስ ንምንታይ ብጡሽ ይዕጠን?
5. ገለብ ኣብ ማሕበራዊ ናብራ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
6. ገለብ ኣብ ሐዚ እዋን እንታይ ጉድኣት ኣለዎ?
7. ርእሲ እቲ ምንባብን መግለፂ እቲ ስእልን ብምርኣይ ብዛዕባ ገለብ ዝተረዳኣኩም ግለፁ።

### ለ. ካብቲ ምንባብ ቀንድን ደገፍቲ ሓሳባትን ብምፍላይ ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

## 4. ቃላት

### ተፃራሪ ፍታሕ ቃላት

**ነቶም ንዝተሰመረሎም ቃላትን ሓረጋትን ተፃራሪ ፍታሕ ሃቡ።**

*ኣብነት፦ እተን ገለብ ዝሓፅባ ኣንስቲ ኢጋ ወጋሕታ መፂአን።*

*መልሲ፦ ፅልግልግ*

1. ንሳ ኣብቲ ሩባ ፅቡቕ ጨና ዘለዎ ቈፅሊ ቈሪፃ።
2. እቲ ሰብኣይ መርድእ ሰሚዑ።
3. እቲ ዝተወለደ ቈልዓ ጅግና ንክኸውን ትምኒተን ገሊፀን።
4. ነቲ ዝተዓጠነ ክዳውንቲ ብዓብዩ ቴንዳ ጠቕሊለን ብገመድ ይኣስርኦ።
5. ካብቶም ኣገደስቲ ልምድታትና እቲ ሓደ ሽምግልና እዩ።
6. ንሳተን ካብቲ ገምገም ሩባ ሰቲ ሰምሃል ዓፂደን።
7. ኣብ ገለብ ዝወዓላ ኣንሰቲ ነታ ሓራስ ይምርቕኣ።

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝፍፀሙ ጉዳእቲ ልምድታት ሓደ ብምምራፅ ኣብ ምኽንያት ዝተመስረተ ርእይቶ ዘለዎ በዓል ሰለስተ ዓንቀፅ ፅሑፍ ንምፅሓፍ መረዳእታ ኣክቡ።**

**ፈለማ ኣብዞም ነጥብታት ትኹረት ብምግባር ሓሳባት ኣክቡ፦**

- ርእሲ
- መእተዊ
- ሓተታ
- መደምደምታ

## ኣፀሓሕፋ

**ስርዓተ ነጥቢ**

ስርዓተ ነጥቢ ሓደ ክፍሊ ፅሕፈት እዩ። እዞም ምልክታት መልእኽቲ ንፁር ንክኸውን ይሕግዙ። ብኣብዝሓ እንጥቀመሎም ስርዓተ ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

1. ኣርባዕተ ነጥቢ (።)፦ እዚ ስርዓተ ነጥቢ ኣብ ሓደ ምሉእ ሓሳብ፣ ምሉእ መልእኽቲ ብመልክዕ ርእይቶ ወይ ሓበሬታ ድሕሪ ምሕላፍ ኣብ መወዳእታ ዝቕመጥ እዩ።

    *ኣብነት፦ ገለብ ኣብ ሻውዓይ መዓልቲ ዝፍፀም ልምዲ እዩ።*

2. ነፀላ ሰረዝ (፣)፦ እዚ ምልክት ዝርዝር ነገራት ፈሊና ንምቕማጥ ንጥቀመሉ። ብተወሳኺ፣ ተመሳሳሊ ቅርፅን ትሕዝቶን ዘለዎም ቃላትን ሓረጋትን ንምፍላይ እውን ንጥቀመሉ።

    *ኣብነት፦ ካብ እቶም ፍፃመታት ወሊድ፣ መርዓ፣ ሕፀን መርድእን ይጥቀሱ።*

3. ድርብ ሰረዝ (፤)፦ ካብ ነፀላ ስርዝ ዝዓበየ፣ ካብ ምሉእ ሓሳብ ዝነኣሰ ሓሳብ ፈልዩ ንምምልካት ዘገልግል ስርዓተ ነጥቢ እዩ። ብተወሳኺ እውን ክልተ ተደጋገፍቲ ትሕዝቶ ዘለዎም ዓርሶም ዝኽኣሉ ምሉእ ሓሳባት ንምትሕሓዝ ይጠቅም።

    *ኣብነት፦ ፈለማ እተን ኣንስቲ መሳርዕ ወይ መንፌት ይሕዛ፤ ካብኡ ድማ ኣብ ትርኣስ እታ ሓራስ የንጠልጥልኦ።*

4. ምልክት ሕቶ (?)፦ እዚ ኣብ ሕቶኣዊ ዝኾኑ ምሉእ ሓሳባት እንጥቀመሉ ስርዓተ ነጥቢ እዩ።

    *ኣብነት፦ እቲ በዓል ፅቡቕ ዶ?*

5. ክልተ ነጥቢ (፡)፦ እዚ ሰዓት ካብ ደቒቓ ንምፍላይ የገልግል።

    *ኣብነት፦ 8፡20 = ሰዓት ሸሞንተን ዒስራን ኮይኑ።*

6. ሓደ ነጥቢ (.)፦ እዚ ምልክት ብር ካብ ሳንቲም ንምፍላይ ንጥቀመሉ። ብተወሳኺ፣ ኣህፅሮተ ቃላት ንምፅሓፍ ንጥቀመሉ።

    *ኣብነት፦ 520.50 ብር = ሓሙሽተ ምኢቲን ዒስራን ብርን ሓምሳ ሳንቲምን*

    *ማ.ባ.ት.(ማባት)= ማሕበር ባህሊ ትግራይ*

7. ምልክት ኣንክሮ (!)፦ እዚ ዘገርም ወይ ዘደንቕ ነገር ንምምልካት የገልግል።
    ኣብነት፦ ባህልና ክፅብቕ!

8. ድርብ ትእምርተ ጥቕሲ (" ")፦ እዚ ካሊእ ሰብ ዝተዛረቦ ከምዘለዎ ኣብ ፅሑፍ እንትንሓውስ ናይ ካሊእ ሰብ ዘረባ ምኺኑ ንምፍላይ እንጥቀመሉ ምልክት እዩ።

    *ኣብነት፦ ወለደይ፣ "ከም ሃገርካ ኩን!" ኢሎምኒ።*

**ስርዓተ ነጥብታት ኣብ ግቡእ ቦትኦም እናእተኹም ንሕድ ሕድ ሓሳብ ምሉእ ግበሩ።**

*ኣብነት፦ ገለብ ኣብ መበል ክንደይ መዓልቲ ይፍፀም___*

*መልሲ፦ ገለብ ኣብ መበል ክንደይ መዓልቲ ይፍፀም?*

1. ነታ ቈልዓ መንፊት__ ምሔን መፍተልን ሰሪሐናላ።
2. ኣብ ትግራይ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ልምድታት ኣለዉ__
3. እዉይ__ ደስ ክብል ቈልዓ__
4. እተን ኣብ ገለብ ዝፀንሓ ኣንስቲ ንጉሆ ሰዓት 12_00 መፂአን።
5. ሓደ ልምዲ ካብ ካሊእ ልምዲ ይፍለ__ ምኽንያቱ ነናይ ባዕሉ ኣፈፃፅማ ኣለዎ።
6. እተን ሰበይቲ__ ማዕጠና ንሓራስ ካብ ጎንፊ የድሕና እዩ! __ ኢለን።
7. ኣብ ገለብ ተሳቲፍኩም ትፈልጡ ዶ__
8. ኣቦይ መፅሓፍ መግዝኢ ኢሉ 85__50 ቅርሺ ሂቡኒ።

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ዝሓለፈ እዋን እንታይ ዝብል ፅሑፍ ኣንቢብኩም?
2. መልእኽቲ እቲ ዘንበብኩምዎ ፅሑፍ እንታይ እዩ?

### ንባብ ኣገባልፃ

**ነተን ፈላሞት ክልተ ዓንቀፃት ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ብዘርእይ ኣግባብ ስርዓተ ነጥብን ቃናን ሓሊኹም ብሓንቲ ደቒቓ ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### “ዲግና” – ስርዓት መውስቦ ኩናማ

### ቅድመ ምድማፅ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ነቲ ርእስን ስእልን ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።
2. ኣብ ከባቢ'ኹም ገዝሚ ዝህቡ እንዳ ጓል ድዮም እንዳ ወዲ?

### እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም፣ ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ስነ ስርዓት መውስቦ ብሄረሰብ ኩናማ ካብ ምልላይ _______ን ______ን ይጅምር።
2. መርዓ ክሳብ ዝፍፀም እቶም ሕፁያት ኣብ ቅድሚ _______ን ______ን ክበልዑን ክሰትዩን ኣይፍቀደሎምን።
3. መርዓ ምስሓለፈ ድሕሪ _______ ነቶም መርዑ ዝሕረስ መሬት ይወሃቦም።



*ተባዕታይን ኣንስተይትን ኩናማ ኣብ መንገዲ*

## *ድሕረ ምድማፅ*

**ሀ. ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ፅሑፍ፣ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ብሂረሰብ ኩናማ ኣበየናይ ዞባ ይርከብ?
2. መናእሰይ ኩናማ ባዕሎም ንመውስቦ ምምርራዖም እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
3. እቶም ሓደሽቲ ሰብ ሓዳር ናብራ ብምንታይ ምክያድ ይጅምሩ?
4. ፍረ ሓሳብ እቲ ፅሑፍ እንታይ እዩ?

**ለ. ከክልተ ጠቐምትን ጕዳእትን ልምድታት ከባቢኹም ብምኽንያትን ኣብነትን ብምግላፅ ርእይቶኹም ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።**

## 7. ሰዋስው

### ምፍላይ ያታ፣ ኣካል፣ ቍፅርን ተሰሓብን

**ኣብ ሕድሕድ ቃል ንዘለዉ ያታ፣ ኣካል፣ ቍፅርን ተስሓብን ፀሓፉ፡፡**

| ረ.ጋ | ቃል | ያታ | ኣካል | ቍፅሪ | ተሳሓቢ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ሓፂብና | ኣይፈልይን | 1ይ | ብዙሕ | - |
| 2. | ወሊዳ | ኣነስታይ | 3ይ | ነፀላ ቍፅሪ | - |
| 3. | ሰጊድካ | | | | |
| 4. | ቀዲሑምልና | | | | |
| 5. | ተመንዩዋ | | | | |
| 6. | ሰትየ | | | | |
| 7. | ተሓፂይኻ | | | | |
| 8. | ተዓጂብካ | | | | |
| 9. | ሳዕሲዐናልና | | | | |
| 10. | መፂእኺ | | | | |

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።**

- ምኽንሻብ
- ምብጣሕ
- ዓንቀር ምኽላእ
- ምግርናብ
- ምሕጓም
- መርዓ ትሕቲ ዕድመ

**ለ. ቅድሚ ምንባብኩም፣ ልክዕ ንዝኾነ "ሓቂ"፣ ልክዕ ንዘይኮነ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሱ።**

1. ኣብ ከባቢና ዝፍፀሙ ጎዳእቲ ልምድታት የለዉን።
2. ምኽንሻብ ኣንስተዮ ክቕፅል ዘለዎ ልምዲ እዩ።
3. ጐዳእቲ ልምድታት ኣብ ማሕበራዊ ናብራና ፀገም የብፅሑ እዮም።
4. ብዛዕባ ጐዳእቲ ልምድታት ምፍላጥ ረብሓ ኣለዎ።
5. ረብሓ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ካብ ጉድኣቱ ዝበለፀ እዩ።

### እዋን ንባብ

**እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ ____ ዝኾኑ ጐዳእቲ ልምድታት ኣለዉ።
2. ደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ እንትኸዳ ከይዝረፋ ብምስጋእ ______ ይገብሩ።
3. ኣብ ኣንስተዮ ካብ ዝፍፀሙ ጐዳእቲ ልምድታት ሓደ ______ እዩ።

# ጉዳእቲ ልምድታት

ልምድታት ጠቓምትን ጉዳእትን ክኾኑ ይኽእሉ። እቶም ልምድታት ጠቓምቲ ወይ ጉዳእቲ እዮም ንምባል ብዓይኒ እቶም ተጠቀምቲ ምርኣይ የድልይ። እንተኾነ ጉዳእቲ ልምድታት ንምንፃር ዘኽእሉ ፍልጠታት ተፈጥሮኣውን ማሕበራውን ሳይንስ ኣለዉ። ጉዳእቲ ልምድታት ዝበሃሉ ብመንፅር ጥዕና ኣካላውን ኣእምሮኣውን ፀገማት ዘስዕቡ ተግባራት እዮም። ብተወሳኺ፣ ምስ ማሕበራዊ ድልየትን ሰብኣዊ መሰላትን ዝፃብኡ እንተኾይኖም ጉዳእቲ ክበሃሉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ 140 ጉዳእቲ ልምድታት ኣለዉ። መብዛሕቲኦም ልምድታት ኣብ ቈልዑን ኣንስትዮን ይፍፀሙ።



*ዓንቀር እናተኸልአ*

ገሊኦም ኣብ ህፃናት ዝፍፀሙ ጉዳእቲ ልምድታት ቈልዑ ካብ ዝተወለዱሉ ግዘ ጀሚሩ ዝትግበሩ እዮም። ንኣብነት፣ ዓንቀር ምኽላእ፣ ምግርናብ፣ ምውጋድ ስኒ ባርካይ፣ ወዘተ. ብበላሕቲ ናውትታት ይፍፀሙ። እዞም ልምድታት ኣብ ዝትግበርሉ እዋን ዝጥቀሙሎም ናውቲ ኣብ ህፃናት ኣሉታዊ ፅልዋ የስዕቡ እዮም።

ኣብ ኣንስትዮ ዝፍፀሙ ኣዝዮም ብዙሓት ጉዳእቲ ልምድታት ኣለዉ። መበገሲ እዞም ልምድታት ምስዘሎ ትሑት ግንዛበን ልማድን ዝተሓሓዘ እዩ። ካብዞም ጉዳእቲ ልምድታት ምዝራፍን ምዕማፅን ይጥቀሱ። እዚ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ዘይሓሰበቶን ኣብ ዘይፈቐደቶን ብሓይልን ብግድን ዝፍፀም እዩ። ምዝራፍን ምዕማፅን እንተጋጥመን እውን ምስ ካልእ ናይ ምምርዓው ዕድለን ስለዝፀብብ ምስቲ ዝዘረፈን ሓዳር ክምስርታ ይግደዳ። እዚ ድማ ስነ ልቦናውን ኣካላውን ጉድኣት የስዕበለን።

ብተመሳሳሊ፣ ኣብ ኣንስትዮ ዝፍፀም ጉድኣት ዘብፅሕ ልምዲ ኣሎ። እዚ ሓንቲ ጓል ተመርዕያ እንትትኸድ ምስ ድንግልንኣ እንተዘይፀኒሓ ወቒዕኻን ኣዋሪድካን ናብ ወለዳ ምምላስ እዩ። እዚ ልምዲ ንዝተፈላለዩ ስነ ልቦናውን ማሕበራውን ፀገማት የሳጥሕ።

ምስዚ ተተሓሒዙ ዝለዓል ካሊእ ጎዳኢ ልምዲ መርዓ ትሕቲ ዕድመ እዩ። መርዓ ትሕቲ ዕደመ ንኣካለ መጠን ዘይበፅሐትን ሓላፍነት ንምሽካም ዘኽእል ኣካላውን ኣእምሮኣውን ብቕዓት ዘይብላን ጓል ምምርዓው ይምልከት። መርዓ ትሕቲ ዕደመ እንትፍፀም መርዓት ኣብ ነብሳ ኮነ ኣብ ሓዳራ ናይ ምውሳን ዓቕምን ነፃነትን ኣይህልዋን።



*መርዓ ትሕቲ ዕድመ*

መርዓ ትሕቲ ዕድመ ዝፍፀም ብብዙሓት ምኽንያታት እዩ። ፈለማ ወለዲ ሃፍቶም ንምትሕልላፍ ወይ ድማ ብርሃን ደቆም ንምርኣይ ክብለ ብቑልዕነተን ንደቆም የመርዕዉወን። ብተወሳኺ፣ ርክቦም ንምስጣም፣ ፍቕሮም ንምጥንኻርን ቀፃልነት ዘርኦም ንምርግጋፅን የመርዕዉወን። ሳዕቤናት እዚ ልምዲ ድማ ሕማም ፌስቱላ፣ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ዘይድለ ጥንስን የጠቓልል። ካብዚ ብተወሳኺ ምፍራስ ሓዳር ንክህሉ ይገብር። ጉድለት ጥዕና ዘለዎም ቈልዑ ንኽውለዱ ምኽንያት እውን ይኽውን እዩ።

ብሰፊሑ ዝፍለጥ ካልእ ጎዳኢ ልምዲ ምኽንሻብ ብልዕቲ ኣንስትዮ እዩ። ምኽንሻብ ደጋዊ ክፍሊ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምቑራፅ ማለት እዩ። ነዚ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታውን ባህላውን ምኽንያታት ይቐርቡ እዮም። ንኣብነት፣ ዘይተኸንሸበት ከም እትቐልል ወይ ፋሉል ከም እትኸይድ፣ ምኽንሻብ ድማ ፀባያ ከም ዘስተኻኽላ ይእመን። ብተወሳኺ፣ ድንግልና ንምሕላው፣ ንፅርየት፣ ዕድል መርዓ ንምስፋሕ ከምኡ

እውን ንፅባቐ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ይግለፅ እዩ። ኮይኑ ግና ምኽንሻብ ንዝተፈላለዩ ኣካላውን ስነ ልቦናውን ስቓያት ከምዘቓልዕ ርዱእ እዩ። ምፍሳስ ደም፣ ጉድኣት ኩላሊትን ቡንባ ሽንትን፣ ጭንቀትን ስቓይ እዋን ወሊድን ካብቶም ዝጥቀሱ ሳዕቤናት እዮም።

ብሓፈሻ፣ ኣብ ሃገርና ኣብ ቈልዑን ኣንሰትዮን ፀገማት ዘስዕቡ ጐዳእቲ ልምድታት መፍትሒ ክረኽቡ ይግባእ። ሕብረተሰብ ብምምሃርን መራሕቲ ዝተፈላለዩ ኣካላት ኣብዚ ኢዱም ንክሓውሱ ብምግባርን ነዞም ፀገማት ምቅላስ ይከኣል። ብተመሳሳሊ፣ ትካላት ጥዕና ብምስፍሕፋሕን ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ክለባት ጥዕና ብምጥንኻርን ሳዕቤን እቶም ልምድታት ምንካይ ይከኣል።

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት ዘንበብክምዎ ቅኑዕ መልሲ ዝሓዘ ፊደል ምረፁ።**

1. **ቀፂሎም ካብ ዝቐረቡ እቲ ሓደ ጐዳኢ ልምዲ ኣይኮነን።**

   ሀ. ዓንቐር ምኽላእ      ሐ. ምውጋድ ስኒ ባርካይ

   ለ. ምግርናብ      መ. ርክብ ምስጣም

2. **ቀፂሎም ካብ ዝቐረቡ ጎዳእቲ ልምድታት እቲ ሓደ ኣብ ኣንስትዮ ጥራሕ ዝፍፀም እዩ።**

   ሀ. ምውጋድ ስኒ ባርካይ      ሐ. ምግርናብ

   ለ. ምኽንሻብ      መ. ምሕጓም

3. **ብወለዲ ንመርዓ ትሕቲ ዕድመ ብዝበለፀ ከም ምኽንያት ኮይኑ ዘይልዓል ኣየናይ እዩ?**

   ሀ. ሃፍቶም ንምትሕልላፍ      ሐ. ፍቕሮም ንምጥንኻር

   ለ. ብርሃን ደቆም ንምርኣይ      መ. ንደቆም ብምሕላይ

4. **ምኽንሻብ ኣብ ጓል ኣንሰተይቲ እንታይ ፅልዋ ኣለዎ?**

   ሀ. ስምዒታ ልዑል ይኸውን።      ሐ. ኣብ ወሊድ ኣይትፅገምን።

   ለ. ንሕማም ፌስቱላ የቓልዓ።      መ. ስዲ ኣይትኾንን።

5. **ኣብ ታሕቲ ካብ ዘለዉ እቲ ሓደ ሳዕቤን ጐዳእቲ ልምድታት ኣይኮነን።**

   ሀ. መድመይቲ   ለ. ኤችኣይቪ   ሐ. ድኽነት   መ. ሞት

6. **ቀፂሎም ካብ ዝቐረቡ ጐዳእቲ ልምድታት እቲ ሓደ ኣብ ኣንስትዮን ተባዕትዮን ዝፍፀም እዩ?**

   ሀ. ዓንቀር ምኽላእ   ለ. ምክንሻብ   ሐ. ምጥላፍ   መ. ምግራዝ

**ለ. ፅማቕ ሓሳብ እቲ ምንባብ ብቀንድን ደገፍቲ ሓሳባትን ኣዋዲድኩም በዓል ሓደ ዓንቀፅ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

## 9. ቃላት

### ምጥቃም ቃላት ኣብ ምሉእ ሓሳብ

**ነቶም ዝተሰመረሎም ቃላት ተጠቒምኩም መልስኹም ብምሉእ ሓሳብ ግለፁ።**

*ኣብነት፦ ጐዳእቲ ልምድታት እንታይ ሳዕቤናት ኣለዎም?*

*መልሲ፦ ጐዳእቲ ልምድታት ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ ጥዕናውን ስነ ልቦናውን ፀገም የብፅሑ።*

1. ኣዋልድ ንከይዝረፋ እንታይ ክግበር ኣለዎ?
2. ምኽንሻብ ኣብ ኣንስትዮ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ?
3. ብበላሕቲ ነገራት ምብጣሕ እንታይ ፀገም የስዕብ?
4. መርዓ ትሕቲ ዕድመ ጉድኣት ኣለዎ ዶ?
5. ምግርናብ ንዓይኒ ዕቡቕ ድዩ?
6. ጎዳእቲ ልምድታት ምስ ድሑር ኣረኣእያ ዝተሓሓዙ እዮም ዶ ትብሉ?
7. ዓንቐር ምኽላእ ንምንታይ እዩ ጐዳኢ ልምዲ ዝበሃል?

## 10. ፅሕፈት

### ምድላው ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብዝኣከብኩምዎ ሓበሬታ በዓል ሰለስተ ዓንቀፅ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ነቶም ዝተሰመሩሎም ግጉይ ኣጠቓቕማ ስርዓተ ነጥብታት ኣመዓራሪኹም ፀሓፉ።**

ምዕማፅ እንታይ ማለት እዩ። ምዕማፅ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ኣንስትዮ ብዘይ ድልየት? ብምፍርራሕን ብምግዳድን ዝፍፀም ያታዊ ርክብ እዩ፤ ኣብ ሓድሓደ ሃገራት። እዚ ፀገም ዳርጋ ኩሉ ግዜ ዝፍፀም ክስተት እዩ? በዚ ምኽንያት ብዙሕ ሰብ ንኤችኣይቪ ይቃልዕ? ብተወሳኺ፣ ኣብ ሓደሓደ ቦታታት ትሕቲ 15 ዓመት ሰገናት ደቂ ኣንስትዮ ዝዕመፃ ጐዳኢ ልምዲ ኣሎ። እዚ ልምዲ ንተመሳሰልቲ ሳዕቤናት ወይ ሕማማት የቃልዕ እዩ፤

## 11. ንባብ ፅፈት

### *ቅድመ ንባብ*

**ኣብ ዝሓለፈ ካብ ዘንበብኩምዎ ፅሑፍ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።**

### *ንባብ ኣገላልፃ*

**ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ስርዓተ ነጥቢ ሓሊኹም ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።**

1. ሀ. ጐዳእቲ ልምድታት ኣብ ጥዕና ሰባት ሳዕቤን ኣለዎም ዶ?

   ለ. ጐዳእቲ ልምድታት ኣብ ጥዕና ሰባት ሳዕቤን ኣለዎም።

2. ሀ. እታ ቈልዓ ዕድሜኣ ንመርዓ ከይበፅሐ ከይትምርዐው!

   ለ. እታ ቈልዓ ዕድሜኣ ንመርዓ ዘይበፅሐት ኣመርዒኹማ?

3. ሀ. እውይ! እቲ ስኑ ዝተሰበረ ቈልዓ የመና ተሳቕዩ።

   ለ. እቲ ስኑ ዝተሰበረ ቈልዓ የመና ተሳቕዩ።

4. ሀ. ምኽንሻብ ብሰፊሑ ዝፍለጥ ጐዳኢ ልምዲ እዩ።

   ለ. ምኽንሻብ ንምንታይ እዩ ጐዳኢ ልምዲ ዝበሃል?

5. ሀ. እቶም ወለዲ ብዙሕ ገዝሚ ሂቦም።

   ለ. እቶም ወለዲ ብዙሕ ገዝሚ ሂቦም?

## 12. ዝርርብ

**ምይይጥ**

***ምይይጥ ዕላማ ዘለዎ፣ ብትልሚ ዝምራሕን ብዛዕባ ሓደ ርዕሰ ጉዳይ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ካብ ዝተፈላለዩ ሰባት ዝቐርበሉ ዘተ እዩ። ምይይጥ ንምክያድ ቀዊሎም ንዝቐረቡ መምርሒታት ምርኣይ ተመራፃይ ይኸውን፦***

***ብዛዕባ እቲ መመያየጢ ሓሳብ ፅሑፋትን መረዳእታታትን ምሓዝ፣***

***ዝተኣከቡ ነጥብታታት ብቐደም ሰዓብ ምስራዕ፣***

***ዕላማን ፍረ ሓሳብን ምይይጥ ንኣባላት ምልላይ፣***

***ብቑዕ ዝኾነ መረዳእታ ብምቕራብ ንምእማን ምፅዓር፣***

***ካብ መድመፅቲ ርእይቶ፣ ሕቶን ተወሳኺ ሓሳብን ምቕባል፣***

***ተሳተፍቲ ዝተስማምዑሉ ፍረ ሓሳብ ምስ ምኽንያቱ ብምቕራብ ብስነ ስርዓት ምዝዛም፣***

**ብመሰረት እቲ መምርሒ ሕብረተሰብና ጕዳእቲ ልምድታት ንምንታይ ከም ዝፍፅሞምን ነዞም ፀገማት ከመይ ገይርካ ምእላይ ከምዝከኣልን ተመያየጡ።**

## 13. ሰዋስው

**ሀ. ኣብቶም ምሉእ ሓሳባት ዘለዉ ጌጋታት ቍፅሪ፣ ፆታን ኣካልን ብምፍላይ ኣመዓራሪኹም ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦ ንሕና ንጐዳእቲ ልምድታት ክንቃለስ ኣለኒ።*

*መልሲ፦ ንሕና ንጐዳእቲ ልምድታት ክንቃለስ ኣለና።*

1. እቲ ዓይኑ ዝተገርነበ ቈልዑ ናብ ሕክምና ከይዱ።
2. ንግስቲ ወለዳ ከምርዕዊዎ ስለዝበሉ ብጣዕሚ ሓዚና።
3. ንሱ ብቈልዓይ ዓንቀረይ ተኸሊአ እየ።
4. ኣብ ሃገርና ብዙሓት ጐዳእቲ ልምድታት ኣሎ።
5. ህፃን ፀገም ከይበፅሖም ክንሕብሕቦም ኣለና።

**ለ. ኣብቶም ምሉእ ሓሳባት ንዘለዉ ኣመልከቲ ቅፅላት ፍለዩ።**

*ኣብነት፦ <u>እዚ</u> ስነስርዓት ጎዳኢ ልምዲ ኣይኮነን*

1. እዚ ካብቶም ጐዳእቲ ልምድታትን ሓደ እዩ።
2. እቲ ሰብኣይ ማሕጎማ ተሓጕሙ እዩ።
3. እዚኣቶም በላሕቲ ነገራት ስለዝኾኑ ብጥንቃቐ ክንሕዞም ኣለና።
4. ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብዛዕባ ልምድታት ኣስተምህሮ ዝሃባና እዚኣተን እየን።
5. መርዓ ትሕቲ ዕድመ ኣይቕበሎን ዝበለት እዚኣ ድያ?

# ሰሙናዊ ርእሲ ረብሓታት ባህላዊ ልምድታት

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ቃላት ነፂልኩም ፅሓፉ።**

*ኣብነት፦ ተሰማዕነት= ተ- ሰማዕ - ነት*

| | |
|---|---|
| 1. እንተፀገበ | 5. ተተሓሒዞም |
| 2. ኣይፍቀደሉን | 6. ይወሃቦም |
| 3. ተባሪኹ | 7. እናቖረስካ |
| 4. ምስተምሃሩ | 8. እናሓየኽካ |

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### *ቅድመ ንባብ*

**ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ነዞም ቃላት ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።

| | | | |
|---|---|---|---|
| ምሽምጋል | ካሕሳ | ምጥዋር | እድር |
| ምፅንናዕ | ልፍንቲ | ምብፃሕ | ዕርቂ |

2. ባህላዊ ልምድታት እንታይ ረብሓ ኣለዎም?

### *እዋን ንባብ*

**እናንበብኩም፣ ነዞም ባዶ ቦታታት መልሱ።**

1. ሓደ ሓረስታይ ካብ ካሊእ ሓረስታይ ብዕራይ ተለቒሑ ዝሓርሰሉ ልምዲ ________ይበሃል።

2. ቁጠባዊ ዓቕሚ ካብ ዘጎልብቱ ጠቓምቲ ልምድታት ዕቊብ፣ ________ን ________ን ይጥቀሱ።

3. ኣብ ብሂረሰብ ኢሮብ ዝዝውተር ኣፈፃፅማ ዕርቂ________ ይበሃል።

# ጠቓምቲ ባህላዊ ልምድታት

ኣብ ትግራይ ዝዝውተሩ ብዙሓት ጠቓምቲ ልምድታት ኣለዉ። እዞም ልምድታት ንምዝንጋዕን ፀገማት ንምእላይን ይሕግዙ። ንኣብነት ኣብ ሓዘንን መርዓን ምትሕግጋዝን ምትሕላላይን ክጥንክር ይገብሩ። ዓቕሚ ንዘይብሎም ልምዲ ምሕጋዝ እውን ይህልው። እቶም ልምድታት ብመንፅር ረብሓ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ልምድታት ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምቀሉ።

ቁጠባዊ ዓቕሚ ካብ ዘጎልብቱ ጠቓምቲ ልምድታት ሓደ ዕቍብ እዩ። ዕቍብ ዝቀራረቡ ሰባት ገንዘብ ብምዉፃእ እቲ እኹብ ገንዘብ በብታራ ብምውሳድ ዝጥቀሙሉ ልማድ እዩ። እዚ ገንዘብ ምዕቛርን ብግቡእ ምሓዝን የምህር። ብተወሳኺ፣ ናብራ ብትልሚ ንምምራሕ ይሕግዝ።

እቲ ካሊእ ኣገዳሲ ልምዲ ኣብ ማሕረስ ዝዝውተር ልፍንቲ እዩ። ንኣብነት፣ ሓደ ብዕራይ ዘለዎ ሓረስታይ ምስ ካልእ ሓረስታይ ብዕራይ ብምልፋን ክሓርስ ይኽእል። እቲ ብዕራይ ዘላፈነ ብግዲኡ ናይቲ ዘላፈኖ ወሲዱ ይሓርስ። ስለዚ ክልቲኦም ካብ ዝሸገሩ ብልፍንቲ ስራሕቶም የሳልጡ። ልፍንቲ በብታራ ወይ ሓቢርካ ምስራሕ እውን ክኸውን ይኽእል።

እቲ ሳልሳይ ልምዲ ብነበርቲ ሓደ ከባቢ ዝጣየሽ እድር እዩ። እዚ ኣብ እዋን መርዓ፣ ሓዘን ወይ ካልኦት ማሕበራዊ ጉዳያት እንተጋጥም ንምሕትግጋዝ ዝዓለመ እዩ። ብኻሊእ ኣዘራርባ፣ ንምትሕግጋዝ ዘኽእል ንኡስ ትካል ክበሃል ይከኣል።

ኣብ ማሕበራዊ ርክብ ስጡም ምትእስሳር ዝፈጥሩ ካልኦት ልምድታት እውን ኣለዉ። ንኣብነት፣ ንዝሓመሙ ምጥያቕ፣ ንዝተፃልኡ ምሽምጋል፣ ንዝሓዘኑ ምፅንናዕን፣ ወዘተ. እቶም ኣዝዮም ልሙዳት እዮም።

እዞም ልምድታት ስነ ምግባር ኣብ ምምሃር ዘለዎም ግደ ዝዓዘዘ እዩ። ካብዞም ዝውተሩ ልምድታት ሓደ ዕርቂ እዩ። እዚ ቅትለት ነብሲ፣ ምጉዳል ኣካል፣ ፍትሕ፣ ባእሲ፣ ስርቂ፣ ወዘተ. እንተጋጥሙ ይፍፀም። ዕርቂ ብመራሕቲ ሃይማኖትን ፅቡቕ ስነ ምግባር ወይ ተስማዕነት ብዘለዎም ዓበይቲ ሰባትን ይፍፀም። ነዚ ከም ሓደ ኣብነት ክውሰድ ዝኽእል “ሜላታግለ” ወይ ዕርቂ ኢሮብ እዩ።

“ሜላታግለ” ማሕበራውን ባህላውን ኣፈፃፅማ ብሂረሰብ ኢሮብ ኮይኑ ዝፀንሐ ስርዓተ ዕርቂ እዩ። እዚ ልምዲ ተፈፃምነቱ ብህዝቢ እንትኽዉን፣ ርሑስ ምእንቲ ክኸውን ቀፅሊ ኣንቢሮም ብዝሸሙዎ መራሒ ወይ “ኦና” ይምራሕ። እዚ መራሒ ካብ ዝሸየመሎም ረቛሓታት ውሽጢ ንድኹማትን ንተራ ሰባትን ዘለዎ ፅቡቕ ኣረኣእያን ኣኽብሮትን ይጥቀስ።

ልምዲ ዕርቂ ኢሮብ ብዙሕ ዝርዝር ኣለዎ። ኣፈፃፅማኡ ከም ክብደትን ቅለትን እቲ ጉዳይ ይውሰን። እዚ ልምዲ ኣብ መንጎ ኣባላት ማሕበረሰብ ጎንፂ ንኸይለዓልን እንተተፈፂሙ ድማ ብሰላም ንኽእለን ይሕግዝ። ብተወሳኺ፣ እቲ ማሕበረሰብ ዝተረጋግዐ መነባብሮ ንክመርሕ ጥጡሕ ባይታ ይፈጥር።

ልምድታት ዕርቂ ኢሮብ ብዙሓት እዮም። ካብዚኣቶም ሓደ ኣብ ባእሲ ዝፍፀም ስርዓት ሽምግልና እዩ። ኣብ እዋን ባእሲ ደም እንተፈሰሰ እቲ ደም ዘፍሰሰ ሰብ ብመሰረት ሕጊ ዕርቂ መተክኢ ደም ዝኸውን ጤል ይሓርድ። ብተወሳኺ፣ ሓድሓደ ኪሎ መዓርን ጠስምን 20 ኪሎ ጥሕንን ነቲ ዝተጐደአ ሰብ ይኸሕስ። እዚ ተገይሩ

እንተዘይደሓነ እቲ መቕፃዕቲ ሽምግልና ይቕፅል። ብተመሳሳሊ ካሕሳ ክኸውን ደም መፍሰሳይ ብር 55 ይኽፍል። ብፅፍዒት ዝወቓዐ ሰብ እንተሃልዩ ድማ እቲ ክስተት ናይ ንዕቐት ምልክት ስለዝበሃል ይቕፃእ እዩ። ስለዚ፣ እቲ ሰብ ነቲ ተበዳላይ ብር 55 ምስ ዝተሸለመት በቕሊ ከቕርብ ይግደድ።



*ዕርቂ ብሽማግለታት እንትፍፀም*

ብሓፈሻ፣ ኣብ ትግራይ ብዙሓት ጠቐምቲ ባህላዊ ልምድታት ኣለው። እዞም ልምድታት ንምትሕግጋዝ፣ ማሕበራዊ ርክብ ንምጥንኻርን ሓበሬታ ንምልዉዋጥን ዓብዩ ግደ ኣለዎም። ብተወሳኺ፣ ቁጠባዊ ዓቕሚ ተጠቐምቲ ክብ የብሉ። ስለዚ፣ ከምዚኦም ዝበሉ ባህላዊ ልምድታት ክዕቀቡ፣ ክዓብዩን ክቕፅሉን ምስራሕ የድልይ።

*(ፍልፍል፦ በርሀ ዝግታ፣ 2000 ዓ.ም.፣ መበቆልን ታሪኽን ህዝቢ ኢሮብ)*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ዕቊብ፣ ልፍንትን እድርን ንምንታይ ጠቐምቲ ልምድታት ይበሃሉ?

2. ኣብ ሓዘንን መርዓን ዝግበር ምትሕግጋዝ ኣድላይ ድዩ? ንምንታይ?

3. ሓደ ዓብዩ ሰብኣይ ከቢድ ሸኸሚ ፀይሮም እንተትረኽቡ እንታይ ምገበርኩም?

4. ረብሓ ጠቐምቲ ልምድታት ግለፁ።

**ለ. ካብቲ ምንባብ ዝተረደአኩም ሓሳብ ብሓደ ዓንቀፅ ግለፁ። (እንትትፅሕፉ ክሳብ ሐዚ ዝተምሃርኩምዎም መሰጋገርቲ ሓረጋት ንምጥቃም ፈትኑ።)**

# 16. ቃላት

### ተፃራሪ ፍታሕ ቃላት

**ተፃራሪ ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።**

1. ምእላይ
2. ካሕሳ
3. ቅለት
4. ጐንፂ
5. ኣንቢሮም
6. ዓገበ
7. ጎልበተ
8. ምዕቛር
9. ዓቀበ
10. ንዕቐት

# 17. ፅሕፈት

### ምፅሓፍ ዓንቀፅ

**ብዝሓለፈ ሰሙን ብዛዕባ ጐዳእቲ ልምድታት ዝፀሓፍኩምዎ ብምእያም ውዱእ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ብሕድሕድ ስርዓተ ነጥቢ ሓደሓደ ምሉእ ሓሳብ ሀነፁ።**

ሀ. ።　　ሐ. ?　　ረ. !　　ሸ. ፡

ለ. ፣　　መ. ፤　　ሰ. “ ”

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብዛዕባ እንታይ ኣንቢብኩም?
2. ጠቐምቲ ልምድታት ካብ ዝበሃሉ እንታይ እንታይ ትፈልጡ?

### ንባብ ኣገላልፃ

**ፈላመይቲ ዓንቀፅ "ጠቐምቲ ልምድታት" ዝብል ፅሑፍ ስርዓተ ነጥብን ቃናን ሓሊኹም ብ36 ሰኮንድ ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንዝኣካየድኩምዎ ምይይጥ መጠቓለሊ ሓሳብ ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።**

## 20. ሰዋስው

### ምምራፅ ቅኑዕ መልሲ

**ቀፂሎም ንዝቐረቡ ሕቶታት ቅኑዕ መልሲ ምረፁ።**

1. "ኣቦይ መርዓ ትሕቲ ዕድመ ጕዳኢ ምዃኑ ነጊሩኒ።" ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ተስሓቢ ዘመልክት ምእላድ________ እዩ።

ሀ. -ኡ ለ. -ኒ ሐ. ኣ መ. -ይ

2. "<u>ክልቲኦም ስድራ መርዑ</u> ምግብን መስተን ኣዳልዮም።" ኣብዚ ምሉእ ሓሳብ ዝተሰመረሉ ሓረግ ብ__________ ክትካእ ይኽእል።

ሀ. ንሳተን ለ. ንሕና ሐ. ንሳቶም መ. ንስኻትኩም

3. "ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ 140 ጕዳእቲ ልምድታት ኣለዉ።" ኣብዚ ምሉእ ሓሳብ ብዙሕ ቍፅሪ ዘየመልክት ቃል____እዩ።

ሀ. ጕዳእቲ ለ. ልምድታት ሐ. ኣለዉ መ. ኢትዮጵያ

4. "መለቀሓይ ብግዲኡ ተለቃሓይ ይኸውን።" ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ዖታ ተስሓቢ _____ እዩ።

ሀ. ተባዕታይ ለ. ኣንስታይ

5. "ንሳተን ኣብ ገዛ ምስኣተዋ ነቶም ክዳውንቲ ኣብ መደቀሲ እታ ሓራስ <u>ተቐምጠ</u>።"

ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ስምምዕ ንከይህሉ ዝገበረ ጌጋ________ እዩ።


ሀ. ያታ    ለ. ቊፅሪ    ሐ. ዋንነት    መ. ኣካል

6. "እቶም ጉምቦ ምሽላ ሒዞም መርዓዊ ዝዓጀቡ ኣዝማድ ነቲ ሒዞምዎ ዝመፁ ኣብቲ ገበላ ይእክቡዎ።" ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ዘሎ ኣመልካቲ ቅፅል ______ እዩ።

ሀ. ነቲ    ለ. ኣብቲ    ሐ. እቶም    መ. ዝዓጀቡ

7. "እዚ ካብ መንጎ እቶም ኣብ ቈልዑ ዝፍፀሙ ጕዳእቲ ልምድታት እቲ ሓደ እዩ።" ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ዘሎ ኣመልካቲ ቅፅል ______ እዩ።

ሀ. እቶም    ለ. እዚ    ሐ. እዩ    መ. እቲ


9



# ሰሙናዊ ርእሲ ማዕርነት ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ

## ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ምፍላይ ሱር ቃል

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቲ ሱር ቃል ፍለዩ።**

***ኣብነት፦ ብማእኸላይ = ማእኸል***

1. ማዕርነት
2. ስለዝኾነ
3. መሳርሕታት
4. ዝተወሃበን
5. ቁጠባዊ
6. ክፍልታት
7. ኣይኮነን
8. እናተቐበላ
9. ኣሰልጢንካ
10. ዝተመዝገበ

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።

   ትምህርቲ፣ ዖታ፣ ማዕርነት፣ መሰል፣ ምብቃዕ፣ ምምራሕ፣ መርኣያ

2. ማዕርነት እንታይ ማለት እዩ?

### እዋን ንባብ

**ነቲ ፅሑፍ እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ 1983 ዓ.ም. ዝነበረ ተሳትፎ ኣንስትዮ_____ነይሩ።
2. ኣብ 1998 ዓ.ም. ቁፅሪ ተምሃሮ 1ይ ብርኪ ናብ ______ ዓብዩ።
3. ተሳትፎ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ንምዕባይ ብዘይካ ኣብ ተበፃሕነት ኣብ______ን_______እውን ምስራሕ የድልይ።።

# ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ

"ኣንስተይቲ ምምሃር ስድራ ምምሃር ማለት እዩ።"

ኣንስትዮ ምብቃዕ ብዙሕ ትርጉም ኣለዎ። ኣንስትዮ ምብቃዕ ማለት ብፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን መሰል ምስ ተባዕትዮ ማዕረ ዕድልን ብርክን ክበፅሓ ምኽኣል እዩ።

ትምህርቲ ንኹሉ ሰብ ወሳናይ እዩ። ንኣንስትዮ ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ መሳርሒ እዩ። ኣገዳሲ ዝበሃል መሳልል ኩሎም ዕድላት ስለዝኾነ ጥራይ ኣይኮነን። ንስድራ ኮነ ንወለዶ ዘይነፅፍን ቀፃልነት ዘለዎን ረብሓ ስለዝህብ እውን እዩ። ትምህርቲ፣ ኣንስትዮ ብፍልጠት፣ ብክእለትን ብዓርሰ እምነትን በቒዐን ኣብ ምዕባለ ሃገር ብዕቱብ ንክሳተፋ ዘኽእል መሳርሒ እዩ። ነዚ እዩ ኣብ ምጥፋእ ድኽነት ዝግበር ፃዕሪ ኣብ ትምህርቲ ኣንስትዮ ምስ ዝግበር ቃልሲ ዝመሳሰል። ቀፃልነት ዘለዎ ዕብየት ንምርግጋፅ እውን ሓደ መንገዲ እዩ።



*ተምሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ*

ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ተባዕትዮ እንትነፃፀር፣ ተሳትፎ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ንብዙሕ ግዘ ትሑት ነይሩ። ብ1983 ዓ.ም. ካብ ዝነበሩ 2.87 ሚልዮን ተምሃሮ ቀዳማይ ብርኪ፣ 1.16 ሚልዮን ኣንስትዮ ነይረን። ኣብቲ ዓመት ካብ ዝነበሩ 404,861 ተምሃሮ ካልኣይ ብርኪ፣ በዝሒ ኣንስትዮ 43% ነይሩ። ብተመሳሳሊ፣ ካብ 10,401 ተምሃሮ ቀዳማይ ዲግሪ፣ እተን 820 (8%) ኣንስትዮ ነይረን። ካብቶም 651 ተምሃሮ ካልኣይ ዲግሪ ድማ 51 (8%) ኣንስትዮ ጥራይ ነይረን።

ኣንስትዮ ምምሃር ኣገዳሲ ብምዃኑ፣ ተሳትፎአን ንምዕባይ ኣብ ሃገርና ብዙሕ ተሰሪሑ እዩ። ካብ 1983 ዓ.ም. ጀሚሩ ብዝተገብረ ፍሉይ ፃዕሪ ኣብ ኩሎም ብርክታት ዘዕግብ ዕብየት ተራእዩ እዩ። ንኣብነት፣ ብ1998 ዓ.ም. ካብ 1-8 ክፍሊ ልዕሊ 12.4 ሚልዮን በፂሑ። በብዓመቱ ብማእኸላይ 650 ሽሕ ዝኾኑ ተምሃሮ ዕድል ትምህርቲ ረኺቦም።

ኣብቲ ዓመት፣ በዝሒ ኣንስትዮ ተምሃሮ 5,610,135 ነይሩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ካብቲ ጠቕላላ፣ 45% ብምዃነን ርኡይ ዕብየት ተራእዩ። እዚ ቁፅሪ ድሕሪ 10 ዓመታት 47.5% ብምብፅሑ፣ ዘይቋርፅ ዕብየት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ምህላዉ ምርዳእ ይከኣል።

ብተመሳሳሊ፣ ኣብ ሞያን ቴክኒክን ሃገርና ዝተመዝገበ ዕብየት ተሳትፎ ኣንስትዮ እውን ልዑል እዩ። ንኣብነት፣ ብ1993 ዓ.ም. ካብ ዝነበሩ 2,631 ተምሃሮ፣ ኣንስትዮ 615 ጥራይ ነይረን። ብ1997 ዓ.ም. ግና ተሳትፎአን ናብ 51% ምዕባዩ መረዳእታታት ይሕብሩ።

እዚ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ውፅኢት ዝተረኸበ በብግዚኡ ተበፃሕነት፣ ፅርየት፣ ፍትሓውነትን ሰለጤንን ትምህርቲ ንምርግጋፅ ስለዝተሰርሐ እዩ። ንኣብነት፣ በብዓመቱ ካብ 500 ዘይውሕዱ ኣብያተ ትምህርቲ ተሃኒፆም እዮም። ክሳብ 10,000 ዝኾኑ መምህራን እውን ግቡእ ስልጠና እናረኸቡ ናብ ስራሕ ተዋፊሮም። ብተወሳኺ፣ ንትምህርቲ ኣገደስቲ ዝኾኑ መፃሕፍትን መሳርሕታት ትምህርትን ክማልኡ ተገይሩ እዩ።

ኩነታት ክልልና እውን ካብቲ ሃገራዊ ለውጥን ዕብየትን ዝተፈልየ ኣይኮነን። ተሳትፎ ትምህርቲ ኣንስትዮ በብዓመቱ ምውሳኹ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ ሰደቓ ምርኣይ ይከኣል። ንኣብነት፣ ብ1997 ዓ.ም.፣ ካብ 1ይ - 8ይ፣ 371,477 ኣንስትዮ ተምሃሮ ነይረን። ብ2005 ዓ.ም. ካብ ዝነበሩ 1,021,340 ተምሃሮ ቀዳማይ ብርኪ ድማ፣ እተን 505,381 ኣንስትዮ ነይረን። ኣብ ኩሎም ዓመታት፣ ካብ 49% ንላዕሊ ኣንስትዮ ብምህላወን ፍትሓውነት ትምህርቲ ክልልና ዝሓሸ እዩ።

## 1ይ - 8ይ በዝሒ ተምሃሮ ትግራይ

| | ዓ.ም. | ተባዕትዮ | ኣንስትዮ | ጠቕላላ |
|---|---|---|---|---|
| 1. | 1997 | 397,793 | 371,477 | 751,270 |
| 2. | 1999 | 476,700 | 463,614 | 940,314 |
| 3. | 2001 | 500,235 | 494,642 | 994,877 |
| 4. | 2003 | 500,449 | 495,056 | 995,505 |
| 5. | 2005 | 515,959 | 505,381 | 1,021,340 |

*(ፍልፍል፦ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ፣ 2006 ዓ.ም.)*

ተሳትፎ ትምህርቲ ኣንስትዮ ንምዕባይ፣ ዕድል ትምህርቲ ክብ ምባል ጥራይ እኹል ኣይኮነንን። ምስቲ ተበፃሕነት፣ ኣብ ክሊ እቶም ካልኦት መለክዕታት ምስራሕን ኣብ ገፀርን ከተማን ዝተፈላለዩ ሓገዛት ምትእትታውን የድልይ። ኣብ ክልልና ንኣንስትዮ ሓገዝ ትምህርቲ ዝወሃበሉ ሓደ ምኽንያት ነዚ እዩ። ብኣውርኡ ድማ ኣንስትዮ ለውጢ ኣብ ምምፃእ ብዓርሰ እምነትን ተበግሶን ክነጥፋ ኣለወን። ብተወሳኺ፣ ምቍራፅ ትምህርቲ ከይህሉ ብመምህራን፣ ብወለድን ኣካላት ኣመራርሓን ዝግበር ዘይተሓለለ ፃዕሪ ክቕፅል ይግባእ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት ዘንበብኩምዎ ፅሑፍ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ብ1997 ዓ.ም. ቀዳማይ ዲግሪ ይመሃራ ዝነበራ ኣንስትዮ ክንደይ ምኢታዊ እየን?
2. ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ምስታፈን ንሓንቲ ሃገር እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
3. ማዕርነት ተሳትፎ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ንኸረጋገፅ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሉ?
4. ብመሰረት ኣብቲ ምንባብ ዘሎ ሰደቓ፣ ተመጣጣናይ ዝኾነ በዝሒ ኣንስትዮን ተባዕትዮን ተምሃሮ ዝተረኣየሉ ዓመት መዓዝ እዩ?

**ለ. ካብቲ ምንባብ ቀንዲ ሓሳባት ብምውሳድን መወዳደርን መነፃፀርን ቃላት ብምጥቃምን ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 3. ቃላት

### ተመሳሳሊ ፍታሕ ቃላት

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት መዝገበ ቃላዊ ፍታሕ ብምሃብ በቶም ሓደሽቲ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ሀነፁ።**

*ኣብነት፦ ተበግሶ = ድልየት፣ ሓረን*

*ወለድን መምህራንን ብድልየት ተለዓዒሎም ብዝገበሩዎ ምንቅስቓስ ተሳትፎ ተምሃሮ ወሲኹ።*

1. መዳይ
2. ኣውራ
3. ምብቓዕ
4. ዘይተሓለለ
5. ዛየደ
6. ዕድላት

## 4. ፅሕፈት

### ምፅሓፍ ዓንቀፅ

**ስእላዊ መዋደዲ ተጠቒምኩም ረብሓ ምምሃር ኣንስትዮ ዝገልፅ መረዳእታ ኣክቡ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ካብ "ሀ" ናብ "ለ" ብምፅማድ ድርብ ቃላት መስርቱ።**

*ኣብነት፦ ቤት + ትምህርቲ = ቤት ትምህርቲ*

*ቤት + ሀንፀት = ቤት ሀንፀት*

*ቤት + ብልዒ = ቤት ብልዒ*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ደቂ | ሀ. ሐኈ |
| 2. ድምፀ | ለ. መዚ |
| 3. ዓርሰ | ሐ. ኣልቦ |
| 4. ዓይኒ | መ. ኣንስትዮ |
| 5. ጓል | ረ. ርእሲ |
| 6. ዓንዲ | ሰ. ብርኪ |
| 7. ስነ | ሸ. እምነት |
| | ቀ. ምግባር |
| | በ. ኣንስተይቲ |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብ ዝሓለፈ እዋን ካብ ዘንበብኩምዎ ፅሑፍ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።**

### ንባብ ምልከት

**ነተን ቀዳሞት ክልተ ዓንቀፃት "ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ" ዝብል ፅሑፍ ብግቡእ ኣደማምፃን ምልከትን ኣንብቡወን።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

## ረብሓ ምምሃር ኣንስትዮ

### ቅድመ ምድማፅ

**ቅድሚ ምድማፅኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ነቲ ርእሲ ፅሑፍን ስእልን ብምርኣይ እንታይ ከምእተንብቡ ገምቱ።

2. ኣንስትዮ ኣብ ከመይ ዝበሉ ስራሕቲ ከምዝዋፈራ ካብ ዝተዓዘብኩምዎ ተዛረቡ።

### እዋን ምድማፅ

**እናዳመፅኩም፣ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ዓለም ኣብ ድኽነት ዝርከባ ኣንስትዮ ክንደይ ምኢታዊ እየን?

2. ግደ ኩሉ እናሃለወ ብኣንስትዮ ዝፍፀም ስራሕ እንታይ እዩ?

3. በዝሒ ህዝቢ ከም ሃፍቲ ዝረአ ኣበይ እዩ?





### *ድሕረ ምድማፅ*

**ሀ. ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ፅሑፍ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ብምክልኻል ክጠፍኡ ዝኽእሉ ዓይነት ሕማማት ክንደይ ምኢታዊ ይኾኑ?
2. ዝተመሃራ ኣንስትዮ ምፍራይ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
3. መንቀሊ ድኽነት ሓንቲ ሃገር ካብ ዝኾኑ ምኽንያታት ነቶም ክልተ ጥቐሱ።
4. ኣንስትዮ ትምህርተን ንኽቋርፃ ካብ ዘገድዱወን ምኽንያታት ነቶም ሰለስተ ጥቐሱ።
5. ሰብ መዚ ተበፅትዮ ዶ ኣንስትዮ ትመርፁ? ንምንታይ?

**ለ. ኣብ ምርግጋፅ ማዕርነት ኣንስትዮ ዝሕግዙ መትከላት ብምግላፅ ኣብ ምኽንያት ዝተመስረተ ርእይቶ ኣቕርቡ።**

## 7. ሰዋስው

### *ድርብ ምሉእ ሓሳብ ምህናፅ*

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነቶም ምሉእ ሓሳባት ብምትሕሓዝ ድርብ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

*ኣብነት፦ ስራሕ መሰረት ምዕባለ እዩ። ስራሕ ህሊናዊ ዕረፍቲ ይህብ።*

*መልሲ፦ ስራሕ መሰረት ምዕባለ እዩ፣ ከምኡ እውን ህሊናዊ ዕረፍቲ ይህብ።*

1. ሀ. ትምህርቲ ንኹሉ ወሳናይ እዩ።

   ለ. ኩልና ንመሃር።

2. ሀ. ምምሃር ኣንስትዮ ሰብኣዊ መሰል እዩ።

   ለ. ምምሃር ኣንስትዮ ንዕብየት ሃገር ኣገዳሲ እዩ።

3. ሀ. ትምህርቲ ንምዕባለ ዓዲ ወሳናይ እዩ።

   ለ. ትምህርቲ ህይወት ኣንስትዮ ይልወጥ።

4. ሀ. ኣብ ፍፁማዊ ዓለም ክልቲኦም ፆታ ማዕረ ዕድል ኣለዎም።

   ለ. ኣብ ገሃዳዊ ዓለም ክልቲኦም ፆታ ማዕረ ዕድል የብሎምን።

5. ሀ. እተን ኣዋልድ ኣብ ብዙሕ ስራሕ ተዋፊረን።

   ለ. ኣዋልድ በቲ ስርሐን ብዙሕ ኣታዊ ኣይረኽባን።

# ሰሙናዊ ርእሲ ምትብባዕ ተሳትፎ ማዕርነት ኣንስትዮ

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ህያው ስም እንታይ ማለት እዩ?
2. ሓንቲ መርኣያ ኣንስተይቲ ብምጥቃስ ንምንታይ ከምዝኾነት ግለፁ።

### እዋን ንባብ

**ነቲ ታሪኽ እናንበብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣልማዝ መዓዝ ተወሊዳ?
2. ኣልማዝ ፖለቲካዊ ፍልጠታ ንምዕባይ እንታይ ገይራ?
3. ኣልማዝን መሓዙታን ኣብ ካርቶን እንቋቊሖ መሊኣን እንታይ ይሓብኣ ነይረን?

# ህያው ስም



ኣልማዝ ኣለሙ 8 ነሓሰ 1950 ዓ.ም. ኣብ ከተማ ማይጨው ተወሊዳ። ብምኽንያት ስራሕ ወላዲኣ፣ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ትግራይ ተማሂራ። ኣብ ትምህርታ ብዝነበራ ፀብለልታ በብኽፍሊ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ትረክብ ነይራ። ብተወሳኺ፣ በዓልቲ ፅኑዕ መንፈስን በላሕ ኣእምሮን ነይራ።

ኣልማዝ ኣብቲ ግዜ ዝነበረ ብሂራውን ደርባውን ወፅዓ ንምምካት፣ ፖለቲካዊ ፍልጠታ ክተዕብይ ግድን ነበረ። ብዛዕባ እዚ ንምፍላጥ ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ተንብብ ነይራ። ካብ 1969-70 ዓ.ም. ንህወሓት ብሕቡእ ትሰርሕ ነበረት። ኣብቲ እዋን ኣባላት ኣብ ምምልማልን ምልዕዓልን ዝፈጥሩ፣ ፅሑፋት ውድብ ኣብ መቐለ ምስ መሓዙታ ብምዃን ይብትና ነይረን። ብተመሳሳሊ፣ ኣብ ውሽጢ እንቋቑሖ ዝመልአ ካርቶን ወረቓቕቲ እናሓብኣ ናብ ኣዲስ ኣበባ ይሰዳ ነይረን።

ኣልማዝ ንኣንስትዮ ምሕላይን ናብረአን ንምምሕያሽን ፃዕሪ ዝጀመረት ቅድሚ ምግዳላ እዩ። ኣብ 1969 ዓ.ም. መወዳእታ ጥልፍታት ብምሻጥ ቁጠባዊ ዓቕሚ ውድባ ተጠናኽር ነይራ። ተምሃሪት 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ሃፀይ ዮሃንስ እናሃለወት ብ3 መጋቢት 1970 ዓ.ም. ናብ ሜዳ ወፂኣ። ኣብ ሜዳ እውን ንተጋደልቲ ኣንስትዮ መቐበሊ ወርሓዊ ፅግያት ብምስራሕ ትሕግዝ ነይራ። በተወሳኺ፣ ኣብ ማዕርነት ኣንሰትዮ ዝነበራ ጥንኩር ቅዋም ብዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ትገልፅ ነይራ። ንኣብነት፣ ብጠርነፍቲ ዝርአ ዝነበረ ግጉይ ኣሰራርሓ ብምቅዋም ንክመዓራረ ትሕብር ነይራ። ካብቶም ትቃወሞም ዝነበረት ሓደ ውግእ እንትጅምር ኣንስትዮ ተጋደልቲ ናብ ድሕሪት ክተርፋን መገብቲ ወይ ተሸከምቲ ኣቑሑ ገይርካ ምስዳድ እዩ። ብተወሳኺ፣ ኣብ መንጎ ዝተምሃራን ዘይተምሃራን ወይ ድማ ተጋደልቲ ከተማን ገጠርን ብጠርነፍቲ ብዝተፈላለየ ዓይኒ ምርኣይ ነይሩ። ኣልማዝ ኩለን ተጋደልቲ ብዘይ ኣፈላላይ ክረኣያ ከም ዘለወን ብትረት ትምጉት ነይራ።

ፅንዓትን ትረትን ኣልማዝ ብምርኣይ፣ ንፈለማ እዋን 'ኮሚሳር ጋንታ' ኮይና ሓለፍነት ተዋሂቡዋ ክትንቀሳቐስ ጀመረት። ኣልማዝ ኣብ መትከላ ፅንዕቲ፣ ንብፆታ ድማ ለዋህን ሓላይትን ነይራ። ንኣብነት፣ ብ1971 ዓ.ም. "ኲናት ፆም ኣርብዓ" እንትካየድ፣ ሓያል ዋዒ ፀሓይ ዝነበረሉ እዋን እዩ። ኣብቲ ግዜ ዝስተ ማይ ብዘይ ምንባሩ፣ ሽንቲ እውን ተሰትዩ እዩ። ሽዑ ኣልማዝ ኣብ ኳዳ ዝሓዘቶ ማይ ነቶም ብፃምእ ዝተፀገሙ ብፆታ እናምዓጐት ዘይርሳዕ ግደ ኣደ ፈፂማ።

ኣልማዝ ገድሊ ብፆታ ኣብ ምግላፅን ምግዋሕን ጥንቃቐ ከምዘድልይ ትኣምን ነይራ። ቅዋማ "ተጋዳላይ ብስርሑ ክጋነንን ክውረየሉን ኣይንግበር፤ መን ከማይ ዝብል ግጉይ ስምዒት ከይፈጥር። ተግባር ኣንስትዮ ድማ ካብቶም ተባዕትዮ ዝፍዕሙዎም ብዝተፈለየ ክጋነን የብሉን። ኣብ ስርሐን ኩሉ ግዜ ፍፁምነት ኣይንፀበ። እናተጋገያ ከም ዝምዕብላ ኣይንረስዕ።" ዝብል ነይሩ።

ኣብ 1971 ዓ.ም. መወዳእታ ኣብ ጨርጨር ኣብ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ንኣልማዝ ናይ መወዳእታኣ ኮነ። ኣብቲ ፅኑዕ ኲናት ቀንዲ ተዋሳኢት ኮይና ጋንታኣ ሒዛ ኣተወት። ድሕሪ እቲ ኲናት ከይተፀረጉ ተሪፎም ካብ ዝነበሩ ውሑዳት ፀላእቲ ብዝተተኰሰት ጥይት ኣብ ርእሳ ተወቒዓ ወደቐት። ድሕሪ ቁሩብ ስቓይ፣ ኣብ 21 ዓመታ 'ዓዲ ውዒል' ኣብ ዝበሃል ከባቢ ሕንጣሎ ወጀራት ተሰወአት። ኣልማዝ ነዊሕ ኣሚታ ዝጀመረቶ ቃልሲ ክተዐውት እናገስገሰት እናሃለወት ብመስዋእቲ ተፈልያ።

ኩለመነኣ ፅብቐትን ቅንዕትን ምንባራ ብዖታ ዝምስከሩላ ኣልማዝ፣ ብዙሕ ኣወፍያ ኣብ መንገዲ ተሪፉ። እንተኾነ ግና፣ መምህር ብልሓት፣ ፅንዓት፣ ማዕርነትን መሰልን ኣንስትዮ ምዃና ኣይተረፈን። በዚ ድማ፣ ስማ ንዘልኣለም ህያው ኮይኑ እናተዘከረ ይነብር ኣሎ።

*(ፍልፍል፦ማደኣት፣ 1997፣ ሓራሳት ኣናብር ትግራይ ቁ.1 ተመሓይሹ ዝተወሰደ)*

## ድሕረ ንባብ

**ብመሰረት ዘንበብኩምዎ ታሪኽ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣልማዝ ካብ ዝፈፀመቶም ብሉፃት ሰራሕቲ ሰለስተ ጥቐሱ።
2. ኣልማዝ ኣበይ ቦታን መኣዝን ተሰዊኣ?
3. ግቡእነት ርእሲ እቲ ምንባብ ብኣብነት ግለፁ።
4. ካብቲ ፅሑፍ እንታይ ተማሂርኩም?

**ለ. "ህያው ስም" ዝብል ምንባብ መሰረት ገይርኩም ቅደም ሰዓብ እቶም ፍፃመታት ዝገልፅ ሓደ ዓንቀፅ ፅሓፉ።**

## 9. ቃላት

### ምፍላይ ብሂላት

**ተመሳሳላይ ፍታሕ ሕድሕድ ብሂል ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦*

*1. ኣንሰትዮ ብምፅራፍ ዝፍለጥ ዝነበረ ወዲ ድሕሪ ብዙሕ ምኽሪ ህንስስ በለ።*

*መልሲ፦ ምኽሪ ብምስማዕ ምልስ በለ።*

1. መሰል ኣንስትዮ ኣመልኪቱ ዝፀደቐ ኣዋጅ ነቶም ኣባላት ግብረ ራእዲ ኣፎም ኣትሓዞም።
2. ኣብ ወጀራት ኣብ ዝተኻየደ ቃልሲ እግረይ ኣውፅእኒ በለ።
3. ንኣልማዝ ዝረኣያ ወታደር ፀላኢ ተሓቘነ።
4. ኣንፃር ግፍዕን ወፅዓን ዝተቓለሳ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ንግፍዕን ወፅዓን ራዕሪዐንኦም።
5. ብሞት እቲ ግፍዐኛ ሽፍታ ዘይሓዘኑ ሰባት ንብዓት ሓርገፅ ኣፍሲሶም።
6. ንሳ ኣብ እዋን እቲ ቃልሲ ኣዶ ቀለም ነይራ።
7. ኣልማዝ ዋላኻ ንዕድመ ደርሆ ዝኣክል እዋን ትፅናሕ እምበር ብዙሕ ቅያ ፈፂማ እያ።

## 10. ፅሕፈት

### ምፅሓፍ ዓንቀፅ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዝኣከብኩምዎ መረዳእታ መሰረት ገይርኩም ብምኽንያትን ውፅኢትን ዝተሃነፀ በዓል ክልተ ዓንቀፅ ፅሑፍ ምድላው ጀምሩ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ድርብ ቃላት ናብ ብዙሕ ቊፅሪ ለዊጥኩም ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦ ዕንበባ ሓጋይ = ዕንበባታት ሓጋይ*

1. ርእሰ ከተማ
2. ጋኔን ቀትሪ
3. ወዲ ከተማ
4. ቁም ነገር
5. ሰብኣዊ መሰል
6. ፍረ ሓሳብ
7. ስነ ምግባር

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**“ህያው ስም” ኣብ ዝብል ታሪኽ ካብ ዘንበብኩምዎ ብምዝካር ተዛረቡ።**

### ንባብ ኣገባልፃ

**ሳልሰይ ዓንቀፅ “ህያው ስም” ዝብል ምንባብ ስርዓተ ነጥብን ቃናን ሓሊኹም ብሓደ ደቒቓ ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብዝኣከብኩምዎ ሓበሬታ፣ “ማዕርነት አንስትዮ ከረጋግፁ ዘኽእሉ መትከላት” ብምግላፅ ኣብ ምኽንያት ዝተመስረተ ርእይቶ ኣቕርቡ።**

## 13. ሰዋስው

### ምህናፅ ድርብ ምሉእ ሓሳባት

**ብመሰረት እቲ ኣብነት በቶም መተሓሐዝቲ ቃላት ድርብ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

*ኣብነት፦ ግና = ሓረግ ናብ ቤተ ንባብ ኣትያ፣ ግና እትደልዮ መፅሓፍ ኣይረኸበትን።*

1. ስለዚ
2. ብዝተረፈ
3. እምበር
4. ስለዝኾነ
5. ምእንቲ እዚ
6. ዝኾነ ኾይኑ
7. ድማ
8. እውን

# ሰሙናዊ ርእሲ መርኣያ ኣንስትዮ

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምፍላይ ክፋላት ቃል

**ነቲ ኣብነት መሰረት ገይርኩም ቀፂሎም ኣብ ዝቐረቡ ቃላት ንዘለዉ ኣካላት ፍለዩ።**

*ኣብነት፦ ተወለደት = ተ- ወለደ - ት*

1. ተወቒዓ
2. ተፈተነት
3. ዘይከኣል
4. ዝዓበየትሉ
5. ኣይልወጥን
6. ዘይኮነስ
7. ዘዕበዩዋ
8. ተመረቐት
9. ተደጕሰ
10. ዝተመሃረ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ከም 'መሃንዲስ'፣ 'መምህር'፣ 'ሓኪም' ወይ 'በዓል ስልጣን' ብምዃን ብንጥፈት ዝሰርሓ ኣንስትዮ ኣብ ከባቢኹም ኣለዋ ዶ?
2. 'ኣምሳለ ጓሉ' ዝበሃል ስም ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? ኣበይ?

### እዋን ንባብ

**ነቲ ዝቕፅል ታሪኽ እናንበብኩም ነቶም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣምሳለ 1ይ ብርኪ ትምህርቲ ኣብ ____፣ 2ይ ድማ ኣብ____ ተማሂራ።
2. ኣምሳለ ጓሉ ብ ______ ዓ.ም. ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ኣትያ።
3. ኣምሳለ ኣዝዩ ዘሐጕሳ ________ እዩ።

# ኣምሳለ ጓሉ

"ኣምሳለ ኣብዚ ላዕለዋይ ብርኪ ብምብፅሓ "ብስራት!" ክንብላ ንፈቱ። ኣብዚ ዝበፀሐት ብልዑል ጥንካረ ስለዝኾነ ይግበኣ እዩ።"

ተወልደ ገብረማርያም፣ ዋና መካየዲ ስራሕ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ (2003 ዓ.ም.)



ኣምሳለ ጓሉ ኣብ ታሪኽ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ናብ ካፒተንነት ዝበፅሐት ፈላመይቲ ኣንስተይቲ እያ። እቲ መዓርግ ምስረኸበት ብጥቅምቲ 2003 ዓ.ም. Q-400 ነፋሪት ብምሓዝ 3.6 ሰዓታት ኣብሪራ። ኣብቲ እዋን ፈለማ ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ጎንደር ካብኡ ናብ ኣኽሱም፣ ኣብ መወዳእታ ናብ ኣዲስ ኣበባ ተመሊሳ። ኣዲስ ኣበባ ምስበፀሐት መሳርሕታ ዓወታ ንምብሳር ኣቀባብላን መደረን ገይሮም። ኣምሳለ ካፒተን ዝኾነት ነዊሕ ስልጠና ብፅንዓት ብምክትታልን ብተኸታታሊ ዝውሰድ ምዘና ብምሕላፍን እዩ። ቅድሚ ካፒተን ምዃና ዝተፈላለየ ግዝፈት ብዘለወን ነፈርቲ ሰልጢናን ሰሪሓን።

ኣምሳለ ጓሉ ብ1969 ዓ.ም ኣብ ባህር ዳር ተወሊዳ።
ንስድራኣ በኹሪ ዝኾነት ኣምሳለ፣ ጓል ሰለስተ ዓመት እናሃለወት ወለዳ ናብ ኣዲስ ኣበባ ሒዞምዋ ከይዶም። ቀዳማይ ብርኪ ኣብ ኣሳይ፣ ካልኣይ ብርኪ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቦሌ ተማሂራ።

ወለዲ ኣምሳለ ዝተምሃሩ ስለዝነበሩ ንደቆም የበረታትዑ ነይሮም። ብንእስነታ ወላዲኣ ምስ ካልኦት ኣሕዋታ ናብ መዕርፎ ነፈርቲ ቦሌ ይወስዱዋ። ኣብኡ ነፈርቲ ክለዓላን ክዓርፋን ትርእይ። ካብቲ እዋን ጀሚራ ድማ ፓይለት ምዃን ሕልማ ኮነ።

ብ1987 ዓ.ም. ሃገራዊ ፈተና ብምውሳድ ናብ ዩንቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ብምእታው ብዘፈር ምህንድስና ትምህርቲ ጀመረት። ቀዳማይ ዓመት ተምሃሪት እናሃለወት ናብ ትካል መሰልጠኒ በረራ ንምእታው ተፈተነት። ሽዕኡ ኣይኮነላን፤ ግና ተስፋ ኣይቆረፀትን። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት፣ ኣርክቴክት ምስኮነት ዳግም ተፈቲና ብምሕላፍ ናብቲ ትካል ሓምለ 1992 ዓ.ም. ኣተወት።

ኣምሳለ ብ1994 ዓ.ም. ስልጠና ብዓወት ወዲኣ ሓጋዚት መብረሪት ኮይና ተመረቐት። ድሕሪ ናይ ሸሞንተ ዓመት ግልጋሎት በረራ ድማ ዘበናውን ዘየቋረፅን ስልጠናን ምዘናን ኣብ 2003 ዓ.ም. ዛዚማ። ኣብዚ ዓመት ሻድሻይቲ በዓልቲ ምሉእ መዓርግ ፓይለት ኮነት። ካፒተን ብምዃን ድማ ፈላመይቲ ኣንስተይቲ ኮነት።

ንኣምሳለ ቀንዲ ኣርኣያ ህይወታን መንቀሊ ዓወታትን ወለዳ እዮም። ብወለዳ "ዘይከኣል ነገር የለን" እናተበሃለት ምዕባያ ትምስክር። ብተወሳኺ፣ ሰለስተ ኣሓታን ሓደ ሓዋን ኣብ ዘለዉዎ ስድራ፣ ጉዳይ ፆታ ፀገም ኮይኑ ከምዘይፈልጥ እውን ትዛረብ። ካፒቴን ምዃን ንባዕሉ ዓብዪ ዓወት ይኹን እምበር ንኣምሳለ ዝያዳ ዘሐጉሳ ሕልሚ ቊልዕነታ ምግሃዳ እዩ። ኣምሳለ ዝተዓወተት ብዕድል እንተይኮነስ ብፃዕራን ብሓገዝ ስድርኣን ዝዓበየትሉ ማሕበረሰብን ምዃኑ ትዛረብ።

ካፒተን ኣምሳለ፣ ዘጋጥሙዋ ብድሆታት ኣካል ከይዲ ዕብየታን መሰረት ትረታን ምዃኖም ትገልፅ። ኣንስተይቲ ብምዃና ኣድልዎ ኮነ ፅዕንቶ የጋጥማ እምበር ስምዒታ ንኽጉዳእ ዕድል ኣይሃበትን። ነዚ ኣመልኪታ፣ "ሓደ ማሕበረሰብ ኣብ ከይዲ እምበር ብሓደ ምሸት ኣይልወጥን፤ ክሳብ ሽዑ ግና ብፃዕርና ክንልወጥ ከምንኽእል ብተግባር ክነርእዮም ኢና" ትብል። ትምኒታ ዘይሓዘቶም ዓበይቲ ነፈርቲ ምብራር እዩ።

ከም ኣምሳለ፣ ኣንስትዮ ኩሉ ግዘ ኣብ ህይወተን ከቕድመኦ ዝግበአን ኣብ ውሽጠን ዘሎ ድልየት ክፈልጣን ተጊህን ሕልመን ክፍፅማን እዩ። በተወሳኺ፣ "ኣብ ግዘ ንእስነትክን ትምህርትኽን ኣቐድማ። ፈፂምክን ተስፋ ኣይትቑረፃ። ዝመረፅክንኦ ሞያ ፀብለልታ ተባዕትዮ ዝርአየሉ እንተኾነ እውን ብትብዓት ሰርሓ። ብኽምዚ፣ ኣብቲ ሞያ ዓብለልቲ ትኾና!" እናበለት እምነታን ተመኩሮኣን መበገሲ ዓወታ ምዃኑ ብምምስካር እጃማ ኣብ ምውፋይ ትርከብ።

ኣምሳለ በዓልቲ ሓዳርን ኣዶ ሰለሰተ ቈልዑን እያ። በቲ ዝሓዘቶ ሞያ ድማ ኣብ ልዑል ብርኪ ዝበፅሐት ብልፅቲ ኣንስተይቲ እያ።

*(ፍልፍል፦ http://Ethiopian women unleashed/org የኢትዩጵየ ሴቶች ሲገለጡ፤ ስኬታማ የኢትዮጵያ ሴቶች ታሪክ 7/3/2014 Database)*

## *ድሕረ ንባብ*

### ሀ. ብመሰረት ዘንበብኩምዎ ታሪኽ ነዞም ሕቶታት መልሱ።

1. ትውልድን ዕብየትን ኣምሳለ ጓሉ ኣበይ ከምዝኾነ ግለፁ።
2. ኣምሳለ ካፒተን ኣብ ዝኾነትሉ ዕለት እንታይ እንታይ ተፈፂሞም?
3. ኣምሳለ ፈለማ ፓይለት ንኽትከውን ምኽንያት ዝኾና እንታይ እዩ?
4. እታ በዓልቲ ታሪኽ ዕውትቲ ክትኸውን ዘኽአሉዋ ምኽንያታት እንታይ እንታይ እዮም?
5. ኣምሳለ ተስፋ ዘይትቖርፅ ምዃና ዝሕብሩ ተግባራት ግለፁ።

ለ. ኣብ ሰሙን ክልተን ሰሙን ሰለስተን ንዘለዉ ምንባባት ዘወዳድር ዓንቀፅ ፀሓፉ።

## ሰሙን 3 መዓልቲ 8

## 16. ቃላት

### ፍታሕ ብሂላት

**ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ብሂላት ፀሓፉ።**

1. ዓይንን ሓመድን
2. ጨጉሪ ኸዳና
3. ስጋይ ስጋኻ
4. ደርሆ ያረ
5. ዓይኒ መዓር
6. ሓራስ ነብሪ
7. ቀምሽ ደፊኣ
8. ትሕቲ ሚሓ
9. ዓይኒ ፍንጃል
10. ሓራስ ኣድጊ

## 17. ፅሕፈት

### ምእያም ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፉ ሰሙናት ዝጀመርኩምዎ ፅሑፍ ብምእያም ውዱእ ፅሑፍ ኣቕርቡ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተጠቒምኩም ድርብ ቃላት መስርቱ።**

1. ክፍሊ
2. ስነ
3. ውልቀ
4. ዓይነ
5. መንገዲ
6. ቃለ
7. ገፅ
8. ሓይሊ

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**"ኣምሳለ ጓሉ" ኣብ ዝብል ታሪኽ ካብ ዘንበብኩምዎ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።**

### ንባብ ናህሪ

**ዓንቀፃት ሰለስተ፣ ኣርባዕተን ሓሙሽተን እቲ ታሪኽ ብናህሪ ኣብ ሓደ ደቒቓ ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**ማዕርነት ኣንስትዮ ንክረጋገፅ ዘኽእሉ መትከላት ብምግላፅ ኣብ ምኽንያት ዝተመስረተ ርእይቶ ኣቕርቡ።**

## 20. ሰዋስው

**ምፍላይ ድርብ ምሉእ ሓሳባት**

**ሀ. ነቶም ድርብ ምሉእ ሓሳባት ዝኾኑ ፍለዩ።**

1. ንሳ እቲ ስራሕ ዝጠልቦ እ'ኹል ትምህርትን ስልጠናን ረኺባ።
2. ተሳትፎ ኣንስትዮ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናወሰኸ ይርከብ።
3. ትምህርቲ ውልቃዊ ረብሓ ኣለዎ፤ ትምህርቲ ማሕበራዊ ረብሓ ኣለዎ።
4. ኣልማዝ ፅቡ'ቕ ስነ ምግባር፣ ፍሉይ ክእለትን ብሩህ ኣእምሮን ነይሩዋ።
5. ኣንስትዮ ፍርቂ ህዝቢ ዓለም እየን፤ ኮይኑ ግና ተሳትፎአን ዘዕግብ ኣይኮነን።
6. ትምህርቲ ዓርሰ እምነት ኣንስትዮ የዕብይ፤ ኣታዊአን እውን ክብ የብል።
7. ማዕርነት ኣንስትዮ ካብ ዝረጋገፀሎም መሳርሕታት ሓደ ትምህርቲ እዩ።
8. ኣምሳለ ተስፋ ዘይትቖርፅ እያ ነይራ፤ ስለዚ እውን ሕልሚ ቈልዕነታ ኣዐዊታ።
9. ምስ ተመረቐት ግዘ ከየጥፈአት ናብቲ ትካል መሰልጠኒ ከይዳ።
10. ንሳ ፅንዕትን ተራርን ተቃላሲት ብምኻና ብቆራፅነታ ትፍለጥ።

**ምጥቃም መተሓሓዝቲ ቃላት**

**ለ. ካብቶም መተሓሓዝቲ ቃላት እናመረፅኩም ነቶም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

| | | | |
|---|---|---|---|
| ብምኽንያቱ | ስለዝኾነ | እንተዝህልው | ኮይኑ ግና |
| ይኹን እምበር | እንተይኮነስ | እንተዘየሎ | በዚ ድማ |
| ስለዚ | እምበር | ዝኾነ ኮይኑ | |

1. ኣብ ኣንስትዮ በደል ይበፅሕ ኣሎ፣______እቲ ማሕበረሰብ የመና ሓዚኑ።
2. ናብቲ ስልጠና ንክትመፅእ ብዙሕ ተፀቢየያ______ንሳ ኣይመፀትን።
3. ኣብቲ ግዘ ዝስተ ማይ ኣይነበረን___ሽንቲ ዝተሰተየሉ ግዘ ነይሩ።
4. ተሳትፎ ኣንስትዮ ___ ማዕርነት ኣንሰትዮ ምተኸበረ ነይሩ።
5. ፅባቐ ኣልማዝ ብመልክዕ ጥራሕ _____ ብጥንካረ እውን ዝግለፅ ነይሩ።
6. ትምህርቲ ኣብ ዕብየት ወልቀ ሰባት ዓብዪ ግደ ኣለዎ፣_____ ረብሕኡ ውልቃዊ ጥራሕ ኣይኮነን።
7. ማዕርነት ኣንስትዮ ንምርግጋፅ ንፅዓር፣_____ ድኽነትን ፀገማትን ቀፃልነት ክህሉዎም እዩ።





# 10 ተዋስኦ

## ሰሙናዊ ርእሲ ክፋል ተዋስኦ

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### *ጠሚርካን ነጺልካን ምንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዞም ዝተነፀሉ ቃላት ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፦ ተ ጓ ነ ፈ ኒ = ተጓነፈኒ*

1. እን ተ በ ላዕ ኹ
2. ን ቕድ ሜ ና ኸ
3. ዝ ፈት ወ ካ
4. ኣይ ትድ ከም
5. በ- ብ- ጥቕ- ላል
6. ወይ ዘ ራ ዝር

**ለ. ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ነጺልኩም ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦ብዝተጠዓስካሉ = ብዝ ተ ጠ ዓስ ካ ሉ*

1. ይስዕስዑን
2. ወኻዕኻዕ
3. ከማቕለኩም
4. ብፅሒተይ
5. እንተፀደፍ
6. እናተወነስና

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### *ቅድመ ንባብ*

**ቅድሚ ምንባብኩም፣ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ቃላት እትፈልጡዎ ተዛረቡ።

   ተዋስኦ፣ ምልልስ፣ ምውሳእ፣ ትረኻ፣ ተመልካቲ፣ መድረኽ

2. ተዋስኦ ከመይን ንምንታይን ይቐርብ?
3. ነቲ ርእሲ ምንባብ፣ ስእልን መግለጺ ስእልን ብምርኣይ ንዝተረደኣኩም መልእኽቲ ብሓጺሩ ግለፁ።

## እዋን ንባብ

**ነቲ ተዋስኦ እናንበብኩም፣ ሕድሕድ ሓሳብ ብመን ከም ዝተዘረበ ሓብሩ።**

| ረ.ገ | ዘረባ | ተዋሳኣይ |
|---|---|---|
| 1. | ብፅሒተይ መቒልካ ሃበኒ 'ሞ ብነፃነት ክናበር። | |
| 2. | ብዝተጠዓስካሉ ግዘ ናብ ገዛኻ ተመለስ። | |
| 3. | ሎሚ ዲና ንፈልጥ! | |
| 4. | የመና ባህ እትብል ቦታ እያ። | |

# ተዋስኦ ጥፉእ ወዲ – 1ይ ክፋል

ገፀ ባህርያት፦ ጥፉእ ወዲ፣ ኣቦ፣ ኣርባዕተ ኣዕሩኽ፣ ኣዋልድ

## *ቀዳማይ ምርኢት*

ጥፉእ ወዲ፦ (እናተኸደነን እናመሸጠን ይርአ፤ ኣብ ኣርማድዮ ክዳውንቲ ተንጠልጢሎም፣ ኣብ ሰደቓ ድማ በብዓይነቱ መስተን ምግብን ተቐሪቡ ይረአይ።)

"እንታይ ክኸደን? እታ ፃዕዳ ዶ እታ ቀያሕ ስረይ? ብርግፅ እታ ቀያሕ እያ ተጥዕመለይ! (ነታ ዝመረፃ ተኸዲኑ፣ ናብቲ ሰደቓ ዘለዎ እናኸደ) እንታይ እንተበላዕኹ ይሕሸኒ? ፍረ ምረ፣ እንቋቑሖ፣ ዶ ስጋ ይሕሸኒ? ሃፍቲ ኣቦይ መጠን የብሉን። ግንከ፣ ክሳብ መዓዝ እየ ብናቱ ዝናበር! መሓዙተይ ናብ ድላዮም ይኸዱ! ሐዚስ ተመንዩኒ! ስለዚ፣ ነቦይ ብፅሒተይ ሃበኒ ክብሎ እየ። (እዚ ኢሉ፣ ናብ ኣቦኡ ይኸይድ።)

(መጋረጃ ይዕፀው።)

## *ካልኣይ ምርኢት*

(ኣቦኡ ነፀላ ኣወንዚፉ መፅሓፍ እናንበበ ይፀንሖ።)

ጥፉእ ወዲ፦ ኣቦይ! ሓንሳብ ስምዓኒ! ኣነ ክሳብ ሎሚ ምሳኻ ተቐሚጠ። ከም ድልይተይ ክኸውን ኣይከኣልኩን። ኣዕርኽተይ ከም ድልየቶም ይኾኑ ኣለዉ። ስለዚ ብፅሒተይ መቒልካ ሃበኒ'ሞ ብነፃነት ክናበር።

ኣቦ፦ (ርእሱ እናሓዘ) ዋእ! እንታይ እየ ዝሰምዕ ዘለኹ? ካብ ልብኻ ዲኻ?

ጥፉእ ወዲ፦ ካብ ልበይ እየ፤ ኣቦይ! ከምቶም መሓዙተይ ዘይከውን?

ኣቦ፦ ንሳቶም እንተፀደፉ ከምኦም ክትፀድፍ ማለት ድዩ?

ጥፉእ ወዲ፦ ኣቦይ ካብ ሓሳበይ ኣይወፅእን እየ፣ ምኻድ እዩ ድልየተይ።

ኣቦ፦ ከምኡ ኣይትበል፤ ካብዚ ምሉእ ዘይጉድል ዘለዎ ገዛኻ ምውፃእ እንታይ ኣምፅኦ?

ጥፉእ ወዲ፦ ኣቦይ! ቀደሙ'ውን ዝጐደለኒ የብለይን ኢለካ እንድየ! ኣነ ብፅሒተይ ሒዘ ነፃ ክኸውን እየ ዝደልይ።

ኣቦ፦ ካብ ስድራኻ ተፈሊኻ ምንባር ይሕሸካ?

ጥፉእ ወዲ፦ ሓሲበሉ እየ። ካብዚ ወፂአ፣ ከምቶም መሓዙተይ ምኻን ይሕሸኒ።

ኣቦ፦ ደሓር ከይትጠዓስ!

ጥፉእ ወዲ፦ ከም እትርእየኒ ክንዲ ሰብ ኣኺለ እየ። ክሳብ ሎሚ ምሳኻ ነይረ፣ ሐዚ ግና ዓርሰይ ክኸእል።

ኣቦ፦ (ወዱ ሓሳቡ ከምዘይልውጥ ፈሊጡ ኣሎ። ኮይኑ ግና ምስ በዓልቲ ቤቱ መኺሩ ይምለስ) ኣንታ ወደይ! ሕደግ'ንዶ!

ጥፉእ ወዲ፦ ኣቦይ ኣይትድከም! ወሲነ እየ! ንኣደይ እውን ነጊረያ እየ። ብፅሒተይ ደኣ ሃበኒ።

ኣቦ፦ ምኽረይ ምቕባል ካብ ኣበኻ ኣብዚ ፅንሓኒ፤ ብፅሒትካ ክህበካ!

(መጋረጃ ይዕፀው።)

## ሳልሳይ ምርኢት

ኣቦ፦ (ንበይኑ ብትካዘ) ኣንታ እንታይ ዝበለ ውሉድ እዩ? ዘይሰምዕ! ከይኸፍኦ ከምቲ ዝደለዮ ክገብረሉ 'ምበር። (እዚ ኢሉ ገንዘብ በብጥቕላል ቈጺሩ ኣብ ቦርሳ ይመልእ።)

(መጋረጃ ይዕፀው።)

## ራብዓይ ምርኢት

ኣቦ፦ (ገንዘብ ዝመልአ ቦርሳ ሒዙ ናብ ወዱ ይቐርብ) ወደይ! ካብ ኣበኻኒ እዚ ብፅሒትካ እዩ፤ እንካ! ብዝተጣዓስካሉ ግዘ ናብ ገዛኻ ተመለስ፣ ዥሉ ግዘ ንኣኻ ክፉት እዩ። ኣነ ዝፈትወካ ኣቦኻ ምኻነይ ኣይትረስዕ። (ኢሉ ስዒሙ የሰናብቶ።)

(መጋረጃ ይዕፀው።)

## ሓምሻይ ምርኢት



ብፅሒቱ ሒዙ እንትኸይድ

(ጥፉእ ወዲ ነቲ ቦርሳ ሒዙ እናኸደ ምስቶም ኣርባዕተ ኣዕርኽቱ ይራኸብ፣)

ኣዕርኽቱ፦ (ብሓባር) ከመይ ኣለኻ ዓርክና?

ጥፉእ ወዲ፦ ፅቡቕ ኣለኹ! (ቦርሳ እናርኣየ) እዚ እንታይ ይመስለኩም?

1ይ ዓርኪ፦ ሽሻይ! እዚ ደኣ ዘይውዳእ መናበሪ እንድዩ!

ጥፉእ ወዲ፦ መን ምኻነይ ፈሊጥኩም ዶ?

2ይ ዓርኪ፦ ሎሚ ዲና ንፈልጥ! ወዲ ዓበይቲ እንዲኻ! ንሕና ድማ እሙናት መሓዙትካ!

ጥፉእ ወዲ፦ ካብ ልበይ ይኣምን!

3ይ ዓርኪ፦ ንኣኻ ሒዝና 'ሞ ንሕናስ እንታይ ከይንስእን!

ጥፉእ ወዲ፦ ንኺድ 'ምበኣር ንስተ ንወነስ!

4ይ ዓርኪ፦ ናበይ ንኺድ?

2ይ ዓርኪ፦ ጠፊኡኩም ዶ? ናብታ እንዳ ሎሚ!

3ይ ዓርኪ፦ ሽሕኳ ናይ ዕዋሉ እንተበሉዋ፣ የመና ባህ እትብል ቦታ እያ።

4ይ ዓርኪ፦ እወ! ኣብኣ ብሉፅን በብዓይነቱ መስተን ሳዕስዒትን ኣሎ። ኣብኣ ክንደይ ቈናጅ ኣለዋ!

1ይ ዓርኪ፦ ኣብኣ እናሰተናን እናተወነስናን ግዘና ነሕልፎ!

2ይ ዓርኪ፦ ንኺድ 'ምበኣር ግዜ ኣይነጥፍእ! (ወኻዕኻዕ እናበሉ ይኸዱ።)

(መጋረጃ ይዕፀው።)

## ሻድሻይ ምርኢት

(እቶም መሓዙት ምስ ወይዘራዝር እናዋግዑን እናሰተዩን ከምኡ እውን እናደረፉን እናሳዕስዑን ይርኣዩ።)



*ጥፉእ ወድን ኣዕርኽቱን ኣብ እንዳ መሸታ*

ጥፉእ ወዲ፦ እምበኣር ኣዕርኽተይ፣ ጥራሕ ጁባኹም ከይትኾኑ ገንዘብ ከማቕለኩም እየ። ጠላዕ ንፃወት ኢና። ዝተስዓረ ናይ ኵሉ ክሽፍል እዩ። እዘን ቈናጅ መሰኻኽር ይኹና። (እዚ ኢሉ ይህቦም። ብድሕሪኡ ፀወታ ይጅምሩ። ቀፂሎም ይደርፉን ይስዕስዑን። ብኸምዚ እቲ ገንዘብ ጥፉእ ወዲ ክሳብ ዝውዳእ ብዙሕ ሰሙናት የሕልፉ።)

(መጋረጃ ይዕፀው፤ ይቕፅል።)

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ "1ይ ክፋል ጥፉእ ወዲ" ዘለዉ ተዋሳእቲ መን መን እዮም?
2. ኣብ ቀዳማይ ምርኢት እቲ ጥፉእ ወዲ እንታይ እንታይ ተግባራት ፈፂሙ?
3. እቶም ኣቦ "ንሶም እንተፀደፉ ከምኦም ክትፀድፍ ድዩ?" ዝበሉዎ ንምንታይ እዩ?
4. "እዚ ደኣ ዘይውዳእ መናበሪ እንድዩ?" ዝበለ መን እዩ?
5. እቲ ወዲ ማዕዳ ወላዲኡ ዘይሰምዕ ንምንታይ ይመስለኩም?

**ለ. ኣብቲ 2ይ ምርኢት እቲ ተዋስኦ ንዘሎ ትረኻን ምልልስን ፈሊኹም ኣዊፅኡ።**

## 3. ቃላት

### ተመሳሳሊ ፍታሕ

**ተመሳሳሊ ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ፀሓፉ።**

*ኣብነት፦ ተመልካቲ = ረኣዪ፣ ተዓዛቢ*

| | |
|---|---|
| 1. ተዋስኦ | 6. ንወነስ |
| 2. ትረኻ | 7. ሽሕኳ |
| 3. መድረኽ | 8. ምልልስ |
| 4. ተመንዩኒ | 9. ምርኢት |
| 5. ተጠዓሰ | 10. ተዋሳእቲ |

## 4. ፅሕፈት

### ድራማ ምፅሓፍ

**ሓደ እትፈልጡዎ ታሪኽ፣ ብምልልስን ትረኻን ናብ ተዋስኦ ብምቕያር ምፅሓፍ ጀምሩ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ምፍላይ ዝተሓደጉ ድምፅታት**

**ቀፂሎም ኣብ ዝቐረቡ ቃላት ወይ ሓረጋት ዝተሓደጉ ድምፅታት ኣውፅኡ።**

*ኣብነት፦ ኣብዚ = "እ" ካብ "ኣብ እዚ" ዝተሓደገ ድምፂ እዩ።*

| | |
|---|---|
| 1. ናበይ | 5. ካብዚ |
| 2. ከምቲ | 6. ከምቶም |
| 3. ምስዚ | 7. ኣብቲ |
| 4. ካብዛ | 8. ናብታ |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ኣብ ዝሓለፈ እዋን ካብ ዘንበብኩምዎ 1ይ ክፋል ተዋስኦ እናዘከርኩም ተዛረቡ።

### ንባብ ኣገባልፃ

ካልኣይ ምርኢት "ጥፉእ ወዲ" ዝብል ተዋስኦ፣ ብጉጅለ ብግቡእ ቃናን ኣገባልፃን ኣንብቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

## ዓዲ ቅያ

### ቅድመ ምድማፅ

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።


1. ነቲ ስእልን ርእስን ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።
2. 'ውልቀ ተዋስኦ' እንታይ ማለት እዩ?
3. ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ምስ ኮፍ መባህልትኹም ተዘራረቡ።

ኩሳ፣ ኣግኣዚ፣ ውርሻ፣ ውራይ፣ መዋእል

### እዋን ምድማፅ

እናዳመፅኩም፣ ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ምልኡ።

1. ማህሌታይ ያሬድ ዝደረሰን ዜማታት ግእዝ፣ ______ን ______እየን።
2. ከም ኣብነት ዝተጠቐሱ ክልተ ምሁራት ______ን ______ ይበሃሉ።
3. ኣብ ቀዳማይ ወያነ ብጅግንነት ዝፍለጡ________ ይበሃሉ።
4. ከያኒ ኪሮስ ኣብ ደርፉ ካብ ዝጠቐሶም ዓይነታት ምግቢ ሰለስተ ጥቐሱ።



### ድሕሪ ምድማፅ

**ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ተዋስኦ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. እቲ ተዋስኣይ ካብ ዘልዕሎም መግለፅታት ትግራይ ነቶም ክልተ ግለፁ።
2. እቲ ተዋስኣይ በቲ ከያኒ ኣቢሉ ዘልዕሎም ክልተ ቃላዊ ሓድግታት ኣበይ ይዝውተሩ?
3. "ተገልቢጡኒ በለ ኣብርሃ ጠቋረ" ዝብል ኣበሃህላ እንታይ ይገልፅ?
4. ካብቲ ተዋስኦ እንታይ ተረዲእኹም?

## 7. ሰዋስው

### በዓል ቤት፣ ቀጥተኛ ተስሓቢ፣ ዘይቀጥተኛ ተስሓብን መእሰሪ ዓንቀፅን ምፍላይ

**ሀ. ቀፂሎም ኣብ ዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት ዘለዉ በዓል ቤት፣ ቀጥተኛ ተስሓብን ዘይቀጥተኛ ተስሓብን ፍለዩ።**

**ተስሓቢ**

*ስም፣ ኣብ ውሽጢ ምሉእ ሓሳብ በዓል ቤት ወይ ተስሓቢ ኮይኑ ይኣትው። ተስሓቢ ተቀባሊ ግብሪ ዝኾነ ቃል እዩ። ተስሓቢ ኣብ መእሰሪ ዓንቀፅ ንዝተገለፀ ግብሪ መሰረት ገይሩ እንታይ (መን)ን ንመንን ንዝብሉ ሕቶታት መልሲ ይህብ። ንኣብነት፣ "ንሳ ንሓዱሽ ዓመት ዝኸውን ስእሊ ስኢላ።" ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ "እንታይ" ኢልና እንተሓቲትና "ስእሊ" ዝብል መልሲ ንረክብ። ስለዚ፣ "ስእሊ" ዝብል ቃል ተስሓቢ እዩ። እዚ ቀጥተኛ ተስሓቢ ይበሃል። ዘይቀጥተኛ ተስሓቢ ዝበሃል ድማ ኣብ መንጎ በዓል ቤትን ተስሓብን ዝርከብ ኮይኑ፣ ሓደ ነገር ንመንን ንምንታይን ከምዝተፈፀመ ዝገልፅ እዩ። ቀፂሉ ዘሎ ኣብነት ነዚ ይገልፅ፦*

*እቲ ኣቦ ንወዱ ሰዓት ሸሊምዎ። ኣብዚ ኣብነት "ንመን?" ኢልና እንተሓቲትና "ንወዱ" ዝብል መልሲ ንረክብ። ነዚ ሕቶ ዝምልሰልና ድማ ዘይቀጥተኛ ተስሓቢ ንብሎ።*

*ኣብነት፦ እቲ ተዋሳኢ ክዳኑ ተኸዲኑ።*

*መልሲ፦ - በዓል ቤት = እቲ ተዋሳኢ*

*- ቀጥተኛ ተስሓቢ = ክዳኑ*

*- ዘይቀጥተኛ ተስሓቢ = የለን*

1. ኣብቲ ኣርማድዮ በብዓይነቱ ክዳውንቲ ተሰቒሎም።
2. እቲ ጥፉእ ወዲ ነቲ በዓል ሓሰማ ስራሕ ንክህቦ ለሚኑዎ።
3. እቲ ጥፉእ ወዲ ነቲ ቦርሳ ሒዙ ምስ ኣዕርኽቱ ተራኺቡ።
4. እቶም ቈልዑ ደሪፎም።
5. መጋረጃ እቲ መድረኽ ተዓፅዩ።
6. ንሱ ንወዱ ብፅሒቱ ሂቡ ኣሰናቢቱዎ።
7. ኣቦ ንወዱ ወርቅን ገንዘብን ሂቡዎ።

**ለ. ኣብ ሕድሕድ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ ዘሎ መእሰሪ ዓንቀፅ ኣውፅኡ።**

*ኣብነት፦ እቲ ተዋስኦ ኣብ ሲኒማ ማይ ደገነ ተራእዩ።*

*መልሲ፦ መእሰሪ ዓንቀፅ = ተራእዩ።*

1. እቲ ጥፉእ ወዲ ፀጕሩ ብሚዶ ሰንቲሩ።
2. ካልኣይ ምርኢት እቲ ተዋስኦ ጀሚሩ።
3. ዓድማተይ ከይደ ኩሉ ነገር ኣደኒቑኒ።
4. እንጀራ ሕልሚ ክበልዕ ሃሪፉ።
5. ኣብቲ ተዋስኦ ሓደ ኣቦ ጥራሕ ኣሎ።
6. እቶም ተዋሳእቲ ምድላው ገበሩ።
7. ክልተ ኣእዳዉ ዘርጊሑ ርእሱ ኣንቃዕረረ።

ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡሎም።**

1. ኣብ 1ይ ክፋል እቲ ተዋስኦ እቲ ጥፉእ ወዲ እንታይ እናገበረ ተቛሪፁ?
2. እቲ ወዲ ኣብ ቀፃላይ ክፋል እቲ ተዋስኦ እንታይ የጋጥሞ ይመስለኩም?

### እዋን ንባብ

**እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. እቶም ኣዕርኽቲ ነቲ ጥፉእ ወዲ ንምንታይ ገዲፎምዎ?
2. "ሓንቲ እንተጥፊእኻ ወይለኻ!" ዝበለ መን እዩ?
3. ኣቦ እቲ ጥፉእ ወዲ እንታይን እንታይን ንኽመፀሉ ኣዚዙ?

## ተዋስኦ ጥፉእ ወዲ - 2ይ ክፋል

ገፀ ባህርያት፦ ጥፉእ ወዲ፣ ኣቦ፣ ኣርባዕተ ኣዕሩኽ፣ በ'ሾሪ ወዲ፣ ሰራሕተኛ፣ በዓል ሓሰማ

### ሻውዓይ ምርኢት

(ጥፉእ ወዲ ገንዘቡ ምስወድአ)

1ይ ዓርኪ፦ ሎሚ ኣይተሰትየናን ግዲ?

ጥፉእ ወዲ፦ ገንዘበይ ወዲአ! ሎሚስ'ባ ንስኻትኩም ጋብዙ።

2ይ ዓርኪ፦ ደኺ'ኻ 'ምበኣር!

3ይ ዓርኪ፦ ደሓን ኩን ኣንታ ጥሙይ! (እናበሉ ኣዕርኽቱ በብሓደ ጠንጢኖሞ ይኸዱ።)

ጥፉእ ወዲ፦ (በይኑ ምስተረፈ ይዛረብ) ብገንዘበይ ቀንዮምስ ምስወዳእኹ ጠንጢኖምኒ ከይዶም! ሓደ እሙን ይሰኣን! መግዝኢ እንጀራ እኳ ዘይብለይ! እንታይ ክበልዕ? ምናልባሽ እንተስርሓኒ ናብቲ በዓል ሓሰማ ክኸይድ! (ሰለይ እናበለ ይኸይድ)

ጥፉእ ወዲ፦ ጥዕና ይሃበለይ ጐይታይ!

በዓል ሓሰማ፦ ጥዕና ይሃበለይ!

ጥፉእ ወዲ፦ ጐይታይ ከፊኡኒ እየ ናባኹም መፂአ፣ እኽለ ማይ ካብ ዝጥዕም ውዒለ ሓዲረ። ስራሕ እንተሃልዩኩም ኢለ እየ።

በዓል ሓሰማ፦ ስራሕ? ሓሰማታት ትሕልው ዶ?

ጥፉእ ወዲ፦ እወ!

በዓል ሓሰማ፦ ብኽንደይ ኢኻ ትሰርሕ?

ጥፉእ ወዲ፦ ብዝሃብኩምኒ!

በዓል ሓሰማ፦ በል ሐዚ ጀምር! ኣብ መወዳእታ ዋጋኻ ክህበካ እየ! ሓንቲ እንተኣጥፊእኻ ግን ወይለኻ!

ጥፉእ ወዲ፦ ሕራይ! ጐይታይ።

(መጋረጃ ይዕፀው።)


## ሻምናይ ምርኢት

ጥፉእ ወዲ፦ (ምስተን ሓሰማ ምስተረፈ ክሓዝንን ከስቈርቍርን ይርአ።) ካብ ገዛይ ዝወፃእኹላ ፀላም መዓልቲ እያ! ካብዚ ምግቢ ሓሰማታት ዶ ክበልዕ? (ይበክይ፣ ይጠዓስ፣ በይኑ ይዛረብ) ገዛይ እናሃለኹ እንታይ ጐዲሉኒ? (ንብዓቱ ይሕብስ) እንዳ ኣቦይ ፅጋብ እናሃለወ ኣብዚ ብጥምየት ክሳቐ። ሐዚኸ እንታይ ገደሸኒ! ከይደ ነቦይ ይቕረታ ዘይሓቶ! (ናብ ኣቦኡ ይጐዓዝ። ኣብ መንገዲ በይኑ ይዛረብ።) ኣቦይ መዓረይ ከመይ ኮን ይህሉ? ብኣይ ይሻቐልዶ ይህሉ? ኣደይከ? ሓወይከ? እንታይ ኮን ይገብሩ ይህልዉ?

ኣቦ፦ (በይኑ) እዚ ምሽክናይ ወደይ ኣበይ ኮን ይህሉ? ብህይወቱ ዶ ይህሉ?

ጥፉእ ወዲ፦ (እንዳ ኣቡኡ ምስበፅሐ) ተመስገን! ኣብዚ ኣላ እዛ ፅብቕቲ ገዛና! ኣሰይ! እቲ ኣብ ኣፍ ደገ ዘሎ መን ኮን ይኸውን? ብርግፅ ኣቦይ እዩ! ለምለም ሕርሻና ዋይ ክንደይ ከ ይፅብቕ! (ኣዒንቱ ቀባሕባሕ ይብል)

ኣቦኡ፦ (ናብቲ መንገዲ እናጠመተ) ወይ ግርም! እንታይ'የ ዝርእይ ዘለኹ? ሕልሚ ድዩ ጋህዲ? ወደይ ዶ ይኸውን? ቀሪበ ዘይርእዮ! (ወዱ ምዃኑ ምስረኣየ እንቅዓ እናተንፈሰ) ወደይ! (እናዘለለ) ንሱ እዩ! ኣንታ ናፍቖተይ! (እናነብዐ ክሓቝፎ ኣእዳዉ ይዝርግሕ።)



*ይቕረታ ኣቦን ወድን*

ጥፉእ ወዲ፦ ኣቦይ፣ በዲለ እየ! ይቕረ በለለይ። ደጊም ወድኻ ክብሃል ኣይግብኣንን፣ ከገልግለካ ቁፀረኒ። (ኣብ እግሩ ተደፊኡ ይቕረታ ይልምን፣ ኣቦ ኣልዒሉ ሓቝፉ ይስዕሞ፣ ኣብቲ ገዛ ዕልልታ ይስማዕ።)

ኣቦ፦ ቀልጥፉ! ሓዱሽ ክዳን ኣምፂእኹም ክደኑዎ፤ ንኢዱ ድማ ወርቂ ሰዓት ሃቡዎ። ፅቡቕ ሳእኒ ኣምፅኡሉ፣ ከበሮን እምብልታን ይምፃእ፤ ንፃወት። (እቲ ወዲ ተሸሊሙ ይኣቱ'ሞ፣ ብዕልልታን ጣቕዒትን ይቕበሉዎ።)

ዕዱማት፦ እንኳዕ ናብ ስድራኻ ሓወሰካ! (እናበሉ ይስዕሙዎ።)

ወዲ፦ ኣሜን!

ኣቦ፦ እዚ ወደይ ጠፊኡ ነይሩ ተረኺቡ እዩ'ሞ ንብላዕ ንስተ ንተሓጎስ!። (ዕልልታ ደርፊ ይጅመር፣ ጓይላ ይቕፀል።)

(መጋረጃ ይዕፀው።)

## *ታሽዓይ ምርኢት*

(መጋረጃ ከይተኸፈተ በኸሪ ወዱ ንሓደ ሰራሕተኛ ፀዊዑ ይሓቶ)

በኸሪ ወዲ፦ እዚ ዕልልታን ጓይላን እንታይ እዩ?

ሰራሕተኛ፦ እቲ ጠፊኡ ዝነበረ ሓውካ መፂኡ፣ ናይ ታሕጓስ ዝሰብሐት ምክት ተሓሪዱሉ፣ ኪድ ርኸቦ።

በኸሪ፦ (ብኸሩ) ግደፈኒ! ኣይኣቱን። (ኢሉ ምምላስ ይጅምር።)

ኣቦ፦ (ኣቡኡ ይርእዮ 'ሞ ጉያ ኢሉ ኣርኪቡ) እንታይ ኮይንካ ዝወደይ? እንኳዕ ወፊርኻ ኣተኻ! ንዓ በል ጠፊኡ ዝነበረ ሓውካ እኮ እዩ መፂኡ!

በኸሪ፦ እንታይ ኣለኒ! ካብ ፍቓድካ ከይወፃእኹ እንትሰርሕ፣ ማሕሲእ እኳ ሂብካኒ ዘይትፈልጥ። ገንዘብካ ዘጥፍአ ምስ መፀአ ግና፣ ምክት ሓሪድካሉ!

ኣቦ፦ ከምኡ ኣይትበል ዝወደይ! ንስኻ ኩሉ ሳዕ ምሳይ ኢኻ፣ ናተይ ዝብሎ ኩሉ ናትካ እዩ፣ እዚ ሓውካ ግና ጠፊኡ ነይሩ ተረኺቡ እዩ'ሞ፡ ክንሕጐስ ይግብኣና። (ካብኡ ተተሓሒዞም ይኣትዉ።)

(መጋረጃ ይዕፀው፤ ይፍፀም።)

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት ዘንበብኩምዎ ተዋስኦ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. እቲ ጥፉእ ወዲ ገንዘቡ ምስ ወድአ እንታይ መማረፂ ወሲዱ?
2. እቲ በኸሪ ወዲ ንምንታይ ኲርዩ?
3. ኣብ ሻምናይ ምርኢት ክንደይ ገፀ ባህርያት ኣለዉ?
4. እቶም ኣቦ ንምንታይ እዮም ተሓጒሶም?
5. ምኽሪ ወለድኻ ዘይምስማዕ እንታይ ፀገም የስዕብ?

**ለ. መልእኽቲ እቲ ተዋስኦ ብሓደ ዓንቀፅ ኣሕፂርኩም ፅሓፉ።**

## 9. ቃላት

### ምምስራት ምሉእ ሓሳባት

**ብመሰረት እቲ ኣብነት በቶም ቃላት ምሉእ ሓሳባት መስርቱ።**

*ኣብነት፦ 1. ተዋስኦ*

*ሀ. ጥፉእ ወዲ ዝብል ተዋስኦ ኣብ ____________ ርእየ።*

*ጥፉእ ወዲ ዝብል ተዋስኦ ኣብ መድረኽ ርእየ።*

*ለ. ተዋስኦ እንትንብል መጋረጃ፣ _______፣ ________ ዝብሉ ነገራት ይልዓሉ።*

*ተዋስኦ እንትንብል ምርኢት፣ ተዋሳእቲ ዝብሉ ነገራት ይለዓሉ።*

1. ምርኢት
2. ውልቀ ተዋስኦ
3. መጋረጃ
4. ክፋል
5. ምልልስ
6. ትረኻ
7. ተዋሳእቲ
8. ገለፃ
9. መድረኽ
10. ተመልከትቲ

## 10. ፅሕፈት

### ምእያም ተዋስኦ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንዝፀሓፍኩምዎ ተዋስኦ ኣይሙ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት፣ ናብቲ ናይ መጀመርታ ቅርፆም ምለሱዎም።**

*ኣብነት፦ ኣብዚ = ኣብ እዚ*

1. ነቶም
2. በዚ
3. ነቲ
4. ነዚ
5. ከምዚ
6. ካብቲ
7. እቶም
8. ናይቲ
9. ኣብታ
10. ኣብቲ

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ትሕዝቶ ካልኣይ ክፋል ተዋስኦ ኣሕፂርኩም ግለፁ።**

### ንባብ ኣገባልፃ

**ሻውዓይ ምርኢት "ጥፉእ ወዲ" ብጉጅለ ብምኽን ብግቡእ ቃና ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**"ጥፉእ ወዲ" ንዝብል ተዋስኦ ነናይ ባዕልኹም ግደ ሒዝኹም ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።**

## 13. ሰዋስው

### *ምፍላይ በዓልቤት፣ ተስሓብን መእሰሪ ዓንቀፅን*

**ካብቶም መማረፅቲ ነቲ ቅኑዕ መልሲ ምረፁ።**

1. ገንዘቡ ምስ ወደአ አፅርኹቱ "ደሓን ኩን ኣንታ ጥሙይ!" ኢሎምዎ። ኣብዚ ምሉእ ሓሳብ በዓል ቤት______እዩ።

   ሀ. ገንዘቡ ለ. ኣንታ ሐ. ኣፅርኹቱ መ. ደሓን ኩን

2. እቲ <u>በዓል ሓሰማ</u> ነቲ ጥፉእ ወዲ "ጀምር!" ኢሉዎ። ኣብዚ ምሉእ ሓሳብ እቲ ዝተሰመረሉ ቃል __________ እዩ።

   ሀ. መእሰሪ ዓንቀፅ ለ. በዓል ቤት

   ሐ. ቀጥተኛ ተስሓቢ መ. ዘይቀጥተኛ ተስሓቢ

3. ቀፂሎም ካብ ዝቐረቡ ዘይቀጥተኛ ተስሓቢ ዘለዎ ምሉእ ሓሳብ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ኣቦ ንወዱ ይቕረታ ገይሩሉ።

   ለ. ትማሊ ደስ በሃላይ ተዋስኦ ርእይና።

   ሐ. ዓብዩ ምክት ተሓሪዱ።

   መ. እቲ ጠፊኡ ዝነበረ ሓውካ መፂኡ።

4. "እቲ ጥፉእ ወዲ ስራሕ ሰኢኑ።" ኣብዚ ምሉእ ሓሳብ ቀጥተኛ ተስሓቢ ________ እዩ።

   ሀ. እቲ ለ. ስራሕ ሐ. ሰኢኑ መ. ወዲ

5. ቀፂሎም ካብ ዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት እቲ ሓደ ንበዓል ቤት፣ ቀጥተኛ ተስሓቢ፣ ዘይቀጥተኛ ተስሓብን መእሰሪ ዓንቀፅን ጠሚሩ ዝሓዘ ኣይኮነን።

ሀ. እቲ ጥፉእ ወዲ ንኣእርኽቱ ሰልዲ ኣከፋፊሉዎም።

ለ. እቲ በዓል ሓሰማ ነቲ ጥፉእ ወዲ ስራሕ ሂቡዎ።

ሐ. እቲ ጥፉእ ወድን እቲ በኸሪ ወድን ኣሕዋት እዮም።

መ. ኣቦ ንወዱ ሰዓት ኣይለኣኸሉን።

6. "እቲ ወዲ ብተግባሩ ሓዚኑ።" ኣብ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ዝየለ ኣካል ኣየናይ እዩ?

ሀ. መእሰሪ ዓንቀፅ

ሐ. በዓል ቤት

ለ. ቀጥተኛ ተስሓቢ

መ. ዘይቀጥተኛ ተስሓቢ

7. ቀፂሎም ካብ ዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት እቲ ሓደ በዓልቤት፣ ቀጥተኛ ተስሓቢ፣ ዘይቀጥተኛ ተስሓብን መእሰሪ ዓንቀፅን ዝሓዘ ሓባሪ ምሉእ ሓሳብ እዩ።

ሀ. ጥዕና ይሃበለይ ጐይታይ!

ለ. ሓሰማ ዶ ክትጓሲ ትኽእል?

ሐ. ኣቦ ንወዱ ገንዘብን ሰዓትን ሂቡዎ።

መ. እኽለ ማይ ካብ ዘይለክፍ ብዙሕ መዓልቲ ኮይኑዎ።

# ሰሙናዊ ርእሲ ትንታነ ተዋስኦ

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ጠሚርካን ነፂልካን ምንባብ

**ነቲ ኣብነት መሰረት ገይርኩም ነዞም ዝተነፀሉ ጠሚርኩም ንዝተጠመሩ ድማ ነፂልኩም ኣንብቡ።**

ኣብነት ሀ. ክ መ ሓ ላ ለፍ = ክመሓላለፍ

ለ. ክመሓላለፍ = ክ መ ሓ ላ ለፍ


1. መ ማ ኽር ቲ
2. ክፀርፉዎ
3. ን ኸይ ከ ይድ
4. ኣይፈደዩዎን
5. ዘይተማልኣሎም
6. ዝተንፀባረቐ
7. መል እ ኸቲ
8. ተግሳፅ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡሎም።**

1. መልእኽቲ ተዋስኦ ብኸመይ ይፍለጥ?
2. ሓደ ተዋስኦ ዝፍተውን ዝፅላእን ብምንታይ እዩ?
3. ነቶም ኣብቲ ምስሊ ዘለዉ ምስላታት ብምርኣይ ዘመሓላልፉዎ መልእኽቲ ኣበየናይ ምርኢት "ጥፉእ ወዲ" ከምዝርከብ ተዛረቡ።



## *እዋን ንባብ*

**እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. መልእኽቲ ተዋስኦ ንምፍላጥ ካብ ዝሕግዙ ባእታታት ______ ን _____ ይጥቀሱ።

2. "ጥፉእ ወዲ" ዝብል ተዋስኦ ብዝተፈላለዩ ______ዝተኸፋፈለ እዩ።

3. ካብቲ ኣብ ተዋስኦ ዘሎ ኣቦ ________ ን _______ ን ንመሃር።

# ትንታነ መልእኽቲ ተዋስኦ

መልእኽቲ ተዋስኦ በቲ ተዋስኦ ክመሓላለፍ ዝተደለየ ማእኸላይ ሓሳብ ወይ ድማ መሰረታዊ ፍረ ሓሳብ እዩ። እዚ መልእኽቲ ኣብ ሓደ ቦታ ዘይርከብን ንምፍላጡ ዘፀግምን ክኸውን ይኽእል። እንተኾነ ግና፣ ምርካብ ኣይከኣልን ማለት ኣይኮነን። መልእኽቲ ተዋስኦ ንምፍላጥ ዝሕግዙ ባእታት ስነ ፅሑፍ ኣለዉ። ንሳቶም እውን ዓፅመ ታሪኽ፣ ተዋሳእትን ኣብቲ ተዋስኦ ዝሕበሩ ግዘን ቦታን እዮም።

መልእኽቲ ተዋስኦ ካብ ዝተፈላለዩ ክፋላት እቲ ተዋስኦ ይርከብ። ክመሓላለፍ ዝተደለየ መልእኽቲ ድማ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ማለት እውን ኣብቶም ተዋሳእትን ክፋላት ተዋስኦን ይፍለጥ። እዚኣቶም ምርኢታትን ገቢርን ምኳኖም እዮም። ንኣብነት፣ በቶም ምልልሳት፣ ምንቅስቓስ፣ ርክብ፣ ኣቑሑ፣ ዕድመን፣ ፆታን ተዋሳእቲ ኣቢሉ እቲ መልእኽቲ ይሕበር እዩ።

ኣብታ ብኽልተ ክፋላት ዝቐረበት “ጥፉእ ወዲ” ዘርእስታ ተዋስኦ ዝተፈላለዩ ገፀ ባህርያት ኣለዉ። ንሳቶም ድማ፣ እቲ ጥፉእ ወዲ፣ ኣቦ፣ በዓል ሓሰማ፣ ኣዕርኽቲ፣ ሰራሕተኛ፣ በኹሪ ወድን ኣዋልድን እዮም። ካብዚኦም እቲ ኣቦን እቲ ጥፉእ ወድን ቀንዲ ተዋሳእቲ እንትኾኑ እቶም ካልኦት ሓገዝቲ ወይ መማኸርቲ ይበሃሉ። ስለዚ፣ ቀንዲ መልእኽቲ ንምፍላጥ ኣብ ዘረባ፣ ምንቅስቓስን ኩነታትን እዞም ተዋሳእቲ ምድሃብ የድልይ። ንኣብነት፣ እቲ መንእሰይ ብፅዕንቶ መሓዝቱ ብፅሒቱ ወሲዱ ናብ ዘይፈልጦ ዓለም ተፀምቢሩ። እቶም ኣዕርኽቲ ድማ፣ ገንዘቡ ምስወድኡ ፀሪፎም ሓዲጎምዎ ከዱ። እቲ ተጓንፎ፣ ኣበር ምፍፃሙ ክርዳእን ናብ ልቡ ክምለስን ምኽንያት ኮኖ። ብተወሳኺ፣ ምሕፀንታን ማዕዳን ኣቡኡን ኣዲኡን ዘኪሩ ክናሳሕን ይቕረታ ብምሕታት ናብ ገዝኡ ክምለስን ገበሮ።

ኣብቲ ቀዳማይ ክፋል እውን ነቲ መልእኽቲ ዘራጉድ ገለፃ ኣሎ። እቲ ጥፉእ ወዲ ብዘይካ እቲ ዘይፈልጦ ዓለምን ‘ነፃነት’ን ካሊእ ዝኾደሎ ነገር ኣይነበሮን። እዚ ድማ ከምቶም መሓዙቱ ክኸውንን ዘይፈልጦ ክርእይን ደፋፊኡዎ።

ብተመሳሳሊ፣ መዋቕር ታሪኽ እቲ ተዋስኦ ብምርኣይ መልእኽቲ ምትንታን ይከኣል። እቲ ተዋስኦ ዝተፈላለዩ ምርኢታት ኣለዉዎ። እቶም ምርኢታት ሰንሰለታዊ ርክብ ዘለዎ ታሪኽ ኣለዎም። ነቲ ርክብ ብምርኣይ ቀንዲ መልእኽቲ እቲ ተዋስኦ ምፍላጥ ይከኣል እዩ። ንኣብነት፣ እንትጅመር እቲ ጥፉእ ወዲ መሪፁ ዝበልዕን ዝኸደንን ምኳኑ ኣብ ምጅማር ንርዳእ። ኮይኑ ግን ከም ኣዕርኽቱ ደጋ ደገ ክኸይድን ከምኦም ‘ነፃ’ ክኸውንን ብምድላይ ምኽሪ ኣቡኡ ዕሽሽ በሎ። ኣብዚ ብርኪ መሰረታዊ ክፋል እቲ ተዋስኦ ምብፅሑ ንግንዘብ። ኣብ መንጎ ኣቦን ወድን ጎንፂ ምፍጣሩ ንርዳእ። ሽዑ ነቲ ወዱ ህይወት ደጋደገ ከምዘየዋፅኦ ነገሮ። ንሱ ግና ምምዝዛን ዘይጀመረ መንእሰይ ብምንባሩ ተዓሚቱ ናብ ኣዕርኽቱ ከደ።

ወዱ ብዓይኒ ዕሙት ካብ ገዛ ንምውፃእ ምንቃዱ ዝተረድኦ ኣቦ ህይወት ኣዕርኽቱ ጥዒሙ ይፈትኖ ብዝብል ሓደጎ። ከምቲ ኣቡኡ ዝገመቶ፣ እቶም ኣዕርኽቱ ፅቡቕ ኣይፈደዩዎን። ካብኡ ምስተጠዓሰ ናብ ገዝኡ ተመለሰ። ኣቡኡ ዝተፀበዮ ነገር ስለዝነበረ ብፍቕሪ ተቐበሎ። በዚ ድማ እቲ ጐንፂ ፍታሕ ረኸበ፤ ኣቦን ወድን ተዓረቑ። መልእኽቲ እቲ ተዋስኦ፣ “ኣነ እውን” ብዝብል ምግጋይ መፈፀምትኡ ፅቡቕ እውን ከምዘይኸውን የረድእ።

ካብቲ ኣቦ፣ ፍቕርን ይቕረ ምባልን ንመሃር። ወዱ ብፅሒቱ ሒዙን ምኽሩ ነፂጉን

ዝኸደ ብዘይ ምፍላጥ እምበር ብኽፍኣት ከምዘይኮነ ተረዲኡ። ነዚ እዩ ፈለማ ክምለስ ዝመኸሮ፤ ጻሕራይ እውን "...ከም ወድኻ ኣይትርኣየኒ..." እንትብሎ ፀፅቡቑ ክግበረሉ ኣቡኡ ዝኣዘዘ። ብሓፈሻ፣ ካብዛ ተዋስእ ይቕረ ምብህሃልን ፍቕርን ንርዳእ። ብተወሳኺ፣ ሕማቕን ፅቡቕን ከይፈለኻ ካልኦት ዝኾኑዎ ንምኳን ምፅዓር ሓደጋ ከምዘስዕብ ንግንዘብ።

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ተዋስኦ "ጥፉእ ወዲ" ዝተሳተፉ ንኡሳት ተዋሳእቲ መንን መንን እዮም?
2. ነቶም ቀንድን ሓገዝትን ተዋሳእቲ "ጥፉእ ወዲ" ፈሊኹም ግለፁ።
3. እቲ መንእሰይ ናብ መሓዙቱ ዘንቀደሉ ምኽንያት ግለፁ።
4. እቲ ኣቦ ወዱ ናብ ሕማቕ ክኸይድ ንምንታይ ፈቒዱሉ?
5. በኸሪ ወዲ ንዝገበሮም ምልልሳት ኮኑ ንኡኡ ኣመልኪቶም ንዝተወሃቡ ትረኻታት ግለፁ።
6. መልእኽቲ እቲ ተዋስኦ ግለፁ።

**ለ. ንተግባራት ኣቦን ጥፉእ ወድን ዝግምግም ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 16. ቃላት

### ምምላእ ምሉእ ሓሳብ

**ዝተፈላለዩ ቃላት ብምጥቃም ምሉእ ሓሳብ ኣማልኡ።**

*(ኣብ ሕድሕድ ባዶ ቦታ ብዙሓት መማረፅታት ክኣትው ይኽእሉ።)*

***ኣብነት፦***

*መልእኽቲ ተዋስኦ ንምርካብ ________ ኣድላዪ እዩ።*

*መልሲ:- ቋንቋ (ዘረባ) ተዋሳእቲ ምዕዛብ - ምንቅስቓስ ተዋሳእቲ ምርኣይ*

*- ታሪኽ ተዋስኦ ምፍላጥ - ግዘን ቦታን ተዋሳእቲ ምፍላጥ*

1. ሓደ ውልቀ ሰብ ዘቕርቦ ዓይነት ተዋስኦ ________ ይበሃል።
2. እቲ በኸሪ ወዲ ንኡስ ገፀ ባህርይ፣ እቲ ጥፉእ ድማ________ይበሃል።
3. ኣብ መንን ተዋሳእቲ ዘሎ ዝርርብ ______እዩ።
4. ሓደ ተዋስኦ ተዓዳሚ ኣብ ዝተኣከበሉ_______ ይቐርብ።
5. ተዋስኦ ኣብ ዝተፈላለየ ንኡሳት ክፋላት ወይ ______ ይምቀል።
6. ኣብ ልቢ ወለድ ገፀ ባህርያት እንተኢልና ኣብ ተዋስኦ ድማ______ንብል።
7. ኣብ ተዋስኦ ባህርይ፣ መንነትን ኩነታትን እንፈልጠሉ ባእታ_______ይበሃል።

## 17. ፅሕፈት

### ምፅሓፍ ተዋስኦ

ብምልልስን ትረኻን ንዝፀሓፍኩምዎ ተዋስኦ ኣመዓራሪኹም ወድኡ።

### ኣፀሓሕፋ

**ኣብ ሕድሕድ ምሉእ ሓሳብ ካብ ዝተሰመረሉ ቃል ዝተሓደገ ድምፂ ወይ ፊደል ፈሊኹም ኣውፅኡ።**

1. ከምቲ ወላዲኡ ዝገመቱዎ እቶም ኣዕሩኽቱ ፅቡቕ ኣይፈደዩዎን።
2. ዓስ ይብለኪ ክር ይብለኪ እንተኣበኺ ንነብሪ ይበኪ።
3. ተዋስኦ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ይጠልብ፤ ስለዚ ተሳትፎ ንውህደት ሕድሕዶም ኣገዳሲ እዩ።

4. <u>ከምዚ</u> ዝበለ ንጥፈት ኣድላዪ እዩ። <u>ካብዚ</u> ኣፀሓሕፋ ንመሃር።
5. ውልቃዊ ድልየቶም ዘይተማልኡሎም ሰባት <u>ነቲ</u> ኣፈፃሚ ኣካል ይኸሱኑ።
6. መልእኽቲ ተዋስኦ ካብ ተዋሳእቲ፣ መዓበይን ካብ ምንቅስቃስ <u>እቶም</u> ተዋሳእትን <u>ፈሊኻ</u> ምርዳእ ይከኣል።

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**መልእኽቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዘንበብኩምዎ ፅሑፍ ኣሕፂርኩም ግለፁ።**

### ንባብ ኣገባልፃ

**ዓንቀፅ ሰለስተ "ትንታነ ተዋስኦ" ብግቡእ ቃና ብሓደ ደቒቓ ኣንብቡ።**

## 19. ዝርርብ

**ነቲ ዘዳለኹምዎ ተዋስኦ ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።**

## 20 ሰዋስው

### ምፍላይ ቃላት

**ኣብዚ ዓንቀፅ ንዝተሰመረሎም ቃላት በዓል ቤት፣ ቀጥተኛ ተስሓቢ፣ ዘይቀጥተኛ ተስሓብን መእሰሪ ዓንቀፅን እናፈለኹም ኣብቲ ሰደቓ ኣስፍሩ።**

"ሓለፎም ተዋስኦ ሓደ ዘፈር ስነ ፅሑፍ እዩ።" ብምባል ንዮሃንስ ነጊሩዎ። ዮሃንስ ድማ ምልስ ኣቢሉ "እዚ ኣበሃህላ ሓቂ እዩ። የቑንየለይ! ብምባል መለሰሉ።" ነዚ ትሰምዕ ዝነበረት መዓዛ እውን "ሓደ ሓደ ሰባት ንተዋስኦ ድራማ ይብሉዎ።" ብምባል ሓሳባ ንክልቲኦም ኣካፈለት። መሰረት እዚ ቃል ቋንቋ ግሪክ እንትኸውን፣ "ተግባር" ወይ "ገቢር" ማለት እዩ። ተዋስኦ ንኽትወን ተባሂሉ ዝዳለወ ብምኻኑ፣ ካብቶም ካልኦት ዘፈራት ስነ ፅሑፍ ፍልይ ይብል። ሓደ ተዋስኦ ዕውት ንክኸውን ሕብረት ዝተፈላለዩ ክኢላታት የድልዮ። ሓደ ተዋስኦ ውፅኢታዊ ንክኸውን ዝገብሩ ብዙሓት ነገራት ይጥቀሱ። ንሳቶም ድማ ታሪኽ፣ ተዋሳእቲ፣ መድረኽ፣ መዳለውቲ ተስዋኦን ዕዱማትን እዮም።

| ሪጋ | በዓል ቤት | ቀጥተኛ ተስሓቢ | ዘይቀጥተኛ ተስሓቢ | መእሰሪ ዓንቀፅ |
|---|---|---|---|---|
| 1. | | | | |
| 2. | | | | |
| 3. | | | | |
| 4. | | | | |
| 5. | | | | |
| 6. | | | | |

# ማህደረ ቃላት

| | |
|---|---|
| ሃለዋት፦ | ደሃይ፣ ናብራ፣ ምንባር |
| ልበልባ፦ | ዝተጠለፈ ስረ ወይዘራዝር |
| ልውየት፦ | ከም ሻሽ ኣብ ክሳድ ዝጥምጠም ረቒቕ ነፀላ ቆላ (ናይ ኣንስትዮ) |
| ሓልዮት፦ | ተገዳስነት፣ ሓላፍነት |
| ሓምባር፦ | ካብ ወርቂ ወይ ብሩር ዝስራሕ ጥውይውይ ዝበለ መጋይጺ ኢድ |
| ሓረመ፦ | ተዓገሰ፣ ከልከለ፣ |
| ሓኔታ፦ | ጅግና፣ ሓያል፣ ሃዳናይ |
| ሕልኽላኽ፦ | ጥውይዋይ፣ ኣፀጋሚ |
| ሕራይታ፦ | ሻነ፣ እሺ ወይ ሕራይ ምባል፣ ምፍቓድ፣ ምቕባል |
| መዘንተዊ፦ | ተራኺ፣ ያታ ወይ ታሪኽ ብቓል ወይ ፅሑፍ ዝንገር |
| መለዮ፦ | መርዓዊ ወይ ዓርኪ ኣብ ግንባሩ ዝኣስሮ ጨርቂ |
| መስፍሓ፦ | ዓብዪ ዕንቍ ተኸተልቲ ሃይማኖት እስልምና |
| መበቈላዊ፦ | መሰረት፣ ኣመፃፅኣ |
| መታልሕቲ፦ | መታልሕ፣ ኣብ መንጎ እዝንን ዓይንን ዝርከብ ክፍሊ ኣካል |
| መብሩቕ፦ | ባህላዊ ፃዕዳ ክዳን መርዓዊ |
| መካተሻ፦ | መትሓዚ መጋየፂ፣ ጥፍሒ |
| መኾምብያ፦ | ብላኻ ወይ ብርግሀ ዝተሰርሐ ክሳድ ዘለዎ መኸደኒ ፃሕሊ |
| ማዕከን፦ | መዋህለሊ መረዳእታ፣ ሓደ ነገር ዝርከበሉ ዝፍልፈለሉ ዋና ቦታ |
| ምጭማት፦ | ዓቂንካ ምውቃዕ ወይ ምትኳስ፣ ዘይምስሓት |
| ምዕጃብ፦ | ሓቢርካ ምኻድ፣ የማን ፀጋም ኮይንካ ምስናይ |
| ምትሕንፋፅ፦ | ምትሕውዋስ፣ ምድቓል |
| ምሕናኽ፦ | ምሕፋር |
| ምብቓዕ፦ | ክኢላ ወይ ፈላጥ ምዃን ወይ ምኽኣል (ብትምህርትን ስልጠናን) |
| ምዝራፍ፦ | ንሓዳር ብዘይ ፍቓድን ወይ ብግዲ ምውሳድ ወይ ምጭዋይ |
| ምንዳይ፦ | ምድላይ፣ ምእላሽ |
| ምብህራር፦ | ብሕልሚ ምድንጋፅ፣ ምስንባድ |
| ምርኢት፦ | ኣብ መድረኽ ብተዋስእቲ ዝፍፀም ትርኢት፣ ንኡሽተይ ክፋል |
| ሞረር፦ | በረኻ፣ ፀድፊ፣ ስም ጎቦ |

| | |
|---|---|
| ሰደኛ፡- | መንጎኛ፣ መስማዕምዒ፣ ሽማግለ |
| ሱር ቃል፡- | ቀንዲ ወይ መሰረታዊ ፍታሕ ዝሓዘ ኣካል ቃል |
| ሳርያን፡- | ጁባ፣ መዕጠቒ ዘሎዎን ብየማን ፀጋም ላእልን ታሕትን ጁባታት ዘለዎ |
| ስምዕታ፡- | ጥርዓን፣ በደል ወይ ወፅዓ ምቕራብ፣ ኣቤቱታ |
| ስብቅል፡- | ዕብኽቲ፣ ውቅብቲ |
| ስኒ ባርካይ፡- | ኣብ ግርፃን ህፃናት ዝወፅእ ዘሳሒ ልምሉም ስኒ፣  ወዲ ዓሻ ወሰድኩ |
| ስንዲድ፡- | ንእግሪ፣ ኢድ፣ ኣፃብዕቲ ወይ ክሳድ ዝሽውን መጋየዒ ደቒቕ ዕንቊ |
| ስነ ቃል፡- | ብቓል ዝቐርብ ዓይነት ስነ ፅሑፍ |
| ሽፎን፡- | ናይሎን መሳሊ ሕርፍፍ ዝበለ ብረቂቕ ጨርቂ ዝተሰፈየ ክዳን ኣንስትዮ |
| ቅህመት፡- | ኣብ ዛንታ ጕሂሙ ዝነበረ ውዲት እናደኸመን እናጠፍኣን እንትኸይድ |
| ቅዋም፡- | ኣረኣእያ፣ እምነት፣ ዝድገፍ ሓሳብ |
| ቅያ፡- | መስተንክር፣ ዘገርም ዛንታ ወይ ታሪኽ፣ ዕፁብ |
| ባሬቶ፡- | ርግቢት እትመስል ዑፍ |
| ብሂል፡- | ምስላ |
| ተሃንጠወ፡- | ተሃወኸ፣ የመና ደለየ |
| ተላዘበ፡- | ብምዝርራብ ተረዳድአ፣ ተሰማዕመዐ |
| ተሰወጠ፡- | ፍሉጥ ኮነ ወይ ብሩህ |
| ተዓፃፌ መስቀል፡- | ብነዊሕ ፈትሊ ዝእሰር ገይፂ ክሳድ |
| ኣልቦ፡- | ኣብ ዙርያ ዓካር ዓካሪቶ ዝእሰር መጋየዒ |
| ኣሕንባዛ፡- | ብኣዋልድ ዝዝውተር ዓይነት ፀወታ |
| ኣሚን፡- | በዓል ወይ በዓልቲ ቃል ኪዳን ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ |
| ኣፈዋሾ፡- | ሽንሽን ዘይብሉ ብመቐነት ዝኽደን ቀምሽ |
| ኣደስ፡- | ምስ ጠስሚ ተሓዊሱ ዝልከ ጥዑም ጨና ዘለዎ ዓይነት ቆፅሊ |
| ኣዲም፡- | ካብ ቆርበት ዝተሰርሐ ዓይነት ማዕተብ ወይ መጋየዒ ክሳድ |
| እሂን ምሂን፡- | እናተሰማማዕኻ ምዝርራብ፣ ምምኽኻር |
| እናተባረዩ፡- | እናተሓጋገዙ፣ በብተራ |
| እንኮ፡- | ሓደ፣ ብሕቲ |
| እጀ ጠባብ፡- | እጅጊኡ ፀቢብ ዝኾነ ባህላዊ ክዳን ኣወዳት |
| ካባ፡- | ብወርቂ ወይ ብብሩር ዝተሸለመ ዘድረብ ክቡር ክዳን |
| ኩሳ፡- | ዘይሰዓር፣ ጅግና፣ ሓያል፣ መላኺ |
| ኮርቻ፡- | ኣብ ዝባን በቕሊ ወይ ፈረስ ዝግበር ሰብ ኮፍ ዝብልሉ ምችው ጕዝጓዝ |

| | |
|---|---|
| ኹሕላይ፦ | ምልኩዕ፣ ፅቡቕ፣ ዝተኰሓለ ዝመስል |
| ወለባ፦ | መስንተሪ ዝመስል መጋየዒ ጨጉሪ መጋይዒ ርእሲ |
| ወራድ መርዓ፦ | ናብ እንዳ ጓል ዝኸዱ መርዓውን ዓጀብቱን |
| ውልቀ ተዋስኦ፦ | ብሓደ ሰብ ኣብ መድረኽ ዝቐርብ ትርኢት |
| ውርሻ፦ | ሃፍቲ፣ ጥሪት |
| ዋዕሮ፦ | ጅግና (ኣንስተይቲ) |
| ውቁብ፦ | ምልኩዕ፣ ፅቡቕ፣ ሰሓባይ |
| ዒላም፦ | ንሳሱላ ዝመስል ካብ ተኽሊ ዝስራሕ መመላኽዒ ኢድ ወይ እግሪ |
| ዓባያ፦ | ፀሊም ቀምሽ ኣንስትዮ ሙስሊም |
| ዕላዊ፦ | ብደንቢ፣ ብፍሉጥ፣ ብግልፂ |
| ዕሽሽ፦ | ሽለል ወይ ሻላ ምባል፣ ርኹረት ዘይምሃብ |
| ዕንዱ፦ | ቈልዓ፣ ህፃን፣ ሕንጦ |
| ድርብ ምሉእ ሓሳብ፦ | ብድርብ ሰረዝ ወይ መተሓሓዝቲ ዝተተሓሓዙ ክልተ ምሉእ ሓሳባት |
| ድርዒ፦ | ከም ህንዲ ሳሪ ካብ ርእሰን ክሳብ እግረን ዝኸደነኦ ነዊሕ ነፀላ |
| ድኰት፦ | ኣብ ኢድ ዝእሰር ዓይነት መጋየዒ |
| ጉለ፦ | ጡብ |
| ጒላ፦ | ሰፈር ፍልሖ |
| ጎፍ ንጎፍ፦ | ግንባር ንግንባር፣ ገፅ ንገፅ፣ ፊት ንፊት |
| ግልብጭ፦ | ደቂቕ ዓይነት ቁኖ |
| ጎንፂ፦ | ባእሲ፣ ፅልኢ፣ ፅብኢ፣ ዘይምቅድዳው |
| ጎባጉብ፦ | ካብ ወርቂ ወይ ብሩር ዝሰራሕ ዝዕነቕ መጋይዒ ክሳድ |
| ጀለብያ፦ | ክዳን ተኸተልቲ ሃይማኖት እስልምና (ናይ ተባዕትዮ) |
| ተዋስኦ፦ | ኣብ መድረኽ ብተዋሳእቲ ዝቐርብ ኪነታዊ ትርኢት |
| ኣፅመ ታሪክ፦ | ታሪኽ ተዋስኦ ወይ ስነ ፅሑፍ |
| ጉህረት፦ | ናይ ሓደ ዛንታ ወይ ኩነት ዝለዓለ ብርኪ ወይ ጠርዚ |
| ፀብለልታ፦ | ምብላፅ፣ ልዕሊ ኩሉ ምዃን |
| ፅሩራ፦ | ገይፂ ፀጉሪ ኣንስቲ |
| ፋሉል፦ | ስዲ፣ ካብ ስርዓት ወፃእ ዝኾነ |

# ዝርዝር ሓገዝቲ ፅሒፉት


ሃለቃ ፅጌ ገብረኪዳን ገሹ፣ (1971)፣ **ፅዳጋ፣** ኣዲስ ኣበባ፦ ቦሌ ማተሚያ ድርጅት።

ሙሉ ሃይለስላሴ (1999) **ካብቲ ምዑዝ ባሕሪ፣** መቐለ፦ ዘመናዊ ሕትመት።

ሙሉወርቅ ኪዳነ ማርያም (2002)፣ **ምርድዳእ ጥራሕ፦ግጥምታት ትግርኛ፣** መቐለ፦ ሸባ ዩኒቨርስቲ ኮለጅ።

Ministry of Education (2013). **Scope and Sequence Framework Grade 6.** (Unpublished working document). Addis Ababa: MOE.

Ministry of Education (2013). **Revised Mother Tongue Syllabus Grade 5-8.** (Unpublished working document). Addis Ababa: MOE.

ማሕበር ባህሊ ትግራይ (1993)፣ **ታሪኽ ኢትዮጵያ ብደብተራ ፍስሐ ጊዮርጊስ፦ ቅድሚ ምኢቲ ዓመት ዝተፀሓፈ፣** ማባት፦ መቐለ።

ማሕበር ባህሊ ትግራይ (1991)፣ **መፅናዕቲ ቀዳማይ ሲምፖዝየም ቋንቋ ትግርኛ፣** መቐለ፦ ትካል ሕትመት ብርሃንን ሰላምን።

ማደኣት፣ (1997)፣ **ሓራሳት ኣናብር ትግራይ፣** መቐለ፦ ሜጋ ሕትመት ኢንተርፕራይዝ።

ምህረተስላሴ መኮንን፣ (2006)፣ **ባህር ተሻጋሪ ባህላዊ ልብሶቻችን።** ሪፖርተር ጋዜጣ፣

*ምዕራፍ ብርሃኔ፣ http://www.ethiopianreporter.com.24, arch, 2013)*

በርሀ ዝግታ፣ (2000)፣ **መበቆልን ታሪኽን ህዝቢ ኢሮብ፣** መቐለ፦ ቤት ሕትመት ዘመናዊ።

ቢሮ ባህልን ሓበሬታን ክልል ትግራይ (1995)፣ **ስነቃል ትግርኛ፣ ዝንቕ፣** መቐለ

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ፣ (2004)፣ **ሓጋዚ መፅሓፍ ስነ-ህይወት ንመምህራን ደረጃ ክፍሊ 5ይ-8ይ፣** ኣዲስ ኣበባ።

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ፣ (1998)፣ 8ይ **ክፍሊ ሕብረተሰብ፣** መቐለ።

ቢሮ ትምህርቲ ክልል **ትግራይ፣** (1987)፣ **ትምህርቲ ሕ/ሰብ ን6ይ ክፍፂለ መፅሓፍ ተምሃራይ፣** መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ ምድላው ፅንዓትን ምርምር መቐለ

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ፣ (1996)፣ **ትምህርቲ ምክልኻል ኤች ኣይቪ ኤድስ 5ይ-8ይሓጋዚ መፅሓፍ፣** መቐለ፦ ሜጋ ሕትመት ኢንተርራይዝ።

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ፣ (1996)፣ **ትምህርቲ ስነ-ዜጋ ስነ ምግባርን ን8ይ ክፍሊ**

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ፣ (1996)፣ **ትግርኛ መፅሓፍ ተምሃራይ 6ይ ክፍሊ።**

ቤተሰብ መምሪያ ቅፅ 13 ቁ. 1 ሰኔ 1987/በሳይንስና ቴክኖሎጂ ሚኒስቴር የህዝብ ግንኙነትና ኮሚኒኬ ዳይሬክቶሬት ግንቦት 2005 ዓ.ም.

ብርሃነ ሃይለስላሴ፣ (2003)፣ **ራህዋ፦ መድብል ኣመፃፅኣ ታሪኽ፣** ባህልን ልምድን ብሄረሰብ ኲናማ፣ ገፅ 8-22

ብርሃኑ ከኙ፣ ብ27/03/2007 ዓ.ም. ሰዓት 8:00 ድሕሪ ቀትሪ ብስልኪ ዝተኻየደ መሕትት

ተክአ ተስፋይ (1999)፣ **መዝገብ ቃላት ትግርኛ፣** ኣስመራ፣ ሬድ ሲ ሕትመት።

ቱሪዝምን ባህልን ኮምሽን ትግራይ፣ (1985)፣ ብምኽንያት መበል 17 ዓመት መዓልቲ ቱሪዝም

ዝተዳለወ መፅሄት

ትርሓስ መዝገበ፣ (2006 )፣ **“ከይዲ ስነ ስርዓት ወሊድ ኣብ ትግራይ”**፣ ኣብ ሳልሳይ ዋዕላ መፅናዕቲ ማሕበር ባህሊ ትግራይ ዝቐረበ፣ መቐለ።

ትግራይ ቱሪዝም፣ (2004)፣ **ገረዓልታ ክላስተር፣ መቐለ፡-** ትግራይ ቱሪዝም።

Tigrai Regional State Education Bureau (2004) **Educational Statistics Abstracts 1980-2003E.C.** Mekelle: TRSEB.

Tigrai Regional State Education Bureau (2006) **Educational Statistics Abstracts 2005 E.C.** Mekelle: TRSEB.

ኣኣዩ (2005)፣ **የነጋድራስ ገብረህይወት ባይከዳኝ ስራዎች፣** ኣዲስ ኣበባ፡- ኣኣዩ ፕረስ።

የኢትዮጵያ ቋንቋዎች ኣካዳሚ፣ (1989)፣ **መዝገበ ቃላት ትግርኛ፣** ኣዲስ ኣበባ፡- ቤት ሕትመት ንግዲ።

ኣዲስ ኣበባ ዩንቨርስቲ (1984)፣ **የኢትዮጵያ ቋንቋዎች ስነ ፅሑፍ መፅሔት**፣ ቁ.2፣ ኣ.ኣ.ዩ.

ከሳቴ ለገሰ፣ (1999)፣ **የትግራይ ስፖርት እንቅስቃሴ ከየት ወዴት፣** ኣዲስ ኣበባ፡- ኢትዮ- ጥቁር ኣባይ ኣሳተሚዎች።

ካሳ ገብረህይወትን ኣማኑኤል ጋንኪንን፣ (1996)፣ **ዘበናዊ ሰዋሰው ትግርኛ፣** መቐለ፡- ኤማይ ፕሪንተርስ።

ካሳ ገብረህይወትን ኣማኑኤል ጋንኪንን (2005)፣ **መዝገበ ቃላት ትግርኛ፣** መቐለ፡- ሜጋ ሕትመት።

ክበበው ዘለቀ፣ (1999)፣ ኣዲስ ራእይ ጥር  የካቲት 1ኛ ዓመት ቅፅ 1 ቁ.005 (ገፅ 32-35)

ኮሚሽን ቱሪዝም ትግራይ፣ (1989)፣ **ሓድግታት ትግራይ**፣ መቐለ፡- ቱሪዝም ትግራይ።

ኮድ ኢትዮጵያ፣ (2006)፣ **ዋዛ ምስ ቁም ነገር፣** ኣዲስ ኣበባ፡- ኣርቲስቲክ ማተሚያ ድርጅት።

ወይን መበል 32 ዓመት ቁ. 718 ነሓሰ 3 1999 ዓ.ም ገፅ 6።

ደወል፣ (2006)፣ ቤት ፅሐፈት ምክልኻልን ምቁፅፃር ኤች ኣይቪ፣  ቅፅ 01።

ደሳለኝ ፍስሃ፣ (1990)፣ **ሌላ ምስ ስነ ስርዓት መውስቦ ብሄረሰባት ሃገርና፣** ገፅ 21-23፣ መቐለ፣ ዘመናዊ ትካል ስራሕቲ ሕትመትን ወረቐትን።

Deacon, H. (2004). **The Subtle power of Intangible Heritage: Legal & Financial Issues.** Cape Town: HSRC publishers.

ዳንኤል ተኸሉ፣ (1998)፣ **መፅናዕቲ ስነ ቃል ትግርኛ፣** መቐለ፡- ሜጋ ቤት ሕትመት።

ዳንኤል ክብረት፣ “መሚላት” www.danielkibret.com.

ገብረኪዳን ደስታ (1990)፣ **ፅውፅዋይ ትግርኛ፣**  መቐለ፡- ሜጋ ኣሕታሚ ትካል።

የማነ ገብረመስቀል፣ (2005)፣ **ቀዳማይ ወያነ፣** ረህቦት ኣታሚዎች፣ ኣዲስ ኣበባ።

ፀጋው መላኩ፣ (2007)፣ **ኣርታሌና የካምፒንግ ጉብኝት**።

ፈንታሁን እንግዳ (2000)፣ **ታሪካዊ መዝገበ-ሰብ ከጥንት እስ ዛሬ**፣ ኣዲስ ኣበባ፡- ብርሃንና ሰላም ማተሚያ ድርጅት።

# ትግርኛ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 6ይ ክፍሊ

ISBN: 978-99944-2-511-2
ዋጋ ብር 25.00

ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ